# ኣገባብ ኣጸናንዓ

# መጽሐፍ ቅዱስ ብሜላ

# Creative Bible Study Methods



**ዓለምለኻዊ ትኻል ምህርቲ እቶት ቀውዒ**

**እዚ ኮርስ እዚ ኣካል ዓለምለኻዊ ትካል ምህርቲ እቶት ቀውዒ ኮይኑ፡ ንኣመንቲ ንውጽኢታዊ መንፈሳዊ ቀውዒ ንክዕጥቕ ዝተዳለወ ገበታ ትምህርቲ እዩ።**
**እቲ መሰረታዊ ቴማ ናይዚ ስልጠና፡ ነቲ የሱስ ንገፈፍቲ ዓሳ፡ ንኣከብቲ ግብራ፡ ወ.ዘ.ተ ዝኾኑ ሰባት ወሲዱ፡ ናብ ኣብነታውያን ክርስትያናት ብምልዋጥ፡ ብተጋህደ ሓይሊ ኣምላኽ ንወንጌል ሒዞም ናብ መላእ ዓለም ክበጽሑ ዝመሃሮም ትምህርቲ ምምሃር እዩ።**
**እዚ መምርሒ ጽሑፍ፣ ሽቶ ወንጌል ንምዉቃዕ፣ ንኣመንቲ ካብ ምትሓዝ ራእዩ፡ ናብ ምውካል፣ ቀጺሉ ናብ ምብዛሕ፣ ከምኡ'ውን ምዉዳብን ንወንጌል ምልዕዓልን ምስፋሕን ዝብል ኮይኑ፡ ካብ ብዙሓት ክፋላት ስልጠና ናይ ካሪክለማት ሃርቨስታይም ባይብል ኢንስቲቱይት ሓደ እዩ።**

© Harvestime International Institute http://www.harvestime.org

**ንተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ተወሳኺ ኮርሳት ከምዚ ዝስዕብ ጽሓፉ፤**

Harvestime International Institute 1

4431 Tierra Dr.

Colorado Springs, CO 80921

U.S.A

**ወይ ድማ**

**ሃርቨስታይም ባይብል ኢንስትቱይት**

**ኣስመራ ኤርትራ**

Email; harvestimebibleinstituteer@gmail.com

# ትሕዝቶ


ከመይ ጌርና ነዚ መምርሒ ንጥቀመሉ ........ iii

**ንጉጅለ መጽናዕቲ ዝኸውን ሓሳባት ........ iv**

**ምዕራፍ ሓደ ንመጽሓፍ ቅዱስ ኣለልዮ ........ 3**

**ምዕራፍ ክልተ መጻሕፍቲ መጽሓፍ ቅዱስ ........ 15**

**ምዕራፍ ሰለስተ ትርጉማት መጽሓፍ ቅዱስ ........ 32**

**ምዕራፍ ኣርባዕተ ቅድሚ ምጅማርካ ........ 37**

**ምዕራፍ ሓሙሽተ መሳርሒታት መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ........ 46**

**ምዕራፍ ሽዱሽተ መትከላት ትርጉም ........ 54**

**ምዕራፍ ሸውዓተ ድሕረባይታ መጽሓፍ ቅዱስ ........ 61**

**ምዕራፍ ሸሞንተ ኣውትላይን፡ ምልክት ምግባር፡ ቻርት ምግባር ........ 74**

**ምዕራፍ ትሽዓተ መጽሓፍ ቅዱስ ብመጽሓፍ ቅዱስ ምጽናዕ ........ 81**

**ምዕራፍ ዓሰርተ ውፉይ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ........ 92**

**ምዕራፍ ዓሰርተው ክልተ መጽናዕቲ ምዕራፍ ........ 107**

**ምዕራፍ ዓሰርተ ሰለስተ መጽናዕቲ ሕጡብ ጽሑፍ ........ 117**

**ምዕራፍ ዓሰርተ ኣርባዕተ መጽናዕቲ ጥቕሲ ........ 127**

**ምዕራፍ ዓሰርተ ሓሙሽተ መጽናዕቲ ቃላት ........ 133**

**ምዕራፍ ዓሰርተ ሽዱሽተኣርእስታዊ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ........ 143**

**ምዕራፍ ዓሰርተ ሾብዓተ መጽናዕቲ ታሪኽ ህይወት ........ 149**

**ምዕራፍ ዓሰርተ ሸሞንተ እቲ ስነ መሎኮታዊ ኣገባብ ........ 157**

**ምዕራፍ ዓሰርተ ትሽዓተ መጽናዕቲ ግጥሚ መጽሓፍ ቅዱስ ........ 170**

**ምዕራፍ ዕስራ ትንቢት መጽሓፍ ቅዱስ ምጽናዕ ........ 176**

**ምዕራፍ ዕስራን ሓደን ዓይነታዊ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ........ 191**

## ከመይ ጌርና ነዚ መምርሒ ንጥቀመሉ
## ኣቃዉማ መምሃሪ ጽሑፍ

ነፍሲ ወከፍ ትምህርቲ ብኸምዚ ዝስዕብ ዝቀመ እዩ፤

***ዕላማታት፡-*** ነታ ምዕራፍ ብምጽናዕ ክትበጽሖም ዘለካ ዕላማታት እዚኣቶም እዮም። ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማርካ ኣንብቦም።

***መሪሕ ጥቕሲ፦*** እዛ ጥቕሲ ንቐንዲ ኣምር እታ ምዕራፍ እተጕልሕ እያ። ኣብ ዝኽርኻ ሓዛ (ሸምድዳ)

**ትሕዝቶ ምዕራፍ፦** ንነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ኣጽንዕ። ኣብቲ መምርሒ ዘይተሓትመ ዝኾነ ይኹን መወከሲታት ንምርኣይ መጽሓፍ ቅዱስካ ተጠቐም።

***ርእሰ-ግምገማ፦*** ነታ ምዕራፍ ኣጽኒዕካ ምስ ወዳእካ፡ ነዚ መርመራ ስርሓዮ። መጽሓፍ ቅዱስካ ወይ ነዚ መምርሒ መጽሓፍ ከይተጠቐምካ ነቶም ሕቶታት ክትምልሶም ፈትን።

***ንዚያዳ መጽናዕቲ፦*** እዛ ኽፍሊ፡ ክእለት ኣገባብ ኣጸናንዓ መጽሓፍ ቅዱስካ ኸተመሓይሽን ነቲ እተማሃርካዮ ኣብ ህይወትካን ኣገልግሎትካን ኣብ ግብሪ ንኸተውዕሎን ክትሕግዘካ እያ።

***መዛዘሚ መርመራ፦*** ምዱብ ተመሃራይ ሃርቨስት ታይም ኢንስቲትዩት ክትከውን እንተተመዝጊብካ፡ ስልጠናኻ ምስ ወዳእካ ፍልጠትካ ዝመዝን መርመራ ክትወስድ ኢኻ። መርመራ ሰሪሕካ ምስ ኣረከብካ፡ ብመምሃራን ክእረምን ውጽኢቱ ክምዝገብን እዩ።

**ተወሰኽቲ መሳለጥያ ምህሮ**

ትግርኛ ቀዳመይቲ ትርጉም መጽሓፍ ቅዱስ 1957 ከተድልየካ እያ።

# ንጉጅለ መጽናዕቲ ዝኸውን ሓሳባት

## ቀዳመይቲ ኣኼባ

**መኽፈቲ፡** መእተዊ ጸሎት ብምግባር ጀምር። ምስ ተመሃሮ ተላለ፣ ኣስማቶም ድማ መዝግቦም።
**ኣገባብ ኣካይዳ ጉጅለ ኣቑም፦** ነቶም ኣኼባታት መን ከም ዝመርሖም፡ ሰዓት፡ ቦታን ዕለታትን ክፍለ-ጊዜታት ወስን።
**ኣምልኾን ምስጋናን፦** ኣብ እዋን ኣኼባ ህልውና መንፈስ ቅዱስ ዓድም።
**ንተማሃሮ መጻሕፍቲ ዓድል፦** ኣርእስቲ መጽሓፍ፡ ቅርጽን ዕላማታትን ስልጠና ንተማሃሮኻ ኣላሊ።
**ፈላሚት ዕዮ ገዛ ሃብ፡** ቅድሚ እታ እትቕጽል ኣኼባ፡ ተማሃሮ ነቶም ዝተመደቡ ምዕራፋት ከንብቡን ርእሰ-ግምገማታት ክሰርሑ ኣዝዞም። ብዝሒ ዝሸፈኑ ምዕራፋት፡ ኣብ ንውሓትን ትሕዝቶን ምዕራፍ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዓቕሚ ተማሃሮ ይምርኮስ።

### ካልኣይትን ዝስዕቡን ኣኼባታት

**መኽፈቲ፡** ጸሎት ግበር።። ሓደሽቲ ተምሃሮ እንተለዉ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ብምባል መጽሓፍ ሃቦም። ህላወ ተማሃሮ ተቖጻጸር። ሓጺር ናይ ምስጋናን ኣምልኾን ግዜ ይሃልኻ።
**ድግማ፦** ሓጺር ጽማቚ ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ኣኼባ ዘጽናዕካዮ ትሕዝቶ ኣቕርብ።
**ትምህርቲ፦** ነቲ ብድሙቕ ዝተጻሕፈ ኣርእስትታት ዘለዎ ክፋል ነፍሰ-ወከፍ ምዕራፍ ከም መምሃሪ ንድፊ ተጠቒምካ ተመያየጥ። ንተማሃሮ ብዛዕባ እቲ ዘጽንዕዎ ሕቶታት ወይ ርእይቶታት እንተለዎም ሕተቶም። ነቲ ትምህርቲ ኣብ ህይወትን ኣገልግሎትን ተማሃሮኻ ግብራዊ ከም ዝኸውን ግበር።
**ርእሰ-ግምገማ፦** ተማሃሮ ዝወድእዎ ርእሰ-ግምገማታት ደጊምካ ርአ።
**ንዝያዳ መጽናዕቲ፦** ነዞም መጽናዕትታት ብጉጅለ ወይ ብውልቂ ክትገብሮም ትኽእል ኢኻ።
**መዛዘሚ መርመራ፦** ምዱብ ተመሃራይ ሃርቨስት ታይም ኢንስቲትዩት ክትከውን እንተተመዝጊብካ፡ ስልጠናኻ ምስ ወዳእካ ፍልጠትካ ዝመዝን መርመራ ክትወስድ ኢኻ። መርመራ ሰሪሕካ ምስ ኣረከብካ፡ ብመምሃራን ክእረምን ውጽኢቱ ክምዝገብን እዩ።

**ኣካል ስልጠና፡ ውክልና**

**ኣርእስቲ ስልጠና፡** *መሰረታዊ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ*

# መእተዊ

ናይ ሓድሽ ኪዳን ነቢይ ዮሃንስ መጥምቕ ቃል ኣምላኽ ክእውጅ ከሎ "ኣብ በረኻ ዝእውጅ ድምጺ" ተባሂሉ ይፍለጥ ነይሩ። መልእኽቱ ሓድሽ፡ ብርቱዕን ምስቲ ኣብ ግዜኡ ዝነበረ መንፈሳዊ ድሌታት ዝማልእን እዩ ነይሩ።

ሎሚ ብዙሓት ኣመንቲ መቓልሕ ናይቲ ካብ ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ሰባት ዝሰምዕዎ መንፈሳዊ ሓቅታት ኮይኖም ኣለዉ። እግዚኣብሄር መልእኽቱ ዝገልጸሉ ድምጺ ዘይኮኑስ፡ መቓልሕ ናይቲ ካብ ካልኦት ዝሰምዕዎ ጥራይ እዮም። ከምቶም እግዚኣብሄር "ንሓድሕዶም ቃለይ ዚሳረቑ" ዝበሎም ነብያት እዮም (ኤር 23:30) ።

ቃላት ኣምላኽ ክትዛረብ መጀመርታ ኣምላኽ እንታይ ከም ዝበለ ክትፈልጥ ኣለካ። ዕላማ ናይዚ ትምህርቲ እዚ ቃል ኣምላኽ ንምርዳእ ንምዕጣቕ እዩ። ነስኻ"ኣገባብ ኣጸናንዓ መጽሓፍቅዱስ ብሜላ" ንክትምሃር እዚ መምርሒ፡ መጽሓፍ ቅዱስን መምርሒ መንፈስ ቅዱስን ጥራይ ከድልየካ እዩ።

ሜላ ንሓደ ነገር ንምፍጻም ዝሕግዝ ዝተወደበ መንገዲ እዩ። ስርዓት ዘለዎ ውጥን እዩ። ሜላታት መጽናዕቲ መጽሓፍቅዱስ፡ ነቲ እተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ ንምጽናዕ እተወደበ ውጥን እዩ። እዚ ኮርስ እዚ ንቓል ኣምላኽ ባዕልኻ ብኸመይ ከም እተጽንዖ ይምህረካ። ኣብቲ ኣምላኽ ዝጸሓፎ ቃል ዝገበርካዮ መጽናዕቲ ተመርኩስካ ናይ ገዛእ ርእስኻ መጽናዕቲ መጽሓፍቅዱስ ክትፈጥር ስለ እትኽእል ድማ ኣብ ናይ ካልኦት መጽናዕቲ ክትምርኮስ ኣየድልየካን እዩ።

ግቡእ ኣገባብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ብምምሃር እግዚኣብሄር ንሓቅታቱ ነታ ብመንፈስ ዝጠመየት ዓለም ክዛረበሉ ዝኽእል ድምጺ ክትከውን ኢኻ። ድሕሪ ደጊም መቓልሕ ናይቲ ካብ ካልኦት እትሰምዖ ጥራይ ኣይክትከውንን ኢኻ።

"ኣገባብ ኣጸናንዓ መጽሓፍቅዱስ ብሜላ" መጽሓፍቅዱስ ከም ጽሑፋዊ ቃል ናይቲ ሓደ ሓቀኛ ኣምላኽ እዩ ዘላልዮ። ኣብ መጽሓፍቕዱስ ዘሎ ምክፍፋል: ትርጉማት: ከምኡውን መልሳሓረግ (paraphrases ዝያዳ ንኽንጽር ዝውሃብ ሓረግ) ይገልጽ። መጀመርታ እዚ ኮርስ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ እንታይ ከም ዝምህር እዩ ዝምህረካ፣ ድሕሪኡ ሜላዊ ኣገባባት ይገልጸልካ'ሞ ን ነፍሲ ወከፍ ዝተዘተየሉ ኣገባብ ክትጥቀመሉ ድማ ዕድል ይወሃበካ።

ብተወሳኺ እዛ ኮርስ ብኸመይ ከም እትሕብር፡ መዘኻኸሪታት መጽናዕቲ ዘግብር፡ ንመጽሓፍ ቅዱስካ ብቐሊል መወከሲ ምልክት ከም እትገብረሉ፡ ንነዊሕ ኽፋላት ናብ ቀሊል ቻርት ከም እተጉድሎ ዝገልጽ እዩ። እዚ ኮርስ ንቓል ኣምላኽ ብግቡእ ንኽትትርጉሞን ኣብ ግብሪ ንኽተውዕሎን ይመርሓካ። ኣቓልቦኻ ናብቲ ካብ ኩሉ ዝዓበየ መምህር ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ የቕንዖ። ነቲ ዝቐረበ መምርሒታት እንተተኽቲልካ፡ ኣብ ውሽጥኻ ዘውሕዝ ሓድሽን ፈጠራዊን መንፈሳዊ ህይወት ክትረክብ ኢኻ።

ንካብ መንፈስ ቅዱስ ትረኽቦ ናይ ምምሃር ኣገልግሎት ክትክእ ዝኽእል ኣገባብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ የለን። ንሱ ንሓደ ኣገባብ ብናይ ፈጠራ ሓይሊ ዝሀቦ መንፈሳዊ ሓይሊ እዩ። ናብ መንፈስ ወዲ ሰብ ሓቅታት ቃል ሕሹኽ ብምባል ድማ ሓድሽ መንፈሳዊ ህይወት ከም ዘውሕዝ ይገብር ።

ሜላታት ምጽናዕ ንባዕሉ መወዳእታ ኣይኮነን። ናይ መወዳእታ ዕላማ ድማ ኣይኮነን። እተን ሜላታት ነቲ ቃል ኣምላኽ ንምጽናዕ ዝሕግዛ ኣገባባት ጥራይ እየን። ነዘን ሜላታት እዚኤን ምምሃር እኹል ኣይኮነን። ነቲ እተማሃርካዮ ቃል ኣምላኽ ንምጽናዕን ሓቅታቱ ኣብ ህይወትካን ኣብ ኣገልግሎትካን ንምትግባርን ክትጥቀመሉ ኣሎካ።

ዋላ እኳ ኣብዚ መምርሒ ትምህርቲ ክትውድእ ትኽእል እንተ ኾንካ፡ ኣብ ክውንነት ግን ብሓቂ ነዚ ኮርስ ፈጺምካ ኣይትውድኦን ኢኻ። እቲ ሃብታም መንፈሳዊ ሓቅታቱ ፈጺሙ ክውዳእ ስለ ዘይክእል፡ መጽናዕቲ ቃል ኣምላኽ ፈጺሙ ኣይውዳእን እዩ።

**መተሓሳሰቢ፦** እዚ ኮርስ እዚ ንትሕዝቶ መጽሓፍ ቅዱስ ዘይኩነስ ኣገባብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ ዚምህር። ዓለምለኻዊ ትካል እቶት ቀውዒ ካልእ "መሰረታዊ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ" ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ ኮርስ የቕርብ፡ እዚ ድማ ሓፈሻዊ ድሕረ ባይታ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ዝርዝር ናይ ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ፡ ደራሲኡ፡ ግዜ ምጽሓፍ፡ ንመን ከም ዝተጻሕፈ፡ ዕላማ፡ መሪሕ ጥቕሲ፡ ኣገደስቲ ገጸ ባህርያት፡ ካርታታት፡ ዕለታት፡ ከምኡውን ሓፈሻዊ ትሕዝቶ መጽሓፍ ቅዱስ ዘጠቓልል ሰንጠረዥ። ኣብ ክልቲኡ መጽናዕቲ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ሓፈሻዊ መእተዊ መጽሓፍ ቅዱስ ስለ ዘድሊ፡ እተን ቀዳሞት ሰለስተ ምዕራፋት ናይዞም ኮርሳት ተመሳሳሊ ክኾና

እንክለዋ፣ እቲ ዝተረፈ ትሕዝቶ ግን ይፈላለ እዩ።

## ዕላማታት ኮርስ

ነዚ ስልጠና ምስ ወዳእካዮ ነዞም ዝስዕብ ነጥብታት ክትክእል ኢኻ፤

- መጽሓፍ ቅዱስ ብኸመይ ከም እተበገሰ ምግላጽ።
- ኣወዳድባ መጽሓፍ ቅዱስ ናብ ኪዳንን ዓበይቲ ክፍልታትን መጻሕፍትን።
- ንመሰረታዊ ታሪኽን ስርዓተ-ዘመንን መጽሓፍ ቅዱስ ምጥቓላል።
- ምግላጽ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ሓድነትን ፍልልይን።
- እተፈላለየ ትርጉማት መጽሓፍ ቅዱስ ብኸመይ ከም እተማዕበለ ምግላጽ።
- እቶም ሕግታት ብምግባር መጽሓፍ ቅዱስ ብግቡእ ምትርጓም።
- መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ እንታይ ከም ዚምህር ምጥቓላል።
- ንመጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ቅድመ ኾነታት ምልላይ።
- ትሕዝቶ ንምዕቃብ ዝሕግዙኻ ኣውታር፣ ሰንጠረዥ፣ ጽማቕን ናይ ጽሑፍ ምልክታትን ምፍጣር።
- ኣብ መጽናዕቲ ቃል ኣምላኽ፡ ፈጠራዊ ኣገባባት ኣብ ተግባር ምውዓል።
- ንመጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዚኸውን መሳርሒታት ምጥቃም።

**1ይ ክፋል፡** ኣርእስተ መጽናዕተ

# ምዕራፍ ሓደ
# ንመጽሓፍ ቅዱስ ኣለልዮ

## ዕላማታት፤

ነዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእኩም ነዞም ዝስዕቡ ክትክእሉ ኢኹም፤

- ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዘኪርካ ምጽሓፍ።
- "መጽሓፍ ቅዱስ" ዝብል ቃል ምግላጽ።
- "ቅዱስ ጽሑፍ" ዝብል ቃል ምግላጽ።
- መበገሲ መጽሓፍ ቅዱስ ምግላጽ።
- ቀንዲ ዕላማታት መጽሓፍ ቅዱስ ምልላይ።
- ብሉይን ሓድሽን ኪዳን ከም ክልተ ዓበይቲ ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ ምልላይ።
- ኣርባዕተ ክፍልታት ጽሑፋት ብሉይ ኪዳን ምስማይ።
- ኣርባዕተ ክፍልታት ጽሑፋት ሓድሽ ኪዳን ምስማይ።
- "ሓድነትን ፍልልይነትን" መጽሓፍ ቅዱስ እንታይ ማለት ምዃኑ ምግላጽ።
- ንክልቲኡ ኪዳናት ኣማእኪሉ ዘሎ ሰብ መን ምዃኑ ምልላይ።

## መሪሕ ጥቕሲ

> ***"እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ፈጺሙ ተዳልዩ፡ ፍጹም ምእንቲ ኪኸውንሲ፡ መንፈስ ኣምላኽ ዝኸፈሶ ዘበለ ጽሑፍ ንትምህርቲ፡ ንተግሳጽ፡ ንምቕናዕ፡ ንጽድቂ ዚኸውን ምእዳብ ይጠቅም እዩ።"*** (2ጢሞ 3፡16-17)

### መእተዊ

እዚ ምዕራፍ እዚ ምስ እቲ ብሓደ ሓቀኛ ኣምላኽ ዝተጻሕፈ ቃል 'መጽሓፍ ቅዱስ' እዩ ዘላልየና። መጽሓፍ ቅዱስ ሓደ ጥሩዝ መጽሓፍ ኮይኑ 66 ዝተፈላለዩ ጽሑፋት ዝሓዘ እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ ብቛንቋ ኢንግሊዝኛ ትርጉሙ 'ባይብል' ኮይኑ፡ ሓደ ሓደ ግዜ ድማ "ብስክሪፕቸር" ዝብል ቃል፡ ንቓል ኣምላኽ ንምምልካት እውን ይጥቀምሉ እዮም። እዚ ቃል ካብ ናይ ላቲን ቃል ዝመጸ ኮይኑ፡ ትርጉሙ "ጽሑፍ" ማለት እዩ። "ስክሪፕቸር" ዝብል ቃል ብቛንቓ ኢንግሊዝኛ ብዓቢ ፊደል "ስ" ክጥቀምሉ ከለዉ፡ ቅዱስ ጽሑፋት ናይቲ ሓደ ሓቀኛ ኣምላኽ ማለት እዩ። "መጽሓፍቅዱስ" ዝብል ቃል ኣብ መጽሓፍቅዱስ ኣይተጠቐመን። ሰባት ከም መጸውዒ ንኹሉ ቃላት ኣምላኽ ዝጥቀሙሉ ቃል እዩ።

### መበቆል መጽሓፍ ቅዱስ

መጽሓፍ ቅዱስ፡ እቲ ብጽሑፍ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ እዩ። ነቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ቓላት ንምጽሓፍ ኣምላኽ ኣስታት 40 ዝተፈላለዩ ሰባት ተጠቒሙ እዩ። እዞም ሰባት እዚኦቶም ንልዕሊ1500 ዓመታት ተዘርጊሖም ይርከቡ። ፍጹም ምስምማዕ ናይዞም ጸሓፍቲ፡ ኩሎም ብሓደ ደራሲ ከም ዝተመርሑ ሓደ መርትዖ እዩ። እቲ ደራሲ እቲ ኣምላኽ እዩ።

ገለ ካብቶም ጸሓፍቲ ልክዕ ከምቲ ኣምላኽ ዝበሎ ጽሒፎም እዮም፤

***“ዚጥቕለል መጽሓፍ ውሰድ እሞ እቲ ብዛዕባ እስራኤልን ብዛዕባ ይሁዳን ብዛዕባ ኹላቶም ህዝብታትን ካብቲ እተዛረብኩኻ መዓልቲ፡ ካብ ዘመን የሲያስ ጀሚረ ኽሳዕ ሎሚ ዝነገርኩኻ ኹሉ ቓላት ኣብኡ ጽሐፎ።”*** (ኤር 36፡2)

ካልኦት ጸሓፍቲ ድማ ዘጋጠሞም ወይ ኣምላኽ ብዛዕባ ዝገለጾም ጽሒፎም እዮም፤

***እምብኣርሲ ነቲ ዝርኤኻዮን ነዚ ዘሎን ነቲ ድሕርዚ ዚኸውንን ጽሐፎ። (ራእ 1:19)***

ኩሎም እቶም ጸሓፍቲ ብመንፈስ ኣምላኽ ነቲ መልእኽቱ ዝገልጸልና ቃላት ጽሒፎምልና እዮም።

## ዕላማ መጽሓፍ ቅዱስ

መጽሓፍ ቅዱስ ባዕሉ ቀንዲ ዕላምኡ መዝገቡ ኣሎ፤

***“እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ፈጺሙ ተዳልዩ፡ ፍጹም ምእንቲ ኪኸውንሲ፡ መንፈስ ኣምላኽ ዝነፈሶ ዘበለ ጽሑፍ ንትምህርቲ፡ ንተግሳጽ፡ ንምቕናዕ፡ ንጽድቂ ዚኸውን ምእዳብ ይጠቅም እዩ።” (2ጢሞ 3፡16-17)***

መጽሓፍ ቅዱስ ትምህርቲ ንምምሃር፡ ካብ ክፉእ ንምግሳጽን ንምቕናዕን ጽድቂ ንምምሃርን ክውዕል እዩ። ብቕኑዕ ክትንብር ክሕግዞካን ኣብ ትሕቲ ኣምላኽ ክትሰርሕ ክትዕጠቕን እዩ ዝተጻሕፈ።

## ቀንዲ ክፍልታት

መጽሓፍ ቅዱስ ናብ ብሉይ ኪዳንን ሓድሽ ኪዳንን ዝበሃሉ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ክፋላት ይምቀል። ኪዳን ስምምዕ እዩ። ብሉይ ኪዳን እግዚኣብሄር ምስ ሰብ ዝገበሮ መበቀላዊ ኪዳን ወይ ስምምዕ ሒዙ ኣሎ። ሓድሽ ኪዳን ድማ ኣምላኽ ብወዱ የሱስ ክርስቶስ ኣቢሉ ዝኣተዎ ሓድሽ ኪዳን መዝገቡ ኣሎ።

ናይ እዞም ክልተ ኪዳናት እንታይ ዛዕባ እዩ ነይሩ፧ ክልቲኦም ንሓጥእ ሰብ ናብ ቅኑዕ ርክብ ምስ ኣምላኽ ምምላስ እዩም ዘተኩሩ ዝነበሩ። እግዚኣብሄር ሓጢኣት ብደም ምፍሳስ ጥራይ እዩ ይቕረ ዝብሃለሉ ዝብል ሕጊ ኣውጺኡ፤

***“.ብዘይ ምፍሳስ ደምውን ይቕሬታ ኣይከውንን እዩ።” (እብ 9፡ 22)***

ብመሰረት ስምምዕ እግዚኣሄብር ኣብ ብሉይ ኪዳን ይቕረ ሓጢኣት ንምርካብ መስዋእቲ ደም እንስሳታት ብሰብ ይግበር ነበረ። እዚ ኸኣ ምልክት ናይቲ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ትሕቲ እቲ ምስ ኣምላኽ እተገብረ ሓድሽ ኪዳን ዚህቦ መስዋእቲ ደም እዩ ነይሩ። ብውልደትን ህይወትን ሞትን ትንሳኤን የሱስ ኣቢሉ ናይ መወዳእታ መስዋእቲ ሓጢኣት ተገይሩ፤

***“ክርስቶስ ግና ናይቲ ዚመጽእ ሰናይ ነገር ሊቀ ኻህናት ኰይኑ ምስ መጸ፡ በቲ ብኢጽን ፍጹምን ብኢድ ዘይተገብረ፡ ማለት ካብዚ ፍጥረት እዚ ዘይኰነ ድንኳን፡ ብደም ድቢላታትን ምራኹትን ዘይኰነስ፡ ብደም ርእሱ ናይ ዘለኣለም ምድሓን ረኺቡ ሓደ ጊዜ ናብቲ መቕደስ ኣተወ። ስለዚ ደም ድቢላታትን ኣረውሕን ሓሙኹሽቲ ኣርሕን ኣብቶም ዝረኸሱ ተነጺጉን ምጽራይ ስጋ ዚቕድስ ካብ ኰነስ፡ ደም ክርስቶስ ብናይ ዘለኣለም መንፈስ ገይሩ ርእሱ ብዘይ ጽያፍ ንኣምላኽ ዘቕረበ ግዳ፡ ንስኻትኩም ንህያው ኣምላኽ ክተገልግሉ ኸንደይ ኣዝዩ ንሕሊናኹም ካብ ምዉት ግብሪ ዘጽንጽሆ፧ በዚ ምኽንያት እዚ እዩ ኻብቲ ኣብ 1ይ ኪዳን እተገብረ ኣበሳን ምድሓን ዚኸውን ሞት ምስ ኰነ፡ እቶም ጸዉዓት ነታ ተስፋ ናይ ዘለኣለም ርስቲ ምእንቲ ኺረኽቡ ኢሉ፡ ንሱ ማእከላይ ሓድሽ ኪዳን ዝኾነ።”*** (እብ 9 ፡11-15)

ክልቲኡ ኪዳን ቃል ኣምላኽ ስለዝኾነ መልእኽቲ ኣምላኽ ንምርዳእ ክልቲኡ ከነጽንዖ ኣሎና።"ብሉይ" ኪዳንን "ሓድሽ" ኪዳንን ዝብሉ ቃላት ቅድሚ ሞትን ድሕሪ ሞትን የሱስ ክርስቶስ፡ ኣምላኽ ምስ ሰብ ዝገበሮ ስምምዕ ንምፍላይ እዮም ዝጠቅሙ። ብሉይ ኪዳን "ብሉይ" ስለ ዝተባህለ ጥራይ ሸለል ኣይንብሎን ኢና።

## ተወሳኺ ክፍልታት

መጽሓፍቅዱስ ብተወሳኺ ኣብ 66 ጽሑፋት ይምቀል። ብሉይ ኪዳን 39 ጽሑፋት ኣለዉ⁄ዎ። ሓድሽ ኪዳን ድማ 27 ጽሑፋት ዝሓዘ እዩ። ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ ኣብ ምዕራፋትን ጥቕስታትን ይምቀል። ትሕዝቶ ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ ቃል ኣምላኽ እኳ እንተኾነ፡ እቲ ኣብ ምዕራፋትን ጥቕስታትን ምምቕቓል ግን ብሰብ ዝተገብረ ኮይኑ፡ ፍሉያት ክፍልታት ብቐሊሉ ንምርካብ እዩ። እተን ጽሑፋት ኩለን ሓደ ነዊሕ ሕጡብ-ጽሑፍ እንተዝኾና ክፍሊ ክትረክብ ኣዝዩ ከቢድ ምኾነ።

መሰረታዊ ምክፍፋላት መጽሓፍ ቅዱስ ዘርኢ ቀሊል ስእሊ እንሆ፤

መጽሓፍ ቅዱስ

| ብሉይኪዳን | ሓድሽኪዳን |
|---|---|
| 39 መጽሓፍቲ | 27 መጽሓፍቲ |

## ሓድነት መጽሓፍ ቅዱስ

ብዛዕባ ሓድነት መጽሓፍ ቅዱስ ክንዛረብ ከለና ክልተ ነገራት ማለትና እዩ፤

### ሓደ፦ መጽሓፍ ቅዱስ ብትሕዝቶኡ ይሰማማዕ እዩ፦

መጽሓፍ ቅዱስ ንነዊሕ ዓመታት ብብዙሓት ጸሓፍቲ እተጻሕፈ እኳ እንተ ኾነ፡ ዝገርሙ ነገር ግን የብሉን። ሓደ ደራሲ ንዝኾነ ካብቶም ካልኦት ኣይጋጮን እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ኣማኢት ዝቕጽሩ ምይይጥ ክፈጥር ዝኽእል ትሕዝቶ የጠቓልል። ኰይኑ ግና ጸሓፍቲ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ካብታ ቀዳመይቲ መጽሓፍ ዘፍጥረት ኣትሒዛ ኽሳዕ እታ ናይ መወዳእታ መጽሓፍ ራእይ ዮሃንስ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ጉዳያት ብስምምዕ ተዛሪቦም እዮም። እዚ ዝከኣል ዝነበረ ብሓቂ ሓደ ደራሲ ጥራይ ስለ ዝነበረ፡ ንሱ ድማ ኣምላኽ እዩ። እቶም ጸሓፍቲ ነቲ መልእኽቲ ብመሪሕነቱን ምብርታዕኡን ጥራይ እዮም መዝጊቦምዎ። በዚ ምኽንያት እዚ ትሕዝቶ መጽሓፍ ቅዱስ ሓድነትኣለዎ።

### ክልተ፦ መጽሓፍ ቅዱስ ብቴማ ይሰማማዕ እዩ፦

ገሊኦም ሰባት መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ እተፈላለየ ዛዕባታት ዚገልጽ 66 እተፈላለየ ጽሑፋት ዝሓዘ እዩ ዚመስሎም። መጽሓፍ ቅዱስ ብሓደ ዓብዩ ቴማ ከም እተጠርነፈ ግን ኣይግንዘቡን እዮም። ካብ መጀመርታ ክሳብ መወዳእታ መጽሓፍ ቅዱስ ፍሉይ ዕላማ ኣምላኽ ይገልጽ እዚ ድማ ኣብ መጽሓፍ ኤፌሶን ተጠቓሊሉ ኣሎ፤

> ***ከምቲ ብእኡ ዝመደቦ ሰምረቱ፡ ነቲ ምስጢር ፍቓዱ እናኣፍለጠና፡ ነቲ ናይ ምልኣት ዘመናት መጋቢነቱ፡ ኣብ ሰማይ ዘሎን ኣብ ምድሪ ዘሎን፡ ኣብ ክርስቶስ ምእንቲ ኺጥቕለልሲ፡ ብኹሉ ጥበብን ብኹሉ ኣእምሮን ነዚ ጸጋኡ ኣባና ኣውሓዞ። ንሕና ቐደም ብክርስቶስ ተስፋ ዝገበርና ንውዳሴ ኽብሩ ምእንቲ ኽንከውን፡ ንሕና በቲ ኹሉ ኸምቲ ምኽሪ ፍቓዱ ብሓሳብ ዚገብር ቀደም እተመደብና፡ ነቲ ዕድል ርስቲ ብእኡ ረኺብናዮ። ኤፌ 1፡9-11***

መጽሓፍ ቅዱስ ምስጢር መደብ እግዚኣብሄር ዝገልጸሉ ንሱ (የሱስ ክርስቶስ) ድማ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ዘወሃህድ ቴማ እዩ። የሱስ ክርስቶስ መድሓኒ ሓጥኣን ደቂ ሰባት ምዃኑ ምግላጹ እዩ። የሱስ ከመይ ጌሩ ብሉይኪዳን ኣብኡ ከም ዘማእከለ'ውን ገሊጹእዩ፤

> ***"ንሱ ድማ፡ እዚ እቲ ምሳኻትኩም ከሎኹ፡ ኣብ ሕጊ ሙሴን ነብያትን መዝሙራትን ብዛዕባይ እተጻሕፈ ኹሉ ኺፍጸም ይግብእ እዩ፡ ኢለ ዝነገርኩኹም ቃለይ እዩ፡ በሎም።" ሉቃ24፡44***

የሱስ በዚ መእተዊ እዚ ቀጺሉ . . .

> ***"ሽዑ ነተን ጽሑፋት ኪስተውዕልወን፡ ኣእምሮኦም ከፈተሎም እሞ፡" ሉቃ 24፡45***

የሱስ ነተን ጽሑፋት ንኽርድኡ ዝሃቦም መፍትሕ እንታይ እዩ ነይሩ፧ እቲ ቀንዲ ቴማኡ ኣብኡ ዘተኮረ ምኽኑ፤

***"ክርስቶስ ሓሳረ መከራ ኺጸግብ፡ ብሳልሰይቲ መዓልቲውን ካብ ምውታት ኪትንስእ፡ ብስሙ ኸኣ ንስሓ ንሕድገት ሓጢኣትን ካብ የሩሳሌም ጀሚሩ ኣብ ኩሎም ኣህዛብ ኪስበኽ፡ ጽሑፍ እዩ።" ሉቃ* 24፡46-48**

ብሉይኪዳንን ሓድሽኪዳንን ክልቲኦም ታሪኽ የሱስ እዮም ዝነግሩና። ብሉይኪዳን ንኽፍጸሙ የዳልወና ሓድሽ ኪዳን ድማ ብኸመይ ከም ዘጋጠመ ይነግረና። እዚ ኸኣ ንመጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ሓደ ዓብዪ ዛዕባ የወሃህዶ። እቶም ኣብ ትሕቲ ብሉይኪዳን ንየሱስ ብሃንቀውታ ዝጽበዩ ዝነበሩ ሰባት ኣብ ተስፋ ኣምላኽ ብምእማን ካብ ሓጢኣቶም ድሒኖም እዮም። እቲ ኣምላኽ ዘተስፈዎ ድማ ብየሱስ ክርስቶስ ከም ዝተፈጸመ ጌሩ ዝኣምን ዘበለ ኩሉ ድማ ብተመሳሳሊ መንገዲ እዩ ዝድሕን።

## ፍልልይነት መጽሓፍ ቅዱስ

ብዛዕባ "ፍልልይነት" መጽሓፍ ቅዱስ ክንዛረብ ከለና መጽሓፍ ቅዱስ ብዙሕነት ኣለዎ ማለትና እዩ። እግዚኣብሄር ምስ ሰባት ዝገብሮ ዝነበረ ዝተፈላለየ ኣገባባት ንንዕኡ ዝሀብዎ ምላሽ ዝተፈላለየ ኣገባባትን ይምዝግብ።

መጽሓፍ ቅዱስ ብዝተፈላለየ ስሚዒታት እዩ ተጻሒፉ ዘሎ። ገሊኡ ኽፋላት ሓጉስ ኪገልጽ ከሎ ገሊኡ ኸኣ ሓዘን ዜንጸባርቕ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ እተፈላለየ ዓይነት ጽሑፋት የጠቓልል። ታሪኽ፡ ግጥሚ፡ ትንቢት፡ ደብዳቤታት፡ ኣድሽንትራ፡ ምሳሌታት፡ ተኣምራትን ፍቕራዊ ዛንታታትን ዝሓዘ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ እተፈላለየ ብምኽኑ፡ ብዝያዳ ኣብ ዓበይቲ ጉጅለታት ጽሑፋት ተመቒሉ ኣሎ።

## ናይ ብሉይ ኪዳን ክፍልታት

ጽሑፋት ብሉይ ኪዳን ኣብ ኣርባዕተ ዓበይቲ ጉጅለታት ይምቀሉ። እዚኦም ድማ ፡ ሕጊ፡ ታሪኽ፡ ግጥምን ትንቢትን እዮም።

## ጽሑፋት ሕጊ፤

ሓሙሽተ ጽሑፋት ሕጊ ኣለዋ። ኣስማት ናይዞም ጽሑፋት ድማ፤

ኦሪት ዘፍጥረት

ኦሪት ዘጸኣት

ኦሪት ዘሌዋውያን

ኦሪት ዘህልቍ

ኦሪት ዘዳግም

እዞም ጽሑፋት እዚኣቶም ብዛዕባ ብኣምላኽ ዝተገብረ ፍጥረት ሰብን ዓለምን ናይ መጀመርታ ታሪኽ ሰብን ይምዝግቡ። እግዚኣብሄር ንህዝቢ እስራኤል ከመይ ገይሩ ከም ሓደ ህዝቢ ኮይኑ ብእኡ ኣቢሉ ንኣህዛብ ዓለም ከም ዝገልጸሎም ይነግሩ።

እዞም ጽሑፋት እዚኣቶም ሕግታት ኣምላኽ ይምዝግቡ እዮም። እቶም ዝበለጹ ዝፍለጡ ክፋላት ድማ ዓሰርተ ትእዛዛት (ዘጸ 20፡3-17) ፡ ካብ ኩሉ ትእዛዛት ዝዓበየ (ዘዳ 6፡5)፡ ካልኣይቲ ዝዓበየ ትእዛዝ (ዘሌዋውያን 19፡18) እዮም።

መጽሓፍ ቅዱስካ ከፊትካ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝርከቡ ጽሑፋት ሕጊ ኣናድዩ። ነተን ኣብ ዝሓለፈት ሕጡብ-ጽሑፍ እተጠቕሳ ሰለስተ ጥቕስታት ኣናዲኻ ኣንብበን። እዚኣቶም ኣብነት ናይቲ ኣብዘን ጽሑፋት ዝተመዝገቡ ሕግታት ኣምላኽ እዮም።

## ጽሑፋት ታሪኽ፤

ኣብ ብሉይ ኪዳን 12 ጽሑፋት ታሪኽ ኣለዉ። ኣስማት ጽሑፋት ታሪኽ ድማ፤

መጽሓፍ እያሱ

መጽሓፍ መሳፍንቲ

መጽሕእፍ ሩት

1ይን 2ን ሳሙኤል

1ይን 2ን ነገስታት

1ይን 2ይን ዜና መዋእል

*መጽሓፍ እዝራ*

*መጽሓፍ ነህምያ*

*መጽሓፍ ኣስቴር*

*ነዞም ጽሑፋት እዚኣቶም ኣብ መጽሓፍቅዱስካ ርኸቦም። ድሕሪ ጽሑፋት ሕጊ ይርከቡ። ጽሑፋት ታሪኽ ናይ ሽሕ ዓመት ታሪኽ ህዝቢ ኣምላኽ እስራኤል ዝሸፍኑ እዮም። ባህርያዊ እዩ ንኹሉ እቲ ዘጋጠመ ኣይነግሩን እዮም፣ ግን ከኣ ነቲ ዓበይቲ ፍጻመታት ይምዝግቡን ንሕጊ ኣምላኽ ምኽታልን ዕሽሽ ምባልን ውጽኢት ዘርእዩን እዮም።*

## ጽሑፋት ግጥሚ፤

*ሓሙሽተ ጽሑፋት ግጥሚ ኣለዋ። ኣስማት ጽሑፋት ግጥሚ ድማ፤*

*መጽሓፍ እዮብ*

*መዝሙር ዳዊት*
*መጽሓፍ ምስሌ*
*መጽሓፍ መክብብ*
*መሃልየ መሃልይ*

እዞም ጽሑፋት እዚኣቶም ናይ ህዝቢ ኣምላኽ እስራኤል ናይ ኣምልኾ ጽሑፋት እዮም። ሎሚ እውን ኣመንቲ ኣብ ኣምልኾ ይጥቀሙሉ ኣለው። *መዝሙር ዳዊት* 23 ኣንብባ'ሞ። ንሳ ሓንቲ ጽብቕቲ ኣብነት ናይቲ ኣብዘን መጽሓፍቲ ዘለዋ ግጥሚ እያ።

## ጽሑፋት ትንቢት፤

ናይ ብሉይ ኪዳን ጽሑፋት ትንቢት ኣብ ክልተ ጉጅለ ይምቀሉ እሞ ድማ ዓበይቲን ንኣሽቱን ጽሑፋት ትንቢት ይበሃሉ። እዚ ማለት ግን ዓበይቲ ነብያት ካብ ንኣሽቱ ነብያት ንላዕሊ ኣገደስቲ እዮም ማለት ኣይኮነን። እቶም ዓበይቲ ነብያት ካብቶም ንኣሽቱ ነብያት ዝነውሑ ጽሑፋት ስለዝኾኑ ጥራይ እዩ ዓበይቲ ዝተባሃሉ። ኣብ ብሉይ ኪዳን 17 ጽሑፋት ትንቢት ኣለዉ። ኣስማት ጽሑፋት ትንቢት ድማ፤

**ዓበይቲ ነብያት፤**

ትንቢት ኢሳያስ

ትንቢት ኤርምያስ
ድጕዓ ኤርምያስ
ትንቢት ህዝቅኤል

ትንቢት ዳንኤል
**ንኣሽቱ ነብያት፤**

ትንቢት ሆሴእ
ትንቢት ናሆም

ትንቢት ዮኤል
ትንቢት ኣንባቆም

| | |
|---|---|
| ትንቢት ኣሞጽ | ትንቢት ጸፎንያስ |
| ትንቢት ኦብድያ | ትንቢት ሃጌ |
| ትንቢት ዮናስ | ትንቢት ዘካርያስ |
| ትንቢት ሚክያስ | ትንቢት ሚልክያስ |

እዞም ጽሑፋት እዚኣቶም ብዛዕባ መጻኢ ፍጻሜታት ካብ እግዚኣብሄር ናብ ህዝቡ ዝቐረቡ ትንቢታዊ መልእኽትታት እዮም። ሓያሎ ኻብቲ ትንቢታት ድሮ ተፈጺሙ እኳ እንተ ኾነ፡ ገሊኡ ግና ኣብ መጻኢ ኪፍጸም ኣለዎ። ነዞም ናይ ትንቢት ጽሑፋት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ርኸቦም። ኣብ ብሉይ ኪዳን ናይ መወዳእታ ጽሑፋት እዮም።

## ክፍልታት ሓድሽ ኪዳን

ሓድሽ ኪዳን እውን ኣብ ኣርባዕተ፡ ወንጌል፡ ታሪኽ፡ መልእኽትታት፡ ትንቢት ዝበሃሉ ጉጅለታት ተኸፋፊሉ ኣሎ።

### መጽሓፋት ወንጌል፤

ኣብ መጽሓፍቲ ወንጌል ኣርባዕተ ጽሑፋት ኣለዋ። ኣስማት ናይዞም ጽሑፋት ድማ፤

ወንጌል ማቴዎስ፡

ወንጌል ማርቆስ፡

ወንጌል ሉቃስ፡

ወንጌል ዮሃንስ

እዘን ጽሑፋት እዚኣተን ብዛዕባ ህይወትን ሞትን ትንሳኤን የሱስ ዝነግራ እየን። ዕላምእን ንሱ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ንኽትኣምን ክመርሓኻ እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ዘሎ መጽሓፍቲ ወንጌል ረኺብካ ድሕሪኡ ነዚ ዕላማ ዝገልጽ ኣብ ዮሃንስ 20፡31 ዘሎ ጽሑፍ ኣንብብ።

### መጽሓፍ ታሪኽ፤

ኣብ ሓድሽ ኪዳን ሓደ መጽሓፍ ታሪኽ ኣሎ ንሱ ድማ መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት እዩ። እዛ መጽሓፍ እዚኣ ቤተ ክርስቲያን ነቲ ክርስቶስ ወንጌል ኣብ መላእ ዓለም ንምስፋሕ ዝተዋሀባ ተልእኾ ብኸመይ ከም ዝጀመረትን ከም ዝፈጸመትን ትገልጽ። ነዛ መጽሓፍ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ርኸባ።

### ደብዳቤታት፡

ኣብ ሓድሽ ኪዳን 21 ደብዳቤታት ኣለዋ። ኣስማት ናይዞም ደብዳቤታት ድማ፤

| | |
|---|---|
| ናብ ሰብ ሮሜ | ቲቶስ |
| 1ይን ካልኣይን ቆሮንጦስ | ፊልሞን |
| ገላትያ | እብራውያን |
| ኤፌሶን | ያእቆብ |
| ፊልጺ | 1ይን ካልኣይን ጴጥሮስ |
| ቈሎሴ | 1ይን ካልኣይን ሳልሳይን ዮሃንስ |
| 1ይን ካልኣይን ተሰሎንቄ | ይሁዳ |
| 1ይን ካልኣይን ጢሞቴዎስ | |

እተን ደብዳቤታት ናብ ኩሎም ኣመንቲ ዝተጻሕፋ እየን። ዕላምአን ኣብ ምንባር ምምራሕን ነቲ የሱስ ዝኣዘዞ ንኽገብሩ ምሕጋዞምን እዩ። ሮሜ 12 ጽቡቕ ኣብነት ናይ ትምህርቶም እያ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ናብዛ ምዕራፍ ገንጺልካ ኣንብባ። እቶም ደብዳቤታት እውን ሓደ ሓደ ግዜ "መልእኽትታት" ተባሂሎም ይጽውዑ ትርጉሙ ከኣ ፊደላት እዩ።

## ትንቢት፤

ራእይ የሃንስ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዘሎ እንኮ መጽሓፍ ትንቢት እዩ። ብዛዕባ ናይ መወዳእታ ዓወት የሱስን ህዝቡን ይነግር። ዕላምኡ ድማ ንኣመንቲ ከም ክርስትያን ክኾኖ ዘለዎ ኮይኖም ክሳብ መወዳእታ ዘመን ክነብሩ ከተባብዕ እዩ። መልእኽቱ ኣብ ራእይ የሃንስ 2፡10 ተጠቓሊሉ ኣሎ።

## ርእሰ-ፈተነ

1. መሪሕ ጥቕሲ ካብ ትዝክሮ ጽሓፍ፤

_______________________________________________

2. "መጽሓፍ ቅዱስ" ዝብል ቃል እንታይ ማለትእዩ፧_______________________________

3."ቅዱሳት ጽሑፋት" ዝብል ቃል እንታይ ማለት እዩ፧_______________________________

4. እቶም ክልተ ዓበይቲ ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ መነመን እዮም፧

_____________________ _____________________

5. ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ክንደይ ጽሑፋትኣለዉ፧_______________________________

6. ጽሑፋት ብሉይ ኪዳን ዝምቀሉሎም ኣርባዕተ ዓበይቲ ጉጅለታት ስመይ፤

_____________________ _____________________.

_____________________ _____________________.

7. ጽሑፋት ሓድሽ ኪዳን ዝምቀሉሎም ኣርባዕተ ዓበይቲ ጉጅለታት ስመይ፤

_____________________ _____________________.

_____________________ _____________________.

8. "ኪዳን" ዝብል ቃል እንታይ ትርጉም ኣለዎ፧

_______________________________________________

_______________________________________________

9. ኣርባዕተ ቀንዲ ዕላማታት መጽሓፍ ቅዱስ እንታይ እዮም፧ ንመልስኻ ዝድግፍ ካብ መጽሓፍቅዱስ ትቕሲ ሃብ።

_______________________________________________

_______________________________________________

_______________________________________________

_______________________________________________

10. "ሓድነት መጽሓፍ ቅዱስ" እንታይ ማለት እዩ፧

_______________________________________________

11. "ብዙሕነት መጽሓፍ ቅዱስ" እንታይ ማለት እዩ፧

_______________________________________________

12. ነፍሲ ወከፍ ኣበሃህላ ኣንብብ። እቲ ኣበሃህላ ቅኑዕ እንተኾይኑ ኣብቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ባዶ ቦታ ፊደል ቅ ጽሓፍ። እቲ

ኣበሃህላ ሓሶት እንተኾይኑ ኣብቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ባዶ ቦታ ፊደል ሓ ጽሓፍ፤

ሀ.________መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ቃል እቲ ሓደ ሓቀኛ ኣምላኽ ዝተጻሕፈ እዩ።

ለ.________እግዚኣብሄር ንመጽሓፍ ቅዱስ መንፈሱ ዝነፈሶ እኳ እንተኾነ፡ ቃላቱ ንኽጽሕፉ ግን ሰባት ተጠቒሙእዩ።

ሐ.________ኣብ ውሽጢ ነዊሕ ዓመታት ብዙሓት ጸሓፍቲ ስለ ዝነበሩ መጽሓፍ ቅዱስ ብዙሕ ተጋራጫዊ ነገራት ዝሓዘ እዩ።

መ.________ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተዋሃሃደ ቴማ የለን። በቃ እኩብ ጽሑፋት ካብ ዝተፈላለዩ ዛዕባታት ምኻኑ ይፍለጥ።

ሰ.________ዓበይቲ ኑብያት ብሉይ ኪዳን ካብ ነኣሽቱ ኑብያት ዝያዳ ኣገደስቲ እዮም።

13. ምግላጽ ክልቲኡ ኪዳን ዘማእከለ ሰብ መን እዩ፧ መልስኻ ዝድግፍ መወከሲ መጽሓፍ ቅዱስ ሃቦ። መወከሲ_

(መልሲናይዚ ገምጋም ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።)

# ዝያዳ መጽናዕቲ መጽናዕቲ

ኣብ ዝቐጽል ገጽ ዘሎ ዕልባታት፡ ነቲ ዓበይቲ ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ ንኽትፈልጥ ኪሕግዘካ እዩ። ኣብቲ ዚመችሎ መስመራት ዘሎ ዕልባታት ቈሪጽካ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ኣቐምጦ። ዕልባታትካ እተእትወሉ ቦታ ምርካብ እንተ ተጸጊምካ፡ ኣብ ቅድሚት መጽሓፍ ቅዱስካ ዘሎ ትሕዝቶ ጽሑፍ ተጠቐም። ነተን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘለዋ ጽሑፋት ከም ኣደራድርአን እዩ ዚዝርዝር። ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ ዝጅምረሉ ገጽ ቁጽሪ እውን ይህብ።

## ብሉይ ኪዳን

ኣብ መጀመርታ መጽሓፍ ዘፍጥረት 1ይ ምልክት ኣቐምጥ።

ኣብ መጀመርታ መጽሓፍ እያሱ 2ይ ምልክት ኣቐምጥ።

ኣብ መጀመርታ መጽሓፍ እዮብ 3ይ ምልክት ኣቐምጥ።

ኣብ መጀመርታ መጽሓፍ ኢሳይያስ 4ይ ምልክት ኣቐምጥ።

## ሓድሽ ኪዳን

ኣብ መጀመርታ መጽሓፍ ማቴዎስ 5ይ ምልክት ኣቐምጥ።

ኣብ መጀመርታ መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት 6ይ ምልክት ኣቐምጥ።

ኣብ መጀመርታ መጽሓፍ ሮሜ 7ይ ምልክት ኣቐምጥ።

ኣብ መጀመርታ መጽሓፍ ራእይ ዮሃንስ 8ይ ምልክት ኣቐምጥ።

ሕጂ ነቶም ዓበይቲ ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ ኣመልኪትካሎም ኣለኻ። ነዞም ክፍልታት ብርእስኻ ክሳብ እትሰምዮም ክትረኽቦም እትኽእል ነቶም ዕልባታት ምጥቃም ቀጽል።

| ሕጊ ብሉይ ኪዳን | ታሪኽ ብሉይ ኪዳን | ግጥሚ ብሉይ ኪዳን |
|---|---|---|
| ኦሪት ዘፍጥረት<br>ኦሪት ዘጸኣት<br>ኦሪት ዘሌዋውያን<br>ኦሪት ዘህሉቑ<br>ኦሪት ዘዳግም | መጽሓፍ እያሱ<br>መጽሓፍ መሳፍንቲ<br>መጽሓፍ ሩት<br>1ይ ሳሙኤል<br>2ይ ሳሙኤል<br>1ይ ነገስት<br>2ይ ነገስት<br>1ይ ዜና መዋእል<br>2ይ ዜና መዋእል<br>መጽሓፍ እዝራ<br>መጽሓፍ ነህምያ<br>መጽሓፍ ኣስቴር | መጽሓፍ እዮብ<br>መዝሙር ዳዊት<br>መጽሓፍ ምሳሌ<br>መጽሓፍ መክብብ<br>መሃልየ መሃልይ |
| **ትንቢት ብሉይ ኪዳን**<br>**ዓበይቲ ነብያት፤**<br>ትንቢት ኢሳያስ<br>ትንቢት ኤርምያስ<br>ድጉዓ ኤርምያስ<br>ትንቢት ህዝቅኤል<br>ትንቢት ዳንኤል<br>**ንኣሽቱ ነብያት፤**<br>ትንቢት ሆሴእ ትንቢት ዮኤል<br>ትንቢት ናሆም ትንቢት ኣሞጽ<br>ትንቢት ኣንባቆም ትንቢት ኦብድያ<br>ትንቢት ጸፎንያስ ትንቢት ዮናስ<br>ትንቢት ሃጌ ትንቢት ሚክያ<br>ትንቢት ዘካርያስ ትንቢት ሚልክያስ | **ምልክታት መጽሓፍ ኣብ ብሉይ ኪዳን** | |

| ወንጌል ሓድሽ ኪዳን | ታሪኽ ሓድሽ ኪዳን | ደብዳቤታት ሓድሽ ኪዳን ናብ |
|---|---|---|
| ወንጌል ማቴዎስ<br>ወንጌል ማርቆስ<br>ወንጌል ሉቃስ<br>ወንጌል ዮሃንስ | ግብሪ ሃዋሪያት | ሰብ ሮሜ<br>1ይቆሮንጦስ<br>2ይ ቆሮንጦስ<br>ገላትያ<br>ኤፈሶን<br>ፊልጲ<br>ቈሎሴ<br>1ይተሰሎንቄ<br>2ይተሰሎንቄ<br>1ይ ጢሞቴዎስ<br>2ይ ጢሞቴዎስ<br>ቲቶስ<br>ፊልሞን<br>እብራውያን<br>ያእቆብ<br>1ይ ጴጥሮስ<br>2ይ ጴጥሮስ<br>1ይዮሃንስ<br>2ይዮሃንስ<br>3ይ ዮሃንስ<br>ይሁዳ |
| **ትንቢት ሓድሽ ኪዳን**<br>ራእይ ዮሃንስ | **ምልክታት መጽሓፍ ኣብ ሓድሽ ኪዳን** | |

# ምዕራፍ ክልተ
# መጻሕፍቲ መጽሓፍ ቅዱስ

**ዕላማታት፤**

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካዮ ነዚ ዝስዕብ ክትክእል ኢኻ፤

- ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኸርኻ ምጽሓፍ።
- ኣብ ብሉይ ኪዳን ብዝሒ ጽሑፋት ምፍላጥ።
- ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብዝሒ ጽሑፋት ምፍላጥ።
- መጽሓፍ ቅዱስ ንምንባብ ስርዓታዊ ውጥን ምህላው ስለምንታይ ኣገዳሲ ምዃኑ ምርዳእ።
- ንዕዉት ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ዚሕግዝ ኣርባዕተ ሓሳባት ምዝርዛር።

**መሪሕ ጥቕሲ**

***ዎ እግዚኣብሄር፡ ኣውያተይ ኣብ ቅድሜኻ ይብጻሕ፡ ከም ቓልካ ኣእምሮ ሃበኒ። (ዳዊ*** 119፡169)

**መእተዊ**

ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ ምዃኑ ርኢኻ ኔርካ። ብሉይ ኪዳንን ሓድሽ ኪዳንን ኣብ ክልተ ዓበይቲ ክፋላት ከም ዝተኸፋፈለ ድማ ተማሂርካዮ። ናይ ብሉይ ኪዳን ጽሑፋት ኣርባዕተ ክፍልታት ተማሂርካ፤

ሕጊ

ታሪኽ

ግጥሚ

ትንቢት

ብተወሳኺ ኣርባዕተ ክፍልታት ጽሑፋት ሓድሽ ኪዳን ተማሂርካ ኣለኻ፤

መጽሓፋት ወንጌል

ታሪኽ

ደብዳቤታት

ትንቢት

እዚ ዚስዕብ ሰንጠረዥ፡ ኽሳዕ ሕጂ ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ እተማሃርካዮ ነገራት ብሓጺሩ እዩ ዚገልጽ፦ መጽሓፍ ቅዱስ

|

**ናይ ኣምላኽ ጽሑፍ ቃል**

|

66 **ጽሑፋት**

|

---------------------------------------------

| |
|---|
| **ክፍልታት ብሉይ ኪዳን** | **ክፍልታት ሓድሽ ኪዳን** |
| **ሕጊ** | **ጽሓፍቲ ወንጌል** |
| **ታሪኽ** | **ታሪኽ** |
| **ግጥሚ** | **ደብዳቤታት** |
| **ትንቢት** | **ትንቢት** |

*እዚ ምዕራፍ እዚ ካብ ነፍሲ ወከፍ 66 ጽሑፋት መጽሓፍቅዱስ ጽማቕ ዝሓዘ ምዕራፍ እዩ። ንትሕዝቶ ክልቲኡ ኪዳንውን መእተዊ ይህብ። ንዕዉት ንባብ መጽሓፍቅዱስ ዝኸውን ኣርባዕተ ሓሳባት ተዋሂቡ ኣሎ ንስኻ ድማ ቃል ኣምላኽ ምንባብ ክትጅምር ስርዓታዊ መደብ ክትመርጽ ኢኻ።*

## **ናይ ብሉይ ኪዳን ጽሑፋት** (39 ጽሑፋት)

## **ጽሑፋት ሕጊ፤**

*ዘፍጥረት፡ መጀመርታ ሰብ፡ ዩኒቨርስ፡ ሰንበት፡ ሓዳር፡ ሓጢኣት፡ መስዋእቲ፡ ኣህዛብን መንግስትን መዝገቡ ይርከብ። ከም ኣብርሃም፡ ይስሃቕ፡ ያዕቆብን የሴፍን ዝኣመሰሉ ቀንዲ ሰባት ኣምላኽ ድማ ይምዝግብ።*

*ዘጸኣት፡ እስራኤል ከመይ ጌራ ሙሴ ከም መራሒ ሒዛ ህዝቢ ከም ዝኾነት ብዝርዝር ይገልጽ። እስራኤል ኣብ ግብጺ ካብ ባርነት ሓራ ወጺኣ ናብ ከረን ሲና ሕጊ እግዚኣብሄር ዝተዋህበት።*

*ዘሌዋውያን፦ እዛ መጽሓፍ እዚኣ ንእስራኤል ዚኸውን ናይ ኣምልኾ መምርሒ እያ ነይራ። ንመራሕቲ ሃይማኖት መምርሒ ዝህብን ሓደ ሓዋእ ህዝቢ ናብ ጻድቕ ኣምላኽ ብኸመይ ከም ዝቐርብ ትገልጽን እያ። ምስ የሱስ ክርስቶስ ከም ገንሸል ኣምላኽ ኮይኑ ንሓጢኣት ዓለምን ከርሕቕ ዝመጸ እያ ተዛምድ።*

*ዘህሉቍ፦ እስራኤል ን40 ዓመታት ኣብ በረኻ ኮለል ምባሉ ውጽኢት ዘይምእዛዝ ንኣምላኽ ዝነበረ ይምዝግብ። ኣርእስቲ ናይዛ መጽሓፍ ካብቲ ነዊሕ ጉዕዞ ካብ ዝተወሰዱ ክልተ ቁጽሪ (ቀጸራ ህዝቢ) ዝተወሰደ እዩ።*

*ዘዳግም፦ናይ መወዳእታ መዓልትታት ህይወት ሙሴ ይምዝግብን ኣብ ዘጸኣት ንዘሌዋውያን ንዝተዋህበ ሕግታት ይግምግምን።*

## **ጽሑፋት ታሪኽ፤**

*መጽሓፍ እያሱ፦ እቲ ተካኢ ሙሴ ዝነበረ እያሱ ንህዝቢ እስራኤል መሪሑ ናብ ምድሪ ተስፋ ከነኣን ብኸመይ ከም ዘእተዎ ብዝርዝር ይገልጽ። ወተሃደራዊ ጎስጓሳት ንምምቕቓል መሬት ኣብ መንጎ ህዝቢን ይምዝግብ።*

*መጽሓፍ መሳፍንቲ፦ እስራኤል ድሕሪ ሞት እያሱ ካብ ኣምላኽ ርሒቕም። እዛ መጽሓፍ እዚኣ ነቲ ዘሕዝን ታሪኽ ናይ ተደጋጋሚ ሓጢኣቶምን እግዚኣብሄር ካብ ሓይልታት ጸላኢ ከናግፎም ዘተንስኦም ፈራዶን መዝገባ ኣላ።*

*መጽሓፍ ሩት፡ ዛንታ ሩት ዝተባህለት ካብ ኣህዛብ ህዝቢ ሞኣብ፡ ንኣምላኽ እስራኤል ከተገልግል ዝመረጸት። ኣደ ዓባዩ ንዳዊት ድማ ኮነት።*

1ይሳሙኤል፡ እዛ መጽሓፍ እዚኣ ኣብ ሰለስተ ሰባት ዘማእከለት እያ፣ ሳሙኤል ካብ መሳፍንቲ እስራኤል ናይ መወዳእታ ዝነበረ፤ ሳኦል 1ይ ንጉስ እስራኤል፤ ንሳኦል ተኪኡ ንጉስ ዝኾነ ዳዊት ድማ።

2ይ ሳሙኤል፦ እቲ ንጉስ ዳዊት ዘሕለፎ ክቡር ናይ 40 ዓመት ንግስነት ኣብዛ መጽሓፍ እዚኣ ተመዝጊቡ ኣሎ።

1ይነገስት፦ንግስነት ንጉስ ሰሎሞን ንነገስታት ናይታ ዝተመቓቐለት መንግስትን ብመንግስታት ኣከኣብ ብሰሜንን ዮሳፉጥ ብደቡብን ኣርእስቲ ናይዚ መጽሓፍ እዮም።

2ይ ነገስት፦ ናይ መወዳእታ ውድቀት እስራኤልን ይሁዳን ኣብዛ መጽሓፍ እዚኣ ተጻሒፉ ኣሎ። ህዝቢ ኣምላኽ ኣብ ዓሚቝ ሓጢኣት ወዲቖም።

1ይ ዜና መዋእል፦ ንግስነት ዳዊትን ቤተ መቕደስ ንምህናጽ ዝተገብረ ምድላዋትን ኣብዚ ተመዝጊቡ ኣሎ። ግዜ እዛ መጽሓፍ እዚኣ ምስ 2ይ ሳሙኤል ሓደ እዩ።

2ይ ዜና መዋእል፡ እዛ መጽሓፍ እዚኣ፡ ኣብ ደቡባዊ መንግስቲ ብምትኳር፡ ንታሪኽ እስራኤል ክሳብ ንግስነት ሰሎሞን ትቕጽል። በቲ ህዝቢ ካብ ባቢሎን ናብ ኢየሩሳሌም ክምለሱ ዝፈቐደ ኣዋጅ ቂሮስ ይዕጾ።

መጽሓፍ እዝራ፦ ኣይሁድ ካብ ምርኮ ባቢሎን ምምላሶም ብዝርዝር ተገሊጹ ኣሎ።

መጽሓፍ ነህምያ፦ መናድቕ የሩሳሌም ብመሪሕነት ነህምያ ዳግማይ ምህናጹ በዛ መጽሓፍ እዚኣ ትዝክር። እቲ ፕሮጀክት እዝራ ምስ ህዝቢ ምስ ተመልሰ ድሕሪ 14 ዓመት ኣቢሉ እዩ ተጀሚሩ።

መጽሓፍ ኣስቴር፦ ኣምላኽ ብኣስቴርን ብማርዶካይን ኣቢሉ ንኣይሁድ ዘናገፎም ዛዕባ እዛ መጽሓፍ እዚኣ እያ።

## ጽሑፋት ግጥሚ፡

መጽሓፍ እዮብ፦ እዛ መጽሓፍ እዚኣ ዛንታ እዮብ ዝተባህለ ኣብ ከባቢ ዘመነ ኣብርሃም ዝነብር ዝነበረ ሰብ እዩ። እቲ ቴማ ናይዛ መጽሓፍ ጻድቃን ንምንታይ ይሳቐዩ ዝብል ሕቶ እዩ።

መዝሙር ዳዊት፡ መጽሓፍ ጸሎትን ምስጋናን መጽሓፍ ቅዱስ። መጽሓፍ ምሳሌ፡ መለኮታዊ ጥበብ ንጸገማት መዓልታዊ

ህይወት።

መጽሓፍ መክብብ፦ ካብ ኣምላኽ ተፈልዩ ዘሎ ህይወት ከንቱ ምዃኑ ዝገልጽ ዘተ።

መሃልየ መሃልይ: ፍቕራዊ ዛንታ ሰሎሞንን ሱላሚት መርዓቱን። እቲ ዛንታ ኣብ ኣምላኽ ንእስራኤልን ንኣብ ክርስቶስ ዘላ ቤተ ክርስቲያንን ዘለዎ ፍቕሪ ዝውክል እያ።

## ጽሑፋት ትንቢት፤

ሓያሎ ካብዘን ጽሑፋት እዚኣተን፡ ህዝቢ እስራኤል ኣብ ክልተ እተፈላለያ መንግስታት ማለት እስራኤልን ይሁዳን ኣብ እተመቕለሉ እዋን እተጻሕፋ እየን።

ትንቢትኢሳይያስ፡ ብሰንኪ ኣብ ልዕሊ ኣምላኽ ዝገበርዎ ሓጢኣት ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ይሁዳ ከም ዝመጽእ የጠንቅቕ።

ኤርምያስ፦ ኣብቲ ድሒሩ ዝነበረ ውድቀትን ዕንወትን ይሁዳ ዝተጻሕፈ እዩ። ብዛዕባ ዝመጽእ ፍርዲ ነጊሩ ድማ ንነቡካድነጻር ኢዱ ክህብ ተማሕጺኑ።

ድጉዓ ኤርምያስ፦ ኤርምያስ ብዛዕባ ምጥፋእ ኢየሩሳሌም ብባቢሎን ዝሃቦ መልቀስ (መግለጺ ሓዘን) ።

ትንቢት ህዝቅኤል፦ መጀመርታ ብዛዕባ ውድቀት የሩሳሌም ተጠንቅቕ፡ ድሕሪኡ ኸኣ ኣብ መጻኢ ኸም እትሕደስ ትትንበ መጽሓፍ እያ።

ትንቢት ዳንኤል፦ ነብዩ ዳንኤል ኣብቲ ናይ መጀመርታ ከበባ ይሁዳ ተታሒዙ ናብ ባቢሎን ተወሲዱ እዩ። እዛ መጽሓፍ እዚኣ ትንቢት መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ምርዳእ ኣገዳሲ ዝኾነ ታሪኻውን ትንቢታውን ትምህርቲ ትህብ።

ትንቢት ሆሴእ፦ ቴማ እዛ መጽሓፍ እዚኣ፡ እስራኤል ዘይእሙንነቶም፡ መቕጻዕቶምን ብኣምላኽ ከም ዝተንሰኡን እዩ።

ትንቢት ዮኤል፡ ብዛዕባ እቲ ንመጻኢ ፍርዲ ዝኾነ መዓት ትነግር።

ትንቢት ኣሞጽ፦ ስጋዊ ብልጽግና ኣብ ዝረኣየሉ እዋን ግን ከኣ ስነ-ምግባራዊ ምብስባስ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ኣሞጽ ንእስራኤልን ኣብ ከባቢኦም ንዘርከቡ ኣህዛብን ብዛዕባ ሓጢኣቶም ኣምላኽ ኣብ መጻኢ ኸም ዚፈርዶ ኣጠንቀቐ።

ትንቢት ኦብድያ፦ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ እቲ ካብ ምዉት ባሕሪ ንደቡብ ዚርከብ እኩይ ህዝቢ ዝሃቦ ፍርዲ።

ትንቢት ዮናስ፦ ኣብታ ርእሰ ከተማ ግዝኣት ኣሶር ዝኾነት ነነዌ ንስሓ ዝሰበኸ ነቢይ ዮናስ ትገልጽ ዛንታ። እዛ መጽሓፍ ንኣህዛብ ዘለዎ ፍቕርን መደብ ንስሓን እግዚኣብሄር ትገልጽ።

ትንቢት ሚክያስ፡ ካልእ ትንቢት ኣንጻር ሓጢኣት እስራኤል እዩ። የሱስ ቅድሚ ምውላዱ 700 ዓመት ኣቀዲማ ኣበይ ከም ዝውለድ ትትንበ።

ትንቢት ናሆም፦ብዛዕባ እቲ ቕድሚ 150 ዓመት ኣቢሉ ብስብከት ዮናስ ዝደሓነት ነነዌ ዚመጽእ ዝነበረ ጥፍኣትይነግር።

ትንቢት ኣንባቆም፦ ኣምላኽ ንሓደ ሓጥእ ህዝቢ ዝኾነ ብዝያዳ ሓጢኣተኛ ዝኾነ ህዝቢ ጌሩ ንምቕጻዕ ዝሓንጸጸ መደብ ይገልጽ። "ጻድቃን ብእምነት ከም ዝነብሩ" ይምህር።

ትንቢት ጸፍንያስ፡ ፍርድን ምሕዳስን ይሁዳ።

ትንቢት ሃጌ፡ ኣይሁድ ብሰንኪ ተቓውሞ ጸላኢ ድሕሪ ናይ 15 ዓመት ምድንጓይ ነቲ ቤተ መቕደስ ዳግማይ ክሃንጽዎ ይላቦ።

ትንቢት ዘካርያስ፡ ቤተ መቕደስ ንምፍጻምን መንፈሳዊ ተወፋይነት ንምሕዳስን ዝያዳ ምልዕዓል። 1ይን ካልኣይን ምጽኣት ክርስቶስ ይትንበ።

ትንቢት ሚልክያስ፦ ካብ መንፈሳዊ ዕንወት የጠንቀቕን ምጽኣት ዮሃንስ መጥምቕን የሱስን ይትንበ።

## **መጽሓፍቲ ሓድሽ ኪዳን** (27 ጽሑፋት)

## መጽሓፍቲ ወንጌል፤

እተን ኣርባዕተ መጽሓፍቲ ወንጌል ተባሂለን ዝፍለጣ ጽሑፋት ብዛዕባ ልደት፡ ህይወት፡ ኣገልግሎት፡ ትምህርቲ፡ ሞትን ትንሳኤን የሱስ ክርስቶስ ይምዝግባ። ኣቀራርባ ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ ይፈላለ እዩ፤

ወንጌል ማቴዎስ፦ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ንጉስ ዘጉልሕን ብፍላይ ናብ ኣይሁድ ዝቐንዐ እዩ።

ወንጌል ማርቆስ፦ የሱስ ክርስቶስ ኣገልጋሊ ኣምላኽ ምዃኑ ዘጉልሕ ኮይኑ ብፍላይ ናብ ሰብ ሮሜ ዝቐንዐ እዩ።

ወንጌል ሉቃስ፡ ንየሱስ ክርስቶስ ከም "ወዲ ሰብ"፡ ፍጹም ሰብን መድሓኒ ዘይፍጹማት ሰባትን ገይሩ የቕርቦ።

ወንጌል ዮሃንስ፡ ንየሱስ ከም ወዲ ኣምላኽ የቕርቦ።

### መጽሓፍ ታሪኽ፤

ግብሪ ሃዋርያት፦ ናይ ሓድሽ ኪዳን ሓንቲ ናይ ታሪኽ መጽሓፍ፡ ካብቲ ክርስቶስ ናብ ሰማይ ዝተመልሰሉ ግዜ ጀሚሩ ክሳብ ጳውሎስ ኣብ ሮማ ዝተኣሰረሉ እዋን ዝነበረ ናይ መጀመርታ ዕብየት ክርስትና ይምዝግብ። እታ መጽሓፍ ንኣስታት 33 ዓመታት ዝሸፍን ኮይኑ ንስራሕ መንፈስ ቅዱስ ዘጉልሕ እዩ።

## ደብዳቤታት፡

ናብ ሰብ ሮሜ፡- ብእምነት ጥራይ ምድሓን ዘጉልሕ ኣቀራርባ ወንጌል።

1ይ ቆሮንጦስ፡ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ንዘጋጥም ጌጋታት ክርስትያናዊ ኣካይዳ ንምእራም ዝተጻሕፈት እያ።

2ይ ቆሮንጦስ፡ ብዛዕባ ሓቀኛ ኣገልግሎት ወንጌልን መጋቢነትን ሓዋርያዊ ስልጣን ጳውሎስን ይዛረብ።

ገላትያ፡ ሕግን እምነትን ኣብ ምሕዋስ ዘሎ ጌጋ ተመልክት መጽሓፍ እያ። እቲ ቴማ ብእምነት ጥራይ ምጽዳቕ ዝብል እዩ።

ኤፌሶን፡- ንኣመንቲ ኣብ ክርስቶስ ዘለዎም መርገጺ ብምምልካት የተባብዕ።

ፊልጲ፡- ንሓጉስ ክርስትያናዊ ሓድነት የጉልሕ።

ቆሎሴ፡ ብዛዕባ ጌጋ "ግኖስቲክነት" ዝገልጽ እያ። ግኖስቲክነት ንየሱስ ብሓቂ ወዲ ኣምላኽን ወዲ ሰብን ምዃኑ ዝኽሕድ ናይ ሓሶት ትምህርቲ እዩ። እዛ መጽሓፍ ንየሱስ ርእሲ ቤተ ክርስቲያን ምዃኑ እውን ኣስሚራኣላ።

1ይ ተሰሎንቄ፡ ምኽሪ ኣብ ክርስትያናዊ ህይወትን ምጉላሕ ኣብ ምምላስ የሱስን።

2ይ ተሰሎንቄ፡ ተወሳኺ መምርሒ ብዛዕባ ምምላስ ጐይታን ብዛዕባ እዚ ምፍላጥ ንመዓልታዊ ህይወት ብኸመይ ክጸልዎ ከም ዘለዎን እዩ።

1ይ ጢሞቴዎስ፡- ኣብ ዝመጽእ ዓመታት ንቤተ ክርስቲያን ዝመርሕ ቅኑዕ ትምህርቲ፣ ስርዓት ዘለዎ መንግስቲ ቤተ ክርስቲያንን መትከላትን የጉልሕ።

2ይ ጢሞቴዎስ፡- ናይ ሓቂ ኣገልጋሊ የሱስ ክርስቶስ ይገልጽ። ብዛዕባ እቲ ድሮ ተጀሚሩ ዝነበረ ክሕደት (መንፈሳዊ ውድቀት) እውን የጠንቅቕ። ንኹሉ ስሕተት ንምእራም ንቃል እግዚኣብሄር ከም መድሃኒት የቕርብ።

ቲቶስ፡- ጳውሎስ ናብ ሓደ ኣብ ደሴት ቀሬጥስ ንኣምላኽ ዜገልግል ዝነበረ ቲቶስ እተባህለ መንእሰይ ኣገልጋሊ ዝጸሓፎ መልእኽቲ። ትምህርትን ኣምላኻዊ ህይወትን ኣለዎ።

ፊልሞን፡- ጳውሎስ ንሓደ ዝሃደመ ባርያ ናይ ሓደ ሃብታም ቈሎሴዊ ክርስትያን ዝገበሮ ልማኖ። ኣብ ሓደ እዋን የሱስ ንኣመንቲ ባሮት ሓጢኣት ከለዉ ዝገበሮ ኣማላድነት ዘርኢ እዩ።

እብራውያን፡- ክርስትና ኣብ ልዕሊ ኣይሁድነት ዘለዎ ልዕልና ይገልጽ። ንየሱስ ከም ዓቢ ሊቀካህናትን ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን መንጎኛን ኮይኑ የቕርቦ።

ያእቆብ፡- ድሕነት ብእምነት ጥራይ እኳ እንተ ኾነ፡ ናይ ሓቂ እምነት ብግብሪ ከም እትረጋገጽ ይምህር።

1ይ ጴጥሮስ፡- ንኣመንቲ ብፍላይ ድማ ኑቶም ካብ ቤተ ክርስቲያን ወጻኢ ብዘይኣመንቲ ኣቢሎም መንፈሳዊ መጥቃዕቲ ዝሳቐዩ ናይ ምጽንናዕን ምብርታዕን ደብዳበ።

2ይ ጴጥሮስ፡ ካብ ውሽጢ ቤተ ክርስትያን ዝመጽእ መንፈሳዊ መጥቃዕቲ ከይፍጠር ዝሕብር መጠንቀቕታ። ንኣብነት፡ ድሮ ናብ ቤተ ክርስቲያን "ስሊኾም" ዝኣተዉ ናይ ሓሶት መምህራን።

1ይ ዮሃንስ፡ ንክርስቶስ ከም ወዲ ኣምላኽን ወዲ ሰብን መርገጺ ዝኽሕድ ዝነበረ ግኖስቲዝም ንምምካት ዝተጻሕፈ እዩ። እዛ መጽሓፍ ኣብ መንጎ ኣመንቲ ንዘሎ ሕብረትን ፍቕርን ዘጉልሕ ኮይና፡ ንሓቀኛታት ኣመንቲ ናይ ዘለኣለም ህይወት ከም ዝህልዎም ተረጋግጽ እያ።

2ይዮሃንስ፡-ምስ ዶክትሪናዊ ጌጋ ዝኾነ ይኹን ምድምማጽ ከይግበር ተጠንቀቕን ሓቂ ብፍቕሪ ክሕሎ ከም ዘለዎ ተጉልሕን።

3ይ ዮሃንስ፡- ምስቶም ናይ ሓቂ ኣመንቲ ዝኾኑ ሕብረት ምእባይ ሓጢኣት የጠንቅቕ።

ይሁዳ፡- ካብ ክሕደትን ናይ ሓሶት ትምህርትን ዚኸውን መጠንቀቕታ እዩ። እቲ ቴማ ምስ ናይ 2ይ ጴጥሮስ ዝመሳሰል እዩ።

**መጽሓፍ ትንቢት፥**

ራእይ ዮሃንስ፦ እዛ ትንቢታዊት መጽሓፍ እዚኣ፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ መወዳእታ ታሪኽ ናይዛ ዓለም ዝፍጸም ፍጻመታት እያ እትነግር። ብዛዕባ እቲ ኣብ መጻኢ መደብ ኣምላኽ ዝነበረን ዘሎን ዝህሉን ነገራት ትነግር (ራእይ 4፡22) ።

## ዕዉት ኣናብባ ቃል ኣምልኽ

ኣብዚ ኮርስ እዚ ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ ብኸመይ ከም እትርድኦን ከም እትትርጉሞን ብዙሕ ክትመሃር ኢኻ። ብተወሳኺ፡ ሜላታት መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ክትመሃር ኢኻ። መጽሓፍ ቅዱስ ንምርዳእ እቲ 1ይ ስጉምቲ ግን ምንባብ ምጅማር እዩ። ቃል ኣምላኽ ከተንብቡ ክትጅምሩ ንኽሕግዘኩም ሓያሎ ዝተፈላለዩ መደባት ንባብ ኣሰፊርና ኣለና። እዚኣቶም ነቶም ገና መጽናዕቶም ዝጀመሩ መደብ ከምኡውን ነቶም ኣብ መጽናዕቲ ቃል ኣምላኽ ዝያዳ ዝማዕበሉ መደብ የጠቓልል። 1ይ፡ ንዕዉት ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ዚሕግዝ ኣርባዕተ ኣገባባት እነሆ፦

### 1. መዓልታዊ ኣንብብ፤

***“ብምኽሪ ረሲኣን ዘይመላለስ፣ ኣብ መንገዲ ሓጥኣን ከኣ ዘይቀውም፣ ኣብ መንበር መላገጽቲ ድማ ዘይቅመጥ፣ ብሕጊ እግዚኣብሄር ድኣ ዚፍሳህ፣ ነቲ ሕጉውን ለይትን መዓልትን ዚመራመሮ ሰብሲ ብጹእ እዩ።” (መዝ 1፡1-2)***

እግዚኣብሄር ስጋዊ ኣካላትካ ስለ ዝፈጠሮ ጥዕና ክህልወካ መዓልታዊ መግቢ ክህልወካ ኣለዎ። ብተመሳሳሊ መንገዲ መንፈስ ካብ መንፈስ ጥዕና ክትረክቦ እንተ ኾይንካ መዓልታዊ ብመግቢ ቃል ኣምላኽ ክምገብ ኣለዎ፤

***“….. ሰብ ብኹሉ ቓል ኣምላኽ እምበር፡ ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን ጽሑፍእዩ፡ ኢሉ መለሰሉ።”(ሉቃ 4፡4)***

### 2. ብምምራጽ ኣንብብ፤

"ጸባ" ናይቲ ቃል ብምንባብ ጀምር። እዚኣም ዝሰዕቡ እዮም እቶም ቀለልቲ ሓቅታት ቃል ኣምላኽ፤

***“እግዚኣብሄር ሕያዋይ ምዃኑ ጥዒምኩም እንተ ዄንኩምሲ፡ ብእኡ ንምድሓን ምእንቲ ኽትዐብዩ፡ ከምቶም ሕጂ እተወልዱ ሕጻናት ነቲ ሕዋስ ዘይብሉ መንፈሳዊ ጸባ ብህግዎ።”(1ጴጥ 2፡2)***

ጸኒሕካ ብመንፈስ ምስ ዓበኻ ናብቲ "ዕጹም ብልዒ " ቃል ኣምላኽ ክትበልዖ እትኽእል ደረጃ ክትበጽሕ ኢኻ። እዚ ማለት ድማ ዝያዳ ከቢድ ትምህርቲ መጽሓፍ ቅዱስ ክትርድኦ ክትኽእል ኢኻ፤

ጸባ ዚቕለብ ዘበለ ኹሉ ቘልዓ እዩ እሞ፡ ብናይ ጽድቂ ነገር ፍቱን ኣይኮነን።

***ዕጹም ብልዒ ግና ነቶም ጸቡቕን ክፉእን ንምፍላይ ብምልማድ ንልቦናኦም ዜላምዱ ብጹሓት እዩ። (እብ 5 ፡ 13-14)***

***ገና ስጋውያን ስለ ዝኾንኩም፡ ጸባ መገብኩኹም፡ ዕጽም ብልዒ ኣይኮነን። ገና ኣይከኣልኩምዎን፡ ሕጂ እኳ ኣይትኽእልዎን ኢኹም…. (1ቆሮ3፡2)***

### 3. ብጸሎት ኣንብብ፤

***እዝራ ሕጊ እግዚኣብሄር ንምምርማርን ንምግባርን፡ ስርዓትን ፍርድን ከኣ ኣብ እስራኤል ኪምህርንሲ ልቡ ኣዳለወ። (እዝራ 7:10)***

ቅድሚ ምንባብ ምጅማርካ ናብ እግዚኣብሄር ጸሊ እሞ ነቲ ብጽሑፍ ቃሉ ዝሃበካ መልእኽቲ ንምርዳእ ክሕግዘካ ለምኖ። ጸሎትካ ከምቲ ዘማሪ ዳዊት ዝጸለዮ ይኹን፤

***ኣብ ሕግኻ ተኣምራት ክርእሲ፡ ኣዒንተይ ክፈተለይ። (መዝ119:18)***

### 4. ብስርዓት ኣንብብ፤

ገሊኦም ሰባት ስርዓታዊ መደብ ንንባብ ስለዘይብሎም ቃል ኣምላኽ ኣይርድእዎን እዮም። ብዙሕ ምዕራፋት ኣንቢቦም ኩሉ ብኸመይ ከም ዝሰማማዕ ክርድኡ ኣይክእሉን እዮም። መጽሓፍ ቅዱስ "ጽሑፋት መርምሩ" ይብለና (ዮሃ 5:39) ። እዚ ማለት ድማ ብጥንቃቐ ምጽናዕ ማለት እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ከም ሓደ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዚጥቀመሉ መጽሓፍ እዩ። ትሕዝቶኡ ክርድኣካ እንተኾይኑ ብስርዓት ክተንብቦ ኣለካ። ካብዞም ዝስዕቡ መደባት ንባብ ሓደ ምረጽ እሞ መዓልታዊ መጽሓፍ ቅዱስካ ምንባብ ጀምር።

## ንጀመርቲ

ቀድሚ ሕጂ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንቢብካ ዘይትፈልጥ እንተኾይንካ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ካብ መጽሓፍ ዮሃንስ ጀምር። እዛ መጽሓፍ እዚኣ ብሓደ ካብ ደቀ መዛሙርቲ የሱስ ክርስቶስ ዮሃንስ ዝተባህለ ዝተጻሕፈት እያ። ዛንታ የሱስ ብቐሊሉ ንምርዳእ ቀሊል ብዝኾነ መንገዲ ድማ ትነግር።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ካብ ወንጌል ዮሃንስ ሓሓንቲ ምዕራፍ ኣንብብ። ነፍሲ ወከፍ ምዕራፍ እናንበብካዮ ኸለኻ ምልክት ንምግባር ነዚ ዚስዕብ ቻርት ተጠቐም።

## ወንጌል ዮሃንስ፤

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ____1 | ____5 | ______9 | ____13 | __17 |
| ____2 | ____6 | ______10 | ____14 | __18 |
| ____3 | ____7 | ______11 | ____15 | __19 |
| ____4 | _8 | ______12 | ____16 | __20 |

## እቲ ሓጺር መደብ ንባብ

**እቲ ሓጺር መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዝተመርጸ ክፋላት ቅዱሳት ጽሑፋት ኣቢልካ መሰረታዊ ፍልጠት መጽሓፍ ቅዱስ ንምሃብ ዝተዳለወ እዩ። እቶም ዝተመርጹ ክፋላት በቲ ዝተዘርዘሩሉ ቀደም ተኸተል ኣንብቦም። ንባብካ እናወዳእካ ንነፍሲ ወከፍ ክፋል ምልክትን ምግባር ነቲ ቻርት ተጠቐመሉ።**

## ሓድሽ ኪዳን፡

| | | |
|---|---|---|
| _ወንጌል ዮሃንስ | _______1ይ ተሰሎንቄ | ______ኤፌሶን |
| _ወንጌል ማርቆስ | ____1ይ ቆሮንጦስ | ______2ይ ጢሞቴዎስ |
| _ወንጌል ሉቃስ | _____ሮሜ | ______1ይ ጴጥሮስ |
| _ግብሪ ሃዋርያት | _____ፊልሞን | ______1ይ ዮሃንስ |
| ______ሮሜ | _ኣሪት ዘፍጥረት | |
| | _ኣሪት ዘጸኣት1-20 | |

**ብሉይኪዳን፤**

______ፊሊጲ
_____ራእይ 1-5፤19፡6-22፡21

_____ትንቢትኣሞጽ

______ትንቢት ኢሳይያስ 1-12

______ኦሪትዘሁልቀ10፡11-21፡35

______ዘዳግም1-11

______መጽሓፍ ኢያሱ1-12፤22-24

-----መጽሓፍ መሳፍንቲ1-3

-----1ይ ሳሙኤል 1-3, 9-10,13,15-18,31

-----2ይ ሳሙኤል1

-----1ይ ነገስት 1-11

-----መጽሓፍ ነህምያ እቲ

______ትንቢት ኤርምያስ1-25፤39-33

______መጽሓፍ ሩት።

______ትንቢትዮናስ

-----መዝሙር ዳዊት1-23

------መጽሓፍ እዮብ 1-14, 38-42

------መጽሓፍ ምሳሌ 1-9

------ትንቢት ዳንኤል1-6

**ነዊሕ መደብ ንባብ**

እዚ ናይ ንባብ መደብ እዚ ንመጽሓፍ ቅዱስ ካብቲ ሓጺር መደብ ብዕምቀት ዝሸፍኖ እኳ እንተኹነ፡ ንብምሉኡ መጽሓፍ ቅዱስ ግን ኣይሸፍኖን እዩ።

## ሓድሽ ኪዳን፡

_____ወንጌልማርቆስ

_____ወንጌልማቴዎስ

_____ወንጌልዮሃንስ

_____ወንጌል ሉቃስ

_____ግብሪሃዋርያት

_____1ይተሰሎንቄ

_____2ይተሰሎንቄ

_____1ይ ቆሮንጦስ

_____2ይ ቆሮንጦስ

_____ገላትያ

_____ናብ ሰብሮሜ

_____ፊልሞን

_____ቆሎሴ

_____ራእይ 1-5 ከምኡውን19፡6-22፡21

_______ፊሊጲ

_______ኤፈሶን

_______2ይጢሞቴዎስ

_______ቲቶስ

_____1ይጢሞቴዎስ

_______1ይ ጴጥሮስ

_______እብራውያን

_______ያእቆብ

______1ይዮሃንስ

______2ይዮሃንስ

______3ይ ዮሃንስ

_______ይሁዳ

_______2ይ ጴጥሮስ

## ብሉይ ኪዳን፤

_____ኦሪት ዘፍጥረት
______ኦሪት ዘጸኣት1-24
______ኦሪት ዘሌዋውያንል-6፡7
______ኦሪት ዘሁልቍ 10፡11-21፡35
_____ኦሪት ዘዳግም 1-11 ከምኡውን27-34
_____መጽሓፍ ኢያሱ 1-12ን 22-24ን
_____መጽሓፍ መሳፍንቲ1-16
_____1ይሳሙኤል
_____2ይሳሙኤል
_____1ይነገስት
_____2ይነገስት
_____1ይ ዜናመዋእል
_____2ይ ዜናመዋእል
_____መጽሓፍእዝራ
_____መጽሓፍነህምያ
_____ትንቢት ኣሞጽ
_____ትንቢት ሆሴእ
_____ትንቢት ሚክያስ
_____ትንቢት ኢሳይያስ 1-12
_____ትንቢት ጸፎንያስ

______ትንቢት ኤርምያስ 1-25ን 30-33ን
_____ትንቢት ናሆም
______ትንቢት ኣንባቆም
______ትንቢት ህዝቅኤል 1-24ን 33-39ን
______ትንቢት ኣብድያ
_____ድጉዓ ኤርምያስ
_____ትንቢት ኢሳይያስ40-66
_____ትንቢት ዘካርያስ1-8
_____ትንቢት ሚልክያስ
_____ትንቢት ዮኤል
_____መጽሓፍ ሩት
_____ትንቢት ዮናስ
_____መዝሙርዳዊት
_____መጽሓፍ እዮብ
_____መጽሓፍ ምሳሌ 1-9
_____መያልየ መሃልይ
_____መጽሓፍ መክብብ
_____መጽሓፍ ኣስቴር
_____ትንቢት ዳንኤል

# እቲ ምሉእ መደብ

**ምሉእ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ሓደ ዓመት ንብምሉኡ መጽሓፍ ቅዱስ ይወስደካ።**

**ጥሪ**

_____1. **ዘፍጥረት** 1-2
______2. **ዘፍጥረት** 3-5
______3. **ዘፍጥረት** 6-9
______4. **ዘፍጥረት** 10-11
______5. **ዘፍጥረት** 12-15
______6. **ዘፍጥረት** 16-19
______7. **ዘፍጥረት** 20-22
______8. **ዘፍጥረት** 23-26
______9. **ዘፍጥረት** 27-29
______10. **ዘፍጥረት** 30-32
______11. **ዘፍጥረት** 33-36
______12. **ዘፍጥረት** 37-39
______13. **ዘፍጥረት** 40-42
______14. **ዘፍጥረት** 43-46
______15. **ዘፍጥረት** 47-50
______16. **እዮብ** 1-4
______17. **እዮብ** 5-7
______18. **እዮብ** 8-10
______19. **እዮብ** 11-13
______20. **እዮብ** 14-17
______21. **እዮብ** 18-20
______22. **እዮብ** 21-24
______23. **እዮብ** 25-27
______24. **እዮብ** 28-31
______25. **እዮብ** 32-34
______26. **እዮብ** 35-37
______27. **እዮብ** 38-42
______28. **ዘጸኣት** 1-4
______29. **ዘጸኣት** 5-7
______30. **ዘጸኣት** 8-10

**ለካቲት**

______1. **ዘጸኣት** 14-17
______2. **ዘጸኣት** 18-20
______3. **ዘጸኣት** 21-24
______4. **ዘጸኣት** 25-27
______5. **ዘጸኣት** 28-31
______6. **ዘጸኣት** 32-34
______7. **ዘጸኣት** 35-37
______8. **ዘጸኣት** 38-40
______9. **ዘሌዋውያን** 1-4
______10. **ዘሌዋውያን** 5-7
______11. **ዘሌዋውያን** 8-10
______12. **ዘሌዋውያን** 11-13
______13. **ዘሌዋውያን** 14-16
______14. **ዘሌዋውያን** 17-19
______15. **ዘሌዋውያን** 20-23
______16. **ዘሌዋውያን** 24-27
______17. **ቁጽሪ** 1-3
______18. **ቁጽሪ** 4-6
______19. **ቁጽሪ** 7-10
______20. **ቁጽሪ** 11-14
______21. **ቁጽሪ** 15-17
______22. **ቁጽሪ** 18-20
______23. **ቁጽሪ** 21-24
______24. **ቁጽሪ** 25-27
______25. **ቁጽሪ** 28-30
______26. **ቁጽሪ** 31-33
______27. **ቁጽሪ** 34-36
______28. **ዘዳግም** 1-3

______31. **ዘጸኣት** 11-13

(**ምሉእ መደብ ይቕጽል**)

**መጋቢት**

______1. **ዘዳግም** 4-6
______2. **ዘዳግም** 7-9
______3. **ዘዳግም** 10-12
______4. **ዘዳግም** 13-16
______5. **ዘዳግም** 17-19
______6. **ዘዳግም** 20-22
______7. **ዘዳግም** 23-25
______8. **ዘዳግም** 26-28
______9. **ዘዳግም** 29-31
______10. **ዘዳግም** 32-34
______11. **እያሱ** 1-3
______12. **እያሱ** 4-6
______13. **እያሱ** 7-9
______14. **እያሱ** 10-12
______15. **እያሱ** 13-15
______16. **እያሱ** 16-18
______17. **እያሱ** 19-21
______18. **እያሱ** 22-24
______19. **መሳፍንቲ** 1-4
______20. **መሳፍንቲ** 5-8
______21. **መሳፍንቲ** 9-12
______22. **መሳፍንቲ** 13-15
______23. **መሳፍንቲ** 16-18
______24. **መሳፍንቲ** 19-21
______25. **ሩት** 1-4
______26. 1**ይ ሳሙኤል** 1-3
______27. 1**ይ ሳሙኤል** 4-7
______28. 1**ይ ሳሙኤል** 8-10
______29. 1**ይ ሳሙኤል** ll-13
______30. 1**ይ ሳሙኤል** 14-16
______31. **ቀዳማይ ሳሙኤል** 17-20

**ሚያዝያ**

______1. **ቀዳማይ ሳሙኤል** 21-24
______2. **ቀዳማይ ሳሙኤል** 25-28
______3. **ቀዳማይ ሳሙኤል** 29-31
______4. **ካልኣይ ሳሙኤል** 1-4
______5. **ካልኣይ ሳሙኤል** 5-8
______6. **ካልኣይ ሳሙኤል** 9-12
______7. **ካልኣይ ሳሙኤል** 13-15
______8. **ካልኣይ ሳሙኤል** 16-18
______9. **ካልኣይ ሳሙኤል** 19-21
______10. **ካልኣይ ሳሙኤል** 22-24
______11. **መዝሙር ል**-3
______12. **መዝሙር** 4-6
______13. **መዝሙር** 7-9
______14. **መዝሙር** 10-12
______15. **መዝሙር** 13-15
______16. **መዝሙር** 16-18
______17. **መዝሙር** 19-21
______18. **መዝሙር** 22-24
______19. **መዝሙር** 25-27
______20. **መዝሙር** 28-30
______21. **መዝሙር** 31-33
______22. **መዝሙር** 34-36
______23. **መዝሙር** 37-39
______24. **መዝሙር** 40-42
______25. **መዝሙር** 43-45
______26. **መዝሙር** 46-48
______27. **መዝሙር** 49-51
______28. **መዝሙር** 52-54
______29. **መዝሙር** 55-57
______30 **መዝሙር** 58-60

(ምሉእ መደብ ይቕጽል)

**ግንቦት**

______1. **መዝሙር** 61-63
______2. **መዝሙር** 64-66
______3. **መዝሙር** 67-69
______4. **መዝሙር** 70-72
______5. **መዝሙር** 73-75
______6. **መዝሙር** 76-78
______7. **መዝሙር** 79-81
______8. **መዝሙር** 82-84
______9. **መዝሙር** 85-87
______10. **መዝሙር** 88-90
______11. **መዝሙር** 91-93
______12. **መዝሙር** 94-96
______13. **መዝሙር** 97-99
______14. **መዝሙር** 100-102
______15. **መዝሙር** 103-105
______16. **መዝሙር ዳዊት** 106-108
______17. **መዝሙር** 109-111
______18. **መዝሙር** 112-114
______19. **መዝሙር** 115-118
______20. **መዝሙር** 119
______21. **መዝሙር** 120-123
______22. **መዝሙር** 124-126
______23. **መዝሙር** 127-129
______24. **መዝሙር** 130-132
______25. **መዝሙር** 133-135
______26. **መዝሙር** 136-138
______27. **መዝሙር** 139-141
______28. **መዝሙር** 142-144
______29. **መዝሙር** 145-147
______30. **መዝሙር** 148-150
______31. 1**ይ ነገስታት** 1-4

**ሰነ**

______1. **ምሳሌ** 1-3
______2. **ምሳሌ** 4-7
______3. **ምሳሌ** 8-11
______4. **ምሳሌ** 12-14
______5. **ምሳሌ** 15-18
______6. **ምሳሌ** 19-21
______7. **ምሳሌ** 22-24
______8. **ምሳሌ** 25-28
______9. **ምሳሌ** 29-31
______10. **መክብብ** 1-3
______11. **መክብብ** 4-6
______12. **መክብብ** 7-9
______13. **መክብብ** 10-12
______14. **መሃልየ** 1-4
____ 15. **መዝሙር** 5-8
______16. 1 **ነገስት** 5-7
______17. 1 **ነገስት** 8-10
______18. 1 **ነገስት** 11-13
______19. 1 **ነገስት** 14-16
______20. 1 **ነገስት** 17-19
______21. 1 **ነገስት** 20-22
______22. **ካልኣይ ነገስት** 1-3
______23. **ካልኣይ ነገስት** 4-6
______24. **ካልኣይ ነገስት** 7-10
______25. **ካልኣይ ነገስት** 11-14፡20
______26. **ዮኤል** 1-3
______27. **ካልኣይ ነገስት** 14፡21-25፤ **ዮናስ** 1-4
______28. **ካልኣይ ነገስት** 14፡26-29፤ **ኣሞጽ** 1-3
______29. **ኣሞጽ** 4-6
______30. **ኣሞጽ** 7-9

(ምሉእ መደብ ይቕጽል)

**ሓምለ**

______1. **ካልኣይ ነገስት** 15-17
______2. **ሆሴእ** 1-4
______3. **ሆሴእ** 5-7
______4. **ሆሴእ** 8-10
______5. **ሆሴእ** 11-14
______6. **ካልኣይ ነገስት** 18-19
______7. **ኢሳያስ** 1-3
______8. **ኢሳያስ** 4-6
______9. **ኢሳያስ** 7-9
______10. **ኢሳያስ** 10-12
______11. **ኢሳያስ** 13-15
______12. **ኢሳያስ** 16-18
______13. **ኢሳያስ** 19-21
______14. **ኢሳያስ** 22-24
______15. **ኢሳያስ** 25-27
______16. **ኢሳያስ** 28-30
______17. **ኢሳያስ** 31-33
______18. **ኢሳያስ** 34-36
______19. **ኢሳያስ** 37-39
______20. **ኢሳያስ** 40-42
______21. **ኢሳያስ** 43-45
______22. **ኢሳያስ** 46-48
______23. **ኢሳያስ** 49-51
______24. **ኢሳያስ** 52-54
______25. **ኢሳያስ** 55-57
______26. **ኢሳያስ** 58-60
______27. **ኢሳያስ** 61-63
______28. **ኢሳያስ** 64-66
______29. **ሚክያስ** 1-4
______30. **ሚክያስ** 5-7
______31. **ናሆም** 1-3

**ነሓሰ**

______1. **ካልኣይ ነገስት** 20-21
______2. **ጸፎንያስ** 1-3
______3. **ኣንባቆም** 1-3
______4. **ካልኣይ ነገስት** 22-25
______5. **ኦብድያ/ኤርምያስ** 1-2
______6. **ኤርምያስ** 3-5
______7. **ኤርምያስ** 6-8
______8. **ኤርምያስ** 9-12
______9. **ኤርምያስ** 13-16
______10. **ኤርምያስ** 17-20
______11. **ኤርምያስ** 21-23
______12. **ኤርምያስ** 24-26
______13. **ኤርምያስ** 27-29
______14. **ኤርምያስ** 30-32
______15. **ኤርምያስ** 33-36
______16. **ኤርምያስ** 37-39
______17. **ኤርምያስ** 40-42
______18. **ኤርምያስ** 43-46
______19. **ኤርምያስ** 47-49
______20. **ኤርምያስ** 50-52
______21. **ድጒዓ ኤርምያስ** 1-5
______22. 1**ይ ዜና መዋእል** 1-3
______23. 1**ይ ዜና መዋእል** 4-6
______24. 1**ይ ዜና መዋእል** 7-9
______25. 1**ይ ዜና መዋእል** 10-13
______26. 1**ይ ዜና መዋእል** 14-16
______27. 1**ይ ዜና መዋእል** 17-19
______28. 1**ይ ዜና መዋእል** 20-23
______29. **ቀዳማይ ዜና መዋእል** 24-26
______30. 1**ይ ዜና መዋእል** 27-29
______31. 2**ይ ዜና መዋእል** 1-3

**መስከረም**

______1. 2ይ ዜና መዋእል 4-6
______2. 2ይ ዜና መዋእል 7-9
______3. 2ይ ዜና መዋእል 10-13
______4. 2ይ ዜና መዋእል 14-16
______5. 2ይ ዜና መዋእል 17-19
______6. 2ይ ዜና መዋእል 20-22
______7. 2ይ ዜና መዋእል 23-25
______8. 2ይ ዜና መዋእል 26-29
______9. 2ይ ዜና መዋእል 30-32
______10. 2ይ ዜና መዋእል 33-36
______11 ህዝቅኤል 1-3
______12 ህዝቅኤል 4-7
_____13 ህዝቅኤል 8-11
_____14 •ህዝቅኤል 12-14
_____15•ህዝቅኤል 15-18
_____16•ህዝቅኤል 19-21
______17•ህዝቅኤል 22-24
______18•ህዝቅኤል 25-27
______19 •ህዝቅኤል 28-30
______20•ህዝቅኤል 31-33
______21•ህዝቅኤል 34-36
______22•ህዝቅኤል 37-39
______23•ህዝቅ ኤል 40-42
______24•ህዝቅኤል 43-45
______25•ህዝቅኤል 46-48
______26•ዳንኤል 1-3
_______27•ዳንኤል 4-6
______28•ዳንኤል 7-9
______29•ዳን ኤል 10-12
______30•ኣስቴር 1-3
______31•ሉቃስ 10-13

**ጥቅምቲ**

______1. ኣስቴር 4-7
______2. ኣስቴር 8-10
______3. እዝራ 1-4
______4. ሃጌ 1-2/ዘካርያስ 1-2
______5. ዘካርያስ 1-2
______6. ዘካርያስ 3-6
______7. ዘካርያስ 7-10
______8. እዝራ 5-7
______9. እዝራ 8-10
______10. ነህምያ 1-3
______11 ነህምያ4-6
_______12•ነህምያ 7-9
_______13•ነህምያ 10-13
______14•ሚልክያስ 1-4
______ 15•ማቴዎስ 1-4
_______16•ማቴዎስ 5-7
_____17•ማቴዎስ 8-11
_____18•ማቴ12-15
_____19•ማቴዎስ16-1
_____20•ማቴዎስ 20-22
_____21•ማቴዎስ 23-25
_____22•ማቴዎስ 26-28
_______23•ማርቆስ 1-3
_______24• ማርቆስ4-6
______25•ማርቆስ7-10
______26•ማርቆስ 11-13
______27•ማርቆስ 14-16
______28•ሉቃስ 1-3
______29•ሉቃስ4-6
______30•ሉቃስ 7-9

(ምሉእ መደብ ይቕጽል)

## ሕዳር

___1• **ሉቃስ** 14-17
____2•**ሉቃስ** 18-21
____3 **ዮሃንስ** 1-3
_____4. **ዮሃንስ** 1-3
____5•**ዮሃንስ** 4-6
______6•**ዮሃንስ** 7-10
______7•**ዮሃንስ** 11-13
______8•**ዮሃንስ** 14-17
______9•**ዮሃንስ** 18-21
______10•**ግብሪ ሃዋርያት** 1-2
______11•**ግብሪ ሃዋርያት** 3-5
______12•**ግብሪ ሃዋርያት** 6-9
______13•**ግብሪ ሃዋርያት** 10-12
______14•**ግብሪ ሃዋርያት** 13-14
______15•**ያእቆብ** 1-2
______16•**ያእቆብ** 3-5
______17•**ገላትያ** 1-3
______18•**ገላትያ** 4-6
______19•**ግብሪ ሃዋርያት** 15-18፥11
______20•1**ይ ተሰሎንቄ** 1-5
______21•2**ይ ተሰሎንቄ** 1-3
______22•1**ይ ቆረንቶስ** 1-4
______23•1**ይ ዮሃንስ** 3-5
______24•2**ይ ዮሃንስ**፥ 3**ይ ዮሃንስ**
______25•**ራእይ** 1-3 **ይሁዳ**
______26•**ራእይ** 4-6
______27•**ራእይ** 7-9
______28•**ራእይ** 10-12
______29•**ራእይ** 13-15
______30•**ራእይ** 16-18
**______31 ራእይ 19-22**
**______31 ራእይ 19-22**

## ታሕሳስ

______1•**ሮሜ** 5-8
______2. **ሮሜ** 9-11
_______3 **ሮሜ** 12-16
______4 **ግብሪ** 20:3-22
_______5 **ግብሪ** 23-25
______6 **ግብሪ** 26-28
______7 **ኤፌሶ** 1-3
______8 **ኤፌሶ** 4-6
______9 **ፍሊጲ** 1-4
______10 **ቆሎሴ** 1-4
______11 **እብ** 1-4
______12 **እብ** 5-7
______13 **እብ** 8-10
______14 **እብ** 11-13
______15 **ፊሊሞ**/ 1 **ጴጥ** 1-2
______16 1 **ጴጥ** 3-5
______17 2 **ጴጥ** 1-3
______18 1**ጢሞ** 1-3
______19 1**ጢሞ** 4-6
______20 **ቲቶስ** 1-3
______21 2**ጢሞ** 1-4
______22 1**ዮሃ** 1-2 **ግብ** 18፥12-19፥10
______23 1**ቆሮ** 5-8
______24 1**ቆሮ** 9-12
______25 1**ቆሮ** 13-16
______26 **ግብ** 19-11-20፥1 2**ቆሮ** 1-3
______27 2**ቆሮ** 4-6
______28 2**ቆሮ** 7-9
______29 2**ቆሮ** 110-13
______23 **ግብሪ** 20 2/ **ሮሜ** 1-4

# ርእሰ-ፈተነ

1. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኽሪ ጽሓፋ።

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

2. ኣብ ብሉይ ኪዳን ክንደይ ጽሑፋት ኣሎ፧

______________________________________________

3. ኣብ ሓድሽ ኪዳን ክንደይ ጽሑፋት ኣሎ፧

______________________________________________

4. መጽሓፍ ቅዱስ ንምንባብ ስርዓታዊ መደብ ምሓዝ ኣገዳሲ ዝኾነ ስለምንታይ እዩ፧

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

5. ዕዉት ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ንኸነንብብ ዚሕግዙ ኣርባዕተ ኣገባባት መነመን እዮም ነይሮም፧

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

(መልሲ ገምጋምታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።)

## ዝያዳ መጽናዕቲ መጽናዕቲ

- ንኣብዚ ምዕራፍ ዝተዋህበ ናይ ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ መጽሓፍ ቅዱስ መግለጺታት ዳግማ ግበር ።
- ስም ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ታሕቲ ጽሓፍ።
- ንነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ ዘለዎ ትሕዝቶኡ ብሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ቃላት ኣጠቓልል።
- እቲ 1ይቲን 2ይቲን መጽሓፍቲ ከም ኣብነት ተገይሮም ኣለዉ።

(ንነገራት ብኸምዚ ኣገባብ ብምሕጻር፡ ብዛዕባ ትሕዝቶ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ሓፈሻዊ ፍልጠት ክተማዕብል ትኽእል ኢኻ።)

| **ስምመጽሓፍ** | **ትሕዝቶ** |
| --- | --- |
| ዘፍጥረት | መጽሓፍ መጀመርታ |
| ዘጸኣት | ካብ ግብጺ ምውጻእ |

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

# ምዕራፍ ሰለስተ
# ትርጉማት መጽሓፍ ቅዱስ

## ዕላማታት፤

*ዕላማ ናይዚ ምዕራፍ ነዚ ዝስዕብ ንክትክእል ኢዩ፤*

- *ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኽሪ ምጽሓፍ።*
- *መጽሓፍ ቅዱስ እተጻሕፈሉ ሰለስተ ቛንቋታት ምስማይ።*
- *"ትርጉም" ዝብል ቃል ምግላጽ።*
- *ኣብ መንጎ ትርጉማን መልሰ ሓረግ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ፍልልይ ምግላጽ።*

## መሪሕ ጥቕሲ

*"**እግዚኣብሄር ቃሉ ይህብ፣ እተን ሓጎስ ዜበስራ ዓብዩ ጭፍራ እየን።**" (መዝ 68:11)*

## መእተዊ

*እዛ ምዕራፍ እዚኣ፡ መጽሓፍ ቅዱስ እተጻሕፈሉ በዅሪ ቛንቋታት ኣላልያ፡ ቅዱሳት ጽሑፋት ናብ ካልእ ቋንቋታት ብኸመይ ከም እተተርጐመ ትገልጽ። ኣብዛ ምዕራፍ ውን ኣብ መንጎ ትርጉምን መልሰ ሓረግን መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ፍልልይ ክትመሃር ኢኻ። ካብ እተፈላለየ ትርጉማት መጽሓፍ ቅዱስ ዚርከብ ኣብነታት ተዋሂቡ ኣሎ።*

## ሰለስተ ቋንቋታት

*መጽሓፍ ቅዱስ ፈለማ ብሰለስተ ቋንቋታት እዩ ተጻሒፉ። ብዘይካ ገለ ክፋል መጽሓፍቲ ዳንኤልን ነህምያን ብኣራማይስጢ ዝተጻሕፈ መብዛሕትኡ ናይ ብሉይ ኪዳን ብእብራይስጢ እዩ ተጻሒፉ። ሓድሽ ኪዳን ድማ ብግሪኽኛ እዩ ተጻሒፉ።*

*ኣብዚ እዋን እዚ ዋላ ሓደ እኳ ካብቲ ናይ መጀመርታ ኢደ-ጽሑፋት መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ህላወ የለን። ገለ ጽቡቓት ቅዳሓት ናይቲ መበቀላዊ ኢደ-ጽሑፍ ግን ኣለዉ ። ትርጉማት መጽሓፍ ቅዱስ ከኣ ዝተተርጐሙ ናይዞም ቅዳሓት እዮም። ካብ ቀዳሞት ዘመን ዝነበሩ ሰባት ኩሉ ሰብ ብቋንቋኡ ከንብቦ መጽሓፍ ቅዱስ ምትርጓም ኣድላይ ምዃኑ ይርእዩ ነይሮም።*

*ክልተ ቋንቋታት ልክዕ ክመሳሰሉ ስለ ዘይከኣል ዝኾኑ ትርጉማት ልክዕ ክኾኑ ኣይከኣልን። ገሊኡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ቓላት ኣብ ካልእ ቛንቋታት ክሰኣን ይኽእል እዩ። ንኣብነት ኣብ ኤኳዶር፡ ደቡብ ኣመሪካ፡ ኣውካ ህንዳውያን ተባሂሉ ትጽዋዕ ቀቢላ ህንዳውያን ኣሎ። ሚስዮናውያን ንመጀመርታ ግዜ ክረኽብዎም ከለዉ፡ እዞም ህንዳውያን ከመይ ጌሮም ከም ዘንብቡን ከም ዝጽሕፉን ኣይፈልጡን ነበሩ። ኣብ ቋንቋኦም "ጽሑፍ" ወይ "መጽሓፍ" ዝብሉ ቃላት ኣይነበሩን።*

*ህንዳውያን ኣውካ ኣብ ንብረቶም መለለዪ ምልክት ናይ ምቕራጽ ልምዲ ነይርዎም። ኣብ ቋንቋኦም ንቅዱሳት ጽሑፋት፡ ንጽሑፍ ወይ መጽሓፍ ዝኸውን ቃላት ስለዘይነበረ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ንዓኣቶም ክትርጎም ከሎ "ቅርጺ ኣምላኽ" ተባሂሉ ይጽዋዕ ነበረ። እዚ ኸኣ ናይ ኣምላኽ ነገር ምዃኑ ኣለልዩዎ። እዚ ሓደ ካብቶም ብዙሓት ናይ መጽሓፍ ቅዱስና ብእተፈላለየ ቋንቋታት ንምትርጓም ዘጋጠሙ ጸገማት እዩ።*

## ትርጉማትን ሕጡብ ጽሑፋትን

*ብዙሕ እተፈላለየ ትርጉማት መጽሓፍ ቅዱስ ኣሎ። "ትርጉም" ዝብል ቃል ትርጉሙ፡ ብኻልእ ቋንቋ ዝተጻሕፈ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ። ክልተ ቀንዲ ዓይነት ትርጉማት መጽሓፍ ቅዱስ ኣለዉ፡ ትርጉማትን መልሳ ሓረግን እዮም።*

## ትርጉም፤

ትርጉም ማለት እተን ናይ ግሪኽን እብራይስጥን ኣራማይክን ቃላት ብጭቡጥ እንታይ ከም ዝብላ ንምግላጽ ዝግበር ጻዕሪ እዩ። ብዝተኻእለ መጠን ቃል ብቓል ትርጉም ይህብ። ተወሳኺ ቃላት ዝኣትዉ ኣንባቢ ትርጉም ንኽርድኦ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ጥራይ እዩ።

## መልሳ ሓረግ፤

መልሳ ሓረግ ቃል ብቓል ክትርጉም ኣይፍትንን እዩ። ሓሳብ ብሓሳብ እዩ ዝትርጉም። መልሳ ሓረግ ማለት ትርጉም ሓደ ጽሑፍ ዳግማይ ምግላጽ እዩ። መልሳ ሓረግ ሽርኽርናት ንምንባብን ንምርዳእን ዝቐለለ እዩ ምኽንያቱ ንሳቶም ዳግማይ ብዘመናዊ ቃላትን ሰዋሰውን ዝተጻሕፉ ኮይኖም ግን ልክዕ ትርጉም ቃል ኣምላኽ ኣይኮኑን።

ኣብዚ ምዕራፍ እዚ "ዝያዳ መጽናዕቲ መጽናዕቲ" ዝብል ክፋል፡ ካብ ሓያሎ ናይ እንግሊዝኛ ትርጉማት መጽሓፍ ቅዱስ ኣብነታት ንዓኻትኩም ከተነጻጽርዎ ይህበኩም። እዚኣቶም ነቲ ኣብ ትርጉም መልሳ ሓረግን ብኻልእ ኣዘራርባን ዘሎ ፍልልይ ዜርኢ እዩ።

## ምምራጽ ናይ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ

ንዕላማታት እዚ ኮርስን ብሓፈሻ ንመጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስን፡ ነቲ ኪንግ ጄምስ ዝበሃል መጽሓፍ ቅዱስ ክትጥቀሙ ንመክር። ናይዚ ሓያሎ ምኽንያታት ኣለዉ፤

## መጀመርታ:

መጽሓፍ ቅዱስ ኪንግ ጀምስ ኣዝዩ ልክዕን ንዕቱብ መጽናዕቲ ጽቡቕ ትርጉም ዘለዎን እዩ። ሓደ ብመልሳ ሓረግ እተጻሕፈ ትርጉም ብልክዕ ቓል ብቓል እተተርጐመ ቅዱሳት ጽሑፋት ኣይሓዘን እዩ።

## ካልኣይ:

ንኪንግ ጀምስ ትርጉም ዝኸውን ተወሳኺ ናይ መጽናዕቲ መሳርሒታት ኣሎ። ንጽሑፍ ኪንግ ጀምስ ዝተጻሕፉ ብዙሓት ስምምዕን መዝገበ ቃላትን ሓተታታትን ኣለዉ።

## ሳልሳይ:

ትርጓመ ኪንግ ጄምስ ቅዳሕ ዝኹነ ይኹን ካልእ ትርጉም ብብዝሒ ቋንቋታት ይርከብ። ናይ ዓለምለኻዊ ትካል እቶት ቀውዒ ኮርሳት ኣብ መላእ ዓለም ስለ ዝጥቀሙ፡ ነዚ ትርጉም መጽሓፍ ቅዱስ ዝመረጽናዮ ብብዙሕ ቋንቋታት ስለ ዝርከብ እዩ። ብቋንቋኻ ዝበለጸ ስለ እትሓስብን እትርድኦን መጽሓፍ ቅዱስ ብቋንቋኻ ምህላው ኣገዳሲ እዩ።

ናይ ኪንግ ጀምስ ቅዳሕ መጽሓፍ ቅዱስ እንተዘይብልኩም ናብ ማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ ኣመሪካ ኣብ P.O. ሳጹን 5601፡ ግራንድ ሴንትራል ስቴሽን፡ ኒውዮርክ፡ ኒውዮርክ 10164፡ ዩ.ኤስ.ኤ. መጽሓፍ ቅዱስ ኪንግ ጀምስ ሽርኽርን ብቛንቋኻ ዘይርከብ እንተ ረኺብካዮ ወይ መጽሓፍ ቅዱስ ንምርካብ እንተ ተጸጊምካ፡ ናብ ዩናይትድ ባይብል ሶሳይቲስ፡ ባይብል ሃውስ፡ P.O. ሳጹን 755፡ ሽቱትጋርት 1፡ ጀርመን። ንሳቶም ዝርዝር "ቅዱሳት ጽሑፋት ዓለም" ይሕዙ እዮም በዚ ድማ ንኹሎም ኣብ ዓለም ዘለዉ ብቋንቅኦም ዝተሓትመሎም መጽሓፍ ይሕዙ።

እንግሊዝኛ ተንብብ እንተኾንካ ግን ውሱን ቃላት እንተሃልዩካ፡ "መጽሓፍ ቅዱስ ብመሰረታዊ እንግሊዝኛ" ክትረክብ ትደሊ ትኸውን። እዚ ምሉእ ብሉይን ሓድሽን ኪዳን ብመሰረታዊ 1000 ቃላት መዝገበ ቃላት ጥራይ ብምጥቓም ብእንግሊዝኛ ዝተጻሕፈ እዩ፡ ዝያዳ መጽናዕቲ ሓበሬታ ናብ ካምብሪጅ ዩኒቨርሲቲ ፕረስ፡ ኒውዮርክ፡ ኒውዮርክ፡ U.S.A.

## ሕታማት ቀይሕ ሕብሪ ፊደል

ሓያሎ ትርጉማት መጽሓፍ ቅዱስ ብ "ሕታማት ቀይሕ ሕብሪ ፊደል " ተባሂሎም ይጽውዑ። ኣብዘን ሕታማት መጽሓፍ ቅዱስ፡ ቃላት የሱስ ብቐይሕ ተሓቲሞም ኣለዉ። ዝተረፈ ጽሑፍ መጽሓፍ ቅዱስ ድማ ብጸሊም ቀለም ተሓቲሙ ኣሎ።

ብቋንቋኹም ቀይሕ ፊደል ዘለዎ ሕታም ናይ ኪንግ ጀምስ ቅዳሕ እንተሃልዩ፡ ክትረኽብዎ ንመክር። የሱስ ዝመሃሮ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ትኹረት ናይ ዓለምለኻዊ ትካል እቶት ቀውዒ ስልጠና ኮይኑ ቀይሕ ፊደል ዘለዎ ሕታም ንትምህርቱ ዘጉልሕ እዩ።

## ጽማቕ

**እዚ ዚስዕብ ሰንጠረዠ፡ እተፈላለየ ትርጉማት መጽሓፍ ቅዱስ ብኸመይ ከም ዝማዕበለ ብሓጺሩ እዩ ዚገልጽ፦**

**መጽሓፍ ቅዱስ፡**

**መንፈስ ኣምላኽ ዝነፈሶ**

|

**ንቅዱሳት ሰባት ምስ ተገለጸሎም ብቋንቋ**

**እብራይስጢ፡ ግሪኽን ኣራማይስጢን ጸሓፍዎ**

|

**ናብ ብዙሕ ቋንቋታት ምስ ተተርጎመ**

|

**ናብ ትርጉማትን መልሳ ሓረጋትን ትርጓመ መጽሓፍ ቅዱስ**

## ርእሰ-ፈተነ

1. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኸሪኻ ጽሓፋ።

2. "ትርጉም" ዝብል ቃል እንታይ ማለት እዩ፧

3. ኣብ መንጎ ትርጉምን መልሳ ሓረግን መጽሓፍ ቅዱስ እንታይ ፍልልይ ኣሎ፧

4. ኣብዚ ትምህርቲ እዚ ኣየናይ ትርጉም መጽሓፍ ቅዱስ እዩ ዚጥቀም፧

5. ትርጉም መጽሓፍ ቅዱስ ልክዕ ዘይኩነ ስለምንታይ እዩ፧

6. መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ መጀመርታ እተጻሕፈሉ ሰለስተ ቛንቋታት እንታይ እዮም፧

(መልሲ ገምጋምታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።)

## ዝያዳ መጽናዕቲ መጽናዕቲ

**ኣብ መንጎ እቶም እተፈላለዩ ትርጉማት መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ፍልልይ ንምግላጽ፣ ነቲ ኣብ ዮሃንስ 3:16 ዘሎ ጽሑፍ መሪጽናዮ ኣለና። እቶም ተዘርዚሮም ዘለዉ ትርጉማት፣ እቶም ብእንግሊዝኛ እተጻሕፉ ትርጉማት መጽሓፍ ቅዱስ እዮም።**

**King James Version**: For God so loved the world that He gave his only begotten Son that whosoever believeth in Him should not perish but have everlasting life.

**New King James Version**: For God so loved the world that He gave His only begotten Son, that whoever believes in Him should not perish but have everlasting life.

**Revised Standard Version**: For God so loved the world that He gave His only Son, that whoever believes in Him should not perish but have eternal life.

**LivingBible**: For God loved the world so much that He gave His only Son so that anyone who believes in Him shall not perish but have eternal life.

**New American Standard Bible**: For God so loved the world, that He gave His only begotten Son, that whoever believes in Him should not perish, but have eternal life.

**New English Bible**: God loved the world so much that He gave His only Son, that everyone who has faith in Him may not die but have eternal life.

**Amplified Version**: For God so greatly loved and dearly prized the world that He (even) gave up His only-begotten (unique) Son, so that whoever believes in (trusts, clings to, relies on) Him shall not perish-come to destruction, be lost-but have eternal (everlasting) life.

**Phillips**: For God loved the world so much that He gave His only Son, so that everyone who believes in Him should not be lost, but should have eternal life.

**Wurst**: For in such a manner did God love the world, insomuch that His Son, the uniquely-begotten One, He gave, in order that every one who places his trust in Him may not perish but may be having life eternal.

**Moffat**: For God loved the world so dearly that He gave up His only Son, so that everyone who believes in Him may have eternal life instead of perishing.

## ካልኣይ ክፋል፡ ምድላው መጽናዕቲ

# ምዕራፍ ኣርባዕተ
# ቅድሚ ምጅማርካ

### ዕላማታት፤

ዕላማ እዚ ምዕራፍ ነዚ ዝስዕብ ክትክእል ኢዩ፤

- ነታ መሪሕ ጥቅሲ ካብ ዝኽሪ ምጽሓፍ።
- ውጽኢታዊ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ንኽህልወካ ቕድሚ ኾነታት ምልላይ።
- ኣምላኽ ቃሉ ንምጽናዕ ክሕግዙና ዘዳለዎም ክልተ መገድታት ምፍላጥ።
- ናይ መንፈስ ቅዱስ ናይ ምምሃር ኣገልግሎት ኣፍልጦ ምህላው።
- ኣብ መንጎ ጸባን ዕጹም ብልዒ ን ቃል ኣምላኽ ዘሎ ፍልልይ ምግላጽ።
- ካብ ጸባ ናብ ዕጹም ብልዒ ቃል ኣምላኽ ንምስግጋር ዝሕግዙ ሰለስተ ስጉምትታት ምልላይ።
- ቃል ኣምላኽ ንምጽናዕ ዚሕግዝ ሰለስተ ግብራዊ ሓሳባት ምዝርዛር።

### መሪሕ ጥቅሲ

> ***"እቲ ኻብ ኣምላኽ ዝኾነ ንቓል ኣምላኽ ይሰምዕ እዩ። ንስኻትኩም ግና ካብ ኣምላኽ ኣይኰንኩም እሞ፡ ስለዚ ኢኹም ዘይትሰምዑ። (ዮሃ 8፡47)***

### መእተዊ

ብዙሓት ሰባት ከምቲ ምስ ዝኾነ ካልእ መጽሓፍ ዘጽንዕዎ ኣገባብ መጽናዕቲ ጌሮም ንመጽሓፍ ቅዱስ ከጽንዑ ክጅምሩ ይፍትኑ እዮም። መጽሓፍ ቅዱሶም ወሲዶም ከፊቶም ከንብቡ ይጅምሩ። መብዛሕትኡ ግዜ ግን መጽናዕቶም ነዊሕ ኣይጸንሕን እዩ። ነቲ ዘንበብዎ ንምርዳእ የጸግሞም እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ምስ መዓልታዊ ናብራ ብኸመይ ከም ዚተሓሓዝ ኣየስተውዕሉን እዮም፣ ዋላ እውን ምናልባት ድኹም መጽሓፍ ኹይኑ ይመስሎም ይኸውን። መጽሓፍ ቅዱስ ውሑዳት ሰባት ጥራይ ንቓል ኣምላኽ ኪርድእዎ ከም ዚኽእሉ እዩ ዝገልጽ። ሰባት ኣብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዝፈሸሉሉ ምኽንያት፡ ቃል ኣምላኽ ንምጽናዕ ብመንፈስ ድሉዋት ስለዘይኮኑ እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ ናብ ቅድሚ ኣምላኽ ዝወስድ ማዕጾ እዩ። ብድሕሪ እቲ ማዕጾ እቲ ዓበይቲ መንፈሳዊ ሃብቲ ኣሎ። ግን ማዕጾ ክትከፍት መፍትሕ ክህልወካ ኣለዎ እንተዘይኮይኑ ኣቲኻ ነዞም ሃብትታት ክትድህሰሶም ፈጺምካ ኣይትኽእልን ኢኻ። መጽሓፍ ቅዱስ ንቓል ኣምላኽ ብኸመይ ከም እንርድኦ ይገልጽ እዩ። ናብ መንፈሳዊ ርድኢት ዝወስድ ማዕጾ ንክትኸፍት መፍትሕ እዩ ዝሀብ።

### ቅድመ-ኩነት መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ

ቅድመ ኩነት ቅድሚ ካልእ ምግባርካ ክትገብሮ ዘለካ ነገር እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ቃል ኣምላኽ እዩ። ከም ካልእ መጽሓፍ ኣይኮነን ከም ካልኦት ጽሑፋት ድማ ከተጽንዖ ኣይትኽእልን ኢኻ። እቲ ዓሚቑ መንፈሳዊ ነገራት ኣምላኽ ክትርድኦ እንተደሊኻ ቅድሚ ምጅማርካ ክትገብሮም ዘለካ ነገራት ኣለዉ።

መጽሓፍ ቅዱስ ክትርድኦ እንተደሊኻ መጀመርያ ደራሲ መጽሓፍ ቅዱስ ክትፈልጥ ኣለካ። የሱስ ከምዚ ይብል፡

*"እቲ ኻብ ኣምላኽ ዘኹነ ንቓል ኣምላኽ ይሰምዕ እዩ። ንስኻትኩም ግና ካብ ኣምላኽ ኣይኰንኩም እሞ፡ ስለዚ ኢኹም ዘይትሰምዑ።" (ዮሃ 8፡47)*

ንኣምላኽ ከይፈለጥካ ቃላት ኣምላኽ ክትርድኦ ኣይትኽእልን ኢኻ። ከመይ ጌርካ ኢኻ ንኣምላኽ ትፈልጦ፣ የሱስ ነቲ ኣብ ህዝቢ እስራኤል መራሒ ሃይማኖት ዝነበረ ኒቆዲሞስ ከምዚ በሎ፡

*ካብ ላዕሊ እንተ ዘይተወለደ፡ ንመንግስቲ ኣምላኽ ክርእያ ዚኽእል ከም ዜልቦ፡ ብሓቂ እብለካ ኣለኹ፡ (ዮሃ3፡3)*

ሓደ ሰብ ዝተማህረ፡ ምሁር፡ ባህሊ ዘለዎ፡ ዋላ ሃይማኖታዊ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ እንተኾነ ግን ብሓድሽ ልደት መንፈሳዊ ኣዒንቱ ክሳብ ዝኽፈት፡ ርድኢት ቅዱሳት ጽሑፋት ካብኡ ክሕባእ እዩ።

ኒቆዲሞስ ንየሱስ "እዚ ደኣ ከመይ ኢሉ ክኸውን ይከኣል፧" ኢሉ ሓተቶ። የሱስ እንታይ ማለቱ ምዃኑ ኣይተረድኦን። የሱስ ድማ ከምዚ ኢሉ መለሰሉ፡

*"ንስኻ መምህር እስራኤል ኢኻ፡ እዚዶ ኣይትፈልጥን፧" (ዮሃ 3፡10)*

ኒቆዲሞስ መራሒ ሃይማኖት እስራኤል እዩ ነይሩ: ኰይኑ ግና፡ ብዛዕባ ዳግማይ ምውላድ ኣይፈልጥን ነይሩ። ኣረ ንሱ ሓተተ

*"ንሰብከ ምስ ኣረገ፡ ኪውለድ ከመይ ኢሉ ይከኣሎ፧ መሊሱ ናብ ከርሲ ኣዲኡ ኣትዩስ ኪውለድዶ ይከኣሎ እዩ፧" (ዮሃ3፡4)*

የሱስ ንኒቆዲሞስ እቲ ዝዛረበሉ ዝነበረ ሓድሽ ልደት መንፈሳዊ ልደት ምዃኑ ገለጸሉ። እዚ ናይ ሓድሽ ልደት ተመክሮ ብእምነት ብየሱስ ክርስቶስ እዩ ዝመጽእ። ሓጥእ ምዃንካ ክትናዘዝ ኣለካ። የሱስ ስለ ሓጢኣትካ ከም ዝሞተ ኣሚንካ፡ ስለ ሓጢኣትካ ይቕረታ ክትልምን ከም ናይ ግሊ መድሓኒኻ ጌርካ ክትቕበሎን ኣለካ።

እቲ ዳግማይ ዘይተወልደ ሰብ ንሓቂ ቃላት ኣምላኽ ክቕበል ኣይክእልን እዩ፤

*"እቲ ስጋዊ ሰብ ነቲ ኣብ መንፈስ ኣምላኽ ዘሎ ኣይቕበሎን ፣ ብመንፈስ ዚምርመር ስለ ዝኾነ፡ ንእኡ ዕሽነት እዩ እሞ፡ ክስተውዕሎ ኣይከኣሎን እዩ።" (1ቆሮ 2፡14)*

እቲ ዘይደሓነ ሰብ ንመጽሓፍ ቅዱስ ብስነ-ጽሑፋዊ ጽባቐኡን ዋጋኡን ኬድንቖ ይኽእል ይኸውን። ብታሪኽ ወይ ብጂኦግራፈያዊ ኣገባብ ከጽንዖ ይኽእል እዩ። እቲ መንፈሳዊ ሓቅታት ቃል ኣምላኽ ግን ሕድገት ሓጢኣት ክሳብ ዝረክብ ተሓቢኡ ክጸንሕ እዩ፤

*"ቃል መስቀል ነቶም ዚጠፍኡ ዕሽነት እዩ። ንዓና ንንድሕን ግና ሓይሊ ኣምላኽ እዩ።"(1ቆሮ 1፡18)*

## ኣምላኽ ዝሀቦ ኣቕርቦት

ካብታ ንየሱስ ከም መድሓኒኻ ተቐቢልካ ነቲ ሓድሽ መንፈሳዊ ልደት ዝረኣኻ እዋን ጀሚርካ፡ ኣእምሮኻ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዘሎ መንፈሳዊ ሓቅታት ክርዳእ ክጅምር እዩ። ልክዕ ከምቲ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ዓለም ሓድሽ ዝተወልደ ህጻን ካብ መግቢ ስጋዊ መግቢ ዘድልዮ፡ ብመንፈስ ዳግማይ ዝተወልደ ሰብ እውን መግቢ የድልዮ እዩ። ነዚ መንፈሳዊ ዕብየትን ምዕባለን ዝኸውን መግቦም ቃል ኣምላኽ እዩ። እግዚኣብሄር ቃሉ ከተጽንዕ ዝሕግዘካ ክልተ መገድታትኣሎ፤

### መምህራን፤

እግዚኣብሄር ኣብ ቤተ ክርስቲያን ንገለ ኣመንቲ ከም መራሕቲ ይመርጾም እዩ። ሓደ ካብቲ ፍሉይ ናይ መሪሕነት ቦታታት መምህር ቃል ኣምላኽ ምዃን እዩ፤

*"ኣምላኽ ድማ ንገሊኦም ኣብ ማሕበር ቅድም ሃዋርያ፡ ካልኣይ ነብያት፡ ሳልሳይመምህራን......ሰርዔ።" (1ቆሮ 12፡28)*

***“ኩላትና ናብ ሕብረት እምነት፡ ናብ ፍልጠት ወዲ ኣምላኽ፡ ናብ እኹል ሰብኣይ፡ ናብ ልክዕ ምልኣት ብጽሕና ክርስቶስ ክሳዕ እንበጽሕ፡ እቶም ቅዱሳን ነቲ ግብሪ ኣገልግሎትንምህናጽ ሲጋ ክርስቶስ ምሉኣት ምእንቲ ኪኾኑ ኢሉ፡ ንሱ ገሊኦም ሃዋርያት ገሊኦም ድማ ነብያት፡ ገሊኦም ከኣ ወንጌላውያን፡ ገሊኦምውን ጓሶትን መምህራንን ኪኾኑ ሀበ።” (ኤፌሶን 4፥11-13)***

ኣምላኽ ንቓል ኣምላኽ ንምግላጽን ናብ መንፈሳዊ ብስለት ዝመርሑኻን መምህራን የዳልወልካ እዩ።

## ፍሉይ መምህር፤

ኣምላኽ ቃሉ ክትመሃረሉ እትኽእለሉ ካልኣይ መገዲ ኣለዎ። ባዕልኻ ከተጽንዖ ይእዝዘካ እዩ፤

> ***“ንርእስኻ እቲ ቓል ሓቂ ብቕንዕና ዜማቕል፡ ዜሕፍር ዘብሉ ፍቱን ዓያዪ ጌርካ፡ ንኣምላኽ ከተርእዮ ጸዓር።” (2ይ ጢሞ 2፥15)***

እግዚኣብሄር ቃሉ ከተጽንዕ ከለኻ ዝሕግዘካ ፍሉይ መምህር ኣዳልዩልካ ኣሎ። የሱስ ኣብ ምድሪ ክነብር ከሎ ብውልቁ ንሰዓብቱ ሓቅታት ኣምላኽ ምሂርዎም እዩ። የሱስ ግን ድሕሪ ሞቱን ትንሳኤኡን ናብ ሰማይ ከም ዝምለስ ስለ ዝፈልጥ ንሰዓብቱ ቃል ኣምላኽ ንኽርድኡ ዝሕግዞም ፍሉይ መምህር ከም ዝለኣኽ ነገሮም። እቲ መምህር እቲ መንፈስ ቅዱስ እዩ፤

> ***“እቲ ኣቦይ ብስመይ ዚሰዶ መጸናንዒ፡ መንፈስ ቅዱስ፡ ንሱ ኹሉ ክምህረኩም፡ ዝነገርኩኹም ዘበለውን ኬዘኻኽረኩም እዩ።” (ዮሃ 14፥26)***
>
> *“እቲ መንፈስ ሓቂ ምስ መጸ ግና፡ ንሱ ዝሰምዖ ዘበለ እዩ ዚዛረብ እምበር፡ካብ ርእሱ ኣይዛረብን እዩ እሞ፡ ንሱ ነቲ ዝመጽእ ከፍልጠኩም፡ ናብ ኵሉ ሓቂውን ኪመርሓኩም እዩ።”(ዮሃ16፥13)*

ምጽኣት መንፈስ ቅዱስ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ምዕራፍ 2 ተመዝጊቡ ኣሎ። ነዛ ምዕራፍ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ኣንብብ። እግዚኣብሄር ነዚ ተመሳሳሊ ምምላእ መንፈስ ቅዱስ ከተስተማቕር ይደልየካ እዩ። ብመንፈስ ቅዱስ ኣቢልካ ኢኻ ቃሉ ንምርዳእ ፍሉይ ክእለት ካብ ኣምላኽ ትረክብ፤

> ***“ንስኻትኩምሲ፡ ከምቲ ቕብኣት ብዛዕባ ኹሉ ዚምህረኩም ዘሎ፡ ሓቂውን እዩ፡ ሓሶት ኣይኮነ፡ እሞ ከምቲ ንሱ ዝመሃረኩም ኴንኩም፡ ኣብኡ ክትነብሩ ኢኹም። እምብኣርከ እቲ ኻብኡ እተቐበልኩምዎ ቕብኣት ኣብኻትኩም ይነብር ኣሎ እሞ፡ ሓደ እኳ ኺምህረኩም ኣየድልየኩምን እዩ።” (1ዮሃ2፥27)***

መንፈስ ቅዱስ ፈጣሪ ዝኾነ ሓይሊ እዩ። መንፈስ ኣምላኽ እዩ ናብ ሰብ ትንፋስ ህይወት ዘስተንፈሰ (ዘፍጥረት 2፡7) ። ንሱ እቲ ንየሱስ ካብ ምዉታት ዘተንስኦ መንፈስ እዩ (ሮሜ 8፡11)። ንሱ እዩ እቲ ተራ መጽናዕቲ ወሲዱ ናብ ፈጠራዊ መጽናዕቲ ቃል ኣምላኽ ዝቕይሮ።

ኣብ መእተዊ ናይዚ ኮርስ ፈጠራ ምኻን ማለት ሓድሽ ነገር ምፍራይ እዩ ኢልና ነይርና። ትምህርቲ መንፈስ ቅዱስ ሓድሽ ዋሕዚ መንፈሳዊ ርድኢት የፍሪ። መንፈስ ቅዱስ ንመጽሓፍ ቅዱስ ሓድሽን ፍሩይን ምስ ህይወትካ ዝዛመድን ይገብሮ።

## ቃል ኣምላኽ፡ ጸባን ዕጹም ብልዒን

ኣብ ቃል ኣምላኽ ክልተ ደረጃታት መንፈሳዊ ዕምቀት ኣሎ። ነዚኦም ድማ ደረጃ "ጸባ"ን ደረጃታት "ዕጹም ብልዒን"ን ንብሎ። "ጸባ" ቃል ኣምላኽ ንሓደ ህጻን ከይተረፈ ክርድኦ ዝኽእል ቀለልቲ ሓቅታት ከም መደብ ድሕነት ዘመልክት እዩ። "ዕጹም ብልዒን" ቃል ኣምላኽ ንዓሚቕ መንፈሳዊ ሓቅታት ዘመልክት ኮይኑ ብቐሊሉ ንምርዳእ ዘይከኣል እዩ።

ገለ ሰባት ንየሱስ ከም መድሓኒኦም ተቐቢሎም ብመንፈስ ቅዱስ ዝተመልኡ እኳ እንተኾኑ ብዛዕባ ቃል ኣምላኽ ዘለዎም ርድኢት ግን ዝዓብዩ ኣይመስሉን እዮም። ክሳብ ሕጂ ጸባ ቃል ይምገቡኣለዉ። ኣብ ስጋዊ ዓለም ንሓድሽ ዝተወልደ ህጻን ጸባ ዝኾነ ጸገም የብሉን። ኣብ መንፈሳዊ ዓለም እውን ከምኡ። ዳግማይ ምስ ተወለድካ ጸባ ቃል ኣምላኽ ክትምነ ይግባእ፤

> ***“ከምቶም ሕጂ እተወልዱ ህጻናት ነቲ ሕዋስ ዘብሉ መንፈዊ ጸባ ብሃግም።” (1ጴጥ 2፥2)***

ኣብ ስጋዊ ዓለም ፡ሓደ ህጻን ብኣካል ክበስል ምስዝጅምር ጽኑዕ መግቢ ክበልዕ ክጅምር ዘለዎ እዋን ይመጽእ እዩ። እዚ ኣብ መንፈሳዊ ዓለምውን ሓቂ እዩ። ካብ ጸባ ቃል ኣምላኽ ናብ ዕጹም ብልዒ ክትሰግር ዘለካ እዋን ኣሎ፤

*"ጸባ ዚቕለብ ዘበለ ኹሉ ቈልዓ እዩ እሞ፡ ብናይ ጽድቂ ነገር ፍቱን ኣይኰነን። ዕጹም ብልዒ ግና ነቶም ጸቡቕን ክፉእን ንምፍላይ ብምልማድ ንልቦናኦም ዜላምዱ ብጹሓት እዩ።" (እብ 5 ፡13-14)*

ጳውሎስ ኣመንቲ ካብ መንፈሳዊ ጸባ ናብ ዕጹም ብልዒ ዝሰጋገሩሉ ግዜ ምስበጽሐ ገሊኦም ድሉዋት ከምዘይነበሩ ተዛሪቡ።

*"ከም ምንዋሕ ዘመኑስ መምህራን ክትኰኑ ምተገብኣኩም ነይሩ፡ ነቲ ናይ መጀመርታ ትምህርቲ ቓልዑ ናይ ቃል ኣምላኽ ከም ብሓድሽ ኪምህሩኹም የድልየኩም ኣሎ እሞ ጸባ ደኣ እምበር፡ ዕጹም ብልዒ ኣየድልየኩምን እዩ።"*

*(እብ 5 ፡12)*

እዚ ስለምንታይ እዩ ነይሩ፧ ስለምንታይ እዩ ገለ ኣመንቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ ኣዕሚቖም ክኣትዉ ከለዉ ገሊኦም ድማ ኪኖ ናይ ገጽ ርድኢት መጽሓፍ ቅዱስ ፈጺሞም ዘይኣትዉ፧ ስለምንታይ እዮም ገለ ሰባት ኩሉ ግዜ ኣብ ክንዲ ነቲ ቃል ኣብ ህይወቶም ከጋጥሞም ዝደልዩስ ን"ዝዓሞቐ ፍልጠት" ኣብ ቃል ኣምላኽ ዝጠምዩ ዘለዉ፧ ጳውሎስ ከምዚ ኢሉ ጽሒፉኣሎ፤

*"ኣሕዋተየ፡ ኣነ ኸኣ ከም ንስጋውያን፡ ከም ንቘልዑ ብክርስቶስ እምበር፡ ከምንመንፈሳውያን ክዛረበኩም ኣይኰነለይን እዩ። ግና ስጋውያን ስለ ዝኾንኩም፡ ጸባ መገብኩኹም፡ ዕጽም ብልዒ ኣይኰነን። ግና ኣይከኣልኩምምን፡ ሕጂ እኳ ኣይትኽእልዎን ኢኹም። ቅንኣት ባእስን ካብ ዚህልወኩምሲ፡ ስጋውያን ምኻንኩምዶ ኣይኰነን፧ ከም ባህሊ ሰብዶ ትኸዱ ኣየለኹምን፧" (1ቆር 3፡1-3)*

ስጋዊ ኣእምሮ ዘለዎም ክርስትያናት ስለዝነበሩ ካብ ጸባ ናብ ዕጹም ብልዒ ክሰጋገሩ ኣይከኣሉን። እዚ ማለት ብመንፈስ ዘይበሰሉ ነይሮም ማለት እዩ። ኣብ ህይወቶም ቅንእን ባእስን ምፍልላይን ካልእ ሓጢኣትን ነበሮም። ሓደ ክርስትያን ስጋዊ ምስ ዝኸውን፡ ነቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዚርከብ ዓሚቕ ሓቅታት ኪርድኦ ኣይክእልን እዩ። ክሳብ ዝንስሓን ብመንፈሳዊ መዳይ ክሳብ ዓብዩ ንዕጹም ብልዒ ከሕቅቕ ክሳብ ዝኽእልን ኣብ ጸባ ክጸንሕ እዩ።

ካብ ጸባ ናብ ዕጽም ብልዒ ቃሉ ክንሰጋገር ድሌት ኣምላኽ እዩ። በዚ ኸምዚ ኢኻ ብዛዕባ ቃል ኣምላኽ ዘለካ ፍልጠት ተዕብዮ፤

*"ንመን ደኣ ፍልጠት ኪምህር እዩ፧ ንመንከ እዩ ነታ መልእኽቲ ኸም ዚስተውዕላ ዚገብር፧ ነቶም ጸባ ሓዲኦም ዝሐደጉ፡ ካብ ጡብ እተፈልዩ ድዩ፧" (ኢሳ 28፡9)*

ኣምላኽ መንፈሱ ዘፍስስ ኣብ ልዕሊ መንፈሳዊ ብሱላት ኣመንቲ ስለ ዝኾነ ካብ ጸባ ናብ ዕጽም ብልዒ ክትሰጋገር ኣገዳሲ እዩ፤

*"ንመን ደኣ ፍልጠት ኪምህር እዩ፧ ንመንከ እዩ ነታ መልእኽቲ ኸም ዚስተውዕላ ዚገብር፧ ነቶም ጸባ ሓዲኦም ዝሐደጉ፡ ካብ ጡብ እተፈልዩ ድዩ፧ ትእዛዝ ኣብ ልዕሊ ትእዛዝ፡ ትእዛዝ ኣብ ልዕሊ ትእዛዝ፡ ባህሊ ኣብ ልዕሊ ባህሊ፡ ባህሊ ኣብ ልዕሊ ባህሊ፡ ሒደት ኣብዚ፡ ሒደት ኣብቲእዩ። እምበኣርሲ ብወታእ ከናፍርን ብልሳን ጓናን ነዚ ህዝቢ እዚ ኺዛረቦ እዩ። ንሱውን፡ ዕረፍቲ እዚኣ እያ፡ ነቲ ድኹም ኣዕርፍዎ፡ እታ መቕሰኒት እዚኣ እያ፡ ኢልዎም ነይሩ፡ንሳቶም ግና ምስማዕ ኣበዩ።"* (ኢሳ 28፡9-12)

እግዚኣብሄር ንህዝቡ ብፍሰት መንፈስ ቅዱስ ክባርኾም እዩ ዝደለየ። ኣበራቢሩ መንፈሳዊ ዕረፍቲ ክህቦም ደለየ፡ ቃላቱ ስለ ዘይሰምዑ ግን ክኣትዉ ኣይከኣሉን። ካብ ጸባ ቃል ስለዘይተቐንጠጡ ናብ መንፈሳዊ ዕጽም ብልዒ ክሰግሩኣይከኣሉን።

## ከመይ ጌርና ካብ ጸባ ናብ ዕጽም ብልዒ ንሰጋገር

ሕጂ፡ እቲ ዓቢ ሕቶ . . . ሓደ ሓድሽ ዝተወልደ ክርስትያን ካብ ጸባ ናብ ዕጽም ብልዒ ቃል ኣምላኽ ዝሰጋገር ብኸመይ እዩ፧ ትብል ሕቶ እያ።

## ንጸባ ተመነዮ፤

መጀመርያ ጸባ ቃል ክትምነዮ ኣለካ። ብዛዕባ መሰረታዊ መትከላት ቃል ኣምላኽ ርድኢት ክትረክብ ኣለካ፤

***"ከምቶም ሕጂ እተወልዱ ህጻናት ነቲ ሕዋስ ዜብሉ መንፈዊ ጸባ ብሃግም።" (1ጴጥ 2፡2)***

ብመንፈሳዊ ዕቡም ብልዒ ክትጅምር ኣይትኽእልን ኢኻ። መጀመርያ መንፈሳዊ ጸባ ምሕቃቕ ክትምነን ክትመሃርን ኣለካ።

## ንቓል ኣምላኽ እዙዝ ኩን፤

እዚ እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ስጉምቲ እዩ። ስጋውያን ክርስትያናት ነቲ ኣብ ጸባ ቃል ኣምላኽ ዝመሃርዎ ኣይእዘዙን እዮም ስለዚ ናብ ዕጽም ብልዒ ክበስሉ ኣይክእሉን እዮም። መጽሓፍ ቅዱስ ቃል ኣምላኽ ምስማዕ ጥራይ እኹል ከምዘይኮነ ይምህር። ተኣዛዚ ክትከውን ኣለካ። "ገባሪ" ቃል ክትከውን እምበር "ሰማዒ" ጥራይ ክትከውን የብልካን፤

***"ገበርቲ ቓሉ ኩኑ፡ ርእስኹም እናጠበርኩም ሰማዕቲ ጥራይ ኣይትኹኑ።" (ያእ 1፡22)***

መንፈሳዊ ርድኢት ምውሳኽ፡ ንቓል ኣምላኽ ብምስትንታንን ብምእዛዝን እዩ ዝመጽእ። ብኸምዚ ኢና ካብ ጸባ ናብ ዕጽም ብልዒ ንሰጋገር። ዳዊት ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ ኣሎ፤

> ***"ምስክራትካ ምስትንታነይ እዩ እሞ፡ ሓለፋ ኹሎም መምህራነይ ለባም ኰንኩ። ትእዛዛትካ ሐልየ እየ እሞ፡ ሓለፋ እቶም ሽማግሌታት ኣእምሮ ኣሎኒ። ቃልካ ምእንቲ ኽሕሉ፡ ኣእጋረይ ካብ ክፉእ ዘበለ መገዲ ኽልክልኩ። ንስኻ ምሂርካኒ ኢኻ እሞ፡ ካብ ፍርድኻ ኣይርሓቕን እየ። ቃላትካ ንትንሓገይ እምብዛ ጥዑም እዩ፡ ንኣፈይ ካብ መዓር ዝበለጸ ይምቅር። ሳላ ትእዛዛትካ ኣእምሮ ረኺበኹ፡ ስለዚ ኹሉ መገዲ ሓሶት ጸላእኩ።"*** (መዝሙ 119:99-104)

ዳዊት ትእዛዛት ኣምላኽ ስለ ዝሐሉን ገባሪ ቓልን ስለ ዝነበረ፡ ርድኢቱ እናወሰኸ ከደ። ኣብ ጸባ ቃል ዝተማሃርካዮ ስጉምቲ እንተዘይወሲድካ ኣምላኽ ናብቲ ዝዓሞቐ ምግላጽ ኣይወስደካን እዩ።

## ዕጽም ብልዒ ድለዩ፤

ኣብ ስጋዊ ዓለም ንዕጽም ብልዒ ምብላዕ ካብ ጸባ ምስታይ ዝያዳ ኣካላዊ ጻዕሪ ይሓትት። ኣብ መንፈሳዊ ዓለም እውን ከምኡ። ዕጽም ብልዒ ቃል ኣምላኽ ምርካብ ካብ ብጸባ ቃል ምንባር ዝያዳ መንፈሳዊ ጻዕሪ ይሓትት።

ምሳሌ ምዕራፍ 2 ከመይ ጌርና ዕጽም ብልዒ ከም እንደልዮ ትገልጽ፤

> ***"ወደየ፡ እዝንኻ ናብ ጥበብ ምእንቲ ኬቕልብ፡ ልብኻውን ናብ ምስትውዓል ምእንቲ ኺደንን ኢልካሉ፡ ንቓላተይ እንተ ተቐቢልካዮ፡ ንትእዛዛተይ ከኣ ምሳኻ እንተኣርኒብካዮ፡ እወ፡ ነእምሮ እንተ ጸዊዕካዮ፡ ንምስትውዓል ከኣ እንተ ኣድሂኽካዮ፡ ከም ንብሩር ጌርካ እንተ ደሌኻዮ፡ ከም ንሕቡእ መዝገብ ጌርካ ኸኣ ሃሰው እንተ በልካዮ፡ ሽዑ ንፍርሃት እግዚኣብሄር ክተስተውዕሎ፡ ንምፍላጥ ኣምላኽ ከኣ ክትረኽቦ ኢኻ።"*** (ምሳ 2፡15)

ፍልጠት ኣምላኽ ንምርካብን ንምርዳእን ዝሕግዙ ስጉምትታት እዚኦም እዮም፤

1. ቃላተይ ተቐበል፡ ክትመሃር ኣለካ።

2. ትእዛዛተይ ምሳኻ ኣርንብ፦ ነቲ ቃል ተቐቢልካ ኣብ ህይወትካን መንፈስካን ከተዋህህዶ ይግባእ። ምስቲ ኣነባብራኻ ክትሰማማዕ ነቲ ቃል ክትቅይሮ ኣይትፈትን።

3.እዝንኻ ናብ ጥበብ ኣቕልብ። ብሓቂ እግዚኣብሄር ብቃሉ ኣቢሉ ዝብለካ ዘሎ ስምዓዮ። ምስማዕ ኣብቲ ዝተጠቕሰሉ ቦታ ኣብ ምንባር ለውጢ የድሊ።

4. ልብኻ ናብ ምስትውዓል ኣድንን፦ ንቓል ኣብ ምርዳእ (ምትርጓም) ንርእስኻ ብትግሃት ኣተግብሮ።

5. ከም ብሩር ድለያ፡ ከም ሕቡእ መዝገብ ድለያ፡ ሓደ ሰብ ኣብ ንብረትካ ሕቡእ መዝገብ ኣሎ እንተዝብለካ፡ እንታይ ምገበርካ፧

ምኹዓት ምጀመርካ። ነቲ ሃብቲ ክሳብ እትረኽቦ ስርዓታዊ ምድላይ መካየድካ። ኣብ ህይወትካ ቀዳምነት ዝወሃቦ ምኾነ። ንቃል ኣምላኽ ቀዳምነት ሂብካ ብስርዓት ጥበቡ ክትደሊ ምስ ጀመርካ ክትረኽቦ ኢኻ። ግን ቀዳምነት ናይ ህይወት ክኸውን ኣለዎ። ከምቲ ሃብቲ ትደሊ ዘለኻ ጌርካ ብፍናንን ተወፋይነትን ክትቀርቦ ኣለካ።

ነዚ መምርሒታት ተኸቲልካ ዕጽም ብልዒ ቃል እግዚኣብሄር እንተ ደለኻዮ ውጽኢቱ እዚ እዩ፤

1. ሽዑ ፍርሃት እግዚኣብሄር ክተስተውዕሎ ኢኻ፡ ፍቕዲ 5

2. ፍልጠት ኣምላኽ ድማ ትረክብ፡ ፍቕዲ 5

3. ሽዑ ጽድቅን ፍርድን ቅንዕናን ክተስተውዕል ኢኻ። ፍቕዲ 9

4. ንነፍስኻ ባህ ዜብል ኪኸውን እዩ፡ (ዕግበት ኽትረክብ ኢኻ) ፍቕዲ 10

5. ምኽሪ ክትሕልወካ እያ፦ ምኽሪ ማለት ቅኑዕ ፍርድን ውሳነን ናይ ምሃብ ክእለት እዩ።ፍቕዲ11-12

6. ምስትውዓል ክተዕቍበካ እያ፡ ፍቕዲ 11-12

7. ካብ ኩሉ ክፉእ ክትናገፍ ኢኻ፡ ፍቕዲ 11-12

## ገለ ግብራዊ ሓሳባት

ንመጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዚኸውን ገለ ግብራዊ ሓሳባት እነሆ።

## ፍሉይ ግዜ ኣቐምጥ፤

ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ እተጽንዓሉ ፍሉይ ግዜ ኣቐምጥ። እቲ እትመርጾ ግዜ ኣብ ውልቃዊ መደብካ ወይ ኣብ ምርጫኻ ይምርኮስ። ገሊኦም ንግሆ ንግሆ ምስ ኣዕረፉ ክመሃሩ ይመርጹ። ገሊኦም ድማ ካልኦት ኩሎም ኣብ ቤቶም ዘለዉ ምስ ደቀሱ ዝበለጸ ግዜኦም ምሸት ምሸት ኮይኑ ይረኽብዎ። ዝመረጽካዮ ግዜ ብዘየገድስ፡ ቃሉ ንምጽናዕ ምስ ኣምላኽ ስሩዕ ቈጸራ ግዜ ጌርካ ፍለዮ።

## ፍሉይ ቦታ ምረጽ፤

ብዝተኻእለ መጠን ካብ ድምጽን ረበሻን ነጻ ዝኾነ ቦታ ምረጽ። ንዓይንኻ ከይረበሸካ ክተንብብ ዘኽእለካ ጽቡቕ መብራህቲ ምህላውካ ኣረጋግጽ። እንተ ተኻኢሉ፡ ንመጽናዕቲኻ ዝኸውን ናውቲ፡ ማለት መጽሓፍ ቅዱስ፡ ርሳስ፡ ወረቐት፡ ከምኡ'ውን ዝኾነ ክህልወካ ዝኽእል መጽሓፍ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ክትገድፈሉ እትኽእል ቦታ ምረጽ። በዚ ኸምዚ፡ መጽናዕትኻ ቕድሚ ምጅማርካ፡ ነዞም ነገራት እዚኣቶም ንምእካብ መዓልታዊ ግዜ ኸተሕልፍ ኣየድልየካን እዩ።

## ፍሉይ መንገዲ ጀምር፤

ነፍሲ ወከፍ መጽናዕቲ ብጸሎት ጀምሮ። ቃሉ ክትቅበል ምእንቲ ክትክእል ንኣምላኽ ርድኢትካ ክኸፍተልካ ለምኖ። ዘማሪ ዳዊት ከምዚ ኢሉ ጸለየ፤

***"ዎ እግዚኣብሄር፣ ኣውያየይ ኣብ ቅድሜኻ ይብጻሕ፣ ከም ቃልካ ኣናግረኒ።" (መዝ 119:169)***

## ርእሰ-ፈተነ

1. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኸሪ ጽሓፋ።

2. ብዙሓት ሰባት መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ኪጅምሩ ኽለዉ ዚፈሽሉ ስለምንታይ እዮም፧

3. "ቅድመ ኩነት" ዝብል ቃል እንታይ ማለት እዩ፧

4. መጽሓፍ ቅዱስ ንምርዳእ ዘድልየና ቐንዲ ቅድመ ኩነት እንታይ እዩ፧

5. እግዚኣብሄርቃሉ ከተጽንዕ ዝገብረካ ክልተ መገድታት ዘርዝር።

6. የሱስ ናብ ሰማይ ምስ ተመልሰ ካብ እግዚኣብሄር ዝተላእከ ዓቢ መምህር መን እዩ፧

7. "ጸባ " ቃል ኣምላኽ እንታይ ማለት እዩ፧

8. "ዕጽም ብልዒ " ቃል ኣምላኽ እንታይ ማለት እዩ፧

---

9. **ንሓደ ኣማኒ ካብ ጸባ ናብ ዕጽም ብልዒ ቃል ኣምላኽ ዘሰጋግሩ ሰለስተ ስጉምትታት ዘርዝር፤**

---

---

---

10. **ኣብዚ ምዕራፍ ዝተዘተየሎም ሰለስተ ሓሳባት ግብራዊ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዘርዝር፤**

---

---

---

(*መልሲ ገምጋምታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።*)

## ዝያዳ መጽናዕቲ መጽናዕቲ

1. ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ናብ 1ቆሮ3፡1-3 ተመለስ። ጳውሎስ ንስጋውያን ዝኾኑ ክርስትያናትንምግላጽ እተጠቐመሎም ሰለስተ ቓላት ዘርዝር።

_.______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

2. ካብ ምሳሌ 2: 1-5 ዕጽም ብልዒ ቃል ኣምላኽ ንምድላይ ዝተዋህበ ሓሙሽተ ስጉምትታት ዘርዝር።

______________________________________________

______________________________________________

3. ምሳሌ 2፡5-12 ኣጽንዕ። ነዚ ስጉምትታት እዚ ኣብ መጽናዕቲ ቓል ኣምላኽ ኣብ ግብሪ ብምውዓል 7 ውጽኢት ዘርዝር።

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

# ምዕራፍ ሓሙሽተ
# መሳርሒታት መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ

**ዕላማታት፤**

ነዛ ምዕራፍ ምስ ኣንበብካ ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ክትክእል ኢኻ

- መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኽሪ ምጽሓፍ።
- ሰለስተ ኣጠቓቕማታት ናይ ሓደ ኮንኮርዳንስ ምግላጽ።
- ኮንኮርዳንስ ምጥቃም።
- መዝገበ ቃላት መጽሓፍ ቅዱስ ምጥቃም።
- መጽሓፍ መጽናዕቲ ቓላት መጽሓፍ ምጥቃም።
- ኣርእስታዊ መጽሓፍ ትምህርቲ ምጥቃም።
- ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዚርከብ ኢንሳይክሎፒድያ ምጥቃም።
- ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዚርከብ ሓተታ ምትቃም።
- ኣትላስ መጽሓፍ ቅዱስ ምጥቃም።
- ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መምርሒ መጽሓፍ ምጥቃም።

## መሪሕጥቕሲ

> ***"ትእዛዛትካ ንሓዋሩ ምሳይ እዩ እሞ፡ሓለፋ ጸላእተይ ኣለበመኒ። ምስክራትካ ምስትንታነይ እዩ እሞ፡ ሓለፋ ኹሎም መምህራነይ ለባም ኰንኩ። ትእዛዛትካ ሐልየ እየ እሞ፡ ሓለፋ እቶም ሽማግሌታት ኣእምሮ ኣሎኒ።" (ዳዊት 119:98-100)***

### መእተዊ

ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ምሁራት፡ ንመጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዚሕግዙ ፍሉያት ጽሑፋት ጽሒፎም እዮም። እዛ ምዕራፍ እዚኣ፡ ነዚ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መጽናዕቲ መሳርሒታት ብኸመይ ከም እንጥቀመሉ ትገልጽ። መጽሓፍ ቅዱስ ንምጽናዕ እዞም ፍሉያት ጽሑፋት ምህላው ኣድላዪ ኣይኮነን። ዓቕሚ እንተ ዘይብልካ ወይ ክትረኽቦም እንተዘክኢልካ ኣይትሻቐል። እዚ ኮርስ እዚ ባዕልኻ መጽሓፍ ቅዱስ ብኸመይ ከም እተጽንዖ እዩ ዝምህረካ። ክህልወካ ዘድልየካ መጽሓፍ ቅዱስ ጥራይ እዩ።

ዋላኳ ኣብዚ እዋን እዚ እዞም መሳርሒታት እዚኣቶም እንተዘይብልካ፡ እንታይ ዓይነት ናይ መጽናዕቲ ሓገዝቲ ከም ዘለዉ ምፍላጥ ግን ሕጂ'ውን ኣገዳሲ እዩ። ነዚ ድማ ኢና ነዛ ብዛዕባ መሳርሒታት መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ እትገልጽ ምዕራፍ ዘእተናያ። ንመጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዚኸውን መሳርሒታት እንተ ረኺብካ፡ ብኸመይ ከም እትጥቀመሉ ኽትፈልጥ ንደሊ ኢና። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ጽሑፋት ክትረክብ እትኽእለሉ ሓያሎ መገድታት ኣሎ። ምናልባት ኣብ ክርስትያናዊ ድኳን ጽሑፋት ወይ ካብቲ ኣሕታሚ ብምዕዳግ ክትረኽቦም ትኽእል ኢኻ። ነዞም ጽሑፋት እዚኣቶም ክትገዝኦም ዓቕሚ እንተ ዘይብልካ፡ ምናልባት ክትልቃሖም ትኽእል ኢኻ። ኣብ ጥቓ ሓደ ክርስትያናዊ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ኮለጅ ትነብር እንተትኼንካ፡

ቤተ ጽሑፋትኦም ክትጥቀም ትኽእል ትኸውን። ምናልባት ኣብ ጥቓኻ ዚነብር ኣገልጋሊ ወይ ክርስትያን ዓርክኻ ገለ ኻብዚ ጽሑፋት እዚ ሒዝካ ኽትጥቀመሉ ይፈቕደልካ ይኸውን።

መሳርሕታት መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ኣገዳሲ እኳ እንተ ኾኑ፡ ንመጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ባዕሉ ኺትክእ ኣይክእልን እዩ። ነዞም መሳርሒታት እዚኣቶም ናትካ መጽናዕቲ ቃልኣምላኽ ምስ ገበርካ ጥራይ ኢኻ ክትጥቀመሎም ዘለካ። መጽሓፍ ቅዱስ ቅድሚ ምጽናዕካ ንመጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ምውካስ ንባዕሉ ንቓላት ኣምላኽ ቅድሚ ምጽናዕካ ብናይ ሰብ ርእይቶን ኣእምሮኻ ይጸልዎ እዩ። እቶም ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ሓተታታትን ካልእ ናይ መጽናዕቲ መሳርሒታትን ዝጽሕፉ ሰባት ካብ መጽሓፍ ቅዱስ እዮም ክሰርሕዎ ዝኽእሉ፡ እዚ ኸኣ ዝኾንን ተምሃራይ ክረኽቦ ዝኽእል መጽሓፍ እዩ።

ኣብ መጽናዕቲ ካልኦት ምጽጋዕ ኣድላዪ ኣይኮነን። ንመጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዚኸውን ናውቲ እንተ ዘይተረኺብካ፡ ተስፋ ኣይትቍረጽ። ኣብ ውሽጥኻ ናይ መንፈስ ቅዱስ ናይ ፈጣሪ ሓይሊ ሓዲሩ ኣሎ። ንሱ እቲ ብኣምላኽ ዝተላእከ ፍሉይ መምህር እዩ፡ ናብ ኩሉ ሓቂ ዝመርሓካ። እዚ ኸኣ ኻብቲ ኹሉ እቲ ብሰባት እተዋህበ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መጽናዕቲ ናውቲ ዝሓሸ እዩ። እዚ መሳርሕታት እዚ እንተድኣ ተረኺቡ፡ ነቲ ናይ ገዛእ ርእስኻ መጽናዕቲ ቃል ኣምላኽ ንምምልላእ ክትጥቀመሉ ተማሃር፡ ኣብኡ ግን ኣይትምርኮስ። ኣብ ፈጠራዊ ምግላጽ መንፈስ ቅዱስ ደኣተመርኮስ።

## Concordanace /ምትእስሳር/ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ

መጽሓፍ ቅዱሳዊ ምትእስሳር፡ ነተን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዚርከባ ቐንዲ ቓላት ብፊደላት ዚዝርዝር፡ ምስቲ ናይ ነፍሲ ወከፍ ቓል ቅጽበታዊ ዓውደ-ጽሑፍ ይህብ። እትዕድገሉ ገንዘብ ውሱን እንተ ኾይኑ፡ እዚ ንመጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዚኸውን ኣዝዩ ኣገዳሲ መሳርሒ ስለ ዝኾነ፡ 1ይ ምርጫኻ ኪኸውን ኣለዎ።

ክልተ ጽቡቓት/ concordance /ምትእስሳራት፤

ብኤርድማንስ ፓብሊሺንግ ካምፓኒ፡ ግራንድ ራፒድስ፡ ሚቺጋን፡ ዩ.ኤስ.ኤ.

ኤክስሃውስቲቭ ኮንኮርዳንስ ኦቭ ዘ ባይብል ብጀምስ ስትሮንግ ብኣቢንግዶን ፕረስ፡ ናሽቪል፡ ተነሲ፡ ዩ.ኤስ.ኤ. ተሓቲሙ (ስትሮንግስ ነዚ ዝሰዕብ መጽናዕቲ ንኣጠቓቕማ ኮንኮርዳንስ ዝገልጽ ተጠቒሙ ኣሎ።)

ምትእስሳር ብሰለስተ መገዲ ሓጋዚ እዩ፤

## 1. ንኹሎም መወከሲታት ናይ ሓደ ቃል ንምርካብ፤

ንኣብነት ብዛዕባ መላእኽቲ ከተጽንዕ እንተደሊኻ "መልኣኽ"ን "መልኣኽቲ"ን ዝብላ ቃላት ብኮንኮርዳንስ ክትደሊ ትኽእል ኢኻ። እዚ ቃላት እዚ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እተጠቕመሉ ነፍሲ ወከፍ ቦታ ምሉእ ዝርዝር ክትረክብ ኢኻ። ብዘይካዚ፡ ኣስማት ናይቶም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዚርከቡ ገጸ ባህርያት ኽትደሊን ነቲ ኮንኮርዳንስ ተጠቒምካ ኸኣ መጽናዕትታት ታሪኽ ህይወት ኽትገብርን ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት "ሙሴ" ዝብል ስም እንተደሊኻ ንኹሉ እቲ መጽሓፍ ቅዱስ ንዕኡ ዝምልከት መወከሲታት ይዝርዝረልካ እዩ።

ነፍሲ ወከፍ መወከሲ ሓደ ቃል ብቐዳመይቲ ፊደል ናይቲ ቃል ይውከል። ንኣብነት፡ ነቲ "ተወሊዱ" ዝብል ቃል ዝምልከት

ዝርዝር ርአ፤

| BEGOTTEN | | |
|---|---|---|
| b Seth were eight hundred years | Gen 5:4 | 3205 |
| b of thy father, she is thy | Lev 18:11 | 4138 |
| have I b them that thou | Num 11:12 | 3205 |
| The children that are b of them | Deut 238 | 3205 |
| and then sons of his body b | Judg8:30 | 3318 |
| or who hath b the drops of dew | Job38:28 | 3205 |
| this day have I b thee | Ps 2:7 | 3205 |
| thine heart, Who hath b me these | Is49:21 | 3205 |
| for they have b strange children | Hos5:7 | 3205 |
| as of the only b of the Father | Jn1:13 | 3439 |
| the only b Son, which is in the | Jn1:18 | 3439 |
| that he gave his only b Son | Jn3:16 | 3439 |
| the name of the only b Son of God | Jn3:18 | 3439 |
| my Son, this day have I b thee | Acts 13:33 | 1080 |

ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ።" ዝብል ጥቕሲ "ወዱ" ዝብል ቃል እንተ ዘኪርካያ "ወዱ" ዝብል ቃል ኣብ ቲኮንኮርዳንስ ክትጥምት ትኽእል ኢኻ። ኣብኡ ኩሉ መወከሲታት "ወዱ" ተዘርዚሩ ክትረኽቦ ኢኻ። እታ እትደልያ ጥቕሲ ክሳብ እትረክብ ኣብቲ ዝርዝር ውረድ ።"ንወዱ በኻ ክሳዕ ዚህብ፡ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ።" ነቲ ኮንኮርዳንስ ብምጥቃም እዛ ጥቕሲ ኣብ ዮሃንስ 3፡16 ከም እትርከብ ረኺብካያ ሕጂ ነታ ጥቕሲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ክትረኽባ ትኽእል ኢኻ።

## 3. ትርጉም ሓደ ቃል ንምርካብ፤

ኣብ መወዳእታ ነፍሲ ወከፍ ዝርዝር ኣብ ትሕቲ ሓደ ቃል ኣብቲ ኮንኮርዳንስ ቁጽሪ ክትረክብ ኢኻ። ኣብ ድሕሪት ናይቲ ኮንኮርዳንስ ክልተ መዝገበ ቃላት ኣለዋ። ሓደ መዝገበ ቃላት ብእብራይስጢ እዩ፣ እዚ ኸኣ እቲ ብሉይ ኪዳን እተጻሕፈሉ ቛንቋ እዩ። እቲ ካልእ መዝገበ ቃላት ድማ ብግሪኽኛ እዩ፣ እዚ ኸኣ እቲ ሓድሽ ኪዳን እተጻሕፈሉ ቛንቋ እዩ። ነዞም መዝገበ ቃላት እዚኣቶም ንምጥቃም እብራይስጢ ወይ ግሪኽ ምፍላጥ ኣየድልየካን እዩ። ኣብ መወዳእታ ናይቲ ዝርዝር ኣብቲ ኮንኮርዳንስ ዘሎ ቁጽሪ ተጠቐም፤

ዮሃ 3፡16 *ንወዱ በኻ ክሳዕ ዝሀብ* . . 5207

ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝተጠቕመሉ ቃል እንተኾይኑ ኣብ መዝገበ ቃላት እብራይስጢ ቁጽሪ ድለዩ። እቲ ቁጽሪ ኣብ መዝገበ ቃላት

**(1) (2) (3) (4)**
**3439 Hoyoyevhs monogenes, mon-og-en-ace';**
**(5)**
**from 3441 and 1096; only-born, i.e., sole-only begotten child.**

ግሪኽ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዝተጠቕመሉ ቃል እንተ ኾይኑ ድለዩ። "ወዱ" ዝብል ቃል ከምቲ ኣብ ዮሃንስ 3፡16 ዝተጠቕሰ ነጽንዕ ኣለና። ናይ ሓድሽ ኪዳን ቃል ስለ ዝኾነ ኣብመዝገበ ቃላት ግሪኽ ቁጽሪ 5207 ክንደሊ ኢና። ኣብ መዝገበ ቃላት ግሪኽ ዘሎ ዝርዝር ከምዚ ይመስል፤

ኣብ ሓዱር ( ) ዝርከቡ ቁጽርታት ምስ ዘጋጥሙኻ፡ ኣብቲ መዝገበ ቃላት ኣይርከቡን እዮም። እዚ ኮድ ዝተገብረልሉ ምኽንያት፡ ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ከብርህ እዩ፤

(1) እዚ እቲ ናይ ግሪኽ ቃል እትረኽበሉ ቁጽሪ እዩ።

(2) እዚ ብግሪኽ ዝተጻሕፈ ቃል እዩ።

(3) እዚ ኸኣ እታ ቓል ብግሪኽ ብኸመይ ከም እትድመጽ ዜርኢ እዩ።

(4)እዚ ነቲ ቃል ኣብ ፊደላት (ክፋላት) ምምቕቓሉን ነታ ቃል ብግሪኽ ክትዛረብ ከለኻ ላህጃ(ምጉላሕ) ኣበይ ከም ዝቕመጥን ዘርኢ እዩ።

(5) እዚ ቁጽሪ ናይቶም "ሱር" ቃላት "ወዱ" ዝብል ቃል ይህብ። እዚኦም እቶም "ወዱ" ዝብል ቃል ዝመጸሎም መበቀላውያን ቃላት እዮም። (እንተደሊኻ ኣብ መዝገበ ቃላት ግሪኽ እውን ነዚኦም ክትጥምቶም ትኽእል ኢኻ። ብቑጽሮም ድለዮም) ።

(6) እዚ ትርጉም ናይታ "ዝተወልደ" እትብል ቃል ይህብ።

ትርጉም ናይ ሓደ ቃል ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ምስ ዘይርድኣካ እዚ ኣገባብ መጽናዕቲ ቃላት ክሕግዘካ እዩ። ብዛዕባ መጽናዕቲ ቃላት ኣብዚ ኮርስ ድሒርካ ክትመሃር ኢኻ።

## መዝገበ ቃላት መጽሓፍ ቅዱስ

ሓደ መዝገበ-ቓላት መጽሓፍ ቅዱስ፡ ንቓላት መጽሓፍ ቅዱስ ብቅደም ተኸተል ፊደላት ዘርዚሩ፡ ትርጉም ነፍሲ ወከፍ ቓል ድማ ይገልጽ። መዝገበ ቃላት መጽሓፍ ቅዱስ ከም ሓደ ተራ መዝገበ ቃላት ኣይኮነን። ሓደ ተራ መዝገበ ቃላት ትርጉማት ቃላት ከምቲ ሕጂ ዝጥቀሙሉ ዘለዉ ይህብ። መዝገበ ቃላት መጽሓፍ ቅዱስ፡ ትርጉማት ናይ ቃላት መጽሓፍ ቅዱስ ከምቲ ኣብቲ መበቀላዊ ጽሑፍ ቅዱሳት ጽሑፋት ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ እዩ ዝህብ።

እዞም ዝስዕቡ ዝምክሩ መዝገበ ቃላት ናይ ኢንግሊዘኛ መጽሓፍ ቅዱስ እዮም፤

**BEARD(berd), with Asiaticsa badge of manly dignity in contrast to the Egyptians, who usually shaved the head and the face. As a sign of mourning, it was the custom to pluck it out or cut it off. The Israelites were forbidden to shave off the corners of the beards, probably because it was regarded as a heathenish sign (Lev. 19:27). To compel a man to cut off his beard was to inflict upon him a shameful disgrace (II Sam.10:4)**

መዝገበ ቃላት መጽሓፍ ቅዱስ ኡንገር ብሜሪል ኡንገር። ብሙዲ ፕረስ፡ ቺካጎ፡ ኢሊኖይ፡ ኣመሪካ ዝተሓትመ። ዞንደርቫን ስእላዊ መዝገበ ቃላት መጽሓፍ ቅዱስ ብሜሪል ሲ ተኒ ብዞንደርቫን ፓብሊሺንግ ሃውስ፡ ግራንድ ራፒድስ፡ ሚቺጋን፡ ዩ.ኤስ.ኤ.

## መጽሓፍቲ መጽናዕቲ ቃላት

ጽሑፋት መጽናዕቲ ቃላት፡ ኪኖ እቲ መሰረታዊ መዝገበ-ቓላት መጽሓፍ ቅዱስ ዝኸዱ እዮም። ነቲ ናይ ግሪኽ ወይ እብራይስጢ ቓልን ንሓንቲ ቓል እተዋህበ እተፈላለየ ትርጉማትን እዮም ዚህቡ። መጽሓፍ መጽናዕቲ ቃላት እውን ኣብ ኣየናይ ጥቕስታት ከም ዝጥቀም መወከሲታት ይህብ።

**AXE: From AXINE, an axe, kin to agumi, to break,
is found in Matthew 3:10 and Luke 3:9**

እዚ ዝርዝር እዚ ነቲ ናይ ግሪኽ ቃል የርኢ፣ ምስ ካልእ ቃል ("ኣጉሚ") ዝተኣሳሰር ምዃኑ ይነግር፣ ትርጉም ናይቲ ቃል ይገልጽ፣ ከምኡውን እቲ ቃል ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣበይ ከም ዝተጠቕመ ይሕብር። እዞም ዝስዕቡ ጽሑፋት መጽናዕቲ ቃላት

ይመኽሩ፤ መግለጺ መዝገበ ቃላት ሓድሽ ኪዳን ንመግለጺ መዝገበ ቃላት ብሉይ ኪዳን ንክልቲኦም ብW.E.ቫይን ብፍሌሚንግ ኤች ረቨል ካምፓኒ ዝተሓትመ፡ ኦልድ ታፓን፡ ኒው ጀርሲ፡ U.S.A.

## መጽሓፍ ቅዱስ ኢንሳይክሎፔድያ

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዚርከብ ኢንሳይክሎፔድያ እውን እተፈላለየ ጕዳያት መጽሓፍ ቅዱስን ቓላትን ብቕደም ተኸተል ፊደላት ዘርዚሩ ይገልጾ። ካብ መዝገበ ቃላት ንላዕሊ ግን ሰፊሕ ዘተ ይህብ።

እዞም ዝስዕቡ ዝምከሩ መጽሓፍ ቅዱስ ኢንሳይክሎፔድያታት እዮም፤

> **BEGOTTEN Heb. Yalad (Lev. 18:11; Job 38:28; Psalm 2:7; etc.); Gk. Yennao (Acts 13:33; Hebrews 1:5; 5:5).; NEB also “sired), “become your father”, etc. In the RSV the term occurs mainly of God’s act in making Christ His Son: “You are my son; today I have begotten you” (Psalm 2:7), quoted in Acts 13:33 in reference to His resurrection (Rom 1:4). The same passage is cited in Heb 1:5 as proving Christ’s filial dignity, transcending the angels in that “the name he has obtained is more excellent then theirs,” i.e.,the name of son; and again(5:5) of God’s conferring upon Christ the glory of the priestly office.**

ዊክሊፍ መጽሓፍ ቅዱስ ኢንሳይክሎፔድያ ብሲ.ኤፍ. ፋይፈር፡ ቪ.ኤፍ. ቮስን ጆን ርያን፤ ብሙዲ ፕረስ፡ ቺካጎ፡ ኢሊኖይ፡ ኣመሪካ ዝተሓትመ። ዘዞንደርቫን ፒክቶርያል ኢንሳይክሎፔድያ፡ (ሓሙሽተ ጥራዛት) ብዞንደርቫን ፓብሊሺንግሆ ኣጠቓቕማ፡ ግራንድ ራፒድስ፡ ሚቺጋን፡ኣመሪካ.

## ትንተናዊ/ COMMENTARY/ መጽሓፍ ቅዱስ

ሓተታ ማለት ብዛዕባ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝርከቡ ቅዱሳት ጽሑፋት ርእይቶታት ዝህብ መጽሓፍ እዩ። ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ ምዕራፍ ብምዕራፍን ጥቕሲ ብጥቕስን ርእይቶ ይህብ። ሓተታ ንምርዳእ ኣጸጋሚ ዝኾኑ ክፍልታት ኣብ ምግላጽ ሓጋዚ እዩ። ግን ዘክር፦ እዚ ሓደ ሰብ ንቅዱሳት ጽሑፋት እንታይ ማለት ምዃኑ ሓሳቡ ዝገልጽ ዘሎ እዩ። ሓተታታት ናይ ሰብ ርእይቶ ጥራይ እዩ። ነዚ እዩ ድማ መጽሓፍ ቅዱስ ባዕልኻ ከተጽንየን ኣብ ርእይቶታት ካልኦት ጥራይ ዘይምርኮስን ኣገዳሲ ዝኸውን።

ብዙሕ ዝተፈላለየ ሓተታታት መጽሓፍ ቅዱስ ኣሎ። ገለ ሓተታታት ሓደ ጥራዝ ዝሓዘ ኮይኑ ንብምሉኡ መጽሓፍ ቅዱስ ዝሸፍን እዩ። ካልእ ሓተታታት ድማ ንነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ መጽሓፍ ቅዱስ ሓንቲ መጽሓፍ ርእይቶታት ይውፍየላ። ጽቡቓት ሓሳባት እንሆ፤

ዘዊክሊፍ ባይብል ኮመንታሪ ብቻርለስ ኤፍፋይ ፈርን ኤቨረት ኤፍሃሪሰን ንኣብብ ሙዲፕረስ፡ ቺካጎ፡ ኢሊኖይ፡ዩ.ኤስ.ኤ. ብዞንደርቫን ፓብሊሺንግ ሃውስ፡ ግራንድ ራፒድስ፡ ሚቺጋን፡ ዩ.ኤስ.ኤ.

## መጽሓፍ ቅዱስ ኣትላስ

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዚርከብ ኣትላስ ወይ ጂኦግራፊ፡ ብዛዕባ እተን መጽሓፍ ቅዱስ ዚርከባ ሃገራት ዚገልጽ ካርታታትን ሓበሬታን ዝሓዘ እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ፍጻመታት ዘጋጠመሉ ጂኦግራፍያዊ ኹነታት ንምርካብን ንምርዳእን ይሕግዞካ። እዞም ዝስዕቡ ኣትላሳት ይምከሩ፤

ብቤከር ቡክ ሃውስ፡ ግራንድ ራፒድስ፡ ሚቺጋን፡ ዩ.ኤስ.ኤ. ብስክሪፕቸር ፕረስ፡ ዊተን፡ ኢሊኖይ፡ ዩ.ኤስ.ኤ. ኦክስፎርድ ባይብል ኣትላስ ብሀርበርት ጂ ሜይ ዝተሓትመ ብኦክስፎርድ ዩኒቨርሲቲ ፕረስ፡ ኒውዮርክ፡ ኒውዮርክ፡ U.S.A. ብማክሚላን ፓብሊሺንግ ካምፓኒ፡ ኒው ዮርክ፡ ኒው ዮርክ፡ ዩ.ኤስ.ኤ.

## ብኣርእስቲ ዝኾኑ ጽሑፋት ትምህርቲ

እርእሰቲ መጽሓፍ ትምህርቲ ንመጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ትሕቲ ዓበይቲ ኣርእሰቲ ዝርዝር ዝውድብን እዞም ኣርእሰታት ዝዝረበሎም ጥቕስታት ዝህብን መጽሓፍ እዩ። ካብ ኣርእስታዊ መጽሓፍ ትምህርቲ ዝተረኽበ ኣብነት እንሆ፤

**GIDEON. Call of by an angel, Judg.6:11,14. His excuses, Judg.6:15. Promises of the Lord to, Judg.6:16. Angel attests the call to, by miracle, Judg. 6:21-24. He destroys the altar of Baal, and builds one to the Lord, Judg. 6:25-27. His prayer tests, Judg.6:36-40. Leads an army against and defeats the Midianites, Judg.6:33-35;7;8:4-12. Ephriamites chide, for not inviting them to join in the campaign against Midianites, Judg.8:1-3. Avenges himself upon the people of Succoth, Judg. 8:14-17. Israel desires to make him king, he refuses, Judg. 8;22-23. Makes an ephod which becomes a snare to the Israelites, Judg. 8:24-27. Had seventy sons, Judg. 8:30. Death of, Judge 8:32; Faith of, Heb. 11:32.**

እዞም ዝስዕቡ እርእስታዊ ጽሑፋት ዝምከሩ እዮም፤

ናቨስ ቶፒካል ባይብል 20,000 ኣርእስታት ምስ 100,000 መወከሲታት መጽሓፍ ቅዱስ ዘርዚሩኣሎ። ብኦርቪል ጆይ ኔቭ ዝተጻሕፈት ኮይና ብጋርድያን ፕረስ፡ ግራንድ ራፒድስ፡ ሚቺጋን፡ U.S.A. ዞንደርቫን ቶፒካል ባይብል ብዞንደርቫን ፓብሊሺንግ ሃውስ፡ ግራንድ ራፒድስ፡ ሚቺጋን፡ ዩ.ኤስ.ኤ.

**መምርሒ መጽሓፍቲ መጽሓፍ ቅዱስ**

መብዛሕትኡ ግዜ መምርሒ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ ውሱናት እተመርጸ ሓበሬታ ዚገልጽ ብሓደ ጥራዝ እተጠቕሰ እዩ። ሓጋዚ ካርታን ሰንጠረዥን፡ ትርጕማት፡ ብዛዕባ ግዜ መጽሓፍ ቅዱስ ዚገልጽ ሓበሬታ፡ ከምኡውን ጽማቝ ጽሑፋት መጽሓፍ ቅዱስ ዝሓዘ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ዚሕብር መጽሓፍ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ መጽሓፍ ቅዱስ የቐርብ።

እዞም ዝስዕቡ ጽቡቕ መምርሒ መጽሓፍ ቅዱስ እዮም፤

ኡንገርስ ባይብል ሃንድቡክ፡ ሙዲ ፕረስ፡ ቺካጎ፡ ኢሊኖይ፡ ዩ.ኤስ.ኤ. ኤርድማንስ ሃንድቡክ ቱ ዘ ባይብል፡ ኤርድማንስ ፓብሊሺንግ ካምፓኒ፡ ግራንድ ራፒድስ፡ ሚቺጋን፡ ዩ.ኤስ.ኤ.

## ኢንተርነት

ነቶም ኮምፒተር ዚፈልጡን ኢንተርነት ዚጥቀሙን ሰባት፡ ንመጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዚኸውን ዜደንቕ ጸጋ እዩ። ኣብዚ ምዕራፍ እዚ እተጠቕሱ ብዙሓት መሳርሒታት መጽናዕቲ ሕጂ ብኢንተርነት ኣቢልካ ኽትረኽቦም ትኽእል ኢኻ። “ጸጋታት መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ” ወይ “መጽናዕትታት መጽሓፍ ቅዱስ” ዝብላ ቓንዲ ቓላት ኣእቱ። ኣርእሰቲ ናይቲ እትደልዮ ናይ መጽናዕቲ ሓገዝ እውን ከተእቱ ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት “Nave’s Topical Bible” ነዚ ጸጋ’ዚ ንዓኻ ዝኸውን ቦታ ከናድየልካእዩ።

## ርእሰ-ፈተነ

1. መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኸሪ ጽሓፍ።

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

2. ሰለስተ ቀንዲ ኣጠቓቕማታት ኮንኮርዳንስ እንታይ እዮም፧

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

3. ኣብ ሀ ዘሎ ምስ ኣብ ለ ዘሎ ኣዛምድ።

| ሀ | ለ |
| --- | --- |
| _እርእስቲ መምሃሪ መጽሓፍ | 1. ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ጥቕሲ ብጥቕሲ፡ምዕራፍ ብምዕራፍ ርእይቶታት ይህብ። |
| _መዝገበ ቃላት መጽሓፍ ቅዱስ | 2. ከም ስሩዕ መዝገበ ቃላት፡ ግን ንቓላት ከምኣብ ዘመናዊ ግዜ ዘይኮነስ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጠቒሙ ዘለዉዎ ይገልጾም። |
| __መጽሓፍ ቅዱስ ኢንሳይክሎፔድያ | 3. ብዛዕባ ጂኦግራፍያዊ ምድላው ካርታታትን ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ሓበሬታን ይህብ። |
| _ትንተና/ኮሞንታሪ | 4. ኣርእስታት መጽሓፍ ቅዱስን ንዕኦም ዝሽውን መወከሲታት ቅዱሳት መጻሕፍትን ይዝርዝር። |
| _መጽሓፍ ቅዱስ ኣትላስ | 5. ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ንላዕሊ ንቓላት መዝገበ ቃላት ብዝርዝር መብርሂ ይህብ። |
| መጽናዕቲ ቃላት | 6. ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ ሓፈሻዊ ሓበሬታታሪኽ ፡ድሕረ ባይታ፡ ወዘተ ይህብ። |

(መልሲ ገምጋምታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።)

## ንዝያዳ መጽናዕቲ

**ንመጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዚኸውን መሳርሒታት እንተ ረኺብካ፡ ነዚ ዚስዕብ ልምምዳት ምልኣዮ፦**

1. **ነዛ እትስዕብ ጥቕሲ ንምድላይ ኮንኮርዳንስ ተጠቐም። ነታ ጥቕሲ ምልኣያ እሞ ነቲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መወከሲ መዝግቦ፦**

**"ገለ ሰባት ነዚ ፍርዲ እዚ እተጻሕፉ፡ ፍርሃት ኣምላኽ ዜብሎም፡ ነቲ ጸጋ ኣምላኽ ናብ ርኽሰት ዚልውጥዎ፡ _"።**

**መወከሲ/ ጥቕሲ**:_________________________________

2. **ነታ "ዕብዳን" እትብል ቃል ንምጽናዕ ነቲ ኮንኮርዳንስን መዝገበ ቃላት መጽሓፍ ቅዱስን መጽሓፍ መጽናዕቲ ቃላትን ተጠቐም። ትርጉሙ ኣጠቓልል፤**

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

3. **ይሁዳ** 1:4 **ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ሓተታ ርአ እሞ ብዛዕባ እዛ ጥቕሲ እንታይ ርእይቶታት ከም እተዋህበ ርአ። ነቲ እተማሃርካዮ ብሓጺሩ ጽሓፍ፤**

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

# ምዕራፍ ሸዱሽተ
# ጠቕከላት ትርጉም

### ዕላማታት፤

*ዕላማ እዛ ምዕራፍ ምስ ወዳእካዮ ነዚ ዝስዕብ ክትክእልእዩ፤*

- *ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኽሪ ምጽሓፍ።*
- *ቃል ሓቂ "ብግቡእ ምምቃል" እንታይ ማለት ምዃኑ ግለጽ።*
- *መጽሓፍ ቅዱስ ብግቡእ ንምትርጓም ዘሕግዝ ሽዱሽተ ሕግታት ምዝካር።*
- *ነፍሲ ወከፍ ካብዞም ሽዱሽተ ሕግታት ምግላጽ።*
- *ቃላውን ምሉእን ምብርታዕ ምግላጽ።*

### መሪሕ ጥቕሲ

> ***"ንርእሰኻ እቲ ቃል ሓቂ ብቕንዕና ዘማቕል ዜሕፍር ዜብሉ ፍቱን ዓያዪ ጌርካ፡ ንኣምላኽ ክተርእዮ ጽዓር ።" (2ይ ጢሞ2፡15)***

### መእተዊ

ነቲ መሪሕ ጥቕሲ ደጊምካ ኣንብቦ። ኣብዚ ከም ዝተጠቕሰ"ብቕንዕና ዘማቕል" ካብ ሕግታት መስዋእቲ ብሉይ ኪዳን ዝተወሰደ ኮይኑ "ብትኽ ምቑራጽ" ማለት እዩ። ኣብ ብሉይ ኪዳን ሓደ ሰብ ምእንቲ ሓጢኣት መስዋእቲ ምስ ዘምጽእ እቲ እንስሳ ኣብ ሰለስተ ይምቀል ነበረ። ሓደ ክፋሉ ንኣምላኽ ተዋሂቡ። ካልእ ክፋል ድማ ነቲ መስዋእቲ ዘምጽአ ተዋህበ። ሳልሳይ ክፋል ድማ ናብ ካህን ከደ። ካብዚ ተግባር እዚ "ብቕንዕና ዘማቕል" ዝብል ኣገላልጻ ማዕቢሉ። "ንነፍሲ ወከፍ ናቱ ምሃብ" ማለት እዩ።

ኣብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ቃል ኣምላኽ ብቕንዕና ምምቃል ኣገዳሲ እዩ። እዚ ማለት ንመን እንታይ ይበሃል ከምዘሎ ክትርድኦ ኣለካ ማለት እዩ። ነቲ ትርጉም እውን ብትኽክል ክትትርጉሞን ክትትግብሮን ኣለካ።

እቲ ቃል ንርእሱ ዝዛረበሉ ሰለስተ ዓበይቲ ጉጅለታት ኣለዉ። እዚ ኣቶም ኣብ 1ቆሮ10፡32 ተዘርዚሮም ኣለዉ፤

> ***"ንኣይሁድ ኮነ ንጽርኣውያን፡ ወይስ ንማሕበር ኣምላኽ ኮነ መዓንቀፊ ኣይትኹኑ።" (1ቆሮ 10፡32)***

ኩሎም ቅዱሳት ጽሑፋት ንዓና እዮም ተዋሂቦም፡ ኩሎም ጥቕስታት ግን ናባና ዝቐንዑ ኣይኮኑን። ንኣብነት፡ ኣምላኽ ንኖህ መርከብ ኪሰርሕ ነገሮ። እቲ ዛንታ መንፈሳዊ ሓቅታት ክትመሃረሉ ዘለካ ኣብነት ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ ግን መርከብ ክትሰርሕ ኣለካ ማለት ኣይኮነን። ገለ ኻብቲ መጽሓፍ ቅዱስ ናብ ኣይሁድ ክቐንዐክሎ ካልእ ክፋላት ከኣ ናብ ኣህዛብ (ካብ ኣይሁድ ወጻኢ ዝኾኑ ኣህዛብ) ዝቐንዐ እዩ። ካልኦት ክፋላት ድማ ናብ ቤተ ክርስቲያን (ኩሎም እቶም ናይ ብሓቂ ኣመንቲ ብየሱስ ክርስቶስ ዝኾኑ) ዝቐንዑ እዮም።

ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ቅኑዕ ትርጉም ንምርካብ ብግቡእ ምምቃል ክትመሃር ኣለካ። ካልእ ነዚ ዝገልጽ ቃል "ትርጉም" ማለት ንሓደ ነገር ግቡእ ትርጉም ምሃብ ማለት እዩ። ንነፍሲ ወከፍ ቅዱሳት ጽሑፋት ኣብ ግቡእ ትርጉም ብኸመይ ከም እትበጽሕ ክትመሃር ኣለካ። የሱስ ነቶም ኣብ ዘመኑ ዝነበሩ መራሕቲ ሃይማኖት ከምዚ ኢሉ ኣመልኪቱሎም፤

### *“. . . መጽሓፍቲ ወይስ ሓይሊ ኣምላኽ ስኣን ምፍላጥኩም ትጋገዩ ኣለኹም።” (ማቴ 22 ፥ 29)*

*መንፈሳዊ ስሕተት ዝፍጠር ቃል ኣምላኽ ዘይምፍላጥ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ብግቡእ ንምትርጓም ክትክተሎ ዘለካ እተወሰነ ስርዓታት ኣሎ። ንመጽሓፍ ቅዱስ ንምትርጓም ዝሕግዙ ሽዱሽተ መሰረታዊ ሕግታት ኣለዉ ንቓል ኣምላኽ "ብቐንዕና ንምምቃል" ዝሕግዙ።*

## *ሕጊ መለኮታዊ ስልጣን*

*ሕጊ መለኮታዊ ስልጣን ማለት ንመጽሓፍ ቅዱስ ከም ናይ መወዳእታ ስልጣን ንቕበሎ ማለት እዩ። ኩሉ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ዘፍጥረት ክሳብ ራእይ ዮሃንስ ብመንፈስ ኣምላኽ ዝተጻሕፈ ምዃኑንኣምን፤*

> ***“እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ፈጺሙ ተዳልዩ፡ ፍጹም ምእንቲ ክኸውንሲ፡ መንፈስ ኣምላኽ ዝነፈሶ ዘበለ ዝሑፍ ንትምህርቲ፡ ንተግሳጽ፡ ንምቕናዕ፡ ንጽድቂ ዝኸውን ምእዳብ ይጠቅም እዩ።” (2ይ ጢሞ3፥16)***
>
> *“ትንቢትሲ ቅዱሳት ሰባት እዮም ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ካብ ኣምላኽ እተዛረብዎ እምበር፡ ከቶ ብፍቓድ ሰብ ኣይመጸን።” (2ይ ጴጥሮስ1፥19-21)*

*ክልተ ዝተፈላለዩ ዓይነት ድራኽታት ኣለዉ፡ ቃላውን ምሉእ ድራኽን።*

*ቃላዊ መንፈስ ክንብል ከለና፡ ኣብቲ መበቀላዊ ኢደ-ጽሑፋት ዘሎ ነፍሲ ወከፍ ቃል ብመንፈስ ኣምላኽ ዝተጻሕፈ እዩ ማለትና እዩ። ምሉእ ምድራኽ ክንብል ከለና ድማ ኣንጻር ከፊላዊ ምድራኽ፡ ነፍሲ ወከፍ ክፋል መጽሓፍ ቅዱስ መንፈስ ዝነፈሶ እዩ። ናይ ኩሉ ቅዱሳት ጽሑፋት ቃል ምሉእ ምድራኽ ኣለዎ ማለትና እዩ። ስርዓት መለኮታዊ ስልጣን ክንቅበል ከሎና ሽዑ ኣብ መንጎ መጽሓፍ ቅዱስን ታሪኽን ሳይንስን ዝኾነ ይኹን ግርጭት የለን። ርኡይ ግርጭት እንተሃልዩ ድማ፤*

1. *ሳይንስ ወይ ታሪኽ ክንርድኦ ኣይከኣልናን። ወይ እንተዘይኮይኑ።*

2. *ኣብዚ ሕጂ እዋን ዘሎ ሳይንሳዊ ፍልጠት ትኽክለኛ ኣይኮነን። ግርጭታት ክረኣዩ ከለዉ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ብመንፈስ ኣምላኽ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ ስለ ዝኾነ፡ ከም ናይ መወዳእታ ስልጣን ይውሰድ። ኣብ ዝሓለፈ እዋን፡ ኣብ መንጎ መጽሓፍ ቅዱስን ታሪኽን ወይ ሳይንስን ዚርአ ግርጭት ኪፍጠር ከሎ፡ ድሒሩ ዚግበር ምርምራት፡ መጽሓፍ ቅዱስ ቅኑዕ ምዃኑ ወትሩ የረጋግጽ ነበረ።*

## *ሕጊ ናይ ቃል ብቓሉ ምትርጓም*

*መጽሓፍ ቅዱስ ቃል ብቓሉ ምትርጓም ማለት ልክዕ ከምቲ ዝብሎ ማለት ምእማን ማለት እዩ። እቲ ዓውዲ ጽሑፍ ካልእ ዘነጽር እንተ ዘይኮይኑ፡ ኩሉ ሳዕ ነቲ መጽሓፍ ቅዱስ ቃል ብቓሉ ተርጉሞ። መጽሓፍ ቅዱስ እስራኤል ንሩባ ዮርዳኖስ ኣብ ደረቕ መሬት ሰጊራ ክብል ከሎ ቃል ብቓሉ ተቐበሎ። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ መናድቕ ያሪኮ ምውዳቑ ክነግር ከሎ ብመንፈስ ቅዱስ ከም ዝመዝገቦ ተቐበሎ።*

*መጽሓፍ ቅዱስ ብርግጽ ዝተፈላለዩ "ዓይነታት" ዝሓዘ እዩ። ገለ ሰባት፡ ቦታታት ወይ ፍጻሚታት፡ ንባዕሎም ቃል ብቓሉ እኳ እንተ ኾኑ፡ ንመጻኢ ዚፍጸም ነገር እውን ይውክሉ እዮም። ምዕራፍ ዕስራን ሓደን ናይዚ ኮርስ ነዚኦም ከተለልዮም ክሕግዘካ እዩ።*

*ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እውን ምልክታት ተጠቒሙ ኣሎ። ምልክት ንሓደ ነገር ከም ትርጉም ኮይኑ እዩ ዝውክል። ንኣብነት ኣብ ማርቆስ* 14:22 *እቲ ወይኒ ከም ምሳሌ ደም ጎይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ተጠቒሙ ኣሎ። (ናይ ሓቂ ደም ኣይሰትዩን ነይሮም።) ኣብ ትንቢት መጽሓፍ ቅዱስ መብዛሕትኡ ግዜ ምሳሌታት ይጥቀሙ እዮም። ንኣብነት እቲ ነቡካድነጻር ኣብ ዳንኤል ዝሓለሞ ዓቢ ምስሊ ምሳልያዊ ትርጉም ኣለዎ። ነፍሲ ወከፍ ክፋል ናይቲ ምስሊ ንመጻኢ ዓለማዊ መንግስቲ ዝውክል እዩ ነይሩ (ዳንኤል2)። መጽሓፍ ቅዱስ መብዛሕትኡ ግዜ ምልክታት ኣብ ጥቕሚ ኺውዕል ከሎ እዩ ዚገልጾ። ንኣብነት ዳንኤል ነቲ ምስሊ ዝሃቦ ትርጉም ኣብ ዳንኤል* 2:31-45 *ተመዝጊቡ ኣሎ።*

የሱስ ክምህር ከሎ ብዙሕ ግዜ ምሳሌታት ይጥቀም ነይሩ። ምሳሌ ማለት ንሓደ መንፈሳዊ ሓቂ ንምግላጽ ተባሂሉ ዝተነግረ ዛንታ እዩ። የሱስ ምሳሌ ኣብ ዝጥቀመሉ እዋን ኩሉ ግዜ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተገሊጹ ኣሎ። ምሳሌ እዩ ነይሩ እንተዝይኢሉ ሽዑ እቲ ዛንታ ከም ጭቡጥ ፍጻመ ተቐባልነት ክረክብ ይግባእ።

## ሕጊ ንዓውደ-ጽሑፍ ምትእስሳር

ነፍሲ ወከፍ ጥቕሲ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ዓውዲኡ ኺጽናዕ ኣለዎ። እዚ ማለት ምስተዖም ቅድሚኡን ዝስዕቡን ጥቕስታት ብምትእስሳር፡ ከምኡ'ውን ምስ ዝተረፈ መጽሓፍ ቅዱስ ብምትእስሳር ክጽናዕ ይግባእ። ብዙሓት ናይ ሓሶት ትምህርትታትን ኣምልኾታትን ዝተፈጥሩ ጥቕስታት ወይ ክፋላት ጥቕስታት ካብ ዓውዶም ስለ ዝወጹ እዮም።

ንኣብነት መጽሓፍ ቅዱስ ኣምላኽ የለን ከም ዝብል ትፈልጥዶ፧ እዚ ኣብ መዝሙር 14፡1 ክትረኽቦ ኢኻ። ልክዕ ኣብኡ "ኣምላኽ የለን" ይብል። ንኹሉ እቲ ክፍሊ እንተ ኣንቢብናዮ ግን እዚ ኣሎና፤

*"ዓሻስ ብልቡ፥ ኣምላኽ የልቦን፥ ይብል።" (መዝ 14:1)*

እታ ምሉእ ጥቕሲ ኣብ ዓውደ-ጽሑፉ ካብቲ ካብቲ ዓውደ-ጽሑፉ ዝተኣልየ ክፋል ብትርጉሙ ኣዝያ ዝተፈልየት እያ።

ንሓንቲ ጥቕሲ ኣብ ዓውዲኣ ከተጽንዕ ነዘን ዝስዕባ ሕቶታት ንርእሰኻ ሕተታ፤

1. **መን ይዛረብ ወይ ይጽሕፍ ኣሎ፧**

ኩሉ መጽሓፍ ቅዱስ ቃል ኣምላኽ እኳ እንተ ኾነ፡ ኣብ ምጽሓፍን ምዝራብን እተፈላለዩ ሰባት እዮም ዚጥቀሙ ነይሮም።

## 2. እንታይ ይበሃል ኣሎ፧

እቲ ተዛራባይ ወይ ጸሓፊ ዚብሃል ዘሎ ቐንዲ ነጥብታት ኣጠቓልል።

3. **ንመን እዩ ዝበሃል ዘሎ፧**

እስራኤል፧ ኣህዛብ፧ ቤተ ክርስቲያን፧ ፍሉይ ውልቀሰብ፧

4. **ስለምንታይ ከምኡ ተባሂሉ፧**

ኣብቲ ጽሑፍ ዘሎ ዕላማ እንታይ እዩ፧ መጽሓፍ ቅዱስ ባዕሉ ንገለ መጻሕፍትን ክፍልታትን ዕላማታት ይገልጽ፤

***"የሱስ ድማ ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ዘይተጻሕፈ ኻልእ ብዙሕ ተኣምራት ኣብ ቅድሚ ደቀ መዛሙርቱ ገበረ።***

*ግናኸ የሱስ፥ ንሱ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ምእንቲ ኽትኣምኑ፥ ኣሚንኩምውን ብስሙ ህይወት ምእንቲ ኽትረኽቡ እዩ እዚ እተጻሕፈ።" (ዮሃ 20:30-31)*

ንኻልእ ክፋላት ቅዱሳት ጽሑፋት ምኽንያት ምጽሓፍ ክንድኡ ብንጹር ኣይተገልጸን። እቲ መልእኽቲ ስለምንታይ ከም ዝተቐድሐ ንምፍላጥ ነቲ ዓውዲ ብቐረባ ክትምርምሮ ኣለካ።

## 5. መዓስ እዩ ተባሂሉ፧

ኣብ ገሊኡ ጥቕስታት ዘሎ ግዜን ኩነታትን ትርጉሙ ንምርዳእ ይሕግዘና። ንኣብነት ኣብ ማሕበር ቈረንቶስ ዘሎ ኣገልግሎት ምድንጋር ኣብ ዝነበረሉ እዋን ጳውሎስ ፍሉይ ክፍሊ ጽሑፍ ጽሒፉ። ነተን ኣንስቲ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ስቕ ክብላ ነገረን። እዚ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ዓው ኢለን ክዝምራ፥ ክጽልያ፥ ክምህራ፥ ወይ ዓው ኢለን ከምልኻ ኣይክእላን ማለትድዩ፧

መልሲ ንምርካብ፡ እዚ መዓስን ስለምንታይን ንመንን ከም እተባህለ ክንምርምር ኣሎና። ኣብ ኣገልግሎት ቤተክርስቲያን ኣይሁድ ብሓደ ወገን ናይቲ ህንጻ ደቂተባዕትዮ፡ ኣብቲ ካልእ ወገን ድማ ደቂኣንስትዮ ኮፍ ኢለን ነበራ። እተን ደቂ ኣንስትዮ ቀሮንጦስ ኣብቲ ካልእ ሸነኽ ናይቲ ክፍሊ ንዝነበሩ ሰብኡተን ሕቶታት ብምጭዳር ኣገልግሎት ይዘርጋ ነበራ። በዚ ምኽንያት እዩ ጳውሎስ ከምዚ ኢሉ ክጽሕፍ ኣድላዪ ኮይኑዝረኸበ፤

*“ከምቲ ኣብ ኩላተን ማሕበራት ቅዱሳን ዚግበር ዘሎ፡ ኣንስቲ ኣብ ማሕበር ኪዛረባ ኣይተፈቕደለንን እዩ እሞ፡ ሰቕ ይበላ። ከምቲ ሕጊ ዚብሎ ድማ ይግዝኣ።” (1ቆሮ14፡34)*

ንሓደ ቅዱሳት ጽሑፋት ኣብ ውሽጢ ዓውደ-ጽሑፉ ምትርጓም ትርጉም ናይቲ ክፍሊ ንምግላጽ ይሕግዝ። ንሓንቲ ጥቕሲ ካብ ዓውደ-ጽሑፍ ወጻኢ ምውሳድ፡ ጌጋ ርድኢት ኬስዕብ ይኽእል እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ዓውደ-ጽሑፍ ትርጉሙ ውን ይህብ እዩ። ናይዚ ጽቡቕ ኣብነት ድማ ኣብ ማቴዎስ 13፡1-9 ዘሎ ምሳሌ ዘራኢ እዩ። ነቲ ዓውደ-ጽሑፍ ምንባብ እንተቐጺልካዮ፡ እቲ ምሳሌ ኣብ ፍቕዲ 18-23 ተተርጒሙ ኣሎ። ኣብ ብዙሕ ምስዚ ዝመሳሰል ኣጋጣሚታትድማ መጽሓፍ ቅዱስ ንርእሱ ኣብ ውሽጢ ዓውዲ ይትርጉም እዩ። ነዚ እዩ ድማ ዓውደ-ጽሑፍ ምሕሳብ ኣገዳሲ ዝኸውን።

## ሕጊ ቀዳማይ ምጥቃስ

እቲ ናይ መጀመርታ ምጥቃስ ሕጊ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፡ ሓደ ቃል፡ ሓረግ፡ ኣቕሓ ወይ ፍጻመ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ንመጀመርታ ግዜ ክጥቀስ ከሎ፡ ኣብ ዝኾነ ካልእ ቦታ ኣብ ዘጋጥመሉ ቦታ ከም መፍትሕ ትርጉሙ እዩ ዝኸውን።

ንኣብነት ኣብ ዘፍጥረት 3 ናይ መጀመርታ ቀጽሊ በለስ ተጠቒሱ ኣሎ። ኣብዚ ኣዳም ንገዛእ ርእሱ ሓጢኣትን ዕርቃኑን ብናይ ገዛእ ርእሱ ጻዕሪ ንምሽፋኑ ቁጽሊ በለስ ተጠቒሙ እዩ። ቀጽሊ በለስ ብዛዕባ ርእሰ-ጽድቂ፡ መድሃኒት ኣምላኽ ምንጻግን ንነብስኻ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንምጽዳቕ ዝግበር ፈተነን ይዛረብ። እዚ እዩ ትርጉም ቀጽሊ በለስ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ድሕሪኡ ኣብ ዝተጠቐሰሉ ቦታ። ንኣብነት ቀጽሊ በለስ ንመወዳእታ ግዜ ዝተጠቕሰሉ ግዜ ብየሱስ ኣብ ማቴ 21ን ማርቆስ 11ን 13ን እዩ። ኣብዚ ቀጽሊ ዘለዎ ግን ከኣ ፍረ ዘይብሉ ኦም በለስ ንረክብ። የሱስ ረገሞ እሞ ነቐጸ። ነዚ ተግባር ንምርዳእ ሕጊ 1ይ ምጥቃስ ምዝካርን ናብ ዘፍጥረት 3 ምምላስን የድልየና። ስእሊ ቀጽሊ በለስ ንመድሃኒት ኣምላኽ ምንጻግን ንርእሱ ባዕሉ ከጸድቕ ዝገብሮ ፈተነን ዝውክል እዩ። እታ ኦም በለስ ነቲ ንየሱስ ዝነጸገ ንርእሱ ጻድቕ ዝኹነ ህዝቢ እስራኤል እያ እተመልክት። ከም ንጉስ ነጺጎሞ ነቲ ካብ ሓጢኣት ናይ ምድሓን መደቡ ኣይተቐበልዎን። ብናይ ገዛእ ርእሶም ጻዕሪ ጻድቃን ክኾኑ ይጽዕሩ ነበሩ።

## ሕጊ ምድግጋም

ኩሉ መጽሓፍ ቅዱስ ብመንፈስ ኣምላኽ እተጻሕፈ እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣገደስቲ ዘይኮኑ ኽፋላት የለዉን። ነፍሲ ወከፍ ቃል መንፈስ ዝነፈሶን ኣድላዩን እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ ሓደ ነገር ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋት ክድገም ከሎ ንፍሉይ ምጉላሕ እዩ። ሓደ ሓቂ ፍሉይ ኣገዳስነት ስለዘለዎ ክደጋገም የድሊ ማለት እዩ።

ዮሃንስ 3 ነዚ ናይ ምድግጋም ሕጊ ብስእሊ ትገልጾ እያ። የሱስ ንኒቆዲሞስ ብዛዕባ ኣድላይነት ናይቲ ሓድሽ ልደት ተመክሮ ነጊርዎ ሰለስተ ሳዕ ይደግሞ፤

*“የሱስ ድማ፡ ካብ ላዕሊ እንተ ዘይተወልደ፡ ንመንግስቲ ኣምላኽ ኪርእያ ዚኽእል ከምዘይብሉ፡ ብሓቂ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ፡ ኢሉ መለሰሉ።” (ዮሃ 3፡3)*

*“የሱስ መለሰ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ፡ ካብ ማይን መንፈስን እንተ ዘይተወልደ፡ ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ኪኣቱ ዚኽእል የልቦን።” (ዮሃ3፡5)*

*“ካብ ላዕሊ ኽትውለዱ ብግዲ እዩ ስለ ዝበልኩኻ፡ ኣይትገረም።” (ዮሃ3:7)*

ዘክር፦ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ዝደግመሉ እዋን መንፈስ ቅዱስ "ሓንሳብ እሞ ነዚ ኣቶኲርካ ርኣዮ" እዩ ዝብል ዘሎ።

## ሕጊ ውህሉል ራእይ

እዚ ሕጊ እዚ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተገሊጹ ኣሎ፤

*“ኩሉ ጽሑፍ ትንቢት ትርጉሙ ኻብ ርእሱ ኸም ዘይኮነ፡ ቅድሚ ኹሉ እዚ ፍለጡ። ትንቢትሲ*

***ቅዱሳት ሰባት እዮም ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ካብ ኣምላኽ እተዛረብዎ እምበር፡ ኩቶ ብፍቓድ ሰብ ኣይመጸን።" (2ይ ጴጥ 1፡20-21)***

**ሕጊ ውህሉል ምግላጽ እዚ እዩ፡ኣብ ዝኾነ ኣርእስቲ ምሉእ ሓቂ ቃል ኣምላኽ ንምርካብ ካብ ዝተነጸለ ክፍሊ ጥራይ ክእኩብ የብሉን። እቲ ውህሉል (ጠቕላላ) ምግላጽ ናይ ኩሉ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ እቲ ሓቂ ዝብሎ ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ። ነዚ እዩ ድማ ሕጊ "ውህሉል" ምግላጽ ተባሂሉ ዝጽዋዕ። ትምህርትኻ፡ ወይ እምነታትካ ኣብ ሒደት ዝተነጸላ ጥቕስታት ጥራይ ተሞርኪስካ ክትቅጽሎ ኣይትኽእልን ኢኻ። ትርጉምካ ምስ ምሉእ ቅዱሳት ጽሑፋት ክሳብ ዝሰማማዕ ምጽናዕካ ክትቅጽል ኣለካ።**

## ርእሰ-ፈተነ

1. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኽሪ ጽሓፋ።

______________________________

______________________________

______________________________

2. ቃል ሓቂ "ብቕንዕና ዜማቕል" እንታይ ማለት እዩ፧

______________________________

3. "ብቓል" ምድራኽ መጽሓፍ ቅዱስ እንታይ ማለት እዩ፧

______________________________

4. "ሙሉእ" ምድራኽ መጽሓፍ ቅዱስ እንታይ ማለት እዩ፧

______________________________

5. ኣብዚ ምዕራፍ ዝተዘተየሉ ነፍሲ ወከፍ ሕጊ ንትርጉም ዘርዝር። ድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ሕጊ እንታይ ማለት ምዃኑ ብሕጽር ዝበለ ግለጾ፤

ሕጊ1:____________________እንታይ ማለትእዩ:__________________________________________

ሕጊ2:____________________እንታይ ማለትእዩ:__________________________________________

ሕጊ3:____________________እንታይ ማለትእዩ:__________________________________________

ሕጊ4:___________________________________እንታይ ማለትእዩ:__________________________________________

ሕጊ5:___________________________________እንታይ ማለትእዩ:__________________________________________

ሕጊ6:____________________እንታይ ማለትእዩ:__________________________________________

(መልሲ ገምጋምታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።) ዝያዳ መጽናዕቲ

## መጽናዕቲ

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ መንፈስ ኣምላኽ ከም ዝነፈሰ ዘረጋግጹ ሓያሎ ክፍልታት ኣለዉ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ርአ እሞ ኣጠቓሊልካ ጽሓፎም፤

**ቅዱሳት ጽሑፋት** **ጽማቕ**

**እብራውያን** 1፡1 ____________________

____________________

1**ይ ተሰሎንቄ** 2፡13 ____________________

____________________

2**ይ ጢሞቴዎስ** 3፡16 ____________________

____________________

1**ቆሮ** 14፡37 ____________________

____________________

1**ቆሮ** 2፡7-13 ____________________

____________________.

1**ቆሮ** 11፡23 ____________________

____________________.

**ገላትያ** 1፡11,12,16,20 ____________________

____________________.

**ኤፌሶን** 3፡1-10 ____________________

____________________.

1**ይ ጴጥሮስ** 1፡10,11,21 ____________________

____________________.

2**ይ ጴጥሮስ** 3፡16 ____________________

____________________

# ምዕራፍ ሸውዓተ
## ድሕረባይታ መጽሓፍ ቅዱስ

### ዕላማታት

ነዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካዮ ነዚ ዝስዕብ ክትክእል እዩ፤

- *ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኸሪ ምጽሓፍ።*
- *ዓበይቲ ታሪኻዊ እዋናት መጽሓፍ ቅዱስ ምልላይ።*
- *ኣብ ግዜ መጽሓፍ ቅዱስ ዝነበረ መዓልታዊ ህይወት ምግላጽ።*
- *መጽሓፍ ቅዱሳዊ ስነ-ጥንቲ ምግላጽ።*

### መሪሕ ጥቕሲ

***"ንዘልኣለም ከም ዝመስረትካዮ፣ ካብ ጥንቲ ጀሚረ ብምስክራትካ ፈሊጥኩ"*** *(መዝ 119 ፥ 152)*

### መእተዊ

ነፍሲ ወከፍ ክፋል መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ታሪኽ ኣብ ዝተወሰነ እዋንን ኣብ ፍሉይ ባህላዊ ኩነታትንእዩ ኣጋጢሙ። ንሓደ ክፍሊ ብግቡእ ምርዳእ መብዛሕትኡ ግዜ ምስዞም ረቛሒታት እዚኣቶም እዩ ዚተሓሓዝ። እዛ ምዕራፍ እዚኣ፥ ብዛዕባ ታሪኽ መጽሓፍ ቅዱስ ብሓጺሩ ትገልጽ ኲይና፥ ብዛዕባ መዓልታዊ ህይወት ብግዜ መጽሓፍ ቅዱስ ዝርዝር ነገራት እያትገልጽ።

### ስርዓት-ዘመን ታሪኽ

ቅደም ተኸተል ታሪኽ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ሓደ ፍጻመ መዓስ ከም ዘጋጠመ ይሕብር። ቅደም ተኸተል ታሪኽ ንዝሓለፉ ፍጻሚታት ብግቡእ መስርዕ ይውድቦም።

ኣብ መብዛሕቲኡ ክፋላት ዓለም፥ ዕለተ ግዜ ኣብ ክልተ ዓበይቲ እዋናት ይምቀል። እዞም ክልተ እዋናት ድሕሪ ቁጽሪ ዓመት ብቐዳሞት ፊደላት ብምጥቃም ይርኣዩ፤

**ቅ.ል.ክ.** በዘን ቀዳሞት ፊደላት ዝተመዝገቡ ቍጽሪ፥ ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ዘጋጠመ ፍጻመ ማለት እዩ።

**ዓ.ም** በዘን ቀዳሞት ፊደላት ዝተመዝገቡ ቍጽሪ ማለት ድሕሪ ግዜ ልደት ክርስቶስ ሓደ ፍጻመ ዘጋጠመ ማለት እዩ።

ሓደ ነገር 250 ቅ.ል.ክ ኣጋጢሙ ክንብል ከለና 250 ዓመት ቅድሚ ክርስቶስ ምውላዱ ኣጋጢሙ ማለት እዩ። ሓደ ፍጻመ 700 ዓ.ም. ምስ ንብል 700 ዓመት ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ኣጋጢሙ ማለት እዩ። ሓደ ቁጽሪ ቅ.ል.ክ ብድሕሪኡ እቲ ቁጽሪ ብዝዓበየ መጠን እቲ ዕለት ናይ ጥንቲ ይኸውን። ሓደ ቁጽሪ ድሕሪኡ ዓ.ም ምስ ዘለዎ፣ እቲ ዝዓበየ ቁጽሪ እቲ ዝያዳ ናይ ቀረባ ዕለት እዩ።

እዚ ቻርት እዚ ንዕለት ንምርዳእ ክሕግዘካ እዩ፤

**ቅ. ል. ክ** **ዓ.ም**

500 **ቅ. ል. ክ** 300**ቅ. ል. ክ** 100 **ቅ. ል. ክ** 100 **ዓ.ም** 300 **ዓ.ም** 500 **ዓ.ም**

500 **ቅ. ል. ክ እቲ ዝርሓቀ ዓመት እዩ** 500 **ዓ.ም እቲ ዝቀረበ ዓመት እዩ**

*ታሪኽ ፍጻሜታት መጽሓፍ ቅዱስ ብቅደም ተኸተል ክንፈልጥ እንኽእለሉ ሓያሎ መገድታት ኣሎ፤*

1. *መጽሓፍ ቅዱስ ባዕሉ ገለ ፍጻሜታት ዘጋጠመሉ ዕለታት ይሕብር።*

2. *ቀዳሞት መዘገብ ጸሓፍቲ ታሪኽ ዕለታት ይሕብሩ።*

3. *ብመንገዲ ኣርኪዮሎጂ ማለት መጽናዕቲ ጥንታውያን ነገራት። ካብ ስልጣነታቶም ዝነበሩ ቅርስታት ብምጽናዕ ናይ ዝሓለፈ ግዜ ፍልጠት ዝረክብ ሳይንስ እዩ። መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣርኪዮሎጂ፡ ኣብ ሃገራት መጽሓፍ ቅዱስ ዚርከብ ቅርሲ ዚግበር መጽናዕቲ እዩ። ገለ ኻብቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዚርከብ ታሪኻዊ መዝገብ፡ ነዚ ቅርሲ እዚ ዕለቱ ብምፍላጥ ተረኺቡ ኣሎ።*

## ቅደም ተኸተል ታሪኽ መጽሓፍ ቅዱስ

*ቅደም ተኸተል ታሪኽ መጽሓፍ ቅዱስ ብቐሊሉ ኣብ ዓሰርተው ክልተ ዓበይቲ እዋናት ይምቀል። ቻርት ሓደ፡ ዓበይቲ እዋናት ስርዓተ-ዘመን መጽሓፍ ቅዱስ የርኢ። ኣብቲ ቻርት ዓምዲ ክልተ ርአ። ንሱ ድማ* 12 *እዋናት ታሪኽ መጽሓፍ ቅዱስ ብ "ፍጥረት ንኣብርሃም" ጀሚሩ ብ "ምስፍሕፋሕ ወንጌል" ምዛዘም ዘርኢ እዩ።*

*ቻርት ሓደን ሰለስተን ጽሑፋት መጽሓፍ ቅዱስ መዓስ ከም እተጻሕፉ እዩ ዚሕብር። ኣብ መንጎ ብሉይን ሓድሽን ኪዳን ዝኾነ መጽሓፍ ዘይተጻሕፈሉ ናይ* 386 *ዓመት ግዜ ከም ዝነበረ ኣስተውዕል። መጽሓፍ ቅዱስ ከተጽንዕ ከለኻ ነዚ ስርዓተ-ዘመን እዚ ተወከሰ። ፍጻመታት መዓስ ከም ዘጋጠሙ ንምፍላጥ ክሕግዘካ እዩ፤*

## ቻርት ሓደ ቅደም ተኸተል ታሪኽ መጽሓፍ ቅዱስ

| **ቀዳማይ** | **ካልኣይ** | **ሳልሳይ** |
|---|---|---|
| ዘፍጥረት | 1. ካብ ፍጥረት ክሳብኣብርሃም | |
| | 2. ካብ ኣብርሃም ካሳብ ሙሴ | |
| ዘጽኣት | | |
| ዘለዋውያን | | |
| ዘሁሉቕ | 3.ምውጻእ/ዘጽኣት | |
| ዘዳግም | | |
| ኢያሱ | 4. ወሪርካ ምሓዝ | |
| መሳፍንቲ | 5.መስፍንነት | |
| ሩት | | |
| | 6.ነገስታት | ኢዮብ |

**1 ሳሙኤል**

**2 ሳሙኤል**

**1 ነገስቲ**

**2 ነገስቲ**

**1 ዜና መዋእል**

**2 ዜና መዋእል**

**እዝራ**

**ንህምያ**

**ሚልክያስ**

7. **ክልተ ንግስነታት**
8. **ይሁዳ ጥራይ**
9. **ዘመን ምርኮ**
10. **ካብ ምርኮ ምምላስ**

**መዝሙር ዳዊት**

**ምሳሌ ምክብብ**

**ምሃልየ ማህልይ**

**ኢሳያስ**

**ኤርሚያስ**

**ደጉዓኤርሚያስ**

**ህዝቅኤል**

**ዳንኤል**

**ሆሴእ**

**ዮኤል**

**ኣሞጽ**

**ኦቤድ**

**ዮናስ**

**ሚክያስ**

**ናሆም**

**ኣንባቆም**

**ጾፎንያስ**

**ሃጌየ**

**ዘካርያስ**

| ሓደ | ክልተ | ሰለስተ |
|---|---|---|
| ማቴዎስ<br>ማርቆስ<br>ሉቃስ<br>ዮሃንስ | 11. ህይወት ክርስቶስ | |
| ግብሪ ሃዋርያት | 12.ዝርግሐ ወንጌል | ሮሜ<br>1ይን 2ይን ቆሮንጦስ ገላትያ<br>ኤፌሶ<br>ፊሊጺ<br>ኮሎሴ<br>1ይነን2ይን ተሰሎንቄ<br>1ይን 2ይን ጢሞቴዎስ<br>ፊልሞን<br>ቲቶስ<br>እብራውያን<br>ያእቆብ<br>1ይ ን 2ይ ጴጥሮስ<br>1ይ, 2ይ ን3ይን ዮሃንስ ይሁዳ<br>ራእይ ዮሃንስ |

**ሕጂ ኣብዘን 12 እዋናት ታሪኽ መጽሓፍ ቅዱስ ዘጋጠሙ ዓበይቲ ፍጻመታት ዝገልጽ መግለጺ ኣንብብ፤**

## 1. **ፍጥረት ክሳብ ኣብርሃም (ካብ ፍጥረት ክሳብ** 2000 **ቅ.ል.ክ.) ፦**

ፍጥረት ኣድማስ፡ ወዲ ሰብ ኣብ ሓጢኣት ምውዳቑ፡ ምቕታል ኣቤል ብቃየልን ኖህን ማይ ኣይሂን፡ ግምቢ ባቤልን ገለ ኻብቲ ኣብዚ እዋን እዚ እተፈጸመ ዓበይቲ ፍጻመታት መጽሓፍ ቅዱስ እዮም።

### 2. **ካብ ኣብርሃም ክሳብ ሙሴ** (2000-1500 **ቅ.ል.ክ.) ፦**

እዚ እዋን እዚ ንኣስታት 500 ዓመታት ዝሸፍን እዩ። ናይ ሓደ ሰብ ኣብርሃምን ዘርኡን ዘሕለፍዎ ተመክሮታት ትኹረት ናይዚ እዋን እዩ። ካብ ኣብርሃም እግዚኣብሄር ነቲ ብእኡ ኣቢሉ ንኣህዛብ ዓለም ርእሱ ክገልጸሎም ዝደለየ ህዝቢ እስራኤል ኣተንሲኡ። እዚ እዋን እዚ ዛንታታት ይስሃቅ ወዲ ኣብርሃምን ብዛዕባ ያእቆብ ወዲ ይስሃቅን ዘጠቓልል እዩ። እቲ ዘመን ክሳብ ዮሴፍ ወዲ ያእቆብ ኣብ ግብጺ ናብ ባርነት ተሸይጡ ዓቢ ገዛኢ ዝኾነ ዛንታ ይበጽሕ። ጸኒሑም ያእቆብን ስድራ ቤቱን ድማ ምስ ዮሴፍ ኣብ ግብጺ ተጸንበሩ።

## 3. **ዘጸኣት** (1500-1460 **ቅ.ክ.) ፦**

ኣብ መንጎ ምዕጻው ዘፍጥረትን ምኽፋት ዘጸኣትን ኣስታት 100 ዓመት ሓሊፉ። ኣብዚ ግዜ እዚ ዓሌት ያእቆብ ናብ ህዝቢ እስራኤል ተባዚሑ። ግብጻውያን ብሰንኪ ቅልጡፍ ምውሳኽ እስራኤላውያን ፈሪሖም ስለ ዝነበሩ ባሮት ገበሩዎም። ሙሴ ተንሲኡ ኣብ ትሕቲ መሪሕነቱ እስራኤላውያን ብተኣምር ካብ ግብጺ ተበገሱ። ኣብ ደብረ ሲና ንሓደ ዓመት ድሕሪ ምጽናሕ፡ ን40 ዓመታት ኣብ በረኻ ኮለል በሉ። እዚ እዋን እዚ ብሞት ናይ ሙሴን መሪሕነት እስራኤልን ብኢያሱ ዝተባህለ ሰብ ክውሰድን እዩዝውዳእ።

## 4. **ስዕረት ከነኣን** (1460-1450 **ቅ.ል.ክ.) ፦**

ኣብዚ እዋን እዚ ኢያሱ ንእስራኤል መሪሑ ናብ ከነኣን ኣእተዎ እሞ ነታ ኣምላኽ እተመባጽዖም ምድሪ ኺወርስዋ ከደ። እቶም ኣብዚ ኸባቢ ዚነብሩ ፍርሃት ኣምላኽ ዘይብሎም ሰባት ብወተሃደራዊ መገዲ ምስ ተሳዕሩ: እታ ምድሪ ኣብ መንጎ እቶም 12 ነገድ እስራኤል ተመቕለት። እዚ ናይ 10 ዓመት ግዜ ኣብ መጽሓፍ ኢያሱ ተመዝጊቡ ኣሎ።

## 5. **መሳፍንቲ** (1450-1102 **ቅ.ክ.) ፦**

እዚ እዋን እዚ ኣምላኽ ንህዝቢ እስራኤል ዚገዝኡ መሳፍንቲ ዘተንስኣሉ እዋን እዩ ነይሩ። ኣብ ታሪኽ እስራኤል ናይ መንፈሳዊ ውድቀት ዘመን ስለ ዝነበረ ናይ ጸልማት እዋን እዩ ዝነበረ። እዚ ግዜ እዚ ን348 ዓመታት ዝጸንሐ እዩ።

## 6. **መንግስቲ** (1102-982 **ቅ.ክ.) ፦**

እቲ ናይ መወዳእታ መስፍን እስራኤል ዝነበረ ሳሙኤል፡ መንግስቲ እስራኤል ኣቑሙ፡ ንሳኦል ድማ ንጉስ ኪኸውን ቀብኦ። ሳኦልን ዳዊትን ሰሎሞንን ዝበሃሉ ሰለስተ ነገስታት ነፍሲ ወከፎም ንኣስታት 40 ዓመት ነገሱ። ኣብዚ ግዜ እዚ ህዝቢ እስራኤል ኣብ ታሪኹ ዝለዓለ ክብሪ ረኺቡ። መንግስቲ ብጽኑዕ ተመስሪቱ ዶባት እስራኤል ሰፊሑ። ዛንታ ናይዚ ዘመን እዚ፡ ከምኡ'ውን እተን ዝሰዕባ ሰለስተ እዋናት፡ ኣብ1ይ ንካልኣይን ሳሙኤል፡1ይን ካልኣይን ነገስት፡ ከምኡ'ውን1ይን ካልኣይን ዜና መዋእል ተመዝጊበን ኣለዋ። እቲ ናይ መንግስቲ ግዜ ን120 ዓመታት ዝጸንሐ ድሕሪኡ እቲ መንግስቲ ተኸፋፊሉ።

## 7. **እተን ክልተ መንግስታት** (982-722 **ቅ.ክ.) ፦**

እቲ ክፋእ ወዲ ሰሎሞን ሮብዓም ናብ ዝፋን ምስ መጸ፡ ነገዳት ሰሜን ዓለው። ፍልይቲ መንግስቲ እስራኤል ኣቑሞም። እታ ብደቡብ ዝነበረት መንግስቲ፡ መንግስቲ ይሁዳ ተባሂላ ትፍለጥ ነበረት። ንኣስታት 259 ዓመታት እስራኤል ኣብዘን ክልተ መንግስታት ተኸፋፊላ ነበረት።

## 8. **ይሁዳ በይኑ** (722-587 **ቅ.ክ.) ፦**

እስራኤል፡ እታ ሰሜናዊት መንግስቲ፡ ብኣሶራውያን ብ722 ቅ.ክ. እቶም ህዝቢ ተማሪኾም ናብ ኣሶር ኣትዮም። ድሕሪ ውድቀት እስራኤል፡ እታ ኣብ ደቡባዊት ግዝኣት ይሁዳ ን135 ዓመት ጸኒሓ እያ። ነገስታት ይሁዳ ንኣምላኽ ዚያዳ ተኣማንነት ኣርእዮም ስለ ዝነበሩ እቶም ህዝቢ ክሳብ ክንድዚ ኣብ ሓጢኣት ኣይኣተዉን።

## 9. **ምርኮ** (587-538 **ቅ.ክ.**) ፦

ዋላ እኳ ናይ ነብያት መጠንቀቕታ እንተሃለዎም፡ ይሁዳ ክሳብ እግዚኣብሄር ንነቡካድነጻር ተሳዒሮም ናብ ባቢሎን ክምረኹ ዘድፍቐደሉ ኣብ መወዳእታ ናብ ሓጢኣት ኣዕሚቓ ጠበቐት። ከተማ ኢየሩሳሌም ተደምሲሳ እቶም ቅድሚ ሒደት ኣማኢት ዓመታት ብተኣምር ንሩባ ዮርዳኖስ ዝሰገሩ ዝነበሩ ህዝቢ ኣምላኽ ሕጂ ብሰንሰለት ተኣሲሮም ተጓዕዙ።

## 10. **ምሕዳስ** (538-391 **ቅ.ክ.**) ፦

ቂሮስ ዚብሃል ንጉስ መራሒ ባቢሎን ምስ ኰነ፡ ህዝቢ ኣምላኽ ተመሊሶ ንየሩሳሌምን ቤተ መቕደሶምን ከም ብሓድሽ ኪሃንጽዎ ፈቐደሎም። ዘሩባቤል ነታ ዝተመልሰት ጉጅለ መሪሑ ኣብ ምድሪ ተስፋ ዳግም ክምስረት ጀመረ። መዛግብቲ ናይዚ እዋን እዚ ኣብ መጽሓፍ እዝራን ነህምያን ኣስቴርን ይርከብ። እዚ ናይ ምሕዳስ ግዜ እዚ ን147 ዓመታት ዝጸንሐ እዩ።

## **ኣብ መንጎ ኪዳናት** (391-5 **ቅ.ክ.**)

ብሉይ ኪዳን ብዳግመ ምምስራት ህዝቢ ኣምላኽ እስራኤል ኣብ ከነኣን ይዕጾ። ብድሕሪኡ ኣብ መንጎ ብሉይን ሓድሽን ኪዳን ኣስታት 400 ዓመት ዝጸንሐ እዋን መጸ። ኣብዚ እዋን እዚ ዝተጻሕፈ መጽሓፍ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ኣይነበረን ስለዚ ብዛዕባ እቲ ግዜ ዝምልከት ሓበሬታ ካብ ዓለማዊ ጽሑፋት ዝመጽእ እዩ። ኣብዚ ግዜ እዚ ፍልስጤም ብፋርሳውያን (536-333ቅ.ክ.)፡ ግሪኻውያን (333-323ቅ.ክ.)፡ ግብጻውያን (323-204 ቅ.ክ.)፡ ሶርያውያን (204-165 ቅ.ክ.)፡ መካብያውያን (165-63 ቅ.ክ. )፣ ከምኡውን ሮማ (63 ቅ.ል.ክ. ብግዜ ክርስቶስ) ተገዚኣ ዝነበረትሉ ግዜእዩ።

## 11. **ህይወት ክርስቶስ** (5 **ቅ.ል.ክ ክሳብ** 28 **ድ.ክ.**) ፦

ድሕሪ 400 ዓመት ዮሃንስ መጥምቕን መጽኣት የሱስ ክርስቶስ ጎደናኡ ክጸርግ ብኣምላኽ ተንስአ። የሱስ መድሓኒ ሓጥኣን ደቂ ሰባት ኪኸውን እዩ ዝመጽኤ። ተስፋ ናይዚ መደብ ድሕነት እዚ ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ገነት ኤደን ዝተዋህበ ሰብ ኣብ መጀመርታ ሓጢኣት ምስ ገበረ እዩ (ዘፍጥረት 3፡15)። የሱስ ብተኣምር ካብ ድንግል ተወሊዱ ንእስራኤል ከም መሲሕ ተገሊጹ ተነጺጉ ምእንቲ ሓጢኣት ኩሉ ወዲ ሰብ ተሰቒሉ ብሓይሊ እግዚኣብሄር ተንሲኡ። ማቴዎስ፣ ማርቆስ፣ ሉቃስን ዮሃንስን ነዚ ናይ 33 ዓመት ግዜ እዚ መዝጊቦም ኣለዉ።

## 12. **ምስፍሕፋሕ ወንጌል** (28-100 **ዓ.ም.**) ፦

እዚ እዋን'ዚ ድሕሪ ትንሳኤኡ ክርስቶስ ናብ ሰማይ ምምላሱ ዘጋጠሙ ፍጻሚታት ዝሸፍን እዩ። ወንጌል ካብ ኢየሩሳሌም ናብ ይሁዳን ሰማርያን ኣብ መላእ ዓለምን ከም ዝተዘርግሐ ይምዝግብ፣

## ቻርት ክልተ፡ መሳፍንቲ እስራኤል

ብሉይ ኪዳን እስራኤል ብመሳፍንቲ ክትገዝእ ከላ ዘጋጠመ ብዙሕ ፍጻመታት የመልክት። እስራኤል ነገስታት ከይረኸቡ ፈራዶ ይገዝኡ ነበሩ። ዛንታታት እቶም መሳፍንቲ ኣብ መጽሓፍ መሳፍንቲ ተመዝጊቡ ኣሎ። ኣብቲ ዳያኑ ዝነበሩሉ እዋን ፍጻመታት መዓስ ከም ዘጋጠሙ ንምልላይ ንኽሕግዘካ ነዚ ቻርት ተጠቐመሉ፤

| **መወከሲ** | **ኣስማት** | **ዕለታት ብ ቅ.ል.ክ.** | **ብዝሒ ዓመታት** |
|---|---|---|---|
| መጽሓፍ መሳፍንቲ 3፡7-11 | ያትኒኤል | 1400-1360 | 40 |
| መጽሓፍ መሳፍንቲ 3፡12-31 | ኤሁድ | 1360-1280 | 80 |
| መጽሓፍ መሳፍንቲ | ሻምጋር | 1280 | 1 |
| መጽሓፍ መሳፍንቲ 3፡12-31 | ዲቦራ | 1280-1240 | 40 |
| መጽሓፍ መሳፍንቲ 6-8፡32 | ጊዴዎን | 1240 -1200 | 40 |
| መጽሓፍ መሳፍንቲ 9 | ኣቢሜሌክ | 1200-1197 | 3 |
| መጽሓፍ መሳፍንቲ 10፡1-2 | ቶላ | 1197-1174 | 23 |
| መጽሓፍ መሳፍንቲ 10፡3-5 | ያኢር | 1174-1152 | 22 |
| መጽሓፍ መሳፍንቲ 10፡6-12 | ይፍታሕ | 1152-1146 | 6 |
| መጽሓፍ መሳፍንቲ 10፡6-12 | ኢብዛን | 1146-1138 | 8 |
| መጽሓፍ መሳፍንቲ 10፡6-12 | ኤሎን | 1138-1128 | 10 |
| መጽሓፍ መሳፍንቲ 10፡6-12 | ኣብዶ | 1128-1121 | 7 |
| መጽሓፍ መሳፍንቲ 13-16 | ሳምሶን | 1121-1101 | 20 |

## ቻርት ሰለስተ፡ ነገስታት እስራኤልን ይሁዳን

ብዙሓት ናይ ብሉይ ኪዳን ፍጻሜታት ኣብ ዘመነ ንግስነት ዝተፈላለዩ ነገስታት እስራኤልን ይሁዳን ከም ዘጋጠሙ ተጠቒሶም ኣለዉ። እዚ ዝስዕብ ቻርት እዚ ነዞም ፍጻመታት ዕለቶም ክትፈልጥ ክሕግዘካ እዩ፤

## ነገስታት እስራኤል

| ስም ንጉስ | ንውሓትንግስነት ብዓመታት | ዕለታት ብቅ.ል.ክ. | መወከሲ |
|---|---|---|---|
| የሮብዓም 1ይ | 22 | 976-954 | I ነገስት 11፡26-14፡20 |
| ናዳብ | 2 | 954-953 | 1ይ ነገስት 15፡25- 28 |
| በዓሳ | 24 | 953-930 | 1ይ ነገስት 15፡27-16፡7 |
| ኤላ | 2 | 930-929 | 1 ነገስት 16፡6-14 |
| ዚምሪ | (7 መዓልቲ) | 929 | 1 ነገስት 16፡9-20 |
| ኦምሪ | 12 | 929-918 | 1ይ ነገስት 16፡15- 28 |
| ኣከኣብ | 21 | 918-898 | 1ይ ነገስት 16፡28- 22፡40 |
| ኣሓዝያ | 1 | 898-897 | 1ይ ነገስት 22:40- 2ይ ነገስት 1፡18 |
| ዮራም | 11 | 897-885 | 2ይነገስት 3፡1-9፡25 |
| የሁ | 28 | 885-857 | 2ይነገስት 9፡1-10፡36 |
| ዮኣሃዝ | 16 | 857-841 | 2ይነገስት 13፡1-9 |
| ዮኣስ | 16 | 841-825 | 2ይነገስት 13፡10- 14፡16 |
| የሮብዓም ዳግማዊ | 40 | 825-773 | 2ይነገስት 14፡23-29 |
| ዘካርያስ | 1⁄2 | 773-772 | 2ይነገስት 14፡29- 15፡12 |
| ሻሉም | (1 ወርሒ) | 772 | 2ይነገስት 15፡10-15 |
| ምናሄም | 10 | 772-762 | 2ይነገስት 15፡14-22 |
| ጺቃሕያ | 2 | 762-760 | 2ይነገስት 15፡22-26 |
| ጼቃ | 20 | 760-730 | 2ይነገስት 15፡27-31 |
| ሆሴእ | 9 | 730-721 | 2ይነገስት 15፡30- 17፡6 |

**ነገስታት ይሁዳ፤**

| **ስም ንጉስ** | **ንውሓት ንግስነት ብዓመታት** | **ዕለታት ቅ.ል.ክ.** | **መወከሲታት** |
|---|---|---|---|
| **ሮብዓም** | 17 | 976-959 | 1ይ **ነገስት** 11፥42- 14፥31 |
| **ኣቢያም** | 3 | 959-996 | I **ነገስት** 14፥31-15፥8 |
| **ኣሳ** | 41 | 956-915 | 1ይ **ነገስት** 15፥8-24 |
| **ዮሰፋሃት** | 25 | 915-893 | 1 **ነገስት** 22፥41-50 |
| **ዮሆራም** | 8 | 893-886 | 2ይነገስት 8፥16-24 |
| **ኣሓዝያ** | L | 886-885 | 2ይነገስት 8፥24-9፥29 |
| **ኣትልያ** | 6 | 885-879 | 2ይነገስት 11፥1-20 |
| **ዮኣስ** | 40 | 879-840 | 2ይነገስት 11፥1- 12፥21 |
| **ኣማስያ** | 29 | 840-811 | 2ይነገስት 14፥1-20 |
| **ኣዛርያ** (ዑዝያ) | 52 | 811-759 | 2ይነገስት 15፥1-7 |
| **ዮታም** | 18 | 759-743 | 2ይነገስት 15፥32-38 |
| **ኣሃዝ** | 19 | 743-727 | 2ይነገስት 16፥1-20 |
| **ህዝቅያስ** | 29 | 727-698 | 2ይነገስት 18፥1- 20፥21 |
| **ምናሴ** | 55 | 698-643 | 2ይነገስት 21፥1-18 |
| **ኣሞን** | 2 | 643-640 | 2ይነገስት 21፥19-26 |
| **ዮሲያስ** | 31 | 640-609 | 2ይነገስት 22፥1- 23፥30 |
| **ዮሃዝ** | (3 **ወርሒ**) | 609 | 2ይነገስት 23፥31-33 |
| **ዮያቂም** | 11 | 609-597 | 2ይነገስት 23፥34- 24፥5 |
| **ዮያኪን** | (3 **ወርሒ**) | 597 | 2ይነገስት 24፥6-16 |
| **ጼዴቅያስ** | 11 | 597 | 2ይነገስት 24፥17- 25፥30 |

## ቻርት ኣርባዕተ፡ ነብያት ብሉይ ኪዳን

መብዛሕትኡ ናይ ብሉይ ኪዳን ጽሑፋት ትንቢት ስለዝኾነ፡ ነብያት መዓስ ከምዝነበሩን ትንቢት ከምዝነበሩን ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ዘመናት ነብያት ዝተፈጸሙ ፍጻሜታት ዕለተ ንምፍላጥ ነዚ ቻርት ተጠቐመሉ።

| ስም ነብዩ | ናብ መን ተነብዩ | ዕለታት ብቅ.ል.ክ. |
|---|---|---|
| ዮናስ | ኣሶር | ቅድሚ ምርኮ (800-650) |
| ናሆም | ኣሶር | ቅድሚ ምርኮ (800-650) |
| ኦብድያ | ኤዶም | ቅድሚ ምርኮ (800) |
| ሆሴእ | እስራኤል | ቅድሚ ምርኮ (750) |
| ኣሞጽ | እስራኤል | ቅድሚ ምርኮ (750) |
| ኢሳይያስ/ኤርምያስ | ይሁዳ | ቅድሚ ምርኮ (800-606) |
| ኤርምያስ/ልቅሶ | ይሁዳ | ቅድሚ ምርኮ (800-606) |
| ዮኤል | ይሁዳ | ድሚ ምርኮ (800-606) |
| ሚክያስ | ይሁዳ | ቅድሚ ምርኮ (800-606) |
| ኣንባቆም | ይሁዳ | ቅድሚ ምርኮ (800-606) |
| ጸፎንያስ | ይሁዳ | ቅድሚ ምርኮ (800-606) |
| ህዝቅኤል | ይሁዳ | ኣብ እዋን ምርኮ (606-536) |
| ዳንኤል | ይሁዳ | ኣብ እዋን ምርኮ (606-536) |
| ሃጌ | ይሁዳ | ድሕሪ ምርኮ (536-400) |
| ዘካርያስ | ይሁዳ | ድሕሪ ምርኮ (536-400) |
| ሚልክያ | ይሁዳ | ድሕሪ ምርኮ (536-400) |

## ኣብ ግዜ መጽሓፍ ቅዱስ ዝነበረ ህይወት

መጽሓፍ ቅዱስ ንጸሓፍቲ ታሪኽን መጽናዕትታት ስነ-ጥንትን ብዛዕባ መዓልታዊ ህይወት ህዝቢ እስራኤል ኣብ ግዜ መጽሓፍ ቅዱስ ሓበሬታ ሂቦም እዮም። ቅድሚ እቲ ናብ ግብጺ ዝኸዱሉ ግዜ ህዝቢ እስራኤል ኣብ ድንኳናት ይነብሩ ነበሩ። ጽሩይ መጓሰዩን ማይን እናደለዩ ምስ መጓሰኦም ይንቀሳቐሱ ነበሩ። እስራኤል ካብ ግብጺ ምስ ምውጻእን ኣብ በረኻ ዝጉዓዙ ዓመታትን ምስ ኰነ፡ ኣብታ ተሰፋ ዝሃብዋ ምድሪ ከነኣን ሰፈሩ። ካብቲ እዋን እቲ ጀሚሩ ህይወት ተራ ሰባት ንብዙሕ ዘይቅየር ቅዲ ይኽተል ነበረ። ሓረስቶት ደቂ ተባዕትዮ ወይ ኣብ ግራት ወይ ኣብ ሓደ ናይ ዓዲ ስራሕ ክሰርሑ እንከለዉ እተን ደቂ ኣንስትዮን ህጻናትን ድማ ነቲ ገዛ ይሕልዋ ነበራ። ሕርሻን ጓሳን ክልቲኦም ኣገደስቲ ሞያታት እዮም ነይሮም። ገለ ምግፋፍ ዓሳን ኩሉ ዓይነት ስራሕቲ ኢደ ጥበብ ዓዲ ከም ጽርበት፡ ሸኽላ፡ ከምኡ'ውን ስራሕ ቀርበት ከኣ ነይሩ። እቲ መሬት ዝበዝሐ ክፋል ዓመት ውዑይን ደረቕን ስለዝነበረ ማይ ሕጽረት ነይርዎ። ካብ ሓደ ዒላ ዓዲ ኣብ ባልጃ ቀርበት ምራኽ ማይ ይስሓብ ነበረ። እዚ ንደቂ ኣንስትዮ ኣገዳሲ ናይ ማሕበራዊ ርክብ ቦታ እዩ ነይሩ።

ሰባት ንኽዝሕሉ ነዊሕ ልብሲ ይኽደኑ ነበሩ። ንብረት ናይቲ ልብሲ ብሃብቲ እዩ ዝውሰን ነይሩ። እቶም ሃብታማት ብድሙቕ ሕብሪ እተለኽየ ጨርቂ ክገዝኡ ይኽእሉ ነበሩ። መብዛሕትኡ ግዜ ክዳውንቲ ሞያ ወዲ ተባዕታይ እዩ ዘመልክት ነይሩ። ንኣብነት እቶም ካህናት ፍሉይ ክዳን ክኽደኑ ከለዉ እቲ ረቢ (መራሒ ሃይማኖት እስራኤል) ድማ ሰማያዊ ጫፍ ዘለዎ ልብሲ ይለብሱ ነበሩ። ጫማ ካብ ቀርበት ላም ዝተሰርሐ ኮይኑ ኣብ ዓካራቶ ዝእሰር ቀርበት ዝተሰርሐ መትሓዚ ዘለዎ እዩ።

ሓዳር ብወለዲ ዝተዳለወ ኮይኑ ኣብ መንጎ መንእሰያት ብዙሕ ማሕበራዊ ምትሕውዋስ ኣይነበረን። እታ መርዓት ናይ ስራሕ ሃብቲ ስለ ዝነበረት ብናይ መርዓት ዋጋ ክትክፈል ነይርዋ።

ኣብ ግዜ ብሉይ ኪዳን ንደቂ ተራ ሰባት ዝኸውን ቤት ትምህርቲ ኣይነበረን። ብወለዶም ክእለትን ሃይማኖትን ተማሂሮም እዮም። ዋላ ኣብ ግዜ የሱስ፡ ሓንቲ ጓል ትምህርቲ ምሉእ ብምሉእ ናይ ኣዲኣ ሓላፍነት እዩ ነይሩ። ኣወዳት ካብ ሽዱሽተ ዓመት ዕድሚኦም ጀሚሮም ኣብቲ ምኩራብ ናብ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ይኸዱ ነበሩ። ብሉይ ኪዳን ንተምሃሮ ታሪኽ፡ ጂኦግራፊ፡ ስነ-ጽሑፍን ሕግን ንምምሃር ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ መምሃሪ መጽሓፍ እዩ። ፍሉያት ተማሃሮ ካብ ረቢታት ክመሃሩ ናብ ኢየሩሳሌም ይልኣኹ ድማ ነበሩ። ነፍሲ ወከፍ ወዲ ሞያ እውን ኪመሃር ነይርዎ። ወዲ 13 ዓመት ምስ ኮነ "ባር ሚትዝቫ" ዝብል ኣይሁዳዊ ትርጉም ዘለዎ "ወዲ ሕጊ" ዝብል እዩ። እዚ ማለት ድማ ከም ሰብኣይ ይቑጸር ነበረ።

ኣብ መንጎ ህዝቢ እስራኤል ሞት ምስ ዝህሉ፡ ዝተራቐቐ ናይ ሓዘን ስነ-ስርዓት ክግበር ሓደ ሓደ ግዜ ሞያውያን ሓዘንተኛታት ይቑጸሩ ነይሮም። ኣብ ዘመነ ሓድሽ ኪዳን ሬሳታት ይቕብኡን ብፍሉይ ናይ መቓብር ክዳን ይጥቕለሉን ነበሩ። ድኻታት ሰባት ኣብ ናይ ሓባር መቓብር ወይ በዓቲ ይቕበሩ ነበሩ፣ እቶም ሃብታማት ግን ካብ ኣኻውሕ ተኹዒቶም ብጸፍሒ እምኒ ዝዕሸጉ መቓብራት ነበሮም።

ኣብ እስራኤል ኣብ መንጎ ሲቪላውን ሃይማኖታውን ሕጊ ምፍልላይ ኣይነበረን። ኣፍደገ ከተማ ወይ ዓዲ ሸግራት ብወግዒ ዝፍረደሉ ቦታ እዩ ነይሩ። ኣብ ግዜ ሓድሽ ኪዳን ዝለዓለ ቤት ፍርዲ ዝነበረ ሳንሄድሪን ኮይኑ ኣብ ቤተመቕደስ ዝእከቡ 70 ሰባት ዝሓቖፈ እዩ። ኣብ ግዜ ሓድሽ ኪዳን ንእስራኤል ዝቆጻጸሩ ዝነበሩ ሰበ ስልጣን ሮማ፡ እስራኤላውያን ብዘይካ ናይ ሞት ፍርዲ፡ ብመሰረት ሕግኦም ዝኾነ ይኹን ፍርዲ ከሕልፉ ይፈቕዱሎም ነበሩ።

ሃይማኖታዊ ህይወት እስራኤል ፈለማ ኣብቲ ድንኳን ጸኒሑ ድማ ኣብቲ ኣብ የሩሳሌም ዝነበረ ቤተ መቕደስ ዘተኮረ እዩ ነይሩ። ናይ ብሉይ ኪዳን ሃይማኖታዊ ስርዓታት ብካህናትን ሌዋውያንን ይመሓደር ነበረ። ኣብ ዓመት እቲ ዝዓበየ ሃይማኖታዊ መዓልቲ መዓልቲ ዕርቂ እዩ ነይሩ። በዛ ዕለት እዚኣ ሊቀ ካህናት ንገዛእ ርእሱ ሓጢኣትን ሓጢኣት ህዝብን ንምትዕራቕ ናብ ውሽጣዊ ክፍሊ ቤተ መቕደስ ይኣትው ነበረ።

ካልእ በዓላት ድማ ፋሲካ ይርከብዎም፣ እዚ ኸኣ እስራኤል ካብ ግብጺ ንምውጻእ ዝዝክረሉ በዓል እዩ ነይሩ። በዓል ጴንጠቆስጠ ምጅማር ቀውዒ ዘመልክት ኮይኑ በዓል ድንኳናት ድማ በዓል ቀውዒ እዩ ነይሩ። በዓል ፑሪም ንኣስቴር ንእስራኤል ከም ዘውጽኣ ዘዘኻኽር እዩ ነይሩ: እቲ በዓል መለኸት ድማ ምጅማር ሓድሽ ዓመት ኩነ።

ኣብ መንጎ መወዳእታ ብሉይ ኪዳንን መጀመርታ ሓድሽ ኪዳንን ስሩዕ ኣምልኾ ካብቲ ቀንዲ ቤተ መቕደስ ናብቲ ቤት ጸሎት ተሰጋጊሩ። እዚ ተግባር እዚ ኣብቲ እስራኤል ኣብ ምርኮ ዝነበረሉን ኣብ ኢየሩሳሌም ቤተ መቕደስ ኣብ ዘይነበረሉን እዋን እዩ ጀሚሩ። ደቂ ተባዕትዮ ጥራይ እዮም ኣብቲ ንጥፈት ተሳቲፎም። እተን ደቂ ኣንስትዮን ህጻናትን ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ኮፍ ይብላ ኔረን። እቲ ቀዳሲ ናይቲ ኣገልግሎት መግለጺ ናይ ሓደ እምነት ንጸሎትን ካብ ሕግን ነብያትን ንባባትን ዘጠቓለለ እዩ። ነዚ ዝስዕብ ድማ ስብከትን እቶም ሰብኡት ነቲ ኣገልጋሊ ሕቶ ክሓትዎ ዝኽእሉሉ ዝነበሩ እዋንን ነበረ።

ቅዱሳት ጽሑፋት ብሉይ ኪዳን ኣብ ቅዱሳን ጥቕላላት ተጻሒፎም እዮም እሞ እቶም ናይ ሕጊ ሓካይም ጥራይ ክኸፍቲዎ ዝኽእሉ እዮም። ኣብ ዝከኣለሉ እዋን ናብቲ ዳግማይ ዝተሃንጸ ቤተ መቕደስ ኢየሩሳሌም ምብጻሕ ይግበር ነበረ። እቲ ቤተ መቕደስ ምስቲ ሰሎሞን ኣብ ዘመነ ብሉይ ኪዳን ዝነበረ መበቀላዊ ቤተ መቕደስ ዝመሳሰል ኮይኑ ግን ብዝዓበየ ደረጃ እዩ።

ታሪኽ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንጻር ንዘመናት ዘይተቐየረ ባህላዊ ስድራቤታውን ገጠራዊ ህይወትን ዝምልከት ድሕረ ባይታ ዝተሰረተ እዩ። ኣብ ዙርያ እስራኤል ዝነበራ ተዋጋእቲ ግዝኣታት ንጽልዋ ሃጸያዊ ግዝኣት ሮማን እውን ኣብ ድሕረ ባይታ እዩ ተቐሚጡ ነይሩ። ሮማ ኣብ ግዜ የሱስ ንህዝቢ እስራኤል ክትቆጻጸር ተዘርጊሓ ነይራ።

# ርእሰ-ፈተነ

1. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኽሪ ጽሓፋ።

______________________________________________________________________

__________________________________________________________________________

2. ኣዛምድ።

____ካብ ፍጥረት ክሳብ ኣብርሃም — ሀ. ግብሪ ሃዋርያትን መልእኽትታትን ነዚ ታሪኽ እዚ ይነግሩ እዮም።

____ኣብርሃምን ሙሴ — ለ. ማቴዎስን ማርቆስን ሉቃስን ዮሃንስን ነዚ ታሪኽ እዚ ይነግሩ እዮም።

____ዘጸኣት — ሐ. እስራኤል ካብ ግብጺ ምድሓን ኣጋጢሙ።

____እቲ ስዕረት — መ. እስራኤል ንምድሪ ተሰፋ ኣብ እዋን እዚ እዋን'ዚ ሓዙ።

____መሳፍንቲ — ሰ. እዚ እዋን እዚ ዓብዩ ሓጢኣት ዝፈጸመሉ እዋን እዩ ነይሩ ኣብዚ እዋን እዚ ኣምላኽ ንእስራኤል ንምድሓን መሳፍንቲ ኣተንሲኡ።

____መንግስቲ — ረ. እስራኤል ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ክልተ መንግስታት ተመቒሉ።

____እተን 2ተ መንግስታት — ሸ. ሳኦልን ዳዊትን ሰሎሞንን ነገስታት ኲይኖም ዝነገሱሉ እዋን።

____ይሁዳ በይኑ — ከ. ኣብዚ እዋን እዚ እስራኤልን ይሁዳን ኣብ ባርነት ነበሩ።

____እቲ ምርኮ — ቀ. ኢየሩሳሌምን ቤተ መቕደስን ኣብ እዋን'ዚ ተሰርሓ።

____እቲ ምሕዳስ — ቐ. ይሁዳ ጥራይ እያ ነይራ።

____ሕይወት ክርስቶስ — በ. ዛንታታት ኖህን ቃየልን ኣቤልን ግምቢ ባቤልን ኣብዚ እዋንእዚእዩ ኣጋጢሙ።

____ምስፍሕፋሕ ወንጌል — ሽ. ኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን ዮሴፍን ወሰንቲ ሰባት እዮምነይሮምኣብዚ እዋን'ዚ።

3. ታሪኽ ወይ ቅደም ተኸተል ________________________________________ከም ዘጋጠመ ይነግር።

4. መጽሓፍ ቅዱሳዊ ስነ-ጥንቲ እንታይ እዩ፧

______________________________________________________________________________

# ዝያዳ መጽናዕቲ መጽናዕቲ

1. ብፍላይ ኣብ ቀደም ተኸተል መጽሓፍ ቅዱስ ተገዳስነት እንተ ኼንካ፣ ነታ ብወርልድ ባይብል ፓብሊሸርስ እተሓትመት ኒው ክሮኖሎጂካል ባይብል ውሰድ። ቀደም ተኸተል መጽሓፍ ቅዱስ ብመሰረት ቀደም ተኸተል ዝተወደበ ናይ ኪንግ ጀምስ ትርጉም መጽሓፍ ቅዱስ እዩ። እዚ ማለትኣብ ክንዲ ብጽሑፋት (ዘፍጥረት ክሳብ ራእይ ዮሃንስ) ዝተወደቡ ምዕራፋትን ጥቕስታትን ዝቐርቡ ማለት እዩ።ብቀደም ተኸተል ፍጻመታት ኣብ ዝሓለፈ ከም ዘጋጠሙ ወይ ኣብ መጻኢ ከምዝፍጸሙ።

ትሕዝቶ ዘፍጥረት ክሳብ ራእይ ዮሃንስ ኣብ ቀደም ተኸተል መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ትሕቲ ዓሰርተው ክልተ ዓበይቲ ክፍልታት ተዋዲዱ ኣሎ፤

- ምዕባለ ዓለም
- -ልምዓት እስራኤል ከም ቀቢላ
- -ልምዓት እስራኤል ከም ሃገር
- -ልምዓት እስራኤልን ከም ንግስነትን
- ምምቕቓል እስራኤል ኣብ ክልተ መንግስታት
- ህላወ እስራኤል ኣብ ደቡባዊ መንግስቲ
- ምርኮ እስራኤል ኣብ ባቢሎን
- ምምላስ እስራኤል ከም ህዝቢ
- ምዕቃብ እስራኤል ኣብ ሞንጎ እቶም ክልተ ኪዳናት።
- (እዚ ኣብ መንጎ ምጽሓፍ ብሉይን ሓድሽን ኪዳን ዘሎ ግዜ እዩ)
- ምምራቕ መንግስቲ ኣምላኽ ኣብ ምድሪ
- መቐጸልታ መንግስቲ ኣምላኽ ኣብ ምድሪ
- ፍጻሜ መንግስቲ ኣምላኽ ኣብ ምድሪ

እታ ብኣሕተምቲ ሃርቨስት ሃውስ፣ ዩጂን፣ ኦሪገን እተሓትመት ናሬትድ ባይብል እውን፣ ንመጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ብቕደም ተኸተል እትጥቀመሉ ጽቡቕ መሳርሒ እያ። እዛ መጽሓፍ እዚኣ ነቲ ጭቡጥ ጽሑፍ መጽሓፍ ቅዱስ ኣይትህብን እያ፣ እንታይ ደኣ መወከሲ መጽሓፍ ቅዱስ ብመስርዕ ግዜን ብዛዕባ ነፍሲ ወከፍ መወከሲ ሓጺር ትረኻ (ሓተታ)ንትህብ።

2. ኣብ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ስነ-ጥንቲ ተገዳስነት እንተሃልዩኩም፣ እዞም ዝስዕቡ ጽሑፋት ይመጸኩም፤

ቢጂኒንግስ ኢን ቢብሊካ ኣርኪዮሎጂ ብሃዋርድ ቮስ ብሙዲ ፕረስ፣ ቺካጎ፣ ኢሊኖይ፣ ዩ.ኤስ.ኤ.

ኣርኪዮሎጂ ኢን ባይብል ላንድስ ብሃዋርድ ቮስ ብሙዲ ፕረስ፣ ቺካጎ፣ ኢሊኖይ፣ ዩ.ኤስ.ኤ.

# ምዕራፍ ሸሞንተ
# ኣውትላይን፣ ምልክት ምግባር፣ ቻርት ምግባር

## *ዕላማታት፤*

*ነዛ ምዕራፍ ምስ ኣንበብካ ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ክትክእል ኢኻ*

- *ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኽሪ ምጽሓፍ።*
- *ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ምልክት እትገብረሉ ሜላ ምጥቃም።*
- *ንድፊ/ረቛሕ/ምግባር።*
- *ጽማቑ ቻርት ምስራሕ።*

**መሪሕ ጥቕሲ**

*"ምስክራትካ ንዘልኣለም ጽድቂ እዩ፣ ኣእምሮ ሃበኒ እሞ፣ ብህይወት ክነብር እየ።" (መዝ 119:144)*

## መእተዊ

ናይዞም ዝስዕቡ ሰለስተ መሰረታዊ ክእለት ምምዕባል፡ ዝኾነ ይኹን ኣገባብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ኬመሓይሽ ዝኽእል እዩ። እዞም ክእለታት እዚኣቶም ምልክት ምግባር፡ ንድፊ/ረቛሕ/ ምግባርን ቻርት ምግባርን እዮም። ዛዕባታት ናይዚ ምዕራፍ እዮም።

## ምልክት ምግባር

ምልክት ምግባር ንቐንዲ ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ ንምንላሕ ዝሕግዝ ሜላ እዩ። ምልክት ምግባር፡ ንፍሉይ ርእሰ-ጉዳያት ዝምልከት ጥቕስታት ንምርካብ ቀሊል ይገብረልካ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ምልክት ንምግባር ንዝተመርጹ ጥቕስታት ትሕንጽጽ። ዝተፈላለየ ሕብሪ ርሳስ እንተሃልዩካ ነቲ ዝሓንጸጽካዮ ሕብሪ ክትህቦ ትኽእል ኢኻ። ሕብራዊ ርሳስ እንተ ዘይብልካ ኣብ ወሰን ብመሪሕ ጥቕሲ ምልክታት ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ።

እዞም ዝስዕቡ ሕብርታት ወይ ኮዳት ተጠቐም፤

**ቀይሕ፥** ምስ ድሕነት ዝዛመዱ ጥቕስታት። ቀይሕ ንደም የሱስ እዩ ዘውክል። ብዛዕባ ድሕነት ንዝምልከት ጥቕስታት እውን ምልክት መስቀል ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ።

**ቀጠልያ፦** እዚ ሕብሪ ናይ ዝዓብዩ ነገራት እዩ። ብዛዕባ መንፈሳዊ ዕብየት ዘገልጽ ጥቕስታት ንምስማር ነዚ ሕብሪ እዚ ተጠቐመሉ። ንዕብየት ንምውካል ዕምባባ እውን ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ።

**ሰማያዊ፦** እዚ ሕብሪ ሰማያት እዩ። ነዚ ሕብሪ እዚ ተጠቒምካ ምስ ካልኣይ ምጽኣት የሱስ ክርስቶስን ሓዳስ ኢየሩሳሌምን ሰማይን ዝተኣሳሰሩ ጥቕስታት ምልክት ግበር። ምልክታት ትጥቀም እንተ ኼንካ፡ ኣብ ወሰን መጽሓፍ ቅዱስካ ንዘሎ ጥቕስታት ምልክት ንምግባር ኣኽሊል ተጠቐም። እቲ ኣኽሊል ንመንግስተ ሰማያት እዩ ዘውክል።

**ቡናዊ፦** ንኽዓጽድ ድሉው ዝኾነ ግራት ስርናይ ቡናዊ ሕብሪ ኣለዎ። የሱስ ብዛዕባ ስብከተ ወንጌል ኪዛረብ ከሎ ኣብነት ቀውዒ

ተጠቒሙ እዩ። ምስ ሰብከተ ወንጌል ዝተኣሳሰሩ ጥቕስታት ምልክት ንምግባር ቡናዊ ሕብሪ ተጠቒም። ንቁጽሪ ቃል ደው ዝብል ምልክት ዝኾነ ምልክት (#) እውን ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ። ክሳብ ሕጂ መልእኽቲ ወንጌል ዘይሰምዑ ብዙሓት ሰባት ንምዝኽኻር ተጠቒመሉ።

ኣብ ካልእ ኣገደስቲ ዛዕባታት ንዝርከቡ ጥቕስታት ምልክት ንምግባር ተወሳኺ ሕብርታት ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ፡ ሐምላይ፡ ሮዛ፡ ብጫ፡ ጸሊም ወዘተ።

ተወሳኺ ምልክታት ክትጥቀምን ትርጉም ክትምድበሎምን እውን ትኽእልኢኻ። 

## ኣውታላይን ምግባር

ንድፊ/ረቛቕ/ ንመጽናዕታዊ መዘኻኸሪታት ንምውዳብ ዝሕግዝ ሜላ እዩ። ኣብ ኣገልግሎትን መጻኢ መጽናዕትን ንኽንጥቀመሉ ሓበሬታ ብጽማቕ መልክዕ የቐምጥ። ሓደ ንድፊ/ረቛቕ/ ኣብ ዝተመርጸ ቴማ ዘማእከለ እዩ። እዚ ቴማ እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ነቲ መጽናዕቲ ዝግበረሉ ዘንጸባርቕ ኣርእስቲ ናይቲ ንድፊ/ረቛቕ/ ይኸውን።

ድሕሪ ምልላይ ኣርእስቲ መጽናዕቲ፡ እቲ ዝቕጽል ስጉምቲ ብዛዕባ እቲ ኣርእስቲ ገለ ዝነግሩ ቀንዲ ነጥብታት ምልላይ እዩ። ቀጺሎም ንኡሳን ነጥብታት ክህልዉ እዮም። ቅድመ-ጥብቆ "ንኡስ" ማለት ኣብ ትሕቲ ይመጹ ወይ ብዛዕባ እቲ ቀንዲ ነጥቢ ገለ ነገር ይነግሩ ማለት እዩ።

ንድፊ/ረቛቕ/ ክትገብር ዘኽእሉኻ ብዙሕ መንገድታት ኣሎ። ንቐንዲ ነጥብታት ሮማዊ ቁጽርታት ዝበሃሉ ፍሉያት ቁጽርታት ዝጥቀም መሪጽና ኣለና። ምስ ሮማዊ ቁጽርታት ዘይትፋለጡ እንተኾይንኩም፡ ኣብዚ ምዕራፍ "ዝያዳ መጽናዕቲ መጽናዕቲ" ዝብል ክፋል ዝርዝር ተዳልዩልኩም ኣሎ።

ኣብቲ ንድፊ/ረቛቕ/ ዝርከቡ ንኡሳን ነጥብታት ብዓበይቲ ፊደላት ናይቲ ፊደላት ይርኣዩ። ኣብ ትሕቲ እዚኦም ተወሳኺ ነጥብታት እንተሃልዮም ብስሩዕ ቁጽርታት ይርኣዩ። ከመይ ጌርካ ንድፊ/ረቛቕ/ ከም እትሰርሕ ብሓጺሩ ዝገልጽ ነዚ ዝስዕብ ኣብነት ኣጽንዕ፤

### ኣርእስትኻ ኣብዚ ጽሓፍ

I. እዚኣ ሮማዊ ኣጽሓሕፋ ቁጽሪ ሓደ (1) እያ፡ ነቲ ቀዳማይ ቀንዲ ነጥቢ ምጽሓፍ ድማትጠቅም።

ሀ. እዚኣ ፊደል ነቲ ቀንዲ ኣርእስቲ ክፋሉ ዝኾነ ሓደ ንኡስ ኣርእስቲ ተመልክት እያ።

1. ምስ ኣብ ፊደል 'ሀ' ዘሎ ንኡስ ኣርእስቲ ዝዛመድ ዝነኣሸ ኣርእስቲ እንተ ረኺብካ ብቁጽሪ 1 ተመልክተሉ ትኽእል ኢኻ።
2. ካልኣ ንኡስ ኣርእስቲ እንተ ረኺብካውን ብመልክዕ ቁጽሪ እናዘረዘርካ ክትመልኦም ትኽእል ኢኻ።

ለ. ኣብ I ዘሎ ቀንዲ እርእስቲ፡ብዙሓት ንኡሳን እርእስቲ ክርከብሉ ይከኣሉ እዮም። ከምዚ እንተ ኮይኑ ድማ፡ ብመልክዕ ፊደላት ክጸሃፉ ይክእሉ እዮም።

II. ንዝስዕብ ቀንዲ ኣርእስቲ ንከተመልክት፡ በታ ትቅጽል ሮማዊ ቁጽሪኣመልክት።

ሀ. ንኡስ ኣርእስቲ በቲ ኣቅዲሙ ዝተገልጸ ኣገባብ ብምኽታል ይጸሓፍ።

ከም ኣብነት ንሮሜ 12:1-2 ሓጺር ዝርዝር ኣዳሊና ኣለና። መጀመርታ ነተን ጥቕስታት ኣንብበን፤

***እምብኣርሲ ኣሕዋተየ፡ ንስጋኹም ህያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዜብልን መስዋእቲ ጌርኩም ከተቕርብዎ፡ ብምሕረት ኣምላክ ኣምዕደኩም ኣሎኹ፥ እዚ ማለት እቲ ናይ ኣእምሮ መንፈሳዊ ኣገልግሎትኩም እዩ። እቲ ሰናይን ባህ ዜብልን ምሉእን ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ምእንቲ***

***ኹትምርምሩሉ ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ። (ሮሜ12፡12)***

ዝርዝር ናይዚ ክፍልታት እዚ ከምዚ ዝስዕብ ይመስል፤

## ከመይ ጌርና ፍቓድ ኣምላኽ ንፈልጥ

I. ንስጋኹም ንኣምላኽ መስዋእቲ ጌርኩም ከተቕርብዎ።

ሀ. ቅዱስ
ለ. **ባህ ዜብል**

**II. ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ።**

**ሀ. ተለወጡ ።**
**1.ብምሕዳስ ሓሳብና ኢና**

**ንልወጥ።** III. **ፍቓድ** ኣምላኽ ንፈልጥ **እዚ**

**ዝስዕብ ፡**

**ሀ. ሰናይ**
**ለ. ባህ ዜብል**
**ሐ. ምሉእ**

እዚ ንድፊ/ረቛቕ/ እዚ ብኸመይ ብንጹር ኣብ ሮሜ 12፡1-2 ዝተዋህበ ስጉምትታት ናብ ፍቓድ ኣምላኽ ብሓጺሩ ይገልጽ እዩ።

## ቻርት ምግባር

ካልእ ንመጽናዕታዊ ጽሑፋት ንምውዳብ ዝሕግዝ ኣገባብ ድማ ቻርት ምግባር እዩ። ኣብዚ ኮርስ እዚ ነዚ ክእለት ንምምዕባል ዝሕግዙኻ ሓያሎ ቻርት ንክትውድእዎም ክወሃብኹም እዮም። ቻርት ምግባር ኣገዳሲ እዩ ምኽንያቱ ነቲ ዘጽንዕካዮ ኣብ ኣእምሮኻ ክትስእሎ ስለ ዝሕግዘካ። ቻርት ምግባር ነቲ እትመሃሮ ብሓጺሩ የጠቓልሎን ንኽትዝክሮ ይሕግዘካን እዩ።

ቻርት ንምስኣል ክልተ መሰረታዊ መምድላው ኣለዉ፤

### ጎድም ቻርት ፤

ቻርትካ ብጎድም ኣብ ወረቐት ስኣሎ። ነቲ ቻርት ንፍሉይ መጽናዕትኻ ዘድልዮ መጠን ክፍልታት ግበረሉ። ጎድም ቻርት ኣብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ክትጥቀመሉ ጽቡቕ እዩ። ኣብ ምዕራፍ ዓሰርተ ሓደ ኣብነት ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

### ትኹል ቻርቲ

እዚ ዓይነት ቻርት ኣብ ወረቐት ብትኹል ይስኣል። ዓቢ ቀኑዕ ርቡዕ ኩርናዕ ይስኣል እሞ ኣብ ውሽጡ ምምቕቓል ይግበር። ትኹል ቻርት ንሓጸርቲ ክፋላት ወይ ንመጽናዕቲ ምዕራፋት ንምግባር ዝበለጸ እዩ።

**ኣብ ያእቆብ** 1፥26-27 **ዘሎ ትኹል ቻርት ኣብነት ኣብዚ ኣሎ። *መጀመርታ***

**ነቲ ክፍሊ ኣንብቦ፤**

> *"ሓደ እኳ፡ ንልቡ ደኣ ዘስሕቶ እምበር፡ ልሳኑ ዘይለጕም እንተሎ፡ ንኣምላኽ ዜምልኽ ከምዘሎ እንተ መሰሎ፡ ኣምልኾኡ ኸንቱ እዩ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኣቦን ንጹህን ርኹሰት ዘብሉን ኣምልኾ እዚ እዩ፡ ርእሱ ኻብ ርኽሰት ዓለም እናሓለወ፡ ንዘኽታማትን መበለታትን ኣብ መከራኦምን ጸበባኦምን ምብጻሕ እዩ።"* (**ያእቆብ**1፥26-27)

**ሕጂ ነቲ ቻርት ኣጽንዓዮ፤**

## ናይ ምምልላስ ገምጋም

| ውልቃዊ ኣገላልጻ | ግብሩ | ውጽኢት | ኣምልኮኡ |
|---|---|---|---|
| ንኣምላኽ ዜምልኽ ዘሎ ዝመስሎ | ልሳኑ ዘይለጕም | ንልቡየስሕቶ | ከንቱ |
| ርእሱ ካብ ርኽሰት ዓለም ዝሓለወ | ንዘኽታማትንመበለታትን ዝበጽሕ | ኣብ ቅድሚኣምላኽ ርኽሰትዜብሉ | ንጹህ ርክሰትዜብሉ |

# ርእሰ-ፈተነ

1. **ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኽሪ ጽሓፉ።**

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

2. **እዚ ዝሰዕብ ኣቃውማ ንድፊ/ረቛሒ/ እንታይ ጌጋ ኣለዎ፧**

______________________________________________________________________

**ኣርእስቲ**

I. **እዚ 1ይ ቀንዲ ነጥቢ እዩ።**

**ሀ እዚ ምስቲ ቀንዲ ነጥቢ ዝተኣሳሰር ንኡስ ነጥቢ እዩ።**

**ለ እዚ ካልኣይ ቀንዲ ነጥቢ እዩ።**

3. **እቶም ክልተ ቀንዲ መንገድታት ቻርት ንምስኣል መነመን እዮም፧**

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

4. **ምስ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተኣሳሰር "ምልክት" እንታይ ማለት እዩ፧**

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

(**መልሲ ገምጋምታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።**)

## ዝያዳ መጽናዕቲ መጽናዕቲ

1. **ያእቀብ** 3:2-6 **ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ኣጽንዕ። ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣትላይን ምልኣዮ፤ ልሳን ወዲ ሰብ**

I. **ሓደ ንቓል ዘይሰሕት እንተሎ**: (**ቁጽሪ** 2 **ርአ**)

**ሀ.**

**ለ.**

II. **ኣብነታት ሓይሊ ንኣሸቱ ነገራት፤**

**ሀ/ ኣብ ኣፍ ፈረስ ዘሎ ልጓም ንኽልተ ዕላማ እዩ ዝውዕል፡** (**ፍቅዲ** 3 **ርአ**)

1..

2..

**ለ. ናይ በጊዕ ስካን ፡** (**ፍቅዲ** 4) . 1..

**ሐ. ንእሽቶ ሓዊ፡** (**ፍቅዲ** 5) . 1..

III. **ከምኡ ድማ ልሳን ንእሽቶ ኣካል እያ እሞ**: (**ፍቅዲ** 5-6)

**ሀ- ብዓብዪ ነገር ትምካሕ።**

**ለ/ ናይ ዓለም ዓመጻ እያ።**

**ሐ.**

**መ.**

**ሰ.**

2.ሕጂ ነዚ ዝስዕብ ንሓደ ክፋል ያእቆብ 3፡2-6 ዝሸፍን ቻርት ምልኣዮ፤

| ልሳን፡ምምስሳል | |
|---|---|
| ኣብነት | ውጽኢት |
| ኣብ ኣፍ ፈረስ ዘሎ ልጓም<br>ናይ ባቡር ስካን<br>ቁልዒ ሓዊ<br>ናይ ስብ ልሳን | ብዘሎ ስጋ ተቕንዕ |

3. እዚ ዝስዕብ ቻርት ሮማዊ ቁጽርታት ብመሰረት ኣብዚ ምዕራፍ ዝተዋህበ ቅዲ ንድፌ/ረቛቕ/ ኣብ ምፍጣር ንኽትጥቀመሉ ዝሕግዝ እዩ፤

| | |
|---|---|
| 1 I | 30XXX |
| 2 II | 40XL |
| 3 III | 50 L |
| 4 IV | 60 LX |
| 5 V | 70LXX |
| 6 VI | 80 LXXX |
| 7 VII | 90XC |
| 8 VIII | 100 C |
| 9 IX | |
| 10 X | |
| 11 XI | |
| 12 XII | |
| 13 XIII | |
| 14 XIV | |
| 15 XV | |
| 16 XVI | |
| 17 XVII | |
| 18 XVIII | |
| 19 XIX | |
| 20XX | |

ንኹለን ጉጅለ ከምቲ ተዋሂቡ ዘሎ ኣገባብ (I II III) ተኸተል። ንኣብነት 32 ክትጽሕፍ XXXII ትኸውን።

## ሳልሳይ ክፋል፡

## ኣገባብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ብሜላ

# ምዕራፍ ትኸዓተ
# መጽሓፍ ቅዱስ ብመጽሓፍ ቅዱስ ምጽናዕ

### ዕላማታት፤

ነዛ ምዕራፍ ምስ ኣንበብካ ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ክትክእል ኢኻ

- ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኸሪ ምጽሓፍ።
- ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተጠቕሙ ምልክታት ቃል ኣምላኽ ምልላይ።
- መጽሓፍ ቅዱስ ተጠቒምካ ንቓል ኣምላኽ ምጽናዕ።
- ምንጪ ቃል ምልላይ።
- ጸባን ዕጹም ብልዕን ናይ ቃል ፍልልይ ምግባር።

### መሪሕ ጥቕሲ

*"ካብ ሕግኻ ተኣምራት ክርኢሉ ኣዒንተይ ክፈተሊይ።"* (መዝ 119:18)

### መእተዊ

ሓደ ኻብቲ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ንጅምረሉ ዝበለጸ መገዲ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ እንታይ ከም ዚብል ምፍላጥ እዩ። ኣርእስቲ ናይዚ ምዕራፍ እዚ ንሱ እዩ። ኣብዚ ትምህርቲ እዚ ብዛዕባ ምልክታት ቃል ኣምላኽን ብዛዕባ ቃል ኣምላኽ ባዕሉ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተገልጸ ፍሉይ ሓቅታትን ክትመሃር ኢኻ።

ኣብ መብዛሕትኡ ናይ ኢንስቲትዩት ኮርሳት ንቅዱሳት ጽሑፋት ክንውከስ ከለና ኣብ ውሽጢ ዓውዲ ትምህርቲ ኢና ንጽሕፎም። እዚ ዝግበር ዘሎ ግዜኻ ንምቍጣብ እዩ። ኣብዚ ትምህርቲ ዘሎ ጥቕስታት ግን ብፍሉይ ምኽንያት ኣይጸሓፍናዮን። ሓደ ኻብቲ ዕላማታት እዚ ትምህርቲ እዚ፡ መጽሓፍ ቅዱስካ ብኸመይ ከም እተጠቕመሉ ንኽትፈልጦ ዝሕግዘካ ... ዝኾነ፡ መወከሲታት ጥራይ ኢና ዘርዚርናዮ ዘለና። ነቲ ትምህርቲ ከተጽንዮ ኸለኻ፡ ነፍሲ ወከፍ መወከሲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ድለዮ።

ኣቀማምጣ ጽሑፋት ዘይትፈልጥ እንተ ዄንካ፡ ኣብ ቀድሚት መጽሓፍ ቅዱስካ ርአ። መብዛሕትኡ መጽሓፍ ቅዱስ "ትሕዝቶ" ዝብል ጽሑፍ ኣለዎም እዚ ድማ ነቲ መጽሓፍ ዝጅምረሉ ቁጽሪ ገጽ ዝዝርዝር እዩ። ንሓንቲ መጽሓፍ እተዘርዘረ ቍጽሪ ገጽ ምስ ረኸብካ፡ ኣብ ምዕራፍ ሓደ ናይታ መጽሓፍ ክትህሉ ኢኻ። ድሕሪኡ ነቲ ቅኑዕ ምዕራፍን ቁጽሪ ጥቕስን ድለ፦

| ስም መጽሓፍ | ቁጽሪ ምዕራፍ | ቁጽሪ ጥቕሲ |
|---|---|---|
| መዝሙር ዳዊት | 119 : | 89 |

## ምንጪ ቃል ኣምላኽ

ምንጪ መጽሓፍ ቅዱስ ባዕሉ ኣምላኽ እዩ። መዝሙር 68:11 ኣንብብ። እዚ ድማ ኣምላኽ ምንጪ ቃል ከም ዝኾነ እዩ ዝነግር። 1ይ ተሰሎንቀ 2፡13 መጽሓፍ ቅዱስ ቃል ኣምላኽ ምዃኑን ምንጩ ሰብ ከም ዘይኩነን ይገልጽ። የሱስ ኣብ ምድራዊ ኣገልግሎቱ ኺዛረብ ከሎ፡ ምንጪ ቃላቱ ኣምላኽ ምዃኑ ብንጹር ገሊጹ እዩ። ዮሃንስ 14፡10ን 24ን ርአ፤ 17፡8 ፣ 14፤ ከምኡውን 3:34 ርአ።

## ታሪኽ ቃል ኣምላኽ

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ናይ ገዛእ ርእሱ ታሪኹ ብዙሕ ይገልጽ፣ "ቃል ኣምላኽ ክሳብ መዓስ ኮይኑ ኣሎ፧" ዝብሉ ሕቶታት ይምልስ። ከም ኡውን" መጀመርታ ቃል ኣምላኽ ዝጸሓፎ መን እዩ፧" እብራውያን11:3 ኣንብብ። እዛ ጥቕሲ እዚኣ፡ እዛ እንነብረላ ዓለም ብቓል ኣምላኽ ከምዝተቐረጸት (ዝተፈጥረት) ትገልጽ። ታሪኽ ፍጥረት ዝነግር ዘፍጥረት ምዕራፍ 1 ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ኣንብብ እሞ እዚ ሓቂ ኮይኑ ክትረኽቦ ኢኻ። ኣምላኽ ቃል ብቓሉ ንዓለም ናብ ህላወ ተዛሪብዋ። ብዛዕባ እዚ ዝያዳ ኣብ 2ይ ጴጥሮስ 3፡5-7 ክተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም። እብራውያን1፡3 ንዓለምን ንኹሉን ብቓል ሓይሉ ጸዊሩ ከም ዘሎ ይገልጽ። መዝሙር 33፡6 ሰማያት ብቓል እግዚኣብሄር ከም ዝተፈጥሩ ይገልጽ።

ኣምላኽ ዘለኣለማዊ እዩ። መጀመርታን መወዳእታን የብሉን። እግዚኣብሄር ካብ ቃሉ ዘይፍለ ካብ ዝኾነ (ንሱ ቃል እዩ)፡ እቲ ቃል መጀመርታን መወዳእታን የብሉን። ከም እግዚኣብሄር ቃሉ ወትሩ እዩ ነይሩ። ዘጸኣት 20፡1-17 ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ኣንብብ። እዚ እግዚኣብሄር ንሓደ ሰብ (ሙሴ) ቃላቱ ክጽሕፍ ከም ዘነቓቕሖ ዝገልጽ ናይ መጀመርታ መዝገብ እዩ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ዮሃንስ ምዕራፍ 1 ኣንብብ። ፍቕዲ 1-5ን 14ን ብቐረባ ኣስተውዕል። እዚ ክፍሊ ንየሱስ ከም ቃል እዩ ዝጠቅስ። ቃል (የሱስ) ምስ እግዚኣብሄር ከም ዝነበረን ብመጀመርታ ኣምላኽ ከምዝነበረን ይገልጽ። ኣምላኽን ቃሉን ንዓለም ብኸመይ ከም ዝፈጠራ የረጋግጽ። የሱስ ካብ ቀደም ኣትሒዙ ምስ ኣቦ እዩ ነይሩ ፥ግናኸ ኣብ ፍቕዲ 14 ቃል (የሱስ) ስጋ ኮይኑ ኣብ ምድሪ ብመልክዕ ሰብ ክነብር ከም ዝመጸ ይነግር። ፍቕዲ11-12 ብኸመይ ብገዛእ ናቱ ከም ዝተነጸገን ብኸመይ እቶም ዝቕበልዎ ደቂ ኣምላኽ ክኾኑ ከም ዝኽእሉን ይምዝግብ።

## መጽሓፍቲ ብራናታትን ኣእማንን

ቃል ኣምላኽ ኣብ ምሉእ ዓመታት ብብዙሕ መልክዕ ተጻሒፉ እዩ። ብሙሴ ኣብ ኣእማን ተጻሒፉ እዩ (ዘጸ 20፡1-17) እስራኤል ናብ ምድሪ ተሰፋ ምስ ኣተዉ ድማ ኣብ ዓበይቲ ኣእማን ተጻሒፉ እዩ (ዘዳ 27፡1-8) ።

ቃል ኣምላኽ ኣብ መጽሓፍ ተጻሒፉ እዩ (ዘዳ 31፡24-26) ኣብ ብራናታት (ኤርምያስ 36፡2) ። ብራና ማለት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጫፉ ብዕንጨይቲ ዝተሰርሐ መትሓዚ ዘለዎ ነዊሕ ወረቐት እዩ። ኣብ ብራና ከተንብብ ወይ ክትጽሕፍ ከለኻ ካብ ሓደ ጫፍ ትጅምር እሞ እናገለገልካ ነቲ ወረቐት ትፈትሖ።

ኣምላኽ ኣብ ቃሉ መዝሙር ውን ከይተረፈ መንፈስ ኣንፊሱሉ እዩ። ዘዳግም 31፡19-22 ርአ። ዳዊት ቃል ኣምላኽ ብግጥማዊ መልክዕ ጽሒፉ ብዙሕ ግዜ ይዝመር ነበረ። መዝሙር ዳዊት መጽሓፍ ኣምልኾን መዝሙርን ናይ መጽሓፍ ቅዱስ እያ።

## መንፈስ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ

ሓደ ኻብቲ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ዚገልጾ ኣገዳሲ ነገር፡ ብመንፈስ ኣምላኽ እተጻሕፈ መጽሓፍ ምዃኑ እዩ። እግዚኣብሄር ብመንፈስ ቅዱስ ኣቢሉ መልእኽቱ ክጽሕፍ ምስ ቅዱሳን ሰባት ተዘራረበ።

2ይጢሞቴዎስ 3፡16-17 ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ርአ። እዘን ጥቕስታት እዚኣተን፡ ቃል ኣምላኽ መንፈስ ዝነፈሶ ኸም ዝኾነ የረጋግጻ እየን። ብተወሳኺ ኣብ ኣርባዕተ ዓበይቲ መዳያት ክርስትያናዊ ህይወት መኽሰብ ከምዘለዎይገልጻ፤

- ንትምህርቲ

- ንተግሳጽ
- ንምቕናዕ
- ብጽድቂ

እዘን ጥቕስታት እዚኣተን ቀንዲ ዕላማታት ቃል ኣምላኽ እየን። እዚኦም ውጽኢቶም ድማ እቲ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ፍጹም (ብሱል)ን ንኹሉ ሰናይ ግብሪ ብግቡእ ዝተዓጠቐን ምዃን እዩ።

## ዘልኣለማዊ ቃል

ኣብ ተፈጥሮኣዊ ዓለም ብዙሓት ጽሑፋት ንሓጺር ግዜ ጥራይ እዮም ዝሰርሑ። ንኣብነት፡ ብዛዕባ ሕክምናዊ ኣገባባት እትገልጽ መጽሓፍ ንገለ ዓመታት ትሰርሕ ትኸውን። ዝሓሸ መድሃኒታት ወይ ዝሓሸ ኣገባብ ሕክምና ምስ ዝምዕብል እታ መጽሓፍ ድሕሪ ደጊም ተግባራዊ ኣይትኸውንን።

ቃል ኣምላኽ ዘለኣለማዊን ኣብ ኵሉ ዘመን ተግባራዊ ዝኾነን እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ኣገዳሲ እዩ ነይሩ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣገዳሲ እዩ፡ ንመጻኢ ድማ ኣገዳሲ ክኸውን እዩ (መዝሙር ዳዊት 119፡89 ርአ)። 1 ጴጥሮስ 1፡23 ኣንብብ። እዛ ጥቕሲ እዚኣ፡ ቃል ኣምላኽ ንዘለኣለም ከም ዚነብር ጥራይ ዘይኰነስ፡ ንዘለኣለም እውን ከም ዚነብር ትገልጽ። እግዚኣብሄር እዩ ወትሩ እውን ነይሩ። ህያው ኣምላኽ ኢና ነገልግል። እግዚኣብሄር ካብ ቃሉ ዘይፍለ እዩ። እግዚኣብሄር ህያው ስለዝኾነ ቃሉ ይነብርን ንኹሉ ዘመን ኣገዳስን እዩ። ኢሳይያስ 40:8 ኣንብብ። እዛ ጥቕሲ እዚኣ ቃል ኣምላኽ ንዘለኣለም ደው ከም ዝብል (ዝህሉ) የረጋግጽ። ከምቲ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ዓለም ኣብ ከባቢኻ እትርእዮ ነገራት ኣይጠፍእን እዩ።

## ክልተ መሰረታውያን ክፍልታት

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ክልተ መሰረታዊ ክፍልታት ቃል ኣምላኽ ይዛረብ እዩ። እዚኦም ድማ ጸባ ቃልን ዕጹም ብልዒ ቃልን እዮም። ጸባ ቃል እቲ ብቐሊሉ ክትርድኦ ዝከኣል መሰረታዊ ሓቂ እዩ። ዕጹም ብልዒ ቃል ድማ መንፈሳዊ ብስለት ዘምጽእ ዝዓሞቐ ትምህርቲ ቃል ኣምላኽ እዩ። ብዛዕባ እዚኦም ኣብ እብራውያን 5፡13-14 ከምኡውን 1ጴጥሮስ 2፡2 ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ዕላማታት ቃል ኣምላኽ

እግዚኣብሄር ቃሉ ዝሃበ ፍሉይ ዕላማታት ንምፍጻም እዩ። ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ገለ ኻብዚኣቶም ዕላማታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፤

- ቃል ኣብ ወንጌል እምነት የፍሪ፡ ግብሪ ሃዋርያት4፡4
- የንጽህ፡ ዮሃ 15፡3፤ ኤፌሶን5፡26
- ሰሚዕካ እንተ ኣሚንካ ናይ ዘለኣለም ህይወት የምጽእ እዩ፡ ዮሃ5፡24
- መሰረት ዘለኣለማዊ ፍርዲ እዩ፡ ዮሃ12፡48
- ርኹሳት መናፍስቲ ብቃል ይስጎጉ፡ ማቴ 8፡16፤ ሉቃስ 4 ፡36
- ንሓቂ ወንጌል ዘእምን ስብከት ቃል ሰዒቡ ተኣምራዊ ምልክታት ይፍጸም፤ ማርቆስ16፡20
- ናይ ድሕነት መረጋገጺ ይህብ፡ 1ዮሃ1፡2-6
- ብቓል ብሓድሽ ተወሊድኩም፡ 1ይ ጴጥሮስ 1፡23፤ መዝሙር ዳዊት119:41
- ቃል ብዛዕባ ሓቂ ወንጌል ይምስክር፡ 1ዮሃ5፡7
- ብቃል ኣምላኽ ተቐዲስካ ኢኻ።: 1ጢሞቴዎስ4:5
- ኣብ ቃሉ ተስፋ ኣሎ፡ መዝሙር ዳዊት 130፡5፤ 119:49,81
- ኣብ ቃሉ ፈውሲ ኣሎ፡ መዝሙር ዳዊት107፡20

- ካብ መንገዲ ዓመጽቲ ይዕቅብ፡ መዝሙር17፡4
- መንፈስን ህይወትን እዩ፡ ዮሃ6፡63
- ሓጎስን ፍስሃ ልብን የምጽእ እዩ፡ ኤርምያስ15፡16
- እምነት ብቓል ትውሰኽ፡ ሮሜ10፡17
- ምጽንናዕ የምጽእ እዩ፡ 1 ተሰሎንቄ 4፡18፡ መዝሙር 119፡50,52
- መንፈሳዊ መግቢ የምጽእ እዩ፡ 1ጢሞቴዎስ4፡6
- ዝተመለሰ ጸሎት የምጽእ እዩ፡ ዮሃ15፡7
- ዘሳልጥ እዩ፡ እያሱ1፡8
- እንተ ሰሚዕካዮን እንተ ሓሊኻዮን ብጹእ ኢኻ፡ ሉቃ11፡28
- ንመንፈሳዊ ዕብየት ዝረብሕ እዩ፡ 2ይ ጢሞቴዎስ3፡16-17
- ክዕቀብ ክሎ በረኸት የምጽእ፡ ኣብ ዘይሕሎ ድማ መርገም የምጽእ፡ ዘዳግም28
- ኣብ ግዜ ገምጋም ኣጽዋር እዩ፡ ማቴ4
- ንነፍሲ ይመልሳ፡ መዝሙር19፡7
- ንገርሂ የጥብቦ፡ መዝሙር19፡7
- የብርህ፡ መዝሙር19፡8
- ይምህር፡ መዝሙር19፡11
- ቃል ምሕላው ዓቢ ካሕሳ የምጽእ፡ መዝሙር19፡11
- ናብ ሰማይ ምእታው የፍቅድ፡ ራእይ22፡14
- ብጽድቂ ምምልላስ በረኸት የምጽእ፡ መዝሙር119፡1-3
- ካብ ጸላእትኻን መምህራንካን ሸማግሌታትን ዝያዳ ጥበበኛ ይገብረካ፡ መዝሙር ዳዊት 119፡98- 104
- ህያው ይገብር፡ መዝሙር119፡25
- የደልድል፡ መዝሙር ዳዊት119፡28
- ምሕረት ኣምላኽ ኣብ ልዕሌኻ እዩ፡ መዝሙር ዳዊት119፡58
- ደስታ የምጽእ እዩ፡ መዝሙር119፡92
- ነቲ ገርህታት ኣእምሮ ይህብ፡ መዝሙር 119፡130, 169፤104
- ምንጋፍ የምጽእ እዩ፡ መዝሙር ዳዊት119፡170

## እቲ ቃል ዘየሰልጥ ኣይኮነን

ከምቲ ዝረኣናዮ: ንቓል ኣምላኽ ብዙሕ ዕላማታት ኣለዎ። መጽሓፍ ቅዱስ፡ እቲ ቓል ነቲ ዝኸሰሉ ዕላማታት ከም ዘፍጽሞ ይምህር እዩ። ኢሳይያስ 55:11 ኣንብብ። ኣብዚ እግዚኣብሄር ቃሉ ባዶ ከም ዘይህብ እዩ ዝብል። እዚ ማለት እግዚኣብሄር ባዶ ተሰፋ ኣይገብርን እዩ። እቲ ዝብሎ ክኸውን እዩ። ነፍሲ ወከፍ ቃል መጽሓፍ ቅዱስ ንሓደ ዕላማ እተጻሕፈ እዩ እቲ ዕላማ ድማ ኪፍጸም እዩ።

## ምልክታትት ቃል ኣምላኽ

መጽሓፍ ቅዱስ ንቓል ኣምላኽ ንምግላጽ ብዙሕ ዝተፈላለየ ምልክታት ይጥቀም እዩ። ምልክት ንኻልእ ነገር ዘውክል ነገር እዩ። ንኣብነት ኣብ ባንዴራ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝርከብ ነፍሲ ወከፍ ኮኾብ ንሓንቲ ካብተን ነታ ሃገር ዝቖማ 50 ግዝኣታት ይውክል። ኮኾብ ናይ ሓደ ሃገር ምልክት እዩ። እዘን ዝስዕባ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስን ቓል ኣምላኽን ምግላጽ ዝጥቀሙለን ምልክታት እየን። ነፍሲ ወከፍ ጥቕሲ ርአ እሞ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ኣንብቦ፤

### መስትያት፡ ያእቆብ 1፡23-27

ኣብ ተፈጥሮኣዊ ዓለም ናብ መስትያት ክትጥምት ከለኻ፡ ንኣካላዊ ምስልኻ ዘንጸባርቕ እዩ። ልክዕ ከም መስትያት ናብ ቃል ኣምላኽ ክትጥምት ከለኻ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ናይ ሓቂ መንፈሳዊ ኾነታትካ ዘንጸባርቕ እዩ።

### ገበራ፡ ኤፌሶን 5፡26-27

ገበራ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ቃል ኮይኑ ንመጽረዪ ዝውዕል ማይ ዝሕዝ እዩ። ማይ ቃል ኣምላኽ ብመንፈስ የጽርየካ።

### መብራህቲ፡ መዝሙር 119፡105

**ብርሃን፡ መዝሙር** 119፡105,130፤ **ምሳሌ** 6:23

ክልቲኦም መብራህቲን ብርሃንን መምርሒ ይህቡ። ኣብ ጸልማት ክትሪኢ የኽእሉኻ። ቃል ኣምላኽ መንፈሳዊ መምርሒ ይህበካን ካብ ጸልማት ሓጢኣት መውጽኢኻ መንገድኻ ክትረክብ ይሕግዞካን።

### ዝናም፡ ኢሳይያስ 55፡10-11

### ማይ፡ ኤፌሶን 5፡26

ዝናብን ማይን ክልቲኡ መንፈስካ ዘሐድስ እዩ። ቃል ኣምላኽ ብመንፈስ ስለ ዘሐድሰካ ምስ ዝናምን ማይን ይመሳሰል።

### መግቢ፦ ኤርምያስ 15:16፤ 1ይ ጴጥሮስ 2፡1-2፤ 1ቆሮ 3፡1-2፤ እብራውያን 5፡12-14

### ስሩዕ ኣመጋግባ፡ እብራውያን 5፡12

መጽሓፍ ቅዱስ ንመንፈሳዊ ጥሜት ዘጥፍእ ምስ ተፈጥሮኣዊ ጥሜት ዘጥፍእ መግቢ ይወዳደር። ከምቲ መግቢ ተፈጥሮኣዊ ዕቤት ዘፍቅድ፡ መጽሓፍ ቅዱስ እውን መንፈሳዊ ዕቤት ይፈቅድ እዩ። ገለ ክፋላት መጽሓ ፍቅዱስ ብቐሊሉ ክርድኣና ስለ ዝኽእል ጸባ ቃል ኣምላኽ ተባሂሎም ይጽውዑ። ካልኦት ክፋላት ድማ እቶም ክፍልታት ንምርዳእ ዝያዳ ስለ ዘጸግሙ ዕጹም ብልዒ ቃል ኣምላኽ ይበሃሉ። እግዚኣብሄር ካብ ጸባ ናብ ዕጹም ብልዒ ቃሉ ክትስጉም እዩ ዝደሊ። መጽሓፍ ቅዱስ ብኸመይ ከም እትጽንዕ ምምሃር፡ ነዚ ዕላማ እዚ ንኽትፍጽም ኪሕግዘካ እዩ።

### ሓዊ፡ ኤርምያስ 23፡29፤ 20 ፡ 9

ኣብ ተፈጥሮኣዊ ዓለም ሓዊ ንኽቡር ሓጺን ንምጽራይ ይጠቀም እዩ። እቲ ሓዊ ንኸሉ ርስሓት የቃጽሎ። ቃል ኣምላኽ ኣብ መንፈሳዊ ህይወትካ ከም ሓዊ ኮይኑ ንርኹስ ሓሳባትን ቃላትን ተግባራትን የቃጽል እዩ።

### መዶሻ፡ ኤርምያስ 23፡29

መዶሻ ከውሒ ብቑርጽራጽ ክሰብር ይኽእል። ቃል ኣምላኽ ንሓጢኣት ዝተረረ ልቢ ወሲዱ ክሰብሮምን ኣብ ኢድ ኣምላኽ ተዓጻጻፊ ክገብሮም ይኽእል እዩ።

### ስካለፐል፡ እብራውያን 4፡12

ስካለፐል፡ ሓካይም ንሕማም ንምፍዋስ ንመጥባሕቲ ዝጥቀሙሉ በሊሕ ካራ እዩ። ቃል ኣምላኽ መንፈሳዊ መጥባሕቲ ይገብር እዩ። መንፈሳዊ ሕማም ይእርም። መንፈሳዊ ዕብየትን ረኽስን ካብ ህይወትካ የወግድ።

### ሰይፊ፡ ኤፌሶን 6፡17

ኣብ ተፈጥሮኣዊ ዓለም ዘሎ ሰይፊ ኣጽዋር እዩ። ቃል ኣምላኽ መንፈሳዊ ሰይፍካ እዩ። ኣንጻር መንፈሳዊ ጸላኢኻ ሰይጣን

ክትጥቀመሉ እትኽእል ኣጽዋር እዩ።

## መድሃኒት፡ መዝሙር ዳዊት 119፡25

ከምቲ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ዓለም ዚርከብ መድሃኒት ንኣካላዊ ሕማም ዚፍውስ፡ ቃል ኣምላኽ እውን ንመንፈሳዊ ሕማም ንምፍዋስ ከም መድሃኒት ኰይኑ እዩ ዚዓዩ።

## ዘርኢ፡ ማቴዎስ 13፡1-23፤ ማርቆስ 4:1-20፤ ሉቃስ 8፡4-15፤ 1ይ ጴጥሮስ 1፡23፤ ያእቆብ 1፡18

ቃል ኣምላኽ ከም ዘርኢ እዩ። ኣብ ልብኻ ምስ ተተኽለ--ዝቕበል መሬት እንተረኺቡ--ኣብ ህይወትካ ክዓቢን መንፈሳዊ ፍረ ክፍሪን እዩ።

## መዓር፡ መዝሙር ዳዊት 19፡10

መዓር ኣብ ተፈጥሮኣዊ ዓለም ኣዝዩ ጥዑም ነገር እዩ። ቃል ኣምላኽ ብመንፈስ ጥዑም ስለ ዝኾነ ምስ መዓር ይወዳደር። ቃል ኣምላኽ ምጽናዕ ኣብ ህይወትካ መንፈሳዊ መቐረት የምጽእ እዩ።

## ወርቂ፡ መዝሙር ዳዊት 19፡9-10

ኣብ ውሽጢ ተፈጥሮኣዊ ዓለም፡ ወርቂ ሓደ ካብቶም ኣዝዮም ክቡራት ነገራት እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ መንፈሳዊ ዋጋ ስለ ዘለዎ እዩ ምስ ወርቂ ዚወዳደር።

## መግለጺ ቃል ኣምላኽ

ኣብ ርእሲ እዚ ምልክታት እዚ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ቃል ኣምላኽ ካልእ መግለጺታት ይህብ እዩ:

- መንፈስ ህይወት፡ ዮሃ6፡63
- ቃል ዘለኣለማዊ ህይወት ፡ ዮሃ6፡68
- ክቡር፡ 1 ሳሙኤል3፡1
- ጽሩይ፡ ምሳሌ 30፡5፤ መዝሙር ዳዊት 12:6፤ 19 ፡ 7፤119፡140
- ሓቅን ኣእምሮን፡ ግብሪ ሃዋርያት26፡25
- ሓቂ፡ ዮሃ 17፡17፤ ቈሎሴ 1:5፤ መዝሙር ዳዊት119:142
- ብዘሎ ቃል ኣምላኽ ሓቂ እዩ፡ መዝሙር ዳዊት119፡160
- እሙን፡ መዝሙር ዳዊት18፡3
- ቅኑዕ፡ መዝሙር ዳዊት 33፡4፤ 19 ፡ 8፤119፡75
- ቃል ህይወት፡ 1ይ ዮሃ 1፡1፤ ፊልጲ2፡6
- ቃል ምድሓን፡ ግብሪ ሃዋርያት13፡26
- ቃል እምነት፡ ሮሜ10፡8
- ፍጹም፡ መዝሙር ዳዊት19፡7
- መኻሪ፡ መዝሙር ዳዊት119፡24
- ትእዛዛቱ ሓቂ እዩ፡ መዝሙር119፡86
- ጸኒዑ እዩ፡ መዝሙር119፡89
- ርስቲ፡ መዝሙር ዳዊት119፡111
- ቃል ጽድቂ፡ መዝሙር ዳዊት119፡123
- ጻድቕን ዕዙዝ ሓቅን: መዝሙር ዳዊት119:138

- **ቅኑዕ፡ መዝሙር**119፡137
- **ደስታ፡ መዝሙር**119፡143

## ነቲ ቃል ግብረ መልሲ ምሃብ

**ቃል ኣምላኽ ምስማዕን ምንባብን ምጽናዕን እኹል ኣይኮነን። መጽሓፍ ቅዱስ ንቓል ኣምላኽ ምላሽ ክትህብ ከም ዘለካ ይምህረካ እዩ። ንስኻ ድማ፤**

- **ኣብ ልብኻ ኣብ ጽቡቕ መሬት ይውደቕ፡ ማርቆስ** 4፡ **ሉቃስ** 8፡ **ማቴዎስ**13
- **ሰሚዕካ ለባም ክትከውን ግበሮ፡ ዮሃ**12፡47
- **ቃል ሓሉ፡ ዮሃ**14፡23
- **ቃል ኣምላኽ ኣባኻትኩም ምእንቲ ክሓድር ብየሱስ እመኑ፡ ዮሃ**5፡38
- **ኣብ ቃሉ ጽናዕ፡ ዮሃ**8፡31
- **ብእንጌራ ጥራይ ዘይኮነስ ብቃል ኣምላኽ እውን ንበር፡ ማቴ** 4:4፤ **ሉቃስ** 4:4፤ **ዘዳግም**8:3
- **ንቃሉ ኣመስግኑ፡ መዝሙር ዳዊት** 56፡4,10
- **ብእኡ ኣመስግኑ፡ መዝሙር**119፡62
- **ንቃሉ ሓለፋ ስሙ ኣዕብዮ፡ መዝሙር ዳዊት**138፡2
- **ቃሉ ኣብ ልብኻ ምቕባል፡ ያእቆብ**1፡21
- **ገባር ቃል እምበር ሰማዒ ጥራይ ኣይትኹኑ፡ ያእቆብ**1፡22-23
- **ቃሉ ኣባኻትኩም ምእንቲ ክጸንሕ ንሓጢኣት ይቕረታ ለምኑ፡** 1**ዮሃ**1፡10
- **ጸባ ቃሉ ብሃን፡** 1**ጴጥ**2፡2
- **ቃል ኣምላኽ ኣባኻትኩም መሊኡ ይሕደር፡ ቈሎሴ**3፡16
- **ቃል ኣምላኽ ብግቡእ ምክፍፋል፡** 2**ይ ጢሞቴዎስ**2፡5
- **ቅዱሳት ጽሑፋት መርምሩ፡ ዮሃ** 5፡39፤ **ግብሪ ሃዋርያት**17:11
- **መገዱ ኣዘንቱ፡ መዝሙር ዳዊት**119፡26-27
- **መገዲ ሓቂ ምረጽ፡ መዝሙር ዳዊት**119፡30
- **ኣብ ምስክራቱ ጥበቕ፡ መዝሙር ዳዊት**119፡31
- **ብመገዲ ትእዛዙ ጉየ፡ መዝሙር ዳዊት**119፡32
- **ሓልዎ፡ መዝሙር ዳዊት**119፡33
- **ኣስተውዕሎ፡ መዝሙር ዳዊት**119፡34
- **ብእኡ ባህ ይበልካ፡ መዝሙር ዳዊት** 119፡35፤ 70፤ 77፤ 143፤174
- **ልብኹም ናብኡ ኣዝብሎ፡ መዝሙር ዳዊት**119፡36
- **ኣብ ህይወትካ ክጸንዕ ድለይ፡ መዝሙር ዳዊት**119፡38
- **ንትእዛዛቱ ናፍቕ፡ መዝሙር ዳዊት**119፡40
- **ንኻልኣት ምላስ ምሃብ፡ መዝሙር ዳዊት**119፡42
- **ንፍርድታቱ ተጸበ፡ መዝሙር ዳዊት** 119፡43,47
- **ንዘልኣለም ሓልዎ፡ መዝሙር ዳዊት**119፡44

- ትእዛዛቱ ድለዩ፡ መዝሙር ዳዊት119፡45
- ኣብ ቅድሚ ነገታት ክትዛረቦ ኣይትሕፈር፡ መዝሙር ዳዊት119፡46
- ኣስተንትኖሉ፡ መዝሙር ዳዊት 119፡48፤ 78፤148
- ካብኡ ኣይተልግስ፡ መዝሙር ዳዊት119፡52
- ከም ትምህርቱ ተመላለስ፡ መዝሙር ዳዊት119፡59
- ቃሉ ንምሕላው ኣይትዶንጉይ፡ መዝሙር119፡60
- ኣይትረስዖዮ፡መዝሙር ዳዊት 119፡61፡ 83፡ 93፡ 153፡ 176
- ንቓል ዝፈርሁን ዝሕልዉን ብጾት ምረጽ፡ መዝሙር ዳዊት119፡63
- እመኖ፡ መዝሙር ዳዊት 119፡66፤128
- ብምሉእ ልብኻ ሓልዎ፡ መዝሙር119፡69
- ካብ ኣእላፋት ወርቅን ብሩርን ንላዕሊ ዋጋ ሃቦ፡ መዝሙር ዳዊት119፡72
- ክትመሃሮ ምለይ፡ መዝሙር119፡73
- ቃሉ ምጽባይ፡ መዝሙር ዳዊት 119፡74፤81
- ኣብኡ ምጽንናዕ ርኸብ፡ መዝሙር ዳዊት119፡76፤82
- ልብኻ ፍጹም ክኾኑ ድለይ፡ መዝሙር ዳዊት119፡80
- ኣይትሕደጎ፡ መዝሙር ዳዊት119፡87
- ድለዮ፡ መዝሙር ዳዊት119፡94
- ኣስተብህሎ፡ መዝሙር ዳዊት119፡95
- ቃል ኣምላኽ ናፍቕ፡ መዝሙር ዳዊት119፡131
- ስጉምትታትካ ኣብ ቃል ኣጽንዕ፡ መዝሙር ዳዊት119፡133
- ቃል ኣምላኽ ምስ ዘይሕሎው፡ ሕዘን: መዝሙር ዳዊት 119:136፤158
- ቓል ኣምላኽ ፍራህ፡ መዝሙር ዳዊት119፡161
- ኣፍቅሮ፡ መዝሙር ዳዊት 119፡163፡ 165፡167
- ቃሉ ንገር፡ መዝሙር ዳዊት119፡172

## ሓላፍነት እቲ ቃል ምውሳድ

ንቓል ኣምላኽ ግቡእ ምላሽ ኣብ ርእሲ ምሃብካ፡ ብዛዕባ ቃል ኣምላኽ ሓላፍነት'ውን ኣሎካ። ቀዳመይቲ ቤተ ክርስቲያን ቃል ኣምላኽ እናሰበኹ ኣብ ኩሉ ቦታ እናኸዱ ከለዉ ነዚ ሓላፍነት እያ ወሲዳ (ግብ 8፤4፤ 13፡49፤ 12:24) ። ቃል ንምዝራብ ትብዓት ንኣምላኽ ለሙኑ (ግብ 4፡29ን 31ን) ፍረ ጻዕሮም ድማ ቃል ኣምላኽ ኣብ መላእ ዓለም እናበዝሐ ከደ (ግብ 6፡7፤ 19፡20) ።

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ እቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዘለካ ሓላፍነት ዝገልጸሉ እንሆ፤

- ኣብ ኩላ ዓለም ቃሉ ክትሰብኽ ኣሎካ፡ ማቴ 16፡15፤ ሉቃስ24:47፤ ማርቆስ 16 ፡15።
- ብቃል ኣምላኽ እንተተማሂርካ ሸዑ ንኻልኦት ናይ ምምሃር ሓላፍነት ኣሎካ፤ ገላትያ6፡6።
- ቃል ክትሰብኽ ኣለካ፡ 2ይ ጢሞቴዎስ4፡2
- ብዘይ ፍርሂ ቃሉ ክትዛረብ ኣሎካ፡ ፊልጲ.1፡4።

- ኣምላኽ ንኻልኦት ምእንቲ ክትዛረቦ ቃሉ ኣብ ኣፍካ የንብር እዩ፡ ዘዳግም 18፡18-19፤ኢሳይያስ 51፡16፤ ኤርምያስ 1:9፤ 3፡12፤ 5 ፡ 14፤ 26 ፡ 12፤ ህዝቅኤል2፡6-7።
- ናትካ ቃላት ክትዛረብ የብልካን ግን ቃሉ ክትዛረብ ይግባእ፡ ኢሳይያስ58፡13
- ብቓል ክትሓፍር የብልካን፡ ማርቆስ8፡38
- ንደቅኻ ምሃርም፡ ዘዳግም6፡6-9

## መጠንቀቕታ ኣብቲ ቃል

እግዚኣብሄር ብዛዕባ ቃሉ ዝህቦም ገለ መጠንቀቕታታት እነሆ፤

- ቃል ኣምላኽ ምስ ዝሰበኽ መከራ ወይ ስደት ክመጽእ እዩ፡ ማርቆስ4፡17
- ገለ ሰባት ከይተረፈ ብሰንኪ ንቃል ዝህብዎ ምስክርነት ክቕተሉ እዮም፤ ራእይ 6:9፤ 20 ፡4
- እቲ ቃል ብሰንኪ ሰብ ዘሰርዖ ስርዒት ኣብ ህይወትካ ውጽኢታዊ ዘይኮነ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ማር7፡13
- ንቓል እግዚኣብሄር ክትጠውዮ ትኽእል ኢኻ፡ ኤርምያስ23፡36
- ንቃል ጉይታ ክተሓዋውስ ትኽእል ኢኻ፡ 2ቆሮንቶስ2፡17
- ንቃል ኣምላኽ ብተንኮል ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ፡ 2ቆሮንቶስ4፡2

መጽሓፍ ቅዱስ ንኹሉ ዝሰማዕካዮ ቃል ኣይትእመን እዩ ዝብል፡ ምሳሌ 14፡15። (እዚ ማለትኩሉ ቃል ኣምላኽ ይዛረብ ኣለኹ ዝብል ዘሎ ሰብ ብሓቂ ከምኡ ይገብርን ኣሎ ማለት ኣይኮነን።) ሓቀኛ ቃል ኣምላኽ ዘይምህሩ ናይ ሓሶት መምህራን ኣለዉ (መልእኽቲ ይሁዳ1) ። ካብዞም ሰባት እዚኣቶም ክትስሕብ ኢኻ (1ጢሞቴዎስ 6፡3-5።) ናይ ሓሶት መምህራን ነቲ ሓቀኛ ቃል ኣምላኽ ኣይዛረቡን እዮም። ናይ ገዛእ ርእሶም ቃላት እዮም ዝዛረቡ። ካብ ዝዛረብዎ ነገራት እንሆ፡

| | |
|---|---|
| ናይ ሓሶት ቃላት፡ | ኤርምያስ 29፡23 |
| ከንቱ ቃላት፡ | ኤፌሶን 5፡6 |
| ቃል ቅብጥር፡ | ቈሎሴ2፡4 |
| ዘማሳምስ ቃላት፡ | 1 ተሰሎንቄ2፡5 |
| ሃተውተው ምዝራብ፡ | 1 ጢሞቴዎስ6፡21 |
| ናይ ምትላል ቃላት፡ | 2ይ ጴጥሮስ 2፡3 |
| ዘረባ ትዕቢት፡ | 2ይ ጴጥሮስ 2፡18፤ ይሁዳ16 |
| ተንኮለኛ ቃላት፡ | III ዮሃንስ10 |

ኣብ መደምደምታ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ቃል ኣምላኽ ኣብ ራእይ 22፡18-19 ናይ መወዳእታ መጠንቀቕታ ይህብ እዩ፤

> ***"ኣነ ቓላት ትንቢት እዚ መጽሓፍ እዚ ንዚሰምዑ ኹሎም እምስክረሎም ኣሎኹ፥ ሓደ እኳ ናብዚ እንተወሰኸ፡ ኣምላኽ ከኣ ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ተጻሒፉ ዘሎ መዓት ኪውስኽሉ እዩ። ሓደ ሰብ ከኣ ካብ ቃላት እዚ ትንቢት እዚ እንተ ኣጕደለ፡ ኣምላኽ ካብተን ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ተጻሒፈን ዘለዋ ኦም ህይወትን እታ ቕድስቲ ኸተማን ግዲኡ ኼጕድለሉ እዩ።" (ራእይ 22:18-19)***

## ርእሰ-ፈተነ

1. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኽሪ ጽሓፋ።

______________________________

______________________________

2. እንተ ወሓደ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ንቓል ኣምላኽ ንምውካል ዝተጠቕሙ ሓሙሽተ ምልክታት ዘርዝር።

______________________________

______________________________

______________________________

______________________________

______________________________

3. ብዙሓት ዕላማታት ንቃል ኣምላኽ ኣብዚ ምዕራፍ ተዘርዚሮም ነይሮም። እንተ ወሓደ ሰለስተ ካብኣተን ክትዝርዝር ትኽእል ዲኻ፧

______________________________

______________________________

______________________________

4. ስለምንታይ ኢኻ ንኹሉ ዝሰማዕካዮ ቃል ክትኣምኖ ዘይብለካ፧

______________________________

5. ነቶም ኣብ ቃል ኣምላኽ ዚውስኹ ሰባት እንታይ መጠንቀቕታ እዩ ዚወሃቦም፧

______________________________

6. ካብቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ እተጻሕፈ ዜጉድሉ ሰባት እንታይ መጠንቀቕታ እዩ ዚወሃቦም፧

______________________________

7. ምንጪ ቃል መን እዩ፧______________________________

8. የሱስ ናይ መን ቃላት እዩ ተዛሪቡ፧______________________________

9. እቶም ክልተ ቀንዲ ክፍልታት ትሕዝቶ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ቃል______________ንቃል______________ን እዮም።

10. ብመሰረት መዝገብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ንመጀመርታ ግዜ ንቓላት ኣምላኽ ዝጸሓፈ ሰብ መን እዩ ነይሩ፧

(መልሲ ገምጋምታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።)

## ዝያዳ መጽናዕቲ መጽናዕቲ

ካብ ኩለን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘለዋ ምዕራፋት መዝሙር 119 ብብዝሒ ብዛዕባ ቃል ኣምላኽ እያ እትዛረብ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እውን እቲ ዝነውሐ ምዕራፍ እዩ።

ኣብዛ ምዕራፍ እዚኣ ንቓል ኣምላኽ ንምምልካት እተጠቕመሉ እተፈላለየ ቓላት ኣሎ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕሉሉ እዋን ንፍልጠትና ብዛዕባ ቃሉ ይውስኽሉ። መዝሙር 119 ኣንብብ እሞ ነዘን ዝስዕባ ቃላት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዝረኣያሉ ግዜ ኣስምረለን፤

- ቃል
- ቃላት
- ፍርዲታት
- ሕግታት
- ትእዛዛት።
- ሕጊ
- ትእዛዛት።
- መንገድኻ
- ምስክርነትካ

ነፍሲ ወከፍ እዘን ቓላት እዚኣተን ኣብ መዝሙር 119 ምስ ኣስመርካያ፡ ነታ ምዕራፍ ደጊምካ ኣንብባ እሞ መጽናዕትኻ ንምጽማቕ ቻርት ፍጠር። ኣብ ታሕቲ ዘሎ ቅዲ ተኸተሉ። ነፍሲ ወከፍ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ኻብዚ ቓላት እዚ ዝሓዘ ጥቕሲ ዘርዝር እሞ፡ እታ ጥቕሲ ብዛዕባ ቃል ኣምላኽ እንታይ ከም እትምህር ኣጠቓልል።

ነዚ ቅዲ እዚ ቀጽሎ፤

**ቁጽሪጥቕሲ** **ጽማቕ**

1ብሕጉ እንተ ተመላለስና ብጹኣን ኢና።

________________________________________

________________________________________

________________________________________

________________________________________

________________________________________

________________________________________

________________________________________

________________________________________

____________________

# ምዕራፍ ዓሰርተ
# ውፉይ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ

### ዕላማታት፤

ነዛ ምዕራፍ ምስ ኣንበብካ ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ክትክእል ኢኻ

- *ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኽሪ ምጽሓፍ።*
- *ስጉምትታት ናይቲ ውፉይ ኣገባብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ምዝርዛር።*
- *ናይ ውፉይነት መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ምግባር።*

### መሪሕ ጥቕሲ

***"ንቓልካ ክሰተንትንሲ፣ ኣዒንተይ ኑቶም ናይ ለይቲ ሓወልቲ ቀደማኦም።"** (መዝ 119:148)*

### መእተዊ

እቲ ክትመሃሮ ዘለካ 1ይ ኣገባብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ውፉይ ኣገባብ ይበሃል። እዛ ምዕራፍ እዚኣ ብዛዕባ ውፉይነት መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ትገልጽ ከምኡው ንኣብነት ትቕርብ እያ። እቲ "ዝያዳ መጽናዕቲ መጽናዕቲ" ዝብል ክፋል፡ ነቲ ዝተማሃርካዮ ብጭቡጥ ውፉይ መጽናዕቲ ብምግባር ኣብ ግብሪ ክተውዕሎ ዕድል ክትህበካ እያ።

### መግለጺ እቲ ኣገባብ

እቲ ውፉይ ኣገባብ ስሙ ካብ "ውፉይነት" ዝብል ቃል ዝረኸበ ኮይኑ ትርጉሙ ድማ "ተኽታልነት፡ ኣምልኾን ምስ ሓደ ዕላማ ወይ ሰብ ልባዊ ምትእስሳርን" ማለት እዩ። እቲ ውፉይ ኣገባብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ንኣምላኽ ዘለካ ምውፋይን ምኽታልን ንኽትውስኽ እዩ ዝሕግዘካ። ናብ ኣምልኾን ምስ ጎይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ዝዓሞቐ ውልቃዊ ርክብን ይመርሕ።

እዚ ኣገባብ እዚ፡ ንቓል ኣምላኽ ጥራይ ዘይኩነስ፡ ኣብ ግብሪ ንምውዓል እውን ሓቅታቱ ዜጠቓልል እዩ። ኣንጻር እዚ ኣገባብ እዚ እዩ ሰይጣን ዝዓበየ ተጻብኦኡ ዘለዕል። ሰይጣን ፍልጠት ንምርካብ ጥራይ ብዛዕባ መጽናዕቲ ኣይግድሶን እዩ። መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ መንፈሳዊ ህይወትካ ኣወንታዊ ለውጢ የምጽእ እንተሎ፡ ኣብ ግብሪ ከውዕል ከሎ እዩ ኣዝዩ ዘሻቕሎ። "ሰማዕቲ ቃል" ምዃን ጥራይ እኹል ኣይኮነን። ሰማዒ ቃል ዝኾነ ሰብ ቃል ኣምላኽ ዘጽንዕ እምበር ነቲ ቃል ኣብ ህይወቱ ፈጺሙ ዘየተግብሮ እዩ፤

***"ዝርቲ ቓል ኩኑ፣ ርእሰኹም እናጠበርኩም ሰማዕቲ ጥራይ ኣይትኹኑ። ሓደ እኳ ሰማዕ ቓል ኰይኑ ገባሪ እንተ ዘይኰነ፡ ንሱ ነቲ ንገጽ ፍጥረቱ ብመስትያት ዚርኢ ሰብኣይ እዩ ዚመስል። ነፍሱ ይርኢ እሞ፡ ይኸይድ ብኡብኡውን ከመይ ምዃኑ ይርስዖ።***

***እቲ ኣብቲ ምሉእ ሕጊ፡ ንሱ ድማ ሕጊ ሓርነት፡ ኣጸቢቑ ዚጥምትን ዘጸንዕን፡ ግብሪ ዚገብር እምበር፡ ዘይርስዕ ሰማዒ ግና፡ እዚ ብግብሩ ብጹእ ኪኸውን እዩ።"** (ያእ 1፡22-25)*

ኣብዚ ኮርስ ብዙሕ ኣገባባት መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ክትመሃሩ ኢኹም ግን ነፍሲ ወከፍ ኣገባብ ኣብ ግብሪ ውጽኢቱ ክኸውን ኣለዎ። መጽሓፍ፡ ምዕራፍ፡ ጥቕሲ፡ ቃል፡ ወይ ካልእ መጽናዕቲ ትገብር ብዘየገድስ፡ ነቲ እተማሃርካዮ ነገራት ወትሩ ኣብ ህይወትካን ኣገልግሎትካን ኣብ ግብሪ ኸተውዕሎ ኣሎካ።

## መረዳእታ ናይቲ ኣገባብ

ውፉይ መጽናዕትኻ ንምግባር ኣብዚ ትምህርቲ "ዝያዳ መጽናዕቲ መጽናዕቲ" ዝብል ክፍሊ ዝተዋህበ ቅጥዒ ተጠቐም። ነቲ መጽናዕቲ ንምግባር ዝሕግዙ ስጉምትታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፤

## ቀዳማይ ስጉምቲ፡ ናይቲ ኣርእስቲ ሓበሬታ ምምዝጋብ

ስም ናይታ እተጽንዖ ኽፋል እትርከበሉ መጽሓፍ መዝግብ። ድሕሪኡ፡ ነቲ ኽተጽንዖ ዝመረጽካዮ ቍጽሪ ምዕራፋትን ጥቕስታትን መዝግብ።

## ካልኣይ ስጉምቲ፡ ነቲ ርእሰ ነገር ምልላይ

ነቲ ክትመሃሮ ዝመረጽካዮ ክፋል ቅዱሳት ጽሑፋት ኣንብቦ። ነቲ ኣርእስቲ ዘጠቓልል ኣርእስቲ ምረጽ እሞ ኣብ ቻርትካ መዝግቦ።

## ሳልሳይ ስጉምቲ፡ ነቲ መሪሕ ጥቕሲ ምልላይ

ኣየነይቲ ጥቕሲ እያ ዝበለጸ ጽማቝ ናይቲ እተጽንዖ ዘለኻ ክፋል ቅዱሳት ጽሑፋት እትህብ፧ ነቲ ጥቕስን መወከስን ኣብ ቻርትካ ጽሓፍ።

### ራብዓይ ስጉምቲ፡ ጽማቝ ምቕራብ

ብናትካ ኣዘራርባ፡ እቲ ጽሑፍ እንታይ ከም ዝምህር ኣጠቓልል።

1. ነቲ እተሸፈነ ቐንዲ ነጥብታት ዘርዝር።
2. ነቲ ክፍሊ ንምጽማቕ ቻርት ተጠቐም።
3. ሓጺር ጽማቕ መግለጺ ሃብ።
4. ነቲ ክፍሊ ብኻልእ ኣዘራርባ ምግላጽ። ንሓንቲ ጥቕሲ ወሲድካ ብናትካ ቃላት ክተጠቓልል ከለኻ ማለት እዩ። ነቲ ጽሑፍ ተኸታተሎ፡ ግን ብናይ ሎሚ ቋንቋ ኣቐምጦ። (ኣብዚ ምዕራፍኣብነት ዘሎ ክፋል ርአ)።

## ሓሙሻይ ስጉምቲ፡ ኣስተንትኖ

መጽሓፍ ቅዱስ ምንባብን ምጽናዕን ኣገዳሲ እዩ ግን ብዛዕባ ቃል ኣምላኽ ምስትንታን እውን ክትመሃር ኣለካ። "ኣስተንትኑ" ዝብል ቃል ምሕሳብን ምሕዳርን ማለት እዩ። እተጽንዖ ኽፋል መጽሓፍ ቅዱስ ምስ መረጽካ፡ ርእሰ ነገርን ቐንዲ ጥቕሱን ኣለሊኻ፡ ትምህርታቱ ኣጠቓሊልካ ምስ ኣቐመጥካዮ፡ ድሕሪኡ ነቲ ኽፋል ኣስተንትኖ።

እግዚኣብሄር ንእያሱ ብዛዕባ ቃሉ ምስትንታን መፍትሕ ዓወት ምዃኑ ነገሮ፤

> ***"ነቲ ኣብኡ እተጻሕፈ ምእንቲ ተጠንቂቕካ ኽትገብሮስ፡ መዓልትን ለይትን ኣስተንትኖ እምበር፡ እዚ መጽሓፍ ሕጊ እዚ ኻብ ኣፍካ ኣይትፍለ። ሽዑ መገድኻ ተቐንዕ እሞ፡ ሽዑ ድማ ኪሰልጠካ እዩ።" (እያ1:8)***

ቀስ ኢልካ እቲ ክፍሊ ኣንብብ። ዓው ኢልካ ኣንብቦ። ጉይታ በዚ ክፍሊ እዚ ብውልቂ ክዛረበካ ከሎ እሞ ሕሰብ። ኣብዚ ትምህርቲ እዚ ኣብ ትሕቲ ሻድሻይ ስጉምቲ ካብ ዝቐረበ ገለ ሕቶታት ብምጥቃም ብውልቂ እንታይ ከም ዝበለካ ሕሰብ። ንቓል ኣምላኽ ምስትንታን ሓደ ኣገዳሲ መገዲ ብዝኽሪ ነቲ ጥቕሲ ክትሕዞ እዩ። ክፋላት ክትዝክር ከለኻ ኣብ ዝኾነ እዋን

ክትዝክሮምን ብዛዕባኦም ክትሓስብን ትኽእል ኢኻ። እቲ ዝመረጽካዮ መሪሕ ጥቕሲ ክትዝክሮ ዘለካ ጽቡቕ ክፋል እዩ። ከምዚ ኣብ ታሕቲ ተገሊጹ ዘሎ ገለ ናይ ኖት ካርድታት ግበር። ነታ ጥቕሲ ኣብ ሓደ ሸነኽ ናይታ ካርድ ጽሓፉ። ናይታ ጥቕሲ ዘላታ መጽሓፍን ቁጽሪ ጥቕሲን ድማ ብድሕሪት ጽሓፍ፤

| |
|---|
| **ቀዳማይ ሸነኽ**<br>**ንዓኻ ምእንቲ ከይብድልሲ፡**<br>**ንቓልካ ኣብ ልበይ ዕቚርክዎ።** |

| |
|---|
| **ካልኣይ ሸነኽ**<br>**መዝሙር ዳዊት**119፡11 |

ነታ ጥቕሲ ብዙሕ ሳዕ ዓው ኢልካ ኣንብባ ድሕሪኡ ነታ ካርድ ከይረኣኻ ክትደግማ ፈትን። እታ ጥቕሲ ምስ በልካያ ብትኽክል ተዛሪብካያ እንተ ኼንካ ንካርድኻ መርምር። ኣብቲ መወከሲ ገጽ ናይቲ ካርድ ርአ እሞ ነታ ጥቕሲ ክትብሎ ፈትን። ኣብቲ ናይታ ካርድ ጥቕሲ ሸነኽ ርአ እሞ ነቲ መወከሲ ክትዝክሮ ፈትን። ናይ ቅዱሳት ጽሑፋት መዘክር ካርድታትካ ኣቓምጦም እሞ ምንባቦምን ምስትንታኖምን ቀጽል።

## ሻድሻይ ስጉምቲ፡ ኣብ ግብሪ ምውዓል

ሕጂ ነቲ ኣብ እዋን ኣስተንትኖ እተማሃርካዮ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ድሉው ኢኻ። ምትግባር ማለት ነቲ ዝተማሃርካዮ ሓቅታት ብውልቅኻ ኣብ ህይወትካ ከተተግብሮን ከተገልግለን ከለኻ እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ንኹሉ ዝተማሃርካዮ ብቕጽበት ኣብ ግብሪ ከተውዕሎ ኣይትኽእልን ትኸውን ኢኻ፡ ግን ከኣ ኩሉ ዝከኣለካ ኣብ ግብሪ ከተውዕሎ ጀምር። ኣምላኽ ነቲ ሓቂ ኣብ ግብሪ ኽተውዕሎ ኺሕግዘካ እዩ። ናይ ቃሉ ዋላ ኣብ መሰርሕ ምትግባር ሓንቲ ንእሽቶ ስጉምቲ በብሓደ ክትወስድ ኣለካ ማለት ክኸውን ይኽእል እዩ።

እዘን ዝስዕባ ሕቶታት ንቓል ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ ከተተግብሮ ኺሕግዛኻ እየን፤

**ዝስዓቡ ኣብነት፤** ኣብዚ ክፋል ቅዱሳት ጽሑፋት ክንስዕቦ ዝግባእ ኣብነት ኣሎ ድዩ፧

**ክውገድ ዘለዎ ጌጋ፤** ክውገድ ዝግብኦ ጌጋ ወይ ሓጢኣት ኣሎ ድዩ፧

**ክፍጸሙ ዘለዎም ነገራት፤** እዚ ክፋል ቅዱሳት ጽሑፋት ንሓደ ዕዮ ይጽውዕ ድዩ፧ ገለ ግበር ድዩ ተባሂልካ፧ ከምኡ እንተኾይኑ፡ እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ኢኻ ኽትወስድ ዘለካ፧

**ቃል ምእታው፤** ኣብዚ ክፍሊ እዚ ክትኣትዎ እትኽእል መብጽዓ ኣሎ ድዩ፧

**ዝምድና ንምምዕባል፤** እዚ ክፍሊ እዚ ብዛዕባ ብየሱስ ክርስቶስ ኣቢልካ ምስ ኣምላኽ ዘለካ ርክብ እንታይ እዩ ዝምህር፧ብዛዕባ እግዚኣብሄር ኣቦን የሱስ ክርስቶስ ወልድን መንፈስ ቅዱስን እንታይ ይምህር፧ ብዛዕባ ምስ ካልኦት ኣብ ስድራኻ፡ ማሕበረሰብካ፡ ጉባኤ ቤተክርስትያን፡ ዓለም ዘለካ ርክብ እንታይ ይምህር። ምስ ነብስኻ ዘለካ ርክብ እንታይ እዩ ዝምህር፧

**ክግበር ዘለዎ ለውጢ፤** ኣብዚ ክፍሊ ቅዱሳት ጽሑፋት እተማሃርካዮ ነገራት ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ህይወትካ እንታይ ለውጢ ኽትገብር ኣሎካ፧ ብዛዕባኻ ንጹር ኩን።

**ዝጽሰ ጸሎት፤** ነዚ ክፍሊ ብዝምልከት ናይ ውልቃዊ ጸሎት ጸሊ። ነቲ እተማሃርካዮ ሓቅታት ኣብ ግብሪ ኽተውዕሎ ንኣምላኽ ኪሕግዘካ ለምኖ። ጸሎት ነቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዚምሃር ስርዓታት ብሕታዊ እዩ ዝገብሮ። ዋላ እውን ከምቲ ኣብዚ ምዕራፍ እዚ እተዋህበ ኣብነት ጸሎትካ ኽትጽሕፎ ትደሊ ትኸውን።

## ኣብነት ናይ ውፉይ ኣገባብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ

## 1ይ ስጉምቲ፡ ናይቲ ኣርእስቲ ሓበሬታ ምምዝጋብ

መጽሓፍ፡ ገላትያ ምዕራፍ፡ 5

ጥቕስታት፡ 16-25

**ካልኣይ ስጉምቲ፡ ነቲ ርእሰ ነገር ምልላይ**

ርእሰ ነገር፡ ግብሪ ስጋን ፍረ መንፈስን

**ሳልሳይ ስጉምቲ፡ ነቲ መሪሕ ጥቕሲ ምልላይ**

ቐንዲ ጥቕሲ፦ ህይወት ብመንፈስ እንተ ኣልያትናስ፡ ብመንፈስ ከኣ ንመላለስ።(ገላትያ 5፡25)

## ራብዓይ ስጉምቲ፡ ጽማቕ ምቕራብ

1. እዚ ዝስዕብ ኣብነት ናይ ሓደ ጽማቕ ንድፊ/ረቛሕ/ እዩ፤

ግብሪ ስጋን ፍረ መንፈስን

I. ስጋ ነቲ መንፈስ ዚጻረር ይምነ፡ መንፈስውን ነቲ ምስ ስጋ ዚጻረር እዩ ዝምነ። እቶም ከምዚ ዝመሰለ ዝገብሩ ንመንግስቲ ኣምላኽ ኣይወርስዋን እዮም።

ግብርታት ስጋ ከም ዝስዕብ እዩ፡

ሀ ምንዝር

ለ. ርኽሰት

ሐ. ዕብዳን

መ ኣምልኾ ጣኦት

ረ ጥንቆላ

ሰ ጽልኢ

ሸ ባእሲ

ቀ ቅንኢ

ቐ ቁጥዐ

በ ሻራ

ከ ምፍልላይ

ኸ ዝርግርግ

ቨ ቅንኣት

ተ ቅትለት

ቸ ስኽራን

ነ ጓይላ

II.እቲ እግዚኣብሄር ክህበና ዝደሊ ፍረ መንፈስ ቅዱስ ነቲ ግብሪ ስጋ ዝጻረር እዩ፤

ሀ ፍቕሪ

ለ ሓጎስ

ሐ ዕርቂ

መ. ዓቕሊ

ሰ ለውሃት

ረ ሕያውነት

ሸ እምነት

ተ ህድኣት

ቀ ይኣኽለኒ ምባል

III. ንሕና ድማ፤

ሀ. ብመንፈስ ክንመላለስ (ፍቕዲ 16,25)

ለ. ብመንፈስ ትምራሕ ኩን (ፍቕዲ 18) ፡፡

ሐ.ህይወት ብመንፈስ ትሃልውካ (ፍቕዲ 25)

2. እዚ ዝሰዕብ ኣብነት ናይ ሓደ ጽማቑ ቻርት እዩ፤

## ግብሪ ስጋን ፍረመንፈስን
## ገላትያ 5፡16-25

ግብርታት ስጋ

ዝሙት
ምንዝር
ርኽሰት
ዕብዳን
ኣምልኾ ጣኦት
ጥንቀላ
ጽልኢ
ባእሲ ቅንኢ
ቁጥዐ ሻራ
ምፍልላይ
ዝርግርግ
ቅንኣት
ቅትለት
ሰኽራን
ጓይላ

ፍረ መንፈስ
ብመንፈስ ምምልላስ

ፍቕሪ
ሓጎስ
ዕርቂ
ዓቕሊ
ለውሃት
ይኣኽለኒ ምባል
ሕያውነት እምነት
ህድኣት

3. ኣብነት ናይ ሓደ ጽማቕ መግለጺ ኣብዚ ኣሎ፤

እዚ ክፍሊ እዚ ክልተ ንጽጽር የቐርብ፡ ትምኒት ስጋን ፍረ መንፈስ ቅዱስን። ናይ የሱስ እንተ ኼንና ፍትወት ስጋ ሰቒልና ብመንፈስ ቅዱስ ክንነብርን ክንመላለስን ክንምራሕን ይግባኣና እዩ። ግብሪ ስጋ ምንዝር፡ ርኽሰት፡ዕብዳን፡ ኣምልኾ ጣኦት፡ ጥንቈላ፡ ጽልኢ፡ ባእሲ፡ ቅንኢ፡ ቁጥዐ፡ ሻራ፡ ቅናኣት፡ ቅትለት፡ ስኽራን ፣ ጓይላ። ፍረ መንፈስ ፍቕሪ ፣ ሓጎስ ፣ ዕርቂ፡ ዓቕሊ፡ ለውሃት፡ ሕያውነት፡ እምነት፡ ህድኣት፡ ይኣኽለኒ ምባል።

4. ኣብነት ናይ ገላትያ 5፡24-25 ብኻልእ ኣዘራርባ እንሆ፤

"እቶም ናይ ክርስቶስ ዝኾኑ ድሌትን ፍቕርን ትምኒትን ስጋ ኣጥፊኦም እዮም። መንፈስ ቅዱስ ኣባና ይነብር ኣሎ እንተ ኢልና፡ ፍረ መንፈስ ቅዱስ ክነርኢ ይግባእ!"

## ሓሙሻይ ስጉምቲ፡ ኣስተንትኖ

ክትዝክሮን ክተስተንትነሉን ዘለካ ጥቕስታት፡ 16-18ን 25-26ን። ከምኡ ውን እግዚኣብሄር ኣብ ህይወተይ ከማዕብሎ ዝደሊ ዝርዝር መንፈሳዊ ፍረታት ምዝካር። ትርጉም ነፍሲ ወከፍ ፍረ መንፈስ ቅዱስ ኣስተንትኖን ኣጽንዕን። ሓጎስ ፣ ዕርቂ፡ ዓቕሊ፡ ለውሃት ወዘተ እንታይ ማለት እዩ፤

## ሻድሻይ ስጉምቲ፡ ኣብ ግብሪ ምውዓል

**ክስዕቦ ዘለኒ ኣብነት፦** ፍረ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወተይ ምምዕባል።

**ክውገድ ዘለዎ ጌጋ፡** ትምኒት ስጋ።

**ክግበሩ ዘለዎም ነገራት፤**

ብመንፈስ ተመላለሱ (ቁጽ 16,25)

ብመንፈስ ተመርሑ (ቁጽሪ 18)

ህይወትኩም ብመንፈስ ትሃሉ (ቁጽሪ 25)

**ክትኣትዎ ዘ ለካ ቃል፡** 'ኣነስ፡ ብመንፈስ ተመላለሱ እሞ ትምኒት ስጋ ኣይክትፍጽሙን ኢኹም፡ እብለኩም ኣለኹ።'

**ክምዕብል ዘለዎ ዝምድናታት፦** ምስ ካልኦት ዘለኒ ርክብ ፍቕሪ፡ ዕርቂ፡ ዓቕሊ፡ ለውሃት ክርኢ ይግባእ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዳይ ህይወተይ ሓጎስ፡ ይኣኽለኒ ምባል፡ ሕያውነት፡ እምነት፡ ህድኣት ከማዕብል ኣለኒ። እግዚኣብሄር ምስኡ ዘለኒ ርክብ ብኣካይዳ ኣብ ቅድስና ዝተመስረተ ክኸውን ከም ዝደሊ ተማሂረ ኣለኹ። ብሓቂ ናይ ክርስቶስ እንተኾይነ ምስ ካልኦትን ንርእሰይን ምስ ኣምላኽን ዘለኒ ርክብ ክጸልዎ እዩ።

**ክገብሮም ዘለኒ ለውጢ፦** እተን ኣዝየን ክቕይረን ዘለኒ ሰለስተ መዳያት፤

**ይኣኽለኒ ምባል፦** ሸውሃተይ ተቖጻጸር። ርእሰ-ምግታእን ስነ-ስርዓትን ኣማዕብል።

**እምነት፦** ብዛዕባ ተሰፋታት ኣምላኽ ብዝያዳ ምእማን።

**ፍቕሪ፦** ኣብ ከባቢየይ ንዘይፍቀሩ ሰባት ፍቕሪ ምርኣይ።

## ዝጽለ ጸሎት፤

ክቡር ሰማያዊ ኣቦ፡ ብመንፈስካ ክመላለስ፡ ብመንፈስካ ክምራሕ፡ ነፍሲ ወከፍ ህሞት ድማ ብመንፈስካ ክነብር ሓግዘኒ። ንህይወተይ ካብ ግብሪ ስጋ ኣጽርዮ። ዓለማዊ ድሌት ክስቀል ሓግዘኒ። ነቲ ጽቡቕ ፍረ መንፈስ ቅዱስ ኣባይ ኣማዕብሎ። ብስም የሱስ ይጽሊ፡ኣሜን።

## ርእሰ-ፈተነ

1. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኸሪ ጽሓፉ።

2. ውፉይ ኣገባብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ እንታይ እዩ፧

3. ሽዱሽተ ስጉምትታት ናይቲ ውፉይ ኣገባብ ዘርዝር።

4. "ገባሪ ቃል" እምበር "ሰማዒ" ጥራሕ ዘይኮነ እንታይ ማለት እዩ፧ መልስኻ ዝድግፍ ናይ ቅዱሳት ጽሑፋት መወከሲ ሃቦ።

5. ሰይጣን ነቲ ናይ ውፉይነት ኣገባብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ምጥቃም ዝቃለስ ስለምንታይ እዩ፧

(መልሲ ገምጋምታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።)

## ዝያዳ መጽናዕቲ መጽናዕቲ

ፊልጺ 4:4-9 ብናይ ውፉይነት ኣገባብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ተጠቒምካ ኣጽንዓ። ነዚ ቅጥዒ እዚ ተጠቒምካ ነዚን ካልእ ውፉይ መጽናዕትታት መጽሓፍ ቅዱስን ግበር።

## ውፉይ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ

**መጽሓፍ፣** **ምዕራፍ፣** **ጥቕስታት፣**

**ርእሰ ነገር፣**

**መሪሕ ጥቕሲ**

**መጠቃለሊ:**

**ምስትንታን:**

**ኣብ ግብሪ ምውዓል:**

**ኣብኑት ንኽስዕብ፤**

**ክውገድ ዘለዎ ጌጋ፤**

**ክግበሩ ዘለዎም ነገራት፤**

**ክእቶው ዘለዎ ቃል፤**

**ዝምምዕባል ዝምድና ፤**

**ክግበር ዘለዎ ለውጢ፤**

**ዝጽለ ጸሎት፤**

# ምዕራፍ ዓሰርተ ሓደ
# መጽሓፍ መጽናዕቲ

## ዕላማታት፤

ዕላማ እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካዮ ነዚ ዝስዕብ ክትክእል እዩ፤

- ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኽሪ ምጽሓፍ።
- መጽናዕቲ መጽሓፍ መጽሓፍ ቅዱስ ብኸመይ ከም እትገብር ምግላጽ።
- መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ምግባር።
- ናይ መጽሓፍ መጽናዕቲ ቻርት ምፍጣር።
- ናይ ሓደ መጽሓፍ መጽሓፍ ቅዱስ ንድፌ/ረቛቕ/ ምፍጣር።

## መሪሕ ጥቕሲ

"*ጎበዝ ንመገዱ ብምንታይ የንጽሃ፧ ከም ቃልካ ንኡብሉ ብምጥንቃቕ እዩ።*" (መዝ 119:9)

## መእተዊ

ኣብዚ ምዕራፍ እዚ ንሓንቲ ምልእቲ መጽሓፍ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ብኸመይ ከም እትምርምሮ ክትመሃር ኢኻ። ብተወሳኺ ንመጽናዕትኻ ንምጽማቕ ቻርትን ንድፌ/ረቛቕ/ን ብኸመይ ከምእትፈጥር ክትመሃር ኢኻ። ኣብነት ናይቲ ኣገባብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ተኻቲቱ ኣሎ፡ ኣብዚ ምዕራፍ "ዝያዳ መጽናዕቲ መጽናዕቲ" ዝብል ክፋል ከምዚ ዓይነት መጽናዕቲ ክትገብር ዕድል ተዋሂቡካ ኣሎ። ኣብ ዝቕጽሉ ምዕራፋት ከመይ ጌርካ ንምዕራፋት፡ ሕጡብ-ጽሑፋት፡ ጥቕስታትን ቃላትን ናይ ሓንቲ መጽሓፍ ከም እተጽንዖም ክትመሃር ኢኻ።

መጽናዕቲ መጽሓፍ ኣብነት ናይ "ስነ-ጥበባዊ" መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ። እዚ ቃል እዚ ንሓደ ነገር ብሓፈሻኡ ብምጽናዕ ብዛዕባ ትሕዝቶኡ ሓፈሻዊ ፍልጠት ንምርካብ ማለት እዩ። ጸኒሕና ንሓንቲ መጽሓፍ ኣብ ምዕራፋት፡ ሕጡብ-ጽሑፋት፡ ጥቕስታትን ቃላትን ክንመቕሎ ከለና፡ "ትንተናዊ" መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ክንገብር ኢና። ንሓደ ነገር ምትንታን ማለት ኣብ ዝተፈላለየ ክፋላቱ ፈሊኻ ነፍሲ ወከፍ ብውልቂ ምምርማር ማለት እዩ። ትንተናዊ መጽናዕቲ ካብ ስነ-ጥበባዊ መጽናዕቲ ዝያዳ ዝርዝር እዩ።

## ትርጉም ናይቲ ኣገባብ

መጽናዕቲ መጽሓፍ ኣገዳሲ እዩ ምኽንያቱ ምዕራፋትን ሕጡብ-ጽሑፋትን ጥቕስታትን ቃላትን ናይ ሓንቲ መጽሓፍ ብግቡእ ኩነታት ክትርጎም ስለዘለዎም። መጽናዕቲ መጽሓፍ ብዛዕባ እዚ ዓውዲ እዚ ፍልጠት ይህብ።

## መብርሂ ናይቲ ኣገባብ

መጽሓፍ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ንምጽናዕ ዝሕግዙና ሰለስተ ስጉምትታት እነሆ፤

### 1ይ ስጉምቲ፡ መጀመርታ መጽናዕቲ፡

ቴማ (ኣርእስቲ) ናይታ መጽሓፍ ንምልላይ ምሉእ መጽሓፍ ኣንብብ። ነቲ ቴማ ዘጠቓልል ኣርእስቲ ምረጽ። ነዚ ኣርእስቲ እዚ ኣብ ቻርት መጽናዕቲ መጽሓፍ ክትጥቀመሉ ኢኻ። እዚ ኣርእስቲ ናይቲ ንድፌ/ረቛቕ/ እውን ክኸውን እዩ።

እታ መጽሓፍ ንምንታይ ዕላማ ከም እተጻሕፈትን ንመን ከም እተጻሕፈትን ንደራሲን ፍለጥ። ገለ ጽሑፋት ስም ናይቲ ደራሲ ይገልጹ እዮም ካልኦት ግን ካብ ደገ ዝመጽእ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መጽናዕቲ ምውካስ ከድልየካ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ደራሲ ብመንፈስ መንፈስ ቅዱስ ተደሪኹ ዝጽሕፈሉ ፍሉይ ምኽንያት ነይርዎ። እዚ ዕላማ እዚ ሙብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ትሕዝቶ እታ መጽሓፍ የንጸባርቕ።

ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ ናይቲ መጽሓፍ ውሰድ። ኣብዚ እዩ እቶም ፍጻሜታት ዘጋጠሙ። ነዚ ኣብ ቻርት መጽናዕቲ መጽሓፍ ጽሓፍ።

መሰረታዊ መትከል ህይወትን ኣገልግሎትን ብሓንቲ ሓረግ ኣጠቓልል። እዚ መሰረታዊ ሓቂ ናይታ መጽሓፍ ኮይኑ ኣብ ህይወትካ ወይ ኣገልግሎትካ ዝምልከት እዩ። ኣብ ሓንቲ መጽሓፍ ብዙሓት መትከላት ይምሃሩ ኣለዉ፡ ግን ነዚ ጽማቕ መግለጺ እዚ ኣገዳሲ ዝኾነ ክትውስን ፈትን።

እቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዚርከብ ምዕራፋት ዚመቓቐል፡ ብመንፈስ ኣምላኽ እተመርኰሰ ኸም ዘይኰነ ኣይትረስዕ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ንዘሎ ፍሉይ ክፍልታት ብቐሊሉ ንምርካብ ብሰብ እተሰርሓ እየን። ምሉእ መጽሓፍ ብዘይ ምዕራፍ ምክፍፋል ከተንብቦ ከለኻ ነቲ መልእኽቲ ከምቲ ፈለማ ዝተዋህበኢኻ ትግምግሞ ዘለኻ።

ኣብዚ 1ይ ንባብ ብዝርዝር ኣይትግደሱ። ሓፈሻዊ ሓበሬታ ንምርካብ ነታ መጽሓፍ ዳህስሳ፦ ቴማ፡ ደራሲ፡ ዕላማ፡ ንመን፡ ጂኦግራፊያዊ ምድላው፡ ከምኡውን መሰረታዊ መትከል ህይወትን ኣገልግሎትን። ብዛዕባ ምሉእ መጽሓፍ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ንምርካብ ቀልጢፍካ ኣንብብ። ነቲ ተንብቦ ዘለኻ ደው ኢልካ ኣይትተንትን። ድሕሪኡ ከምኡ ክትገብር ኢኻ።

## ካልኣይ ስጉምቲ፡ ቻርት መጽናዕቲ መጽሓፍ፡

ነታ መጽሓፍ ንኻልኣይ ግዜ ኣንብባ። ዓበይቲ ክፍልታት ናይታ መጽሓፍ ኣስተውዕል። እዚ ምክፍፋላት እዚ ብኣርእስቲ፡ ብፍጻመታት፡ ብታሪኻዊ ታሪኽ፡ ብጂኦግራፍያዊ ኹነታት ወይ ብኻልእ ከምዚ ዝኣመሰለ ረቛሒታት ኪውሰን ይኽእልእዩ።

ንነፍሲ ወከፍ ምዕራፍ ናይታ መጽሓፍ ኣርእስቲ ግበር። ኣርእስቲ ምዕራፍን ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ናይ ሓደ ምዕራፍ ዘንጸባርቕ ክኸውን ኣለዎ ግን ንዝኾነ ምዕራፍ መጽሓፍ ቅዱስ ክሰማማዕ ዝኽእል ሓፈሻዊ ክኸውን የብሉን። ኣርእስታት ከም መትሓዚ ንትሕዝቶ እቲ ምዕራፍ ክትሕዞ እትኽእል መትሓዚ ጌርካ ሕሰብ። ንኽትዝክሮም ቀለልቲ ምእንቲ ክኾኑ ሓጸርቲ ግበሮም። ነዞም ኣርእስታት ምዕራፋት ኣብ ቻርት መጽናዕቲ መጽሓፍ ኣእትዎም።

መሪሕ ጥቕሲ ናይታ መጽሓፍ ምረጽ። እቲ መሪሕ ጥቕሲ ንዕላማ ወይ ትሕዝቶ እታ መጽሓፍ ብዝበለጸ ዝገልጽ ክኸውን ይግባእ። ኣብ ቻርት መጽናዕቲ መጽሓፍ ነቲ መወከሲ ኣእትዎ።

ከተንብብ ከለኻ፡ ኣብቲ ቻርት እተዋህበ ቦታ ኣስማት ዓበይቲ ፊደላት ዘርዝር። እዚ ዘርዝር እዚ፡ ካብኡ መጽናዕትታት ታሪኽ ህይወት ክትገብሩሉ እትኽእሉ ምርጫ ክህብ እዩ። ከምዚ ዓይነት መጽናዕቲ ብኸመይ ከም እትገብር ኣብዚ ኮርስ ድሕሪኡ ክትመሃር ኢኻ።

ኣብቲ ቻርት ቀንዲ ቃላትን ሓረጋትን መዝግብ። ቀንዲ ቃላትን ሓረጋትን ንመጽሓፍ ንምርዳእ መሰረታዊ ዝኾኑ እዮም። መብዛሕትኡ ግዜ ብተደጋጋሚ ይደጋገሙ ወይ ድማ ኣብታ መጽሓፍ ብዝርዝር ይግለጹ። ነዚ ዝርዝር ንመጽናዕቲ ቃላት ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ እዚ ድማ ኣብዚ ኮርስ ድሒርካ ከመይ ጌርካ ከም እትትገብሮ ክትመሃሮ ኢኻ።

## ሳልሳይ ስጉምቲ፡ንድፊ/ረቛቕ/ መጽሓፍ፡

ኣብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ናይ መወዳእታ ስጉምቲ ንድፊ/ረቛቕ/ ምፍጣር እዩ። ነታ መጽሓፍ ደጊምካ ኣንብባ። ከተንብብ ከለኻ፡ ንብምልእታ እታ መጽሓፍ ንድፊ/ረቛቕ/ ፍጠር። ገለ ኻብቲ ኣብ ቻርት መጽናዕቲ መጽሓፍካ ዘሎ ኣርእስታት ክፍልን ምዕራፋትን ኣብ ንድፊ/ረቛቕ/ቐንዲ ነጥብታት ኪኸውን እዩ። ዕላማ ንድፊ/ረቛቕ/ካ ንብምሉኡ ትሕዝቶ እታ መጽሓፍ ንምጥቕላል እዩ።

# ኣብነት ናይዚ ኣገባብ 1ይ

## ስጉምቲ፡ መጀመርታ መጽናዕቲ፡

**መጽሓፍ፦** ንመጽናዕቲ እተመርጸ መጽሓፍ፡ መጽሓፍ ፊልጺ እዩ።

**ቴማ፦** ቴማ ናይታ መጽሓፍ ንክርስትያናዊ ሓድነት ዝድርኽ እዩ።

**ደራሲ፡-** ደራሲ ናይዛ መጽሓፍ ሃዋርያ ጳውሎስ እዩ።

**ናብ መን ተጻሒፉ:** እቲ መጽሓፍ ኣብ ከተማ ፊልጺ ንዘነበሩ ክርስትያናት እዩ ተጻሒፉ።

**ዕላማ፦** ሓፈሻዊ ዕላማ እታ መጽሓፍ ክልተ ዓይነት እዩ ነይሩ፡ ንሰብ ፊልጺ ንኣገልግሎቱ ስለ ዝደገፉ ንምምስጋንን ንሓድነት ክርስትያናዊ ጻውዒትን እዩ።

**ቀንዲ ቃላት፡** ተሓጎሱ፡ ሓጎስ።

**መሪሕ ጥቕሲ፡** ፊልጺ 2፡2

**ኣብታ መጽሓፍ ዘለዉ ሰባት፡** ኤዎድያስ፡ ሲንቲቁ፡ ጢሞቴዎስ፡ ኤጳፍሮዲጦስ፡ ቀሌመንጦስ፡ ስድራቤት ቄሳር።

**መትከል ህይወትን ኣገልግሎትን፦** እቲ መሰረታዊ መትከል ህይወትን ኣገልግሎትን ሓድነት ሓጉስ የምጽእ እዩ።

## ካልኣይ ስጉምቲ፡ ቻርት መጽናዕቲ መጽሓፍ

**ደራሲ፡** ጳውሎስ

**ናብ፦** ኣብ ፊልጺ ዘለዉ ኣመንቲ

**ዕላማ፦** ንክርስትያናዊ ሓድነት ንዘገበርዎ ደገፍን ጻውዒትን ንምምስጋን እዩ።

**ቀንዲ ቃላት፡** ተሓጎሱ፡ ሓጎስ

**መሪሕ ጥቕሲ፡** ፊልጺ 2፡2

**ኣብታ መጽሓፍ ዘለዉ ሰባት፡** ኤዎድያስ፡ ሲንቲቁ፡ ጢሞቴዎስ፡ ቀሌምንጦስ ኤጳፍሮዲጦስ፡ ስድራቤት ቄሳር

**መትከል ህይወትን ኣገልግሎትን፡** ክርስትያናዊ ሓድነት ሓጉስ የምጽእ እዩ።

**ቻርት መጽናዕቲ መጽሓፍ**

**ስም መጽሓፍ፡ መጽሓፍ ፊለጺ**

**ኣርእስቲ ቻርት፡ ጻውዒት ክርስትያናዊ ሓድነት**

1 2 3 4 5



**ኣርእስቲ ምዕራፍ**

**ሳልሳይ ስጉምቲ፡ ንድፈ/ረቛቕ/ መጽሓፍ፡**

ፊልጲ፡ ጻውዒት ንክርስትያናዊ ሓድነት

I. መእተዊ፤

ሀ. ሰላምታ 1፡1-2

1. ካብ ጳውሎስን ጢሞቴዎስን ።
2. ናብ፦ ቅዱሳን ብክርስቶስ የሱስን ጳጳሳትን ዲያቆናትን ኣብ ፊልጲ።

ለ. ጸሎት ንፊልጲ 1፡3-11

ሐ. ውልቃዊ ጉዳያት 1፡12-26

1. ወንጌል 1፡12-18 ንምዝርጋሕ ዘገልገሉ ፍጻሜታት
2. ከም ዝፍታሕ እምነት 1፡19-21
3. ምንባር ድዩ ሞት ዝበለጸ ዝብል ሕቶኡ 1፡22-26

II. ምሕጽንታ ንሓድነት1፡27-2፡18

ሀ. ኣብ ስቓይ ሓድነት ንኽህሉ ጻውዒት 1፡27-30

ለ. ሓድነት ብክርስቶስ2፡1-11

ሐ. መንፈሳዊ ዕብየት ሓድነት የምጽእ 2፡12-18

III. መደባት ጳውሎስ 2፡19-30

ሀ. ቀልጢፉ ክልእኽ ጢሞቴዎስ 2፡19-23።

ለ. ባዕሉ ክመጽእ ተስፋ ይገብር 2፡24

ሐ. ኤጵጵሮዲቶስ 2፡25-30 ይልእኽ ኣሎ።

IV. መጠንቀቕታ 3፡1-4፡1

ሀ. ኣንጻር ኣይሁዳዊ ትምህርቲ 3፡1-16

ለ. ኣንጻር ናይ ሓሶት መምህራን3፡17-21

V. ማዕዳን 4፡1-9

ሀ. ሓድነት ኣብ መንጎ ኤዎድያስን ሲንጢቃን 4፡1-3

ለ. ኣብ ሓጎስ ሓድነት 4፡4

ሐ. ሓድነት ብመጠኑ 4፡5

መ. ሓድነት ኣብ ጸሎት 4፡6

ሰ. ሓድነት ኣብ ኣእምሮ 4፡7-8

ረ. ሓድነት ኣብ መንጎ ፍልጠትን ተግባራትን 4፡9

VI. ምስጋና ስለቲ ህያብ 4፡10-20

VII. በረኸት 4፡21-23

## ርእሰ-ፈተነ

1. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኽሪ ጽሓፋ።

______________________________________________

______________________________________________

2. ኣዛምድ።

**ዓይነት መጽናዕቲ** | **ትርጉም**

_ትንተናዊ መጽናዕቲመጽሓፍቅዱስ | 1. ንሓደ ነገር ንሓፈሻዊ ትሕዝቶ ንምድህሳስ፤።

_ስነ-ጥበባዊ መጽናዕቲመጽሓፍቅዱስ | 2. ነቶም ውልቀ-ክፋላት ብዝርዝር ንምጽናዕ።

3. ሰለስተ ስጉምትታት ኣገባብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ዘርዝር።

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

4. ናይ መጀመርታ ዳህሳስ መጽሓፍ ክትገብር ከለኻ ክትምዝግብ ዘለካ ሽዱሽተ መሰረታዊ ነገራት እንታይ እዮም፧

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

(መልሲ ገምጋምታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።)

# ዝያዳ መጽናዕቲ መጽናዕቲ

ናይ ሓደ ካብ ጽሑፋት ሓድሽ ኪዳን መጽናዕቲ መጽሓፍ ግበር። ንመጀመርታ ግዜኻ መጽናዕትኻ ካብተን ሓጸርቲ ጽሑፋት ሓንቲ ክትመርጽ ንመክር። ኣብዚ ምዕራፍ ዝተማሃርካዮ ስጉምትታት ኣገባብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ተጠቐም። መጽናዕትኻ ብቻርት መጽሓፍን ንድፌ/ረቛቕ/ን ኣጠቓልል። ነዚን መጻኢ መጽናዕትታት መጽሓፍን ከም መምርሒ ነዚ ዝስዕብ ቅጥዒ ተጠቐመሉ። እቲ መጽሓፍ ካብቲ ኣብቲ ቅጥዒ ቦታ ዝህቦ ንላዕሊ ምዕራፋት ዝሓዘ እንተኾይኑ፡ ኣብቲ ቅጥዒኻ መስመራት ክትውስኽ ከድልየካ እዩ።

| ቻርቲ መጽሓፍ ንመጽናዕ |
|---|

**ሽም መጽሓፍ** **ኣርእስቲ ናይቻርቲ**

ቁጽሪ ምዕራፍ

1 2 3 4 5 6 7 8 9 10 11 12 13 14 15 16 17 18



**ኣርእስቲ ናይ ምዕራፍ**

**ደራሲ፤**
**ናብ፦**
**ዕላማ፦**

**ቀንዲ ቃላት፥**
**መሪሕ ጥቕሲ፤**

**ኣብታ መጽሓፍ ዘለዉ ሰባት፥**

**መትከል ህይወትን ኣገልግሎትን፥**

# ምዕራፍ ዓሰርተው ክልተ
# ጠጽናዕቲ ምዕራፍ

## ዕላማታት፤

ነዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካዮ ነዚዝስዕብ ክትክእል እዩ፤

- ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኸሪ ምጽሓፍ።
- ኣብ ኣገባብ መጽናዕቲ ምዕራፍ ኣርባዕተ ስጉምትታት ምዝርዛር።
- መጽሓፍ ቅዱስ ብምዕራፋት ምጽናዕ።
- መጽናዕትኻ ንምጽማቕ ዝሕግዝ ናይ ምዕራፍ ቻርት ምፍጣር።
- ናይ ምዕራፍ ዝርዝር ምፍጣር።

## መሪሕ ጥቕሲ

*"ንኣኻ ምእንቲ ኸይብድልሲ፣ ንቓልካ ኣብ ልበይ ዐቚርክዎ።" (መዝ 119 ፡ 11)*

### መእተዊ

ኣብዛ ዝሓለፈት ምዕራፍ ንሓደ ምሉእ መጽሓፍ መጽሓፍ ቅዱስ ከመይ ጌርካ ከም እትምርምሮ ተማሂርካ ኔርካ። ሕጂ ኣብ ውሽጢ ሓንቲ መጽሓፍ መጽሓፍ ቅዱስ ንዘሎ ውልቃዊ ምዕራፍ ብኸመይ ከም እተጽንዖ ክትመሃር ኢኻ። ኣብነት ናይ መጽናዕቲ ምዕራፍ ተዋሂቡካ ኣሎ። ከምዚ ዓይነት መጽናዕቲ ክትገብር ድማ ኣብ "ዝያዳ መጽናዕቲ መጽናዕቲ" ዕድል ተዋሂቡካ ኣሎ።

## ትርጉም ናይቲ ኣገባብ

መጽናዕቲ ምዕራፍ ልክዕ ከምቲ ኣርእስቲ ዘመሓላልፎ እዩ። ናይ እግዚኣብሄርቃል ምዕራፍ ብምዕራፍ እዩ።

## መብርሂ ናይቲ ኣገባብ

## 1ይ ስጉምቲ፡ ኣርእስቲ ምዕራፍ ምምራጽ

ኣብቲ ናይ መጽናዕቲ ምዕራፍ ቻርት ስም ናይታ እተጽንዖ መጽሓፍን ቁጽሪ ምዕራፍን ጽሓፍ። ምሉእ ምዕራፍ ኣንቢብካ ንትሕዝቶኡ ዘንጸባርቕ ኣርእስቲ ሃቦ። (መጽናዕቲ መጽሓፍ እንተገይርካ ድሮ ኣርእስቲ ምዕራፍ መሪጽካ ክትከውን ኢኻ። ምዕራፍ ዓሰርተ ሓደ ብዛዕባ መጽናዕቲ መጽሓፍ ኣርእስቲ ምዕራፋት ብኸመይ ከም እትመርጽ ይገልጽ)።

## 2ይ ስጉምቲ፡ ምልክታት ናይ ሕጡበ-ጽሑፍ ምግባር

ኣብ ውሽጢ እቲ ምዕራፍ ንዘሎ ክፍሊ ሕጡበ-ጽሑፍ ምልክት ግበር። ኣብ ገሊኡ መጽሓፍ ቅዱስ እተን ሕጡበ-ጽሑፋት ብፍሉይ ምልክት (¶) ተለጢፉ ኣሎ። ኣብ ካልእ መጽሓፍ ቅዱስ ድማ ብድሙቕ ፊደላት ቍጽሪ ጥቕሲ ምልክት ተገይሩሎም ኣሎ። (ብድሙቕ ፊደላት ማለት እቲ ቁጽሪ ካብቶም ኣብ ቀድሚ ካልኦት ጥቕስታት ዘለዉ ቁጽርታት ዝጸልመተ ማለት እዩ።) መጽሓፍ ቅዱስካ ምልክት ሕጡበ- ጽሑፍ ወይ ድሙቕ ምልክት ዘይብሉ እንተኾይኑ ሽዑ ነቲ ናይ ሕጡበ-ጽሑፍ ምምቕቓል ባዕልኻ ክትውስኖ ኣለካ። ነዚ ንምግባር ትርጉም ናይ ሓደ ሕጡብ ጽሑፍ ክትፈልጥ ኣለካ፤

"ሕጡብ-ጽሑፍ ምስ ሓደ ርእሰ-ጉዳይ ዝተኣሳሰር ጉጅለ ጥቕስታት እዩ። እቲ ርእሰ-ጉዳይ ምስ ዝቐየር፡ ሽዑ ሓድሽ ሕጡብ-ጽሑፍ ተጀሚሩ ኣሎ።" ኣብ ዙርያ እቲ ነፍሲ ወከፍ ሕጡብ-ጽሑፍ ዝጅምረሉ ቍጽሪ ጥቕሲ ዓንኬል ብምስኣል፡ ነቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ዘሎ ምምቕቓል ሕጡብ-ጽሑፋት ምልክት ግበር።

## 3ይ ስጉምቲ፡ መጽናዕቲ ምዕራፍ ቻርት ምፍጣር

ኣብቲ መጽናዕቲ ምዕራፍ ቻርት ኣርእስቲ ናይቲ ምዕራፍ መዝግብ። ጥቕስታት ናይ ሕጡብ-ጽሑፋት ክፍልታት ዘርዝር (ኣብነት ርአ)። ድሕሪኡ ንነፍሲ ወከፍ ሕጡብ-ጽሑፍን ትሕዝቶ እታ ሕጡብ-ጽሑፍ ዘንጸባርቕ ኣርእስቲ ሃቦ። ብዛዕባ ርክብ ክፋላት ናይቲ ምዕራፍ ዘለካ ሓሳባት ንምምዝጋብ "መተሓሳሰቢ" ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ ዝርዝር ተጠቐም (ኣብነት ርአ) ። እዞም መዘኻኸሪታት እዚኣቶም ነቲ ናይ ምዕራፍ ንድፊ/ረቛሕ/ ኣብ ምፍጣር ክሕግዙኻ እዮም።

## 4ይ ስጉምቲ፡ ናይ ምዕራፍ ንድፊ/ረቛሕ/ ምፍጣር

ኣብዛ ዝሓለፈት ምዕራፍ ንሓደ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ብኸመይ ከም እትገልጾ ተማሂርካ። ሕጂ ዝያዳ ዝርዝር ናይ ሓንቲ ምዕራፍ ክትገብር ኢኻ። ድሮ ነቲ ምዕራፍ ቻርት ክትገብር ከለኻ ኣርእስቲናይቲ ምዕራፍ መሪጽካ ኣለኻ። ነዚ ኣርእስቲ ናይቲ ንድፊ/ረቛሕ ተጠቐመሉ። ነቲ ቐንዲ ነጥብታት ነቲ ክፍሊ ሕጡብ ጽሑፋትን ኣርእስቲ ሕጡብ ጽሑፋትን ተጠቐመሉ። ድሕሪኡ፡ ንኡሳን ነጥብታት ምረጽ እሞ፡ ነተን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሕጡብ-ጽሑፍ እታ ምዕራፍ ዘለዋ ጥቕስታት ዘርዝረን። ቁጽሪ ጥቕስታት ብነጥብን ንኡሳን ነጥብታትን መዝግብ። ከምኡ ውን ዝኾነ ካልእ ምስቲ ኣርእስቲ ዝተኣሳሰር መወከሲ መጽሓፍ ቅዱስ ርአ እሞ ብዝያዳ ምሉእ ብምሉእ ግለጽ (ኣብነት ርአ)።

## ኣብነት ናይቲ ኣገባብ

እታ ሓንቲ ምዕራፍ ጥራይ ዘለዋ መጽሓፍ ዝኹነት መጽሓፍ ይሁዳ ከም ኣብነት ናይቲ መጽናዕቲ ምዕራፍ ኣገባብ ክንጥቀመሉ መሪጽናያ ኣለና።

## 1ይ ስጉምቲ፡ ኣርእስቲ ምዕራፍ ምምራጽ

ኣብ ይሁዳ ንሓንቲ ምዕራፍ ዝተመርጸ ኣርእስቲ "ሓሰውቲ መምህራንከም ዝፍረዱ" ዝብል እዩ።

### 2ይ ስጉምቲ፡ ክፍልታት ሕጡብ-ጽሑፍ ምልክት ምግባር

እታ ምዕራፍ ካብ ቍጽሪ 1,3,4,5,8,11,12,14,16,17,19,20,22,24 ጀሚራ ኣብ ሕጡብ- ጽሑፋት ተኸፋፊላ ነይራ።

### 3ይስጉምቲ፡ ናይ መጽናዕቲ ምዕራፍ ቻርት ምፍጣር

ኣብነት ናይ መጽናዕቲ ምዕራፍ ቻርት እንሆ፤

## ናይ መጽናዕቲ ምዕራፍ ቻርት

*መጽሓፍ፡ መልእኽቲይሁዳ* *ምዕራፍ፡ ሓደ* *ኣርእስቲ ምዕራፍ፡ ሓሰውቲ መምህራንከም ዝፍረዱ*

| **ፍቕድታት** | **ኣርእስቲ ሕጡብ ጽሑፍ** | **ዛዕባ** |
|---|---|---|
| 1-2 | መእተዊ | ይሁዳ ጽሓፊ |
| 3 | ዕላማ | ንእምነት ምግዳል |
| 4 | ገለ ሰባት | ሓሙሽተ ገጸ ባህርያት |
| 5-7 | ዘጋጠመ ፍጻሜታት | እስራኤል፡ መልኣኽቲ፡ ሶዶም/ጎሞራ |
| 8-10 | ምግላጽ ይጅምር | ካልኦት ሓሙሽተ ገጸባህርያት |
| 11 | ምግላጽ ብኣብነት | ቃየል፡ በላዓም፡ ቆራ |
| 12-13 | ምግላጽ ብምምስሳል | መኣዲ ጻያቒቶ፡ ደበና፡ ኣእዋም ፡ማዕበል፡ሽዋኽብቲ ኣብ |
| 14-15 | ናይ መጻኢ ፍርዲ | ጎይታ ምስ ኣእላፋት ቅዱሳቱ |
| 16 | ምግላጽ ይቕጽል | ካልኦት ሓሙሽተ ገጸ ባህርያት |
| 17-18 | ነቲ ቃላት ዘክሩ | የሱስ ዝበሎ |
| 19 | ምግላጽ ይቕጽል | ካልኦት ሰለስተ ገጸ ባህርያት |
| 20-21 | ካብ ምዕንቃፍ ምምላጥ | ኣርባዕተ ነጥብታት |
| 22-23 | ከመይ ጌርና ነዚ ነገር ንምክት | ክልተ ክፍልታት |
| 24-25 | ምርቓ | ካብዚኦም ሰባት ክንቁጠብ ይከኣል እዩ |

139

## 4ይ ስጉምቲ፡ ናይ ምዕራፍ ንድፊ/ረቛሒ/ ምፍጣር

**ካብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ይሁዳ ዝፈጠርናዮ ናይ ምዕራፍ ዝርዝር እንሆ፤**

**ምዕራፍ ዝርዝር ይሁዳ፡ ሓሰውቲ መምህራንከም ዝፍረዱ**

I. መእተዊ፡ ሰላምታ 1፡1-2

ሀ. ካብ፡ ይሁዳ

1. ሓው ያዕቆብ።

2. ባርያ የሱስ ክርስቶስ።

ለ. ናብ

1. ጽዉዓት።

2. ብእግዚኣብሄር ፍቁራት።

3. ንየሱስ ክርስቶስ እተሓለዉ።

II. ዕላማ፡ 1፡3

ሀ. መበቀላዊ ዕላማ፡ ብሕብረት ምድሓን።

ለ. ዝተመሓየሸ ዕላማ፡- ንእምነት ምግዳል።

III. ባህርያት "ገለ ሰባት" (ናይ ሓሶት መምህራን)፡ 1፡4

ሀ. ፍርሃት ኣምላኽ ዜብሎም።

ለ. ንጸጋ ኣምላኽ ናብ ርኽሰት ዚልውጥዎ።

ሐ. ንየሱስ
ዝኽሕድዎ።

መ. ሰሊኾም ዝኣተዉ።

ሰ.ንፍርዲ እተጻሕፉ።

IV. ሰለስተ ታሪኻዊ መዛግብቲ፡ 1፡5-7

ሀ. እስራኤል፡ ሓንሳብ ምስ ደሓነት፡ ድሕሪኡከም ዝጠፍኣት፡ (ዘሁ 13-14ን 1ቆሮ10፡5-10ን)

ለ. መላእኽቲ፡ ሓጢኣት ዝገበሩ፡ ብመቕሕ ጸልማት ተኣሲሮም፡ 6 (2ይ ጴጥሮስ 2፡4)

ሐ. ሶዶምን ጎሞራን፡ ሓጢኣት ብሓዊ መቕጻዕቲ ዘሰዓበ፡ 7 (ዘፍጥረት 18-19)

V. መግለጺ ናይ ሓሶት መምህራን 1፡8-10 (ቀጻሊ መግለጺ ካብ ቁጽሪ 4)

ሀ. ብሕልሞም ንስጋኦም ዘርክሰዎ፡ 8

ለ. ንጎይትነት ዘቃልሉ፡ 8

ሐ. ንመርዓት ክብሪውን ይጸርፉ፡ 89

1. ሚካኤል ሊቀ መላእክት ዋላ ንድያብሎስ ኣይተጻረፈን።

2. እዞም ሰባት እዚኣቶም ንዘይፈልጥዎ ይጸርፉ።

መ. ንርእሶም የጥፍኡ፡ 10

VI. መግለጺ ናይዞም እኩያት ሰባት ብኣብነት፡ 1፡11

ሀ. መንገዲ ቃየል፦ ንሕድገት ሓጢኣት ከም ዘድሊ ደም ነጺግዎ።
(ዘፍጥረት 4)

ለ. ጌጋ በላዓም፡ ስለ ሃብቲ ኢልካ ምግልጋል። (ዘሁልቍ 22-24)

ሐ. መሪሕነት ምክሓድ: ነቲ ኣምላኽ ዝመደቦ መሪሕነት ምኽሓድ።(ዘሁልቍ 16)

VII. መግለጺ ናይዞም እኩያት ሰባት ብምሳሌ (ምስ ተፈጥሮኣዊ ኣብነታት ምውድዳር) 1፥12-13

ሀ. ጻያቒቶ፦ ብሓቂ ኣብ በዓላትካ "እምኒ" ማለት እዩ፤ እምኒ ኣብ መግቢ።

ለ. ደበና፡ ብዙሕ ቃል ዝኣተወ ግን ከአ ዋላ ሓንቲ ዘየብጽሕ፤ ብቐሊሉ በዚን በቲን ዝዝወር።

ሐ. ኣእዋም፦ፍረዘይብሎም፣ሱርወይምርግጋእዘይብሎም፤ ክልተግዜዝሞቱ: ሓንሳብኣብሓጢኣት ካልኣይ ድማ ኣብግብዝና።

መ. ማዕበል፡ ዕግርግር ዝመልኡ፡ ጫውጫው ዝመልኡ፡ ግን ከአ ዋላ ሓንቲ ዘይፍጽም።

ሰ. ከዋኽብቲ፡ ንጸልማት ዝተሓዝኡ ግን ድሙቓት ይመስሉ።

VIII. ሄኖክ ዝተነበዮ መጻኢ ፍርዲ፡ 1፥14-15 (ዘፍጥረት 5፥18-24)

ሀ. ብእግዚኣብሄር ምስ 10,000 ቅዱሳን ይፍረዱ።

ለ. ምኽንያቱ ኩሉ ብዘይፍርሃት እግዚኣብሄር ዝገበርዎ ተግባራቶም።

ሐ. ኩሉ እቲ ተሪር ዘረባኦም ኣንጻር ኣምላኽ ስለ ዝተዛረቡ።

IX. መቀጸልታ መግለጺ እኩያት ሰባት ፡ 1፥16-17

ሀ. መዕዘምዘምቲ።

ለ. ንዕድሎም ዘነቕፉ።

ሐ. ከም ፍትወቶም ዝመላለሱ።

መ. ኣፎም ቃል ትዕቢት(ምጅሃር) ።

ሰ. ምእንቲ ጥቕሚ ርእሶም ንገጽ ሰብ ዝንእዱ።

X. ዘክር፦ የሱስ ኣጠንቂቑ፦ 18-19

ሀ. ብእኩይ ፍትወቶም ዝመላለሱ።

ለ. መላገጽቲ።

ሐ .እዚኣቶም ምፍልላይ ዜምጽኡ።

መ. መንፈስ ዜብሎም እዮም።

ሰ. ስጋውያንእዮም።

XI. በዞም እኩያት ሰባት ከይትታለል ዝሕግዙ ኣርባዕተ ነጥብታት ፡ 1፥20-21

ሀ. ኣብ እምነት ንርእስኻ ምህናጽ፡ 20

ለ. ብመንፈስ ቅዱስ ምጽላይ፡ 20

ሐ. ንርእስኻ ኣብ ፍቕሪ ኣምላኽ ምሕላው፡ 21

መ. ምሕረት ጎይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ምጽባይ፡ 21

XII. ግብረ መልሰና፡ 1፥22-23፡

ሀ. ኣብ ገሊኦም ዝጠራጠሩ እዮም፡ 22

1. ኣብ መንጎ እዞም ዝጠራጠሩን ኮን ኢሎም ክፉኣት ዝኾኑን ፍልልይ ምግባር (ዝስዕብ ጥቕሲ ርአ) ።

ለ ካልኦት ብፍርሃት ደንግጽሎም፡ 23

1. ካብ ሓዊ መንጢልኩም ኣናግፍዎም።

2. ነቲ ብስጋ ዝረኸሰ ኽዳን እኳ ጽልኡ።

XIII. ምርቓ፥ 1፥24-25

ሀ. ካብ ውድቀት ዘበለ ክሕልወና ይኽእል እዩ፦ 24

1.ብሓጎስ።

2.ብዘይ ነውሪ ።

3. ኣብ ቅድሚ ኽብሩ ኬቕመና

ለ. በይኑ መድሓኒና ዝኾነ ኣምላኽ ቅድሚ ኹሉ ዘመናትን ሕጅን ንኹሉ ዘልኣለም፥ 25

1. ክብሪ።

2. ግርማ።

3. ሓይሊ።

4. ስልጣን ይኹኖ።

## ሕቶታት ምጥቃም

ከመይ ጌርካ ሕቶታት ትሓትት ምፍላጥ፡ ብዛዕባ ኽፋላት መጽሓፍ ቅዱስ ዝርዝር መጽናዕቲ ንኽትገብር ኪሕግዘካ እዩ። እዚ ዚስዕብ ዝርዝር ሕቶታት ነታ ኣብዚ ትምህርቲ እዚ ከም ኣብነት እተጠቕመላ ሓንቲ ምዕራፍ መጽሓፍ ይሁዳ ዚምልከት እዩ። እዚ ዝርዝር እዚ፡ ኣብ ሕቶ ምእታው ምምሃር፡ ንቓል ኣምላኽ ብዝያዳ ዝርዝር መጽናዕቲ ብኸመይ ከም ዚመርሓካ ዚሕብር ኣብነትእዩ።

## ጥቕስታት 1-2፤

ደራሲ ናይታ መልእኽቲ መን እዩ፧

ምስ የሱስ እንታይ ዝምድና እዩ ተገሊጹ ዘሎ፧

ምስ ያእቆብ ዘሎ ርክብ እንታይ እዩ፧

ይሁዳ ንኣንበብቱ ክርስትያናት ምኺኖም ዝገልጸሎም ሰለስተ መገድታት እንታይ እዮም፧

"ዝተሓለዉ" እንታይ ማለት እዩ፧

ነቶም "ዝተሓለዉ" ዝጽሕፍ ስለ ዘሎ እዚ ማለት ገለ ዝተጸውዑን ዝተፈተዉን ግን ከኣ ኣብ የሱስ ዘይተሓለዉ ኣለዉ ማለት ድዩ፧

## ጥቕሲ 3፥

"ሕብረት ምድሓን" እንታይ ማለት እዩ፧

ኣብ ይሁዳ 3 መንፈስ ቅዱስ ንኣተሓሳስባ ይሁዳ ብዛዕባ እዛ መልእኽቲ ከም ዝቐየሮ ዝሕብር ዝሕብር እንታይ እዩ፧

ኣብ መጀመርታ ብዛዕባ እንታይ ክጽሕፍ እዩ ነይሩ፧

እቶም ቅዱሳን መን እዮም፧

## ጥቕሲ 4፥

ይሁዳ ንእምነት ኪቃለሱ ዜጠንቅቖም ዘሎ ስለምንታይ እዩ፧

"ተኸራኸር" ማለት እንታይ ማለት እዩ፧

እቲ ጽሑፍ እዞም ናይ ሓሶት መምህራን ኣብ ሓጺር ግዜ ከም ዝመጹ ወይ ድሮ ከም ዝመጹ ይሕብር ድዩ፧

እዞም ፍርሃት ኣምላኽ ዘይብሎም ሰባት ኣበይ ኣትዮም ነይሮም፧

ንየሱስ ክርስቶስ ዝገልጻ እንታይ ክልተ ቃላት እየን፧

ነዞም ፍርሃት ኣምላኽ ዘይብሎም ሰባት ብምንታይ ሰለስተ ነገራት እዮም ዚግለጹ፧

**ጥቕሲ** 5-8፤

ኣብ ቊጽሪ 5 ተጠቒሱ ዘሎ ብዛዕባ እስራኤል እተጠቕሰ ኽልተ ሓቀታት እንታይ እዩ፧

ምስ ርእሰ ነገር ይሁዳ ብኸመይ እዮም ዚዛመዱ፧

ካብቶም ኣብ ቁጽሪ 6 ዝተገልጹ መን እዩ እቲ ቀንዲ መልኣኽ፧

"ዓባይ መዓልቲ" እንታይ ማለት እዩ፧

"ዘለኣለማዊ ሓዊ" እንታይ ከመልክት ኣለዎ፧

## **ጥቕሲ** 9-10፤

ሚካኤል መን እዩ ነይሩ፧

ሚካኤል ንድያብሎስ ዘይጸረፎ ስለምንታይ እዩ፧

ኣብ መንጎ ሚካኤልን ድያብሎስን ዝነበረ ክርክር እንታይ እዩ ነይሩ፧

እቶም ኣብ ፍቕዲ 10 ዘለዉ ክፉእ ዝዛረቡ መን እዮም፧

## **ጥቕሲ** 11፤

ኣብዛ ጥቕሲ እዚኣ እንታይ ሰለስተ ኣብነታት መቕጻዕቲ ተዋሂቡ ኣሎ፧

ሓጢኣት ቃኤል እንታይ እዩ ነይሩ፧

በላዓም ዝገበሮ ሓጢኣት እንታይ እዩ ነይሩ፧

ቆራሕ ዝገበሮ ሓጢኣት እንታይ እዩ ነይሩ፧

ንተግባራት እቶም ፍርሃት ኣምላኽ ዘይብሎም ሰባት ዝገልጻ ሰለስተ ቃላት መነመን እየን(ግሲ፡ ናይ ተግባር ቃላት)፧

## **ፍቕዲ** 12-13፤

ይሁዳ ነዞም ፍርሃት ኣምላኽ ዘይብሎም ሰባት ምስ ካብ ተፈጥሮ ዝመጹ ነገራት የነጻጽሮም እዩ። እዞም ነገራት መነመን እዮም፧

ከምቲ እተገልጸ ብዛዕባ ማዕበላትን ደበናን ከዋኽብትን ዚመሳሰል እንታይ እዩ፧

**ጥቕሲ**14-16፤

ሄኖክ መን እዩ ነይሩ፧

ኣብ ፍቕዲ 16 ንሓደ ሰብ ንሰባት ኣኽብሮት ኬርኢ ዚፍትኖ እንታይ እዩ፧

**ጥቕሲ**17-19፤

ኣብ ጥቕሲ17 ምስ ኣብ ጥቕሲ 1 ዘሎ እንታይ ተመሳሳልነት ኣለዎ፧

ኣብ ጥቕሲ 17 ምስ ኣብ ጥቕሲ 5 ዚርከብ እንታይ እዩ ዚመሳሰል፧

"ፍርሃት እግዚኣብሄር ዜብሎም" ዝብል ቃል ኣብ ጥቕሲ15ን 18ን ክንደይ ግዜ ተጠቒሙ ኣሎ፧

**ጥቕሲ**20-23፤

ብመሰረት ጥቕሲ20 እምነት ንኽህልወና ሓላፍነት ዝስከም መን እዩ፧

"ህንጸት" ዝብል ቃል ኣብ ክርስትያናዊ ሕይወት ምሉእ ብስለት ንምርካብ ዘለዎ ቅልጣፈ እንታይ እዩ ዝድምድም፧

ኣብ ፍቕሪ ኣምላኽ ንኽሕልወና ሓላፍነት ዘለዎ መን እዩ፧

## ጥቕሲ24-25፤

መን እዩ ከይንወድቕ ክሕልወና ዝኽእል፧

ብዘይ ነውሪ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ምቕራብ እንታይ ማለት እዩ፧

ኣብ ቁጽሪ 25 እንታይ ባህርያት ኣምላኽ እዩ ተጠቒሱ ዘሎ፧

## ርእሰ-ገምጋም

1. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኽሪ ጽሓፋ።

________________________________________________

________________________________________________

________________________________________________

2. ሜላ ናይ መጽናዕቲ ምዕራፍ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ እንታይ እዩ፧

________________________________________________

________________________________________________

________________________________________________

3. ኣርባዕተ ስጉምትታት ናይቲ መጽናዕቲ ምዕራፍ ኣገባብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዘርዝር።

________________________________________________

________________________________________________

________________________________________________

________________________________________________

(መልሲ ገምጋምታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።)

# ዝያዳ መጽናዕቲ መጽናዕቲ

1. ኣብዚ ምዕራፍ ዝተማሃርካዮ ተጠቒምካ ብዛዕባ 2ይ ጴጥሮስ 2. መጽናዕቲ ግበር እዚ ምዕራፍ እዚ ምስቲ ኣብ ይሁዳ ዘሎ ምዕራፍ ኣብዚ ትምህርቲ ከም ኣብነት ዝተጠቕመሉ ሓደ ኣርእስቲ ዝምልከት እዩ።

ነቲ ኣብ ዝቕጽል ገጽ ዚርከብ ባዶ ናይ መጽናዕቲ ምዕራፍ ተጠቐመሉ። ኣብ መጻኢ ኣብ ምዕራፋት መጽናዕትታት ክትጥቀመሉ እትኽእል ቅዳሓት ናይዚ ቅጥዒ ግበር።

2. ዝርዝር ሕቶታት ካብ 2ይ ጴጥሮስ 2 ግበር እዚ ዝርዝር እዚ ኣብቲ ኣብ ዝቕጽሉ ምዕራፋት ክትመሃሮ ዘለካ ዝያዳ ዝርዝር መጽናዕቲ ሕጡብ-ጽሑፋትን ጥቕስታትን ቃላትን ክሕግዘካ እዩ።

3. ብመጽሓፍቲ ወንጌል ኣንብብ፡ ማቴዎስ፡ ማርቆስ፡ ሉቃስ፡ ዮሃንስ። ንኹሉ እቲ የሱስ ዝሓተቶ ሕቶታት ጽሒፍካ ንኻልኦት ንኽመሃሩ ብኸመይ ሕቶታት ከም እተጠቕመ ተዓዘብ።

## መጽናዕቲ  ምዕራፍ

መጽሓፍ:________________________________________

ምዕራፍ፡________________________________________

ኣርእስቲ ምዕራፍ፡________________________________________

**ጥቕስታት** **ኣርእስቲ ሕጡብ ጽሑፍ** **ዛዕባ**

________________________________________

________________________________________

________________________________________

________________________________________

________________________________________

________________________________________

# ምዕራፍ ዓሰርተ ሰለስተ
## ዘጽናዕቲ ሕጡብ ጽሑፍ

### ዕላማታት፤

ነዛ ምዕራፍ ምስ ኣንበብካ ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ክትክእል ኢኻ

- መጽናዕቲ ሕጡብ-ጽሑፍ ብኸመይ ከም እትገብር ምግላጽ።
- ናይ ሕጡብ ጽሑፍ መጽናዕቲምግባር።
- መጽናዕትኻ ንምጥቕላል ዝሕግዝ ናይ ሕጡብ ጽሑፍ ቻርት ምፍጣር።
- ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ንዘሎ ሕጡብ-ጽሑፍ ምስፋር።

### መሪሕ ጥቕሲ

> ***"ምኽፋል ቃልካ የብርህ፣ ንገርህታት ኣእምሮ ይሀብ።"** (መዝ 119:130)*

### መእተዊ

ንሓንቲ መጽሓፍ መጽሓፍ ቅዱስ ብኸመይ ከም እትምርምሮን ኣብ ውሽጢ እታ መጽሓፍ እቲኣ ንዘሎ ምዕራፍ ብኸመይ ከም እተጽንዖን ተማሂርካ ኣለኻ። ምዕራፍ ምስ ኣጽናዕካያ ኣብ ሕጡብ-ጽሑፋት መቒልካያ። ሕጂ ነቲ ሕጡብ-ጽሑፋት ብኸመይ ከም እተጽንዖ ኽትመሃር ኢኻ። ኣብነት ናይ ሕጡብ ጽሑፍ መጽናዕቲ ተዋሂቡካ ከምዚ ዓይነት መጽናዕቲ ንክትገብር ዕድል ኣብቲ "ዝያዳ መጽናዕቲ መጽናዕቲ" ዝብል ክፋል ናይዚ ትምህርቲ ተዋሂቡካኣሎ።

### ሕጡብ ጽሑፍ መጽናዕቲ

### 1ይ ስጉምቲ፣ መጽናዕቲ ምዕራፍ ግበር፡

ከምቲ ዝተማሃርካዮ፡ ነፍሲ ወከፍ ምዕራፍ መጽሓፍ ቅዱስ ብሕጡብ-ጽሑፋት ዝቆመት እያ። ሕጡብ- ጽሑፋት ብዛዕባ ሓደ ኣርእስቲ ዝዛረቡ ጉጅለታት ጥቕስታት እዮም። እቲ ኣርእስቲ ምስ ተቐየረ፡ ሓድሽ ሕጡብ-ጽሑፍ ይጅምር። ሓደ ምዕራፍ ከተጽንዕ ከለኻ ንሓድሕዶም ዝዛመዱ ዝመስሉ ኣገደስቲ ሕጡብ-ጽሑፋት ወይ ሕጡብ-ጽሑፋት ከተስተብህል ኢኻ። እዚኦም ንመጽናዕቲ ሕጡብ ጽሑፍ ዝኸውን ተኽእሎታት እዮም።

### ካልኣይ ስጉምቲ፣ ዝርዝር ነገራት ተዓዘብ፡

ኣብ ሓደ ምዕራፍ ዘርከባ ሕጡብ-ጽሑፋት ብዝተፈላለየ መገዲ ኺዛመዳ ይኽእላ እየን። ሕጡብ-ጽሑፋት ከተጽንዕ ከለኻ ክትዕዘቦ ዘለካ ፍሉይ ነገራት እነሆ፤

### ኣዛመድቲ፤

"ኣዛመድቲ" ዝበሃሉ ቃላት ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም። ኣብ ውሽጢን ኣብ መንጎን ሕጡብ-ጽሑፋት ዘሎ ዝምድናታት ይገልጹ። "ግን" ዝብል ቃል ኣዛማዲ ኮይኑ ንጽጽር ዘተኣታቱ እዩ።ንኣብነት:

> ***"እዚኣቶም ግና ነቲ ዘይፈልጥዎ ይጸርፍዎ፡ በቲ ብባህርዮም ከምቶም ኣእምሮ ዘብሎም እንስሳታት ገይሮም ዚፈልጥዎ ብእኡ ነቲ ርእሶም የጥፍእዎ ኣለዉ።"** (ይሁዳ 1፡10)*

እዛ ጥቕሲ "ግና" ብዝብል ቃል ትጅምር እዚ ድማ ንድሕሪት ተመሊስካ ናብ ጥቕሲ9 ክትጥምት ዝግበኣካ ንጽጽር እንታይ ምዃኑ ንምርኣይ፤

*“ሚካኤል፡ እቲ ሊቀ መልኣኽቲ፡ ግና ብዛዕባ ስጋ ሙሴ ምስ ድያብሎስ እናተኻራኸረ ምስ ተማጕተ፡ እግዚኣብሄር ይግናሕኻ፡ ደኣ በሎ እምበር፡ ፍርዲ ጸርፊ ክዛረብ ኣይደፈረን።” (ይሁዳ 1፡9)*

ቍጽሪ 10 ኑቶም ብዛዕባ ክብሪ ክፉእ ዚዛረቡ ናይ ሓሶት መምህራን ምስቲ ሊቀ መላእኽቲ ሚካኤል እተነጻጸረ እዩ። ዓቢ ቦታ እኳ እንተነበሮ ንዲያብሎስ ኣይከሰሶን ፡ "እግዚኣብሄር ይግንሓካ" ደኣ በሎ። "ወይ" ዝብል ኣዛማዲቃል ንጽጽር የመልክት። ንኣብነት:

*ኣምላኽሲ ንዅሉ ግብርን ንሕቡእ ነገር ዘበለን፡ ሰናይ ኩን ወይስ እኩይ፡ ናብ ፍርዲ ኼምጽኦ እዩ። (መክ* 12 ፡ 14)

ካልኦት ክትከታተሎ ዘለካ ኣዛማዲ ቃል "ከም" እዩ። ኣብ ክንዲ ንጽጽር እዞም ቃላት ኣብ መንጎ ነገራት ምውድዳር ዘርእዩ እዮም። ንኣብነት ኣብዚ ዝሰዕብ ጥቕሲ ሰይጣን ምስ ኣንበሳ ይወዳደር ኣሎ፤

*“ድያብሎስ፡ እቲ መጻርርትኹም፡ ዚውሕጦ ደልዩ ኸም ዚጓዝም ኣንበሳ ኹይኑ ይዘውር ኣሎ እሞ፡ ተጠንቀቑ፡ ንቕሑ።”* (1ጴጥ 5፡8)

"ውን" ዝብል ቃል ካልእ ኣዛማዲ እዩ። ነቲ ቀድሚ ሕጂ ዝተገልጸ ድማ ይውስኸሉ፤

*“ምስናይዚ ኸኣ እዚኣቶም ከምኡ ገይሮም ብሕልሞም ንስጋኦም የርክስዎ፡ ንጕይትነት የቃልሉ፡ ንመዓርጋት ክብሪውን ይጸርፉ ኣለዉ።” (ይሁዳ1፡8)*

"እንተ" ዝብል ቃል ቅድመ ኩነት ዘለዎ ኣበሃህላ የተኣታቱ። ብዙሓት ናይ ብሉይ ኪዳን ተስፋታትን ትንቢታትን ብኸምዚ ተገሊጾም ኣለዉ። እግዚኣብሄር እንታይ ከም ዝገብር ይነግሩ (ኣብቲ ቅድመ ኩነት) ህዝቡ ውሱን መልሲ እንተሂቦም፤

*እዚ ብስመይ እተሰምየ ህዝበይ ከኣ ትሕት እንተ በለ፡ እንተ ለመነ፡ ገጸይውን እንተ ደለየ፡ካብ ክፉእ መገዱ ድማ እንተ ተመልሰ፡ ሽዑ ኣነ ኻብ ሰማይ ክሰምዕ እየ፡ ሓጢኣቶም ከኣ ይቕረ ኽብለሎም፡ ምድሮምውን ክፍውሰሎም እየ። (2ይ ዜና መዋእል 7፡14)*

"እቲ" ዝብል ቃል ዕላማ የቐምጥ። ሓደ ነገር "ሓደ ዝተወሰነ ዕላማ ንኽፍጸም" ከም ዘጋጠመ ይነግር፤

*እቲ ብነብያት፡ ናዝሬታዊ ኺበሃል፡ እተባህለ ምእንቲ ኺፍጸም፡ ናዝሬት ናብ እትበሃል ዓዲ መጺኡ ተቐመጠ። (ማቴዎስ 2 ፡ 23)*

"ንምኽንያቱ፡ ምኽንያቱ፡ ስለዚ" ዝብሉ ኣዛመድቲ ቃላት እውን ተኸታተሉ። እዘን ቃላት እዚኣተን ምኽንያታትን ውጽኢትን ዘተኣታቱዋ እየን፤

*ብዙሓት ህዝቢ ምስ ረአየ፡ ሓላዊ ኸም ዜብለን ኣባጊዕ፡ ግፉዓትን ፋሕ ዝበሉን ነበሩ እሞ፡ ደንገጸሎም። (ማቴዎስ 9 ፡ 36)*

"ኣብ፡ ናብ፡ ምስ" ዝብሉ ቃላት እውን ኣገደስቲ ኣዛመድቲ እዮም። ኣብ መንጎ ኣምር ዘሎ ዝምድናታት እውን ይሕብሩ፤

*ንባሕሪ ንቑጽ ምድሪ ገይሩ ለወጦ፡ንወሓዚ በእጋሮም ሰገርዎ፡ሽዑ ብእኡ ተሐጐስና። (መዝ 66:6)*

**ሓፈሻዊ ኣቃውማ፤**

ሕጡብ-ጽሑፋት ከተጽንዕ ከለኻ፡ ኣቀማምጣ ሓሳባትን እተን ጥቕስታት ኣብ ነንሕድሕደን ብኸመይ ከም ዝዛመዳን ተዓዘብ። ሓደ ሓደ ግዜ ደራሲ ሓፈሻዊ መግለጺ ይህብ፡ ድሕሪኡ ብኣብነታት ይገልጾ። ካልእ ግዜ ድማ ተኸታተልቲ ሓሳባት ይዝርዝር ድሕሪኡ ብሓፈሻዊ ኣበሃህላ የጠቓልል።

ኣብቲ ዳሕራይ ኣብዛ ምዕራፍ እዚኣ እተዋህበ ኣብነት፡ ይሁዳ ናይ ሓሶት መምህራን ባህርያት ዘርዚሩ ሓያሎ ሕጡብ-ጽሑፋት ከም ዝጸሓፈ ኽትፈልጥ ኢኻ። ቀጺሉ ነቲ ዝምህሮ ዝነበረ ዘርኢ ኣብነታት ብሉይ ኪዳን ኣቕረበ።

## ምድግጋማት፤

ነፍሲ ወከፍ ቃል መጽሓፍ ቅዱስ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተበገሰ እዩ። ቃላት ወይ ሓረጋት ክድገሙ ከለዉ ብፍላይ ኣገደስቲ ስለዝኾኑ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ነቶም ጸሓፍቲ ቃላትን ሓረጋትን ኣብ ዘኽርኻ ንምስራጽ ክደግሙ ኣነቓቒሕዎም እዩ።

"ብሓቂ ብሓቂ" ዝብላ ቃላት ናይዚ ኣብነት እየን። የሱስ ንሓደ መግለጺ በዚ ቃላት ክቕድም ከሎ ከም ሓደ ኣዋጅ "በጃኻ ኣቓልቦኻ ይግበረለይ። ኣገዳሲ ኣዋጅ ኣለኒ" ዝበለ እዩ ነይሩ። ዝኾነ ይኹን ተደጋጋሚ ቓላት፡ ሓረጋት ወይ ጥቕስታት ብዝርዝር ኣጽንዮ።

## ሕቶታትን መልስን፤

ንሕቶታትን መልስታትን መጽሓፍ ቅዱስ ምዕዛብ እውን ኣገዳሲ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ሓደ ደራሲ ንሓደ ኣርእስቲ ሕቶ ብምሕታት ከላልዮ እዩ። ብድሕሪኡ ነዚ ሕቶ እዚ ክገልጾን ምስቲ ሕቶ ዝምለስ መልሲ ክህብን እዩ። ናይዚ ጽቡቕ ኣብነት ሮሜ 6 ምሉእ ምዕራፍ ኣንብብ። ኣብ ቍጽሪ 1-3 ዘሎ ሕቶታትን ኣብ ምሉእ እቲ ምዕራፍ እተማዕበለ መልስታትን ኣስተብህል።

## መእተዊታት፤

ነቲ ኽስዕቦ ዚግብኦ ኣርእስቲ ዜላልይ ሕጡብ-ጽሑፋት ተጠንቀቕ። ንኣብነት ኣብታ ኣብ መወዳእታ ምዕራፍ ዘጽናዕካያ መጽሓፍ ይሁዳ ቁጽሪ 3 ነቲ ዝስዕብ ትምህርቲ ተላልዩ ኣሎ፤

> ***ኣቱም ፍቁራተይ፡ ብዛዕባ ሕብረት ምድሓንና ብኹሉ ቕንኣት ክጽሕፈልኩም ምስ ደሌኹ፡ በታ ሓንሳእ ንቕዱሳት እተዋህበት እምነት ክትጋደሉ ጽሒፈ ኽመኽረኩም፡ ናይ ግዲ ኹነኒ። (ይሁዳ 1፡3)***

እዛ መእተዊ ሕጡብ ጽሑፍ እዚኣ፡ ዕላማ ጽሑፉ ትገልጽ። ንሓቀኛ እምነት ብትግሃት ክቃለሱ ይምዕዶም ኣሎ። ዝተረፈ ክፋል ናይታ ምዕራፍ ነዚ ምዕዳን እዚ ምኽንያታት ይህብ። ካብታ ሓቀኛ እምነት ክመልስዎም ዝፍትኑ ዘለዉ ናይ ሓሶት መምህራን ናብ ቤተ ክርስቲያን ሶሊኾም ይኣትዉ ኣለዉ።

## ጽማቕን መደምደምታን፤

ንሓደ ምሉእ ክፍሊ፡ ምዕራፍ፡ ወይ ንሓደ መጽሓፍ ከይተረፈ ብሓጺሩ ዚገልጽ ሕጡብ-ጽሑፋት ንቑሕ ኩን። ንኣብነት መጽሓፍ መክብብን ብምሉኡ መጽሓፍ ብሓጺሩ ዝገልጽ ሓንቲ ጥቕሲ ዝሓዘት እያ። ኣብ መክብብ ጸሓፊ ካብ ኣምላኽ ተፈልዩ ህይወት ንምርካብ ዝገበሮ ምድላይ ገሊጹ ኣሎ። ናይ መወዳእታ መደምደምታኡ ድማ፤

> ***መፈጸምታ ኹሉ እቲ ነገር ንስማዕ፡ እዚ ናይ ሰብ ኩለንትና እዩ እሞ፡ ንኣምላኽ ፍርሃዮ፡ ንትእዛዛቱውን ሓልዎ። ኣምላኽሲ ንኹሉ ግብርን ንሕቡእ ነገር ዘበለን፡ ሰናይ ኩነ ወይስ እኩይ፡ ናብ ፍርዲ ኼምጽኦ እዩ። (መክ 12 ፡ 13-14)***

### ምዕባለታት ኣብ ኣተሓሳስባ፤

ሕጡብ-ጽሑፋት ከተጽንዕ ከለኻ፡ ኣብ ኣተሓሳስባ ዝመጽእ ምዕባለታት ተጠንቀቕ። ነዛ እትስዕብ ሕጡብ-ጽሑፍ ኣስተውዕል፤

*ንስኻትኩም ብሓይሊ ኣምላኽ ብእምነት ነቲ ብዳሕራይ ዘመን ኪገሀድ ዘለዎ እተዳለወ ምድሓን ተሐሊኹም ኣሎኹም። እቲ ምፍታን እምነትኩም ብምግሃድ የሱስ ክርስቶስን ንምስጋናን ስብሓትን ክብርን ብሓዊ ኻብ ዚኹላዕ ሓላፊ ወርቂ ኣዝዩ ኸቢሩ ምእንቲ ኺርከብ፡ እንተ ኣድለየስ፡ ሕጂ ኸቢሩ ብብዙሕ ዝዓይነቱ ገምጋም ምስ ጉሄኹም፡ ብእኡ ኽትሕጎሱ ኢኹም። ነዚ ኸይርኤኹምዎ እተፍቅርዎ፡ ሕጂውን ከይርኤኹምዎ ብእኡ እትኣምኑ ዘሎኹም፡ ነቲ መደምደምታ እምነትኩም፡ ንሱ ድማ*

*ምድሓን ነፍሳትኩም፡ ምስ ረኺብኩምዎ፡ ብዘይንገርን ክቡርን ሓጐስ ትሕጐሱ ኢኹም። እቶም ብዛዕባ እቲ ንኣኻትኩም እተመደበ ጸጋ እተነበዩ ነብያት ብዛዕባ እዚ ምድሓን እዚ ደለዩን መርመሩን፡ (2ይ ጴጥሮስ 1፡5-9)*

ኣብዚ ክፍሊ ርጉጽ ምዕባለ ኣሎ። ሓደ ነገር ኣብ ካልእ ክንውሰኽ ኣሎና ክሳብ ፍረ ንኸውን።

### ስነ-ጽሑፋዊ ቅርጺ፥

ስነ-ጽሑፋዊ ቅርጺ፥ ሓደ ክፍሊ ብኸመይ ከም ዝጽሓፍ የመልክት። ገለ ክፍልታት ብመልክዕ ትረኻ ወይ ዛንታ እዮም። እዚ ማለት ከም ዛንታ ዘንብቡ ማለት እዩ። ካልኦት ሕጡብ-ጽሑፋት ከምቲ ኣብ መጽሓፍ መዝሙር ዘሎ ክፍልታት ብግጥማዊ መልክዕ (ግጥምታት) እዮም። ገለ ሕጡብ-ጽሑፋት ምሳሌታት ኮይኖም ንሓደ መንፈሳዊ ሓቂ ዘርእዩ ሓጸርቲ ዛንታታት እዮም። ገሊኡ ሕጡብ-ጽሑፋት ብድራማዊ መልክዕ እዩ ዘሎ። ንኣብነት መዝሙር ሰሎሞን (መሃልየ መሃልየ ) ድራማዊት ኲይና ግጥማዊ መልክዕ ዝሓዘት እያ። ዲስኩር ከም ሓደ ስብከት እዮም። ብዛዕባ ሓደ ዛዕባ መሪሕነት ዝህቡ እዮም።

### ቀንዲ ቃላት፤

ቐንዲ ቓላት ምልላይ፥ ትርጉም ሓደ ሕጡብ-ጽሑፍ ንምርዳእ ይሕግዘካ። ቀንዲ ቃላት ማለት ንትርጉም ሓደ ሕጡብ-ጽሑፍ ኣገደስቲ ዝኾኑ እዮም። መብዛሕትኡ ግዜ ዝድገሙ ቃላት እዮም። ብፍላይ ዘይርድኣካ ቀንዲ ቃላት ኣስተውዕል። እዞም ቃላት እዚኣቶም ኣብ መጽናዕቲ ቃላት ከጽንዕዎም ይኽእሉ እዮም። (እዚ ከመይ ጌርካ ከም እትገብር ኣብዚ ኮርስ ድሒርካ ክትመሃር ኢኻ) ። ንኣብነት ነዛ እትስዕብ ጥቕሲ ኣንብብ፤

*ገለ ሰባት ካብ ቀደም ነዚ ፍርዲ እዚ እተጻሕፉ፥ ፍርሃት ኣምላኽ ዜብሎም፡ ነቲ ጸጋ ኣምላኽና ናብ ርኽሰት ዚልውጥዎ፡ነቲ ሓደ በይኑ ገዛእን ጐይታናን የሱስ ክርስቶስ ዚኽሕድዎ፡ ሰሉኾ ኢሎም ኣትዮምኹም ኣለዉ። (ይሁዳ 1፡4)*

"ርኽሰት" ዝብል ቃል እንታይ ማለት ምዃኑ ትፈልጡ ዶ፧ ንሓሶት መምህራን ስለ እትገልጽ ኣብዚ ሕጡብ ጽሑፍ ኣገዳሲት ቃል እያ። ሓደ ካብቲ ባህርያቶም ንጸጋ ኣምላኽ ናብ ርኽሰት ቀይሮምዎ ምህላዎም እዩ። እዛ ቃል እዚኣ ኣብነት ናይ ሓንቲ ክትጽናዕ ዘለካ ቀንዲ ቃል እያ።

### ህንጸት ሰዋስው፤

"ሰዋስው" ዝብል ቃል ንሓረጋትን ሕጡብ-ጽሑፋትን ንምፍጣር ብሓባር ዝሰማምዑ ክፋላት ዘረባ ወይ ቃላት የመልክት። ግሲ ዝበሃሉ ቃላት ተጠንቀቑ። እዚኦም ሓደ ሰብ ኣብ ዝሓለፈ ዝገበሮ፡ ኣብ ህሉው እዋን ዝገብሮ ዘሎ፡ ወይ ኣብ መጻኢ ዝገብሮ ነገር ዝገልጽ ተግባር ዘርእዩ ቃላት እዮም። ኣብ ትእዛዛት እውን ይጥቀሙ እዮም፤

*በሎም ድማ፡ ናብ ኲላ ዓለም ኪዱ፥ ንብዘሎ ፍጥረት ከኣ ወንጌል ሰበኹሉ።*
*(ማር 16፡15)*

"ኪዱ"ን "ስበኹሉ"ን ዝብሉ ቃላት ናይ ተግባር ቃላት እዮም። ግሲታት እዮም። ንዓና ድማ ክንእዘዞም ዘሎና ትእዛዛት እዮም። ስም ማለት ንሓደ ሰብ፡ ቦታ ወይ ነገር ዝጽውዕ ቃል እዩ። ኣብ ታሕቲ ብዓቢ ፊደል ዘለዉ ቃላት ኣስማት እዮም፤

*ይሁዳ ባርያ የሱስ ክርስቶስን ሓው ያእቆብን፡ ናብቶም ጽዉዓት፥ ብእግዚኣብሄር ኣቦና ፍቁራትን ንየሱስ ክርስቶስ እተሐለዉን፡ (ይሁዳ 1፡1)*

ኣስማት መንን እንታይን ከም ዝሳተፍን እቲ ተግባር ኣበይ ከም ዝተፈጸመን ይሕብሩ። ተውላጠ ስም ንሓደ ስም ዝትክእ ወይ ደው ዝብል ቃል እዩ። "ንሱ"ን "ንሳ"ን ዝብሉ ቃላት ኣብነት እዮም። ኣብ ክንዲ "መንፈስ ቅዱስ ንይሁዳ ነታ መጽሓፍ ንኽጽሕፋ ኣነቓቒሕዋ" ክትብል ትኽእል ኢኻ "መንፈስ ቅዱስ ንመጽሓፍ ንኽጽሕፍ ንእኡ ኣነቓቒሕዎ" ክትብል ትኽእል ኢኻ። "ንእኡ" ዝብል ቃል ንይሁዳ ዝብል ስም ዘውክል ተውላጠ ስም እዩ።

ቅጽላት ንቅጽላት ንኣገደስቲ ክፋላት ዘረባ እውን እዮም። ቅጽላት ብዛዕባ ግሲ ገለ ነገር ይነግሩ እዮም። ሓደ ነገር ከመይ ከም ዘጋጠመ ይነግር። ንኣብነት ኣብቲ "ቀልጢፉ ኅየየ" ዝብል ሓረግ "ቀልጢፉ" ዝብል ቃል ከመይ ከም ዝኀየየ ስለ ዝሕብር ቅጽል

እዩ። ቅጽል ስም ወይ ተውላጠ ስም ይገልጽ። "ይሁዳ ነዊሕ እዩ ነይሩ" እንተ ኢልና "ነዊሕ" ዝብል ቃል ንይሁዳ ዝገልጽ ቅጽል እዩ።

